# ኣብ ክሊ ዕድመ 3-4 ዓመት ንዝርከቡ ህፃናት ንምምሃር ዝተዳለወ ሓጋዚ መፅሓፍ መምህር

## ክፍሊ 1. መሰረታዊ ሓሳባት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ

### 1.1. መእተዊ

ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ካብ 3-4 ዕድሚኦም ህፃናት ክዓብዩን ክምዕብሉ/ ክጉልብቱን ነቲ ደረጃ ዕድመ ዝመጣጠን ሓገዝ ክግበረሎም ይግባእ። ህፃናት ብዛዕባ ከባቢኦም ክመሃሩን መረዳእታ ክእክቡ ዝኽእሉ ስምዒት ኣካለቶም ተጠቒሞም እዩ።ዝተፈላለዩ ተግባራዊ ምንቅስቓሳት ክገብሩን ከባቢኦም ብምፍታሽ ክመሃሩን ናይ ምንቅስቓስ ነፃነት ክህልዎም ይግባእ። ምስ ናውቲ ብዝህልዎም ርክብ ናይ ነገራት እንታይነት ክስተውዕሉን፣ኣብ መንጎ ነገራት ዘለ ሓድነት ኣፈላላይን ግንዛበ ክህልወም፣ ነገራት ናይ ምትሓዝ፣ ናይ ምጭባጥ፣ናይ ምንክብላል፣ናይ ምድርባይ ፣ናይ ምልዓል፣ናይ ምኽፋት ፣ ናይ ምዕፃው፣ ናይ ምፍታሕ ፣ናይ ምግጣም ወዘተ ዕድል ክረኽቡ ምግባር ኣድላይ እንትኾውን ነዚ እውን ከባቢ ምምዕርራይ የድሊ።

ኣብ ላዕሊ ብሓፂሩ ዝተቐመጠ ሓቂ ዝተገንዘባ ሃገራት ካብ 3-4 ዓመት ዘለው ህፃናት መርሃ ትምህርቲ ብምቅራፅን መዐቀንታቱ ኣቀሚጥካ ብምንቅስቃስ ናይ ህፃናት ድልውነት ትምህርቲ ከማሓይሹ ኪኢሎም እዮም።ኣብ ሃገርናእውን ሚኒስቴር ትምህርቲ ካብ 3-4 ዓመት ዘለዎም ህፃናት ጠመተ ብምሃብ ዘዳለዎ መርሃ ትምህርቲ እንተሃለወእውን  ክፍፀሙ ዝግበኦም ተግባራት ብኣግባቡ ንምፍፃም ንመምህራን ክሕግዝ ዝኽእል እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ተዳልዩ ኣሎ።

እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ መርሃ ትምህርቱ ብምስዓብ ኣብ ልዕሊ ሓሙሽተ ጭብጥታት ጠመተ ብምሃብ ቡብብርኩ ህፃናት ክበፅሖ ዝግበኦምን ትፅቢት ዝግበረሎም ብቕዓትን ውፅኢትን የመላኽት እዩ። እዚ መፅሓፍ ብቀሊሉ ንምጥቃም ናይ ተግባር፣ ናይ ዒላማ፣ ኣጠቓቕማ ናውቲ መምሃሪ መስተምሃርን ሜላ ኣተገባብሮኦን ተሓቢሩ እዩ። ብተወሳኺ እውን ነናይ ተግባሩ ተፍታሽን ኣጠቓላሊ መገምገሚ ቅጥዕታት ተማሊኡ ቀሪቡ እዩ።

> ቀንዲ ዕላማ ቅድመ ኣፀደ ህፃናት ምሕላው ጥዕና ህፃናትን ከምእውን ብኣካል፣ ብኣእምሮ፣ ብማሕበራዊ ህይወትን ብስምዒታዊ ምንቅስቓሶምን ኣብ ዕድሜኦም ክበፅሕዎ ዝግባእ ብርከታት ምዕባለ ንክበፅሑ ብምሕጋዝ ንኣፀደ ህፃናት ምድላው ክኾውን ይግባእ።

### 1.2. እንታይነት ቅድመ ኣፀደ ህፃናት

ቅደመ ኣፀደ ህፃናት ዕድሜኦም ካብ 3-4 ዓመት ዝርከቡ ህፃናት ብኣግባቡ ብምክንኻንን ነንባዕሎምን ምስ ዓበይቲ ሰባትን ርክብ ብምፍጣር ማሕበራዊ ርክቦም ንክማዕብሉ፣ ከባቢኦም ክለማመዱ፣ ጥዕነኦም ንክሕለውን ቡብደረጀኦም ዓርሶም ኪኢሎም ዝተፈላለዩ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ብምፍፃም ክህሎት ህይወት ክለማመዱ ብምግባር ንትካል ኣፀደ ህፃናት ዘዳልው እዩ። ኣብዚ ትካል ኣትዮም ናይ ምስታፍ ዕድል ዝረኸቡ ህፃናት ካብ ኣብ ገዛኦም ዝውዕሉ ህፃናት ዝሓሸ ንቅሓትን ናይ ተግባር ተሳፍቲ ከምዝኾኑ እሙን እዩ። ዋላ እኳ ንሕድሕድ ህፃን ናይ ህይወት ስብእና ወሳኒ ወላዲ እንተኾነ ምስ ወላዲ ብሓባርን ተኣሳሲርካን ብምስራሕ ህፃናት ንፈለማ ግዘ ናብቲ ትካል እንትኣትዉ ብቀሊሉ ክለማመዱን ክጥቀምሉን ምግባር ይግባእ።

ብኣጠቓላሊ ካብ 3-4 ዓመት ዕድመ ክሊ ዘለዉ ህፃናት ንቀፃላይ ብርኪ ምድላውን ወሳናይ ግዘ ስለዝኾነ ስዒቦም ዝቐርቡ ዋኒናት ጠመተ ብምሃብ ክስረሑ ይግባኦም እዩ።

- ኩለ መዳይ ምዕባለ ስብእና ህፃናት መሰረት ዝገበረ ተግባራት ምስራሕ
- ዝውዕልሉ ከባቢ ብቀሊሉ ክለምድዎን ክሕጎስሉን ዝኽእሉ ገይርካ ምምችቓው
- ንምዕባለ ምንቅስቓስ ኣካልን ብምሃብ መሰረታዊ ምንቅስቓሳት፣ ባዕልኻ ብስርዓት ናይ ምሕላው ክህሎት ንክለማመዱ ምቹዊ ኩነታት ምፍጣር
- ኣካላት ስሚዒቶም ተጠቒሞም ከባቢኦም ክፈልዩ፣ ክርደኡን ክፈልጡን ኩነታት ምምችቓው
- ዓርሶም ክኢሎም ናይ ምፅዋት፣ ከባቢኦም ናይ ምስትውዓልን ምፍታሽን ዕድል ክህልዎም ምግባር
- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ዝህልዎም ርክብ ብቅንዕና ክርእይዎ ምሕጋዝ
- ኣብ ምህዞታት ምምሃዝ ክሳተፉን ስምዒቶም ክገልፁን ዓቕሞም ከማዕበሉን ምግባር የድሊ።

## 1.3. ጠመተ ዘድልዮም ነጥብታት ኣብ ኣተዓባብያን ትምህርትን ቅድመ ኣፀደ ህፃናት

1. ህፃናት ከማዕብልዎ ዝግባእ ስብእና ኩለመዳያዊ ምዕባለ እዩ። እዚ ማለት ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ቋንቋ፣ ማሕበራዊን ስምዒታዊን ከምእውን ናይ ፈጠራ ክእለት ምዕባለኦምእውን ያመላኽት እዩ።

2. ኩሎም ህፃናት ዘመሳስልዎም ነገራት እንትህልዎም ሕድ ሕድ ህፃን ድማ ዝተፈለየ ምኳኑ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።ብተወሳኺ ድማ ፍሉይ ተውህቦን ክእለትን ዘለወም ህፃናት ክህልዉ ከምዝኽእሉ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።
3. ህፃናት ተመሳሳሊ ብዝኾነ ምዕባለን ብርኪ ዕቤትን ዝሓልፉ/ዝሳገሩ እኳ እንተኾነ ሕድ ሕድ ህፃን ናይ ባዕሉ ዝኾነ ቅልጣፈ ዕብየት ከምዘለዎ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።
4. ህፃናት ብዛዕባ ከባቢኦም ግንዛበ ዝፈጥሩ ብኣካላዊ ስምዒቶም ስለዝኾነ ኣካላዊ ስምዒቶም ተጠቂሞም ከባቢኦም ክግንዘቡ ምትብባዕ ኣድላይ እዩ።
5. ህፃናት ብንቅሓት ብምስታፍ ከባቢኦም ይርእዩ፣ ይድህስሱ፣ ነገራት የዘምዱ፣ ካብዚ ብምብጋስ ድማ ፀገም ፈተሕቲ ንምኳን ይለማመዱ፣ ስለዚ ናይ ምንቅስቓስ ነፃነት ክህልዎምይግባእ።
6. ህፃናት ሓደሽቲ ነገራት ዝምሃሩ ብምፍታን፣ ብምግጋይን ብምእራምን ስለዝኾነ ባዕሎም ክኢሎም ሓደ ሓደ ንጥፈታት ንክሰርሑ ዕድል ክወሃቦም ይግባእ።
7. ፀወታ ናይ ህፃናት ምምሃር ድሌትን ዝንባለን ወሳኒ ስለዝኾነ ግቡእ ጠመተ ክውሃቦ ይግባእ ።
8. ህፃናት ዝበለፀ ዝምሃሩ ምስ ዓቕሞም ዝተመጣጠነን ብባዕሎም ዝካየድ ንጥፈታት ስለዝኾነ ሓገዝ ኣብ ዝደልይሉ ግዘ ምሕጋዝ ግቡእ እዩ።
9. ህፃናት ምስ ከባቢኦም ዝፈጥርዎ ርክብ ንዕቤቶምን ምዕባለኦምን ኣገዳሲ ስለዝኾነ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ።

**1.4.** ምምዕባልን ምልዋጥን ባህሪ ካብ **3-4** ዓመት ዘለዉ ህፃናት

- ኣብዚ ዕድመ እዚ ህፃናት ናይ ኣካላዊ ምንቅስቓሶምን ምዕባልኦምን እንዳተመሓየሸ ስለዝመፅእ ሓደሓደ ንጥፈታት/ተግባራት ባዕሎም ክኢሎም ምንቅስቓስ ይጅምሩ።
- ምስ ካልኦት ሓቢርካ ምፅዋት፣ ዘለዎም ነገራት ምምቓልን ተራኻ ሓልይካ ምፅዋት ምልምማድ ይጅምሩ።
- ባህሪ መሓዛ ዕድሜኦም ብምርኣይ ምቕዳሕን ምትግባርን ይጅምሩ።
- ናይ ሓሳብ ፀወታ ምፅዋት እንዳሓጎሰዎም ይምፅእ።
- ንምንታይ? ከመይ? ዝኣምሰሉ ሕቶታት ምሕታት ይጅምሩ።
- ዛንታታት ብምድማፅ ሰዒቡ እንታይ ከምዝኸውን ንምግማት ፃዕሪ ይገብሩ።
- ንዓበይቲ ሰባት ብድሌቶም ምሕጋዝ ይደልዩን ዕድል እንተረኺቦም ድማ ኩርዓት ሓበንን ይስመዖም።
- መሰረታዊ ሕብርታት ይፈልዩ።

- ኣብ እዋን ዝርርብ ገለፃቲ ቃላት ምጥቃም ይጅምሩ።
- ሓፀርቲ መልእኽቲታት ምምሕላፍ ይኽእሉ።
- ኣብ ሓደ ንጥፈት ንውሕ ዝበለ ግዘ ናይ ዘይምፅናሕ ኩነታት ይረአዮም።

## **1.5.** ተሳትፎ ወለዲ ኣብ ትምህርትን ኣተዓባብያን ህፃናት

ወለዲ ኣብ መጀመርያ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ስምዒታውን ማሕበራውን ድሌታት ህፃናት ኣብ ምምላእ ዝለዓለ ግደ እንትህልዎም እቶም ናይ መፈለምታ መምህራኖም ድማ ኣብ መፃኢ ህይወቶም ፈጠርቲ ፅዕንቶ እዮም። መምህራን ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ንህፃናት ሓብሒቦምን ተኸናኺኖምን ንመፃኢ ህይወቶም ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ክኣትዉ ዘዳልዎምን እንትኾኑ ሓላፍነቶም ብኣግባቡ ክዋፅኡ ግና ምስ ወለዶምን መዕበይቶምን ሓቢሮም ክሰርሑ ይግባእ ።

ወለዲ ምስ ቅድመ ስሩዕ መምህራን እንድሕር ድኣ ሓቢሮም ሰሪሖም ህፃናት ብትምህርቶ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ መፃኢ ህይወቶም እዉን ዕዉታት፣ ብዓርሶም ዝተኣማመኑ፣ ብዝዕባ ባዕሎም ኣውነታዊ ኣተሓሳስባ ባህርን ዘማዕብሉ ይኾኑ። ከምኡዉን ፅቡቅ ማሕበራዊ ርክብ ብምፍጣር ሕጉሳት ይኾኑ። ወለዲ እዉን ምስ መርሃ ግብሪ ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ይላለዩ፤ ምስ ካልኦት ወለዲ ተሞክሮ ይለዋወጡ፤ ንውላዶም ኣብ ከይዲ ዕብየቶም ኣደላዪ ድጋፍን ክትትልን ስለዝገብሩ ሕጉሳት ይኾኑ። ካብዚ ብተወሳኺ ልዕሊ ዓቕሚ ኣብ ዘጋጠሙ ፀገማት፣ ነቶም ፀገማት እዋናዊ መፍትሒ ንክህቡ ዕድል ይፈጥረሎም።

መምህራንን ወለድን ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ንህፃናት ኣብ ምሕብሓብን ምምሃርን ስራሕ ኣብ ጐድኖም ኰይኖም ብሓባር እንተሰሪሖም ዕዉታትን ሕጉሳትን ከምዝኾኑ ይእመን። ብዝዕባ እቲ ህፃን ዘርእዮ ምዕባለ እኹል ሓበሬታ ይረኽቡ። ከምኡ 'ዉን ወለዲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ተሳተፍቲ ብምዃኖም ብሓሳብ፣ ብፍልጠት፣ ብጉልበትን ናውትን ደጋፍ ክረኽቡ የኽእሎም።

መፅናዕቲታት ወለዲ ይኹኑ መዕበይቲ ምስ መምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ሓበራዊ ስምምዕነት ብምፍጣር ማዕልታዊ ምንቅስቓስ እቲ ህፃን ዝከታተሉ እንተኹይኖም ሰለስቲኦም ኣካላት ማለት ወለዲ፣ ህፃናትን መዕበይት ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ መፅናዕትታት ይሕብሩ።

ስለዚ ወለዲ እዚ ዳግማይ ዘይርከብ ዕድል ብዝግባእ ንምጥቃም ምስ ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ መምህራን ፅቡቕ ዝኾነ ርክብ ብምፍጣር ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ህፃናት ልዑል ተሳትፎ ክገብሩ ትፅቢት ይግበረሎም።

ጠቓምቲ ሓሳባት ተሳትፎ ወለዲ ኣብ ኣተዓባብያ ትምህርቲ ህፃናት

- ወለዲ ኣብ ደቆም ከይዲ ምምሃር ተሳተፍቲ ክኾኑ፣ ደቆም ንፋዓት ተምሃሮ ንክኾኑ ዘርእይዎ ድሌት ብኣግባቡ ምርዳእ/ምግንዛብ
- ወለዲ ደቆም ዝድግፍሉን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝርድእሉን መርሃ-ግብሪ/ ፕሮግራም ምሕንፃፅ
- ምስ ወለዲ ዝራኸብሉ ትካላዊ መስርሕ ምትእትታው፤ ኣብነት ኣብ ምቕባልን ምስናይን ተምሃሮ፣ ብፅሑፍ፣ ብስልኪ ክኸውን ይኽእል።
- ዝተፈላለዩ መዕበዪ ግንዛበ ስራሕቲ ምሕንፃፅ። ኣብነት፡- ብዓል ወለዲ ምክያድ፣ ምይይጥ ጉጅለ ምክያድ፣ ሓፀርቲ ስልጠናታት ወዘተ. ክኸውን ይኽእል፣
- ወለዲ ኣብ ማዕለታዊ ምንቅስቓስ ህፃናት ተሳተፍቲ ንክኾኑ ምልዕዓል፣ ኣብነት፡- ኣብ ስዓት ዕረፍቲ ምስ ደቆም ከፃዉቱ ምግባር፣ ዛንታ/ነበረያ ነበረ ከዘንትዉሎም ምግባር፣ ናብ መዘናግዒ ቦታ ሓቢሮም ክኸዱ ምግባር ወዘተ.
- ወለዲ በቢ ዕለቱ ምስ ደቆም ኣብ ዝግበር ርክብ ብዛዕባ ዝተምሃርዎ ርእሰ ጉዳይ ምይይጥ ምክያድ፣
- ህፃናት በቢ ዕለቱ ዘርእይዎ ምዕባለ ክርድኡ ምግባር፣

ኣብ ዝተፈላለየ መርሃ ግብሪ/ፕሮግራም ዝሳተፉ መምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዋላኳ እንተኾኑ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ሓሳባት ክዉን ክኸውን ግና ግደ ወለዲ ልዑል ምዃኑ ተረዲኦም ህፃናት ኣብ ውዕለኦም እንታይ ዓይነት ተግባራት ከምዝፈፀሙ ክገልፁ፣ ከዘንትዉን ከብራህርሁን ምግባር ካብዚ ብተወሳኺ ምስ ህፃናት ዝፃወትሉን ሓቢሮም ዝሰርሕሉን ስሩዕ ፕሮግራም ብምምችቻው የድሊ።

## 1.6 ኣጠቓቕማ እዚ መፅሓፍ

ኣብዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢት፣ ብቕዓት ትምህርቲ፣ ዒላማ፣ ተግባር፣ ናውቲ ሓገዝቲ ምምሃርን ምስትምሃርን፣ ሜላታት ኣተገባብራ፣ ሓበሬታን ተፍተሽን ዝብሉ ዛዕባታት ትኹረት ንክረኽቡ ምልክታትን ጉሊሆም/ፋርያት ኩይኖም ዝርኣዩ ሓረጋትን ተቐሚጥሎም ኣለዉ። እቶም ምልክታትን ጉሊሆም/ፋርያት ኩይኖም ዝርኣዩ ሓረጋትን ኣብቲ መፅሓፍ ተኻቲቶም ቀሪቦም ኣለዉ። ትርጉም እዞም


ምልክታትን ሓረጋትን ብመምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ክፍለጡ ይግባእ። ትርጉሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

| ምልክት | ብተጠቀምቲ ክፍለጡ ዝግበኦም ሓረጋት |
|---|---|
|  | ትዕቢት ዝግበረሉ ውዕኢት፡- ህፃናት ኣብ ዘተገለፀ ብርኪ ብቕዓት ትምህርቲ እንትበፅሑ ከርእይዎ ዝግባእ ለውጥታት እዮም። |
|  | ብቕዓት፡- ህፃናት ዝተፈላለዩ ተግባራት ብምፍፃም ክበፅሕዎም ዝተደለየ ብርኪ ብቕዓት ዘመልክት እዩ። |
|  | ተግባር፡- ኣብ ሓደ ክፍለ ጊዜ ዝፍፀሙ ተግባራት ዝተቐመጠ ርእሲ እዩ። እቶም ተግባራት ኣብ ሓደ ክፍለ ጊዜ ክውድኡን ቀፃልነት ዘለዎም ኰይኖም ዝትዳለዉ እዮም። ኣብዚ ተግባር ካብ ሓደ ንላዕሊ ብቕዓት እንትህልዉ ከከም ኣድላይነቱ ክደጋገሙን ክትግበሩን ይኽእሉ እዮም። |
|  | ዒላማ፡- ኣብቲ ዕለት ዝቐረቡ ተግባራት ምስተዛዘሙ ወይ እቲ ክፍለ ጊዜ ምስተዛዘመ ህፃናት ክረኽብዎ ዝግባእ ረብሓ ወይ ክበፅሕዎም ዝድለ ብርኪ ብቅዓት እዮም። እዚኣቶም ንክፍለ ጊዝያዊ ዒላማ ኰይኖም ከገልግሉ ይኽእሉ እዮም። |
|  | ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር፡- ህፃናት ናብቲ ዝድለ ብርኪ ብቕዓት ንክበፅሑ ዝፍፀሙ ተግባራት ንምድጋፍ ኣብ ረብሓ ክውዕሉ ዝግባኦም ናውትታት እዮም። እቶም ሓገዝቲ ናውቲ ምስ ዕድመን ጭቡጥ ዓቕሚ እቶም ህፃናት ዝዛመዱ ክኾኑ ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ መምህራን ክፈልጥዎ ዝግባእ ጉዳይ፣ ኣብዚ መፅሓፍ ካብ ዝተቐመጡ ሓገዝቲ ናውትታት ብተወሳኺ ካልኦት ናውትታት ሓገዝቲ ትምህርቲ ምጥቃም ይኽእሉ እዮም። ስለዚ መምህራን ካብ ከባቢኦም ዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ናውቲ እናሰርሑ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። |
|  | ሜላ ኣተገባብራ፡- ኣብ ትሕቲ እዚ ሓረግ ዝተለፁ ሓሳባት/ተግባራት ከመይ ከምዝተፈፀሙ ንመምህራን ሓበሬታ ንምሃብ ዝተቐመጠ እንትኾኑ፣ ትልሚ ብምድላው ኣብ ተግባር ንምውዓል መምህራን ስምዒት ህፃናት ዝእክብሉ፣ ሜላታት ኣመሃህራ እቲ ክፍለ ጊዜ ዝገልፅሉን ዝትግብርሉን ሜላታት መጠቓለሊ ሓሳብ ዝህብሉን ዘካተተ እዩ። |
|  | ተፍትሽ፡- ኣብ ሕድሕድ ብርኪ ብቕዓት ዝተቐመጡ ተግባራት ኣብ ከይዲ ትግበራን ድሕሪ ትግበራን ህፃናት ዘምፅእዎ/ዘርኣይዎ ብርኪ ምዕባለ ንምፍታሽ/ንምግምጋም ዝሕግዝ |

| ምልክት | ብተጠቀምቲ ክፍለጡ ዝግበኦም ሓረጋት |
|---|---|
| | መሳርሒ እዩ። <br><br> ቅጥዒ መከታተሊ ምልክታ፡- ኣብዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ኣንፈት መማዕበሊ ወይ ኣብ ሕድሕድ ትሕዝቶ መወዳእታ ቅጥዒ መከታታሊ ምልክታ ተዳልዩ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ቅጥዒ ኣብ ዓመት ሰለስተ ጊዜ ማለት መጀመርያ፣ መፋርቕን መወዳእታ ዓመትን ዝምላእ እዩ። ኣብ ፕሮግራም ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ህፃናት ዝምዘንዎ ብተኸታታሊ/ከይዳው ተፍትሽ ኰይኑ በቢ ዕለቱ፣ በቢ ሰሙኑ፣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ክግበር ይግባእ። <br><br> ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝግበር ተፍትሽ በቢ ግዜኡ ኣብ ህፃናት ዝርኣዩ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራውን ስሚዒታውን ዝርኣዩ ለውጥታትን ምዕባለታትን እናተኸታተልካ ትፍትሽ ምግባር እምበር ብፅሑፍ ዝግበር ተፍትሽ ከምዘይኰነ መምህራንን ወለድን ክፈልጥዎ ይግባእ። <br><br> ኣብ ሕድሕድ ትሕዝቶታት መወዳእታ እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ዝተቐመጡ ቅጥዕታት መከታተሊ ምልክታ፣ መምህራን ናይቶም ህፃናት ለውጥን ምዕባለን በቢ እዋኑ እናተኸታተሉን እናገምገሙን ዝመልእዎም ምእንቲ ተረዲኦም ነቶም ቅጥዕታት ክጥቀምሎም ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ልጋብ ዝተቐመጡ ኣብነታት ተፍትሽን ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዝተቐመጡ ሚላታት ተፍትሽን ምጥቃም ይከኣል። <br><br> መዝሙራትን ዛንታታትን፡- ኣብ ትሕቲ ሕድሕድ ተግባራት ዝተቐመጡ መዝሙራትን ዛንታታትን ኣብ ልጋብ እዚ መፅሓፍ ተቐሚጦም ኣለዉ። |

## 1.7 ትልሚ ትምህርትን ኣተዓባብያ ህፃናትን

ኣብ ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ንኣተዓባብያን ትምህርትን ኣርባዕተ ዓይነት ትልምታት ይዳለዉ እዮም። እዚኣቶም እዉን ዓመታዊ፣ ወርሓዊ፣ ዕለታውን ክፍለ ጊዜዊ እዮም። ምስ ዕለታዊ ትልሚ ክፍለ ግዝያዊ ትልሚ ትምህርቲ (lesson plan) ከም ልጋብ ኰይኑ ይዳሎ።




ኣብ ስራሕ ቅድመ ስሩዕ ትምህርትን ኣተዓባብያን ኣርባዕተ ዓይነት ትልምታት ይዳለዉ። እዚኣቶም እዉን ዓመታዊ፣ ወርሓውን ዕለታውን እዮም። እቲ ዕለታዊ ትልሚ ኣብ ሕድሕድ ክፍለ ግዜ ዝፍፀሙ ተግባራት ኣካቲቱ ብልጋብ መልክዕ ይቐርብ።

ቅጥዒ ዕለታዊ ትልሚ ኣርባዕተ ክፍሊ ኣካላት  ኣለዎ። እቲ ናይ መጀመርያ ስዓት፣ እቲ ካልኣይ ዕለታዊ ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ እቲ ሳልሳይ ኣገባብ ኣፈፃፅማ/ኣመሃህራ፣ እቲ ራብዓይ ድማ ኣብ እዋን ትግበራ ዝትርኣዩ ፀገማት ክመሓየሹ ዝግብኦም ኩነታት ዝሓዘ እዩ።  ዕለታዊ ትልሚ እንታይ ክንሰርሕ ከምዘለና፣ ዝተለምናዮ ከመይ ከምዝተፈፀመ፣ ኣብ ህፃናት ዝርኣናዮ ለውጥታት ንምክትታልን ዘለዎም ፀገማት ንምፍታሕን፣ ዘይተሸፈነ ትሕዝቶ ትምህርቲ እንተልዩ ኣብ ቀፃሊ ዝመሓየሸሉ ኩነታት ክመቻቾ  ዝሕብርን ዝሕግዝን ስለዝኾነ ኣድላዩ እዩ።

ምድላው ክፍለ ግዝያዊ ተግባራት፡- እዚ ክፍለ ግዝያዊ ትልሚ (lesson plan) እናተብሃለ ዝፍለጥ በቢ ዕለቱ ዝፍፀሙ ተግባራት፣ ዋና ዋና ትሕዝቶታትን ፕሮግራማትን ትምህርቲ ዝሓዘ ኰይኑ ኣብ ህፃናት ኣተዓባብያን ኣቀባብላ ትምህርትን ዘተኰረ እዩ።

ምድላው ቅጥዒ ፍፃመታት ትምህርቲ ክፍለ ግዘ

| | | | |
|---|---|---|---|
| ዕለት | | | |
| ጉጅለ | | | |
| ፕሮግራም | | | |
| ጭብጢ | | | |
| ብቕዓት | | | |
| ርእሲ | | | |
| ዒላማ፡- ህፃናት ድሕሪ እዚ ትምህርቲ /ፀዋታ/<br>1. ________________<br>2. ________________<br>3. ________________ | | | |
| ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ | | | |
| ሜላታት ምምሃር ምስትምሃር | | | |
| ዝርዝር ከይዲ ፕሮግራም | | | |
| ተግባራት መምህር | ግዘ | ተግባራት ህፃናት | |
| | | | |

ዕለት፣ ጉጅለ፣ ትሕዝቶን ርእስን ካብቲ ዕለታዊ ትልሚ ዝውሰድ ኰይኑ ክፍለ ግዝያዊ ትልሚ (lesson plan) ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ንዝርከቡ ተባሂሉ ከም ዝተዳለወ ምፍላጥ የድሊ።

ብቕዓት፡- ካብ ዓመታዊ ትልሚ ዝውሰድ ኰይኑ እቲ ህፃን ክበፅሖ ዝተደለየ ባህርያዊ ለውጢ ዘርኢ እዩ።

ዒላማ፡- እቲ ክፍለ ግዘ ምስ ተዛዘመ እቶም ህፃናት ዘርእይዎ ለውጢ ዝገልፅ ኰይኑ እቶም ዒላማታት ኣብቲ ክፍለ ጊዜ ዝርኣዩ፣ ዓቕምን ዕድመን እቶም ህፃናት ዘገናዘበ፣ ዝትግበሩ፣ ምስ ህልዊ ኩነታት ዝዛመዱ፣ ዝምዘኑን ግልፅነት ዘለዎምን ኮይኖም ክዳለዉ ይግባእ። እቶም ተግባራት እንተይበዝሑ ብቅደም ስዓብ ክቐርቡ እንተተገይሩ ንኣፈፃፅማ ምችዋት ይኾኑ።

ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር፦ እቶም ኣብቲ ክፍለ ግዜ ንጥቀመሎም ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር ንህፃናት ብቐሊሉ ዘሳትፉ፣ ዘዘናግዑ፣ ዘሐጉሱ፣ ብቐሊሉ ኣብ ከባቢና ንክረኽቦም፣ ንምድላውን ንምትግባርን ዝምችዉ ክኾኑ ይግባእ።

ሜላ ኣመሃህራ፦ ዒላማታት ተግባራዊ ንምግባር ንጥቀመሎም ሜላታት እንትኾኑ ኣገባብ ኣመራርፃኦም ምስ ህፃናት ዕድመ፣ ክፍለ ግዘ፣ ትሕዝቶን ዒላማን ዝሳነዩ ምዃኖም ምስተረጋገፀ እዩ። እቶም ንጥቀመሎም ሜላ ኣመሃህራ ኣብቲ ክፍለ ግዝያዊ ትልሚ ብንፁር ክቕመጡን ንምትግባር ዘየፀግሙ ኮይኖም ክቐርቡ ይግባእ።

ኣካይዳ እቲ ፕሮግራም፦ እቲ ፕሮግራም ከመይ ከምዝጅመር፣ ዒላማታት ከመይ ከምዝትግብሩ፣ እቲ ፕሮግራም ከመይ ከምዝጠቓለል፣ ተግባር መምህርን ህፃናትን ዝወስደሉ ግዝ ኣብዚ ብርኪ ዝካተቱ እዮም።

ህፃናት ተምሃሮ ዘይኰኑስ ተምሃሮ ንክኾኑ እናተዳለዉ ዘለዉ ምዃኖም ይፍለጥ እዩ፤ ስለዚ ሕድሕድ ፕሮግራም እንትቐርብ ድሌት ህፃናት ዘለዓዕል መረዳእታ ዘትሕዝ፣ ዝተፈላለዩ ክእለታት ዘለማምድ ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ክፍለ ግዚያዊ ትልሚ ነዚኦም ብኣገባቡ ንምፍፃም ዝሕግዝ መስርሕ ስለዝኾነ ብጥንቃቐ ክነዳልዎ ይግባእ።

ክፋል 2፡ ሓበሬታ ኣንፈትን ሜላታት ኣተገባብራ ምዕባለ ህፃናት

**2.1** ንግቡእ ዕብየትን ጥንካረ ኣካልን ግቡእ ክንክን ምግባር

## 2.1.1 መብርሂ

ናይ ህፃናት ዕብየትን ምዕባለን ዝጅምር ካብ ግዜ ጥንሲ ጀሚሩ ስለዝኾነ ምሕብሓብ እውን ካብዚ ግዜ እዚ ጀሚሩ ጠመተ ክግብረሉ ይግባእ።ናይ ኣካል ምዕባለን ዕቤትን ናይ ኣካል መጠን ምውሳኽ፣ ጥንካረ፣ ምውዳድን ምንቅስቓስን እንትርኣ ኣናእሽተይን ዓበይቲ ጭዋዳታት ምምዕባል ፍሉይ ቦታ ዝወሃቦ እዩ። ንህፃናት ዝተመጣጠነ ምግቢ ምምጋብን ጥዕነኦም ምሕላውን ንዕቤት ኣካል መሰረታዊ እዩ። ኣናእሽተይ ሕንጠያት ኣብ እዋኑ መሰረታዊ ምንቅቓስ ኣካል ብኣግባቡ ክገብሩ ይግባእ።ብትልምን ብስነ ስርዓትን ዝተመርሓ ናይ ኣካል ምክንኻንን ምንቅስቓስን ንምዕባለ ኣእምሮ ኣስተዋፅኦ ይገብር እዩ። ንኣብነት ኣካላቶም ዝማዕበለ ህፃናት ካባቢኦም ናይ ምፍታሽ፣ ምፍላጥን ምርዳእን ድሌቶም ይውስኽ። ናይ ምንቅቓስ ምምዕባል ኣብ ምምዕባል ማሕበራዊ ርክብ ዘበርክቶ ኣስተዋፅኦ /ግደ ብዙሕ እዩ።ንኣብነት ምስ ካልኦት ተሓባቢርካ ምፅዋት፣ባዕልኻ ክኢልካ ምቁፅፃርን ተስማዕሚዕካ ምንቅቓስን፣ ዓርስኻ ምትእምማን ምዕባለ ምንቅስቓስ ንምዕባለ ማሕበራዊ ርክብ ዘህቦ ኣስተዋፅኦ ዓብይ እዩ። ስለዚ ንግቡእ ምዕባለን ጥንካረ ኣካልን ግቡእ ምክንኻን ይግባእ። እዚእውን ኣብ ትካል ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ጥራሕ እንተይኾነ ኣብ ገዛእውን ጠመተ ክወሃቦ ምስ ወለዲ ብሓባር ምስራሕ የድሊ።

## 2.1.2 ሓፈሻዊ ዒላማታት

1. ባዕሎም ምፍላጥ፣ ክፍሊ ኣካላትን ተግባራቶምን ምፍላይ፣ ምስ ካልኦት ተረዳዲእካን ተሓባቢርካን ምንቅስቓስ ከምዝኽእሉ ዓቅሞም ምዕባይ
2. ናይ ስምዒት ኣካላቶም ክፍልዩን ናይ ምክንኻን ዝንባላን ክእለትን ንክህልዎም ምግባር
3. ኣናእሽተይን ዓበይትን ጭዋዳታት ክምዕብሉን ዝተፈላለዩ ተግባራት ክፍፅሙን ብነፃነት ምህዞኦም ናይ ምግላፅ ዓቅሚ ክህልዎም ምግባር

### 2.1.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ብቕዓት

1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብዓርስኻ ምትእምማንን ስምዒት ዓርስኻ ምኽባርን
    1.1. ስሞም፣ዕድሜኦምን ፆቶኦምን ምዝራብ ይኽእሉ
    1.2. ሓድሽ መሓዛ ምፍላጥን ምዕራኽን ይኽእሉ
2. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ይፈልዩን ተግባራቶም ይገልፁን።
    2.1. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምፅራሕ ይኽእሉ።
    2.2. ስራሕቲ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ዝፍፅምዎም ትግባራት ብትኽክል ምግላፅ ይኽእሉ።
3. ምክንኻን ዓይኒ
    3.1 . ኣዒንቶም ብግቡእ ምክንኻን ይኽእሉ።
4. ምክንኻን እዝኒ
    4.1 . እዝኖም ብኣግባቡ ምክንኻን ይኽእሉ
5. ናይ ምጭናው ስምዒት ምጥቃምን ኣፍንጫኦም ምክንኻንን
    5.1 . ናይ ዝተፈላለዩ ነገራት ጨና ይፍልዩ
6. ናይ ምጥዓም ስምዒት ምጥቃምን ኣፎም ምክንኻንን
    6.1 . ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘዎም ምግብታት ብምፍላይ ስሞም ይዛረቡ
    6.2 . ኣፎም ብጥንቃቐ ብምሓዝ ይከናኸኑ
7. ብምድህሳስ ናይ ነገራት ኩነታት ይገልፁ
    7.1 . ቀዒይ ምፍላይን ብምድህሳስ ዝተሰመዖም ስምዒት ምግላፅ ይኽእሉ
8. ምሕላው ጥዕናኻን ስርዓት ኣተሓሓልዋ ጥዕና ምልምማድ
    8.1. ምልምማድ ስርዓት ኣመጋግባ
9. ንኣካል ብጥንቃቐ ምትሓዝን ምኽንኻንን
    9.1 ኣካሎም ምክንኻንን ብጥንቃቐ ምሕላውን ይኽእሉ።
10. ምጥቃም ርኡይን ረቂቕን/ ዓበይትን ኣናእሽተንን/ ጭቀዳታት
    10.1. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ንዝተፈላለዩ ተግባራት ይጥቀሙ
11. ፈጠራታት ብነፃነት ምግላፅ
    11.1. ኣካላቶም ተጠቂሞም ሓሳቦም ይገልፁ

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብባዕልኻ ምትእምማንን | 1.1. ስሞም፣ ዕድሜኦምን ፆቶኦምን ምዝራብ |

| | |
|---|---|
| ንባዕልካ ክብረ ምሃብን፣ | ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፡- ምልላይ ባዕልኻ

ዒላማ ፡- ህፃናት ብሞም፣ ዕድሜኦምን ዖቶኦምን ብምዝራብ ባዕሎም ናይ ምልላይ ክእለት የማዕብሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ፎቶ ግራፍ ህፃናት፣ መጣበቒ፣ ሰፊሕን ረጊድን ወረቐት፣ ቢንቡላን ካልኦትን

ሜላ ኣተገባብራ ፡-


- መምህር ንህፃናት ኣብ ዝመቸው ቦታ ብምኽን ባዕሎም ምፍላጥ፣
- ብምቕፃል ቢንቡላ ተዛራቢት ዝትዛረብላ ብምምሳል ባዕላ ንህፃናት ስማ፣ዕድሜኣን ዖታኣን ብምዝራብ ከምተላልይ ምግባር
- ህፃናት ቡብተራ እንዳተልዓሉ ኣብ ቅድሚ መሓዝቶም ጠጠው ብምባልን ብዓብይ ሰፊሕ ወረቐት ዝተለጠፈ ናይ ባዕሎም ፎቶግራፍ ብምንካእ ስሞም፣ ዕድሜኦምን ዖቶኦምን ክዛረቡ ምግባር
- ምዝራብ ዝኣበዮም ህፃናት ስሞም ብምዝካር ክዛረቡ ምብርትታዕን ምሕጋዝን
- <<ኣነ ንእሽተይ ህፃን እየ >> ዝብል መዝሙር ንቢንቡላ ክዝምሩላ ምብርትታዕ

ተፍትሽ፡- ስሞም፣ ዕድሜኦምን ዖቶኦምን ምዝራብ ምኽኣሎም እንትዛረቡ ምድማፅን ምግምጋምን።

ዒላማ፦ ባዕሎም ብፆታ ተመዲቦም ይፃወቱ።

ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ህፃናት ካብ ክፍሊ ወፃኢ ዘሎ ሜዳ ብፆታ ብምምዳብ ኢድ ንኢድ ክተሓሐዙ ምግባር
- ባዕሎም ከኢሎም ብፆታ ምምዳቦምን ሓገዝ ዝደልዩ ህፃናት ብምርኣይ ምሕጋዝ
- ‹‹ንእሽተይ ዓማን ዓብይ ዓማን ምዝር/ተሽከርኪሮም›› ዝተብሃለ ናይ ምንቅስቓስ ፀወታ ከም ዘለዎም በዝሒ ንሓደኡ ፆታዓብይ ዓማ ነቲ ካልድማ ንእሽተይ ዓማ ብምምዳብ እቲ ፀወታ ክፃወቱ ምግባር



ተፍትሽ ፦ ባዕሎም ብፆታ መዲቦም ምፅዋቶም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፦ ንባዕልካ ብፆታ መዲብካ ምፅዋት

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብባዕልኻ ምትእምማንን ንባዕልካ ክብሪ ምሃብን፣ | 1.2. ሓድሽ ማሓዛ ምፍላጥን ምፍታዉን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓዱ፦ ምፍላጥ ሓድሽ መሓዛ

ዒላማ ፦ ሓድሽ መሓዛ ምፍላጥን ምፍታዉን ይጅምሩ።

ሜላ ኣተገባብራ ፦

<<ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ንዘውር/ንሽክርከር>> ዝተብሃለ ፀወታ ብዝተፋላለዩ ተግባራት ዝቀራረቡ ህፃናት ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ከምዝፃወቱ ምግባር

- ምስ ካልኦት ክፍለጡ ምሕጋዝን ሓደሽ መሓዛ ክምስርቱ ምግባር
- ቦታ ብምልውዋጥ ምስ ካልኦት ተታሓሒዞም እንዳዘመሩ ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ሓድሽ መሓዛ ምፍላጥን ምፍታዉን ምጅማሮም ብምዕዛብ ምግምጋም።

ዒላማ ፦ መሓዝቶም ብስምን ብመልክዕን ይፈልዩ።

ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ዝተፈላለዩ ፀወታዊ ምንቅስቓስ/መንዲለይ፣ፀወታ ቆፃል ቆፃል፣ ወዘተ.../ ብሓባር ምፅዋት
- ብሓባር ዝተፃወቱ ናይ ክፍሊ መሓዝቶም መነ መን ምዃኖም ስሞም ክዛረቡን በፃብዕትን እናመላኸቱ ከርእዩ ምግባር

ንኣብነት ፦ ስሞም ምፅራሕ እንተዘይኺኢሎም ተጠቂምቲ ስሞም ክዛረቡን ብሰላምታ ክጭብጥዎምን ምብርትታዕ።

ተፍትሽ ፦ መሓዝቶም ብስምን ብምልክዕን ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ ፦ ምልካይ ሕብሪ ስእሊ

ተግባር ክልተ ፦ ምፍላይ መሓዛ

ዒላማ ፦ ስእሊ ሕብረ ብምልካይ ብዛዕባ እቲ ስእሊ ዝፈልጥዎ ምዝራብ ይፍትኑ

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ኣብ ወረቐት ዝተስኣለ ምስሊ ፣ ባዓል ሕብሪ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንሕድ ሕድ ህፃናት ስእሊ ብምሃብ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- ሕብሪ ለኺዮም ምስ ወደኡ ዝለኸይዎ ናይ ምንታይ ስእሊ ከምዝኾነ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር
- ብዛዕባ ማሓዝቶም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ንክዛረቡ ምብርትታዕ
- ኣብ መወዳእታ ስም ህፃናት ብምፅሓፍ ኣብ ዝረአ ቦታ ምጥቃዕ

| |
|---|
| መዘከር፡- ቅድሚ ስእሊ ህፃናት ምሃብና መሓዛመ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓላንስተይቲ ምዃኖም ብምፍላጥ ወዲ እንተኾይኑ ናይ ወዲ ጓላንስተይቲ እንተኾይና ናይ ጓላንስተይቲ ስእሊ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። |

ተፍትሽ፡- ስእሊ ሕብሪ ምልካዮምን ብዛዕባ ምሓዘኦም ዝፈልጥዎ ንክዛረቡ ምፍታኖምን እንትለኽዩ ብምርኣይን እንትዛረቡ ብምድማፅን ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 1. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምፍላይን ተግባራቶን ምዝራብን | 1.1. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምፅራሕ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፦ ምፍላይ ክፍሊ ኣካላት ሰብነት

ዒላማ ፡- ቀንዲ ቀንዲ ስም ክፍሊ ኣካላት ሰዉነትና ይፍልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ባምቡላ፣ ስእሊ ሙሉእ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት

ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ንምፍላጥ ባምቡላ ተዛራቢት ብምምሳል ስማ፣ ዕድሜኣ፣ ዖታኣን ብምዝራብ ከምትላለዮም ምግባር
- ቀንዲ ቀንዲ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብብተራ እንዳመላኸተት መፀወዒ ስሞም ከምትዛረብ ምግባር
- ሓደሓደ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብምምልካት ስም እንትፅውዕ ንሶምእውን ናይ ባዕሎም ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብምምልካት ስም ክፅውዑ ምግባር
- ህፃናት ቀንዲ ቀንዲ ክፍሊ ኣካላት ስዉነቶም ንመሓዝቶም ብምምልካት ስሞም ክዛረቡ ምግባር
- ኣብ መንድቕ ዝተሰቐለ ስእሊ ብምጥቃም ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ክፈልዩ ምግባር

| |
|---|
| መዘኻከሪ ፡-ኩሎም ህፃናት ቀንዲ ቀንዲ ክፍሊ ኣካላቶም እንዳርኣዩ ክፅውዑ ምብርትታዕ። |

ተፍትሽ ፡- ዝተፀወዓ ክፍሊ ሰዉነቶ ምምልካቶምን ብስሙ ምፅወዖምን ብምርኣይ እንትዛረቡ ጠመተ ሂብካ ብምድማፅ ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፡- ምፅዋዕ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት

ተግባር ሁለት፡- የሰውነት ክፍሎችን መጥራት

ዒላማ ፦ ቀንዲ ቀንዲ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብስም ይፀርሑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ስእሊ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት

ሜላ ኣተገባብራ፦

- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ዘርኢ ስእሊ ብምጥቃም ስእሊ ክርእዩን ቀንዲ ቀንዲ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ክፅርሑ ምግባር
- ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል ናይ ባዕሉ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ብምርኣይ እንታይ ተባሂሉ ስሙ ከምዝፅራሕ ክዛረቡ ምግባር
- ህፃናት በብሪጋ ኣብ ቅድሚት መሓዝቶም ጠጠው ብምባል ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ብምንካእ ስሞም ክፅውዕዎን ክፍልይዎምን ምግባር

ተፍትሽ ፦ ዝተሓተዎ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ብትኽክል ስሙ ምፅረሐሙን እቲ ዝፀርሕዎ ስም ብትኽክል ምዝራብ ብምድማፅ ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ ፦ ምግጥጣም ቅርፂ ክፍሊ ኣካል ሰውነት

ዒላማ ፡- ቅርፂ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ይገጣጥሙ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ብምግጥጣም ዝሰርሕ ቕርፂ ኣካላት ስብ /ፐዝል/

ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብምግጥጣም ዝሰርሕ ቕርፂ ኣካላት ስብ ምድላው
- ኣብ ቅድሚ ህፃናት ዝተገጣጠመ ቅርፂ ኣካላት ስብ ብምፍልላይ ተመሊስካ ድማ ብምግጥጣም ምርኣይ
- ዝተገጣጠመ ቅርፂ ኣካላት ስብ ብምፍልላይ ንሶም ክገጣጥምዎ ምግባር
- ህፃናት ብውልቀኦም ወይ ብጉጅለ ዝተፈላለየ ቅርፂ ኣካላት ስብ ኣብ ብቦታኡ ክገጥሙ ምግባር
- እንትፅግሞም ሓበሬታ ብምሃብ ምሕጋዝ

ንኣብነት፡- ኢድ ወይ እግሪ ኣበይ ከባቢ ይርከብ ብምባል ምሕታት

| |
|---|
| መዘከር፡- ንህፃናት ዝወሃብ ዝገጣጠም ቅርፂ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ካብ ሰለስተ ኣርባዕተ ዘይበለፀ ቀንዲ ቀንዲ ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ዝሓዙ ክኸውን ይግባእ ። |

ተፍትሽ፡- እንትገጣጥሙ ብምርኣይ ናይ ክፍሊ ኣካላት መርኸቢ ቦቶኦም ብምፍላይ ምግጣም ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| |
|---|
| ተግባር ኣርባዕተ፡- ቅርፂ ክፍልታት ሰዉነት ምፍላይን ምልጣፍን |

ዒላማ ፦ ቅርፂ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብምፍላይ ኣብ ትኽክለኛ ቦቶኦም ይልጥፉ

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ቅረፂ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት፣ ኮላ፣ገፅ ዝተስኣለሉ ወረቐት

ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካብ ባዓል ሕብሪ ወረቐት ዝተሰርሓ ዝተፈላለዩ ቅርፂ ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ቀሪፅካ ብምውፃእ ንሕድ ሕድ ህፃን ምሃብ
- ኣብ ልዕሊ ፃዕዳ ወረቐት ዝተስኣለ ገፅ ዝትቀረፁ ኣካላት ምልጣፍ
- ዝለጠፍዎ እንታይ ከምዝኾነ ትኽክል ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ንመሓዙቶም ብምሕታት ከረጋግፅሎም ምግባር
- ህፃናት ዝለጠፍዎ ዘተማለአ ቅርፂ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ኣብ ውሽጢ ክፈሊ ንምርኣ ምቹዊ ኣብዝኾነ ቦታ ምልጣፍ

ተፍትሽ ፦ ቕርፂ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ምፍላይ ምኽኣሎምን ኣብ ትኽክለኛ ቦታ ምጥቃዖምን ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ ፦ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብመዝሙርን ብፀወታን ምፍላይ

ዒላማ ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት እንዳዘመሩን እንዳተፃወቱን ይፈልዩ።

ሜላ ኣተገባብራ፡-

- “ ኣየናይ እዩ ኢድና**?** ” ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር
- በብረጋ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ብምሕታት እንዳዘመሩ ክፈልይዎም ምግባር

  ንኣብነት፡- መምህር ኣይናይ እዩ ኢድና? እንትብሉ እዙይ እዩ ኢድና ኢሎም ብምርኣይ ብዜማ ክዛረቡ ምግባር፣ ኣየናይ እዩ እዝንና**?** እዙይ እዩ እዝንና ወዘተ… ብምባል ዝተነኸኣ ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ተዛረብ/ተዛረቢ ዝብል ፀወታ ምፅዋት
- ‹‹ቆፃል ቆፃል›› ዝብል ኣፀዋውታ ፀወታ ብምስዓብ መምህር ዝፅውዕዎ ክፈሊ ኣካላት ሰዉነት ብምንካእ ንክፃወቱ ምምራሕ

  ንኣብነት ፡-ምንቅስቓስ ፀወታ ‹‹ቆፃል ቆፃል›› ብምባል ምምራሕን መምህር እፍንጫ እንትብሉ ኣብዘለኻዮ ቦታ ጠጠው ብምባል ኣፍንጫ ምንካእ በዚ መሰረት ህፃናት ቀንዲ ቀንዲ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብምንካእ ክፈልዩ ብምዝራብ ምፅዋት

ተፍትሽ ፡- ኣብ ከይዲ ምዝማርን ምፅዋትን ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምፍላይ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
| --- | --- |
| 2. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምፍላይን ተግባራቶም ምዝራብን | 1.3. ብዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ዝፍፀሙ ተግባራት ምዝራብ ይኽእሉ። |

ዒላማ ፦ ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ይላለዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ቢንቡ/ቀንጫ መርዓት

ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ቢንቡላ ተዛራቢት ብምምሳል ክፍሊ ኣካላት ሰዉነታ በብረጋ እንዳርኣይት በቶም ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ስዉነተ ዝፍፀሙ ተግባራት ክምትዛረብ ምግባር
- ቢንቡላ ሓደ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብምፅዋዕ ተግባሩ እንታይ ከምዝኾነ ክትሓቶ ምግባር
- ህፃናት እውን ናይ ባዕሎም ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብምምልካት ብኡ ዝፍፀም ተግባር ምዝራብ ክለማመዱ ምግባር

| |
|---|
| መዘከር ፦ ህፃናት ብዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ዝፍፀሙ ተግባራት ንክዛሩ ዕድል ምሃብ። |

ተፍትሽ ፦ ብዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ዝፍፀሙ ተግባራት ምግንዛቦም እንትዛረቡ ጠመተ ሂብካ ብምድማፅ ምግምጋም።

ተግባር ሓደ ፦ ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ምልላይ

ተግባር ክልተ ፦ ምዝራብ ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ስውነት

ዒላማ ፡- ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ባዓል ሕብሪ ስእሊ ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ህፃን፣ መዝሙር ካሴት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- "ብምንታይ ብምንታይ ንዓብይ?" ዝተብሃለ መዝሙር ብምጥቃም ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ብምርኣይ ክዝምሩ ምግባር
- ስእሊ ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ብምርኣይ ብዓይንና እንታይ ንገብር**?**፣ ብኣፍንጫና እንታይ ንገብር፣ ብእግርና እንታይ ንገብር**?** ወዘተ... እንዳበሉ ብምሕታት ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ክፈልዩን ዝርዝር ተግባራቶም ክዛረቡ ብምግባር ምልምማድ
- ኣብ እዋን ምዝማር ዝፀወዕዎም ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ተግባራት ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምምይያጥ

ተፍትሽ፡- ክፍሊ ኣካላት ስዉነት ዝፍፅምዎም ተግባራት ምፍላይን ምዝራብ ምኽኣሎም ብዜማ ንዝሕተትዎ ሕቶታት ምላሽ እንትህቡ ጠመተ ብምሃብ ብምድማፅ ምግምጋም።

ዒላማ፡- ቅረፂ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ይስርሑን፣ዝፍፅምዎም ተግባራት እውን ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ጭቃ፣ ዝቦኽዐ ወረቀት፣ ሑፃ…ወዘተ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንህፃናት ካብ ዝተቦኽዐ ጭቃ ወይ ወረቐት ዝተሰርሐ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑን ንምንታይ ተግባራት ከምዝጠቕሙ ብምሕታት ምንቕቓሕ
- ጠረጴዛኦም ብላስቲክ ምሽፋንን ናይ ጎልፎን ሽሚዝን ክዳን ኢድ ክዓፅፉ ምግባር
- ንሕደ ሕዱ ዝቦኽዐ ጭቃ ወይ ወረቐት ብምሃብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ክሰርሑ ምግባር ዘይኽእሉ ህፃናት እንተልዮም ሓገዝ ምግባር
- ምስ ወደኡ ናይ ውልቀኦም ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ንመሓዝቶም ከርእዩን ዝፍፀምዎም ተግባራት ክዛረቡ ምግባር
- ስራሕቲ ህፃናት ምድናቕን ንዝተወሰኑ እዋናት ንክረኣዩ ኣብ ቅድሚት ምቕማጥ
- ኣብ መወዳእታ ከባቢኦም ከፅርዩን ኣእዳዎም ብሳምናን ማይን ክሕፅቡ ምግባር

| መዘክር ፡- እዚ ተግባር ኣብ ደገ ዝርከብ ሳንዱቕ ሑፃ ብምጥቃም ምስራሕ ይካኣል። |
|---|

ተፍታሽ ፡- ቅርፂ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብምስራሕ ንጥፈቶምን ምዝራብ ምኽኣሎምን ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 1. ክንክን ዓይኒ | 1.1. ኣፅንቶም ምክንኻን ይኽእሉ፡፡ |

ተግባር ሓደ፡- ረብሓ ዓይኒ ምዝራብ።



ተግባር አራት ፡- የስራ ድርሻን መወጣት

ዒላማ ፦ ረብሓ ዓይኒ ምዝራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ስእሊ ዓይኒ፣ ባምቡላ /ፍርይ ፍርይ ኢሎም ዝረኣዩ ኣዕንቲ ዘለውዋ/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ባምንቡላ ናብ ህፃናት ብምቕራብ እንዳረአየቶም ምኽና ምዝራብ
- ባምቡላ ንኦኦን ብምንታይ ከምዝረኣየቶምን ንሳቶምእውን ብምንታይ ከምዘረኣይዋ ምሕታት
- ህፃናት ምርኣይ ዝካኣል ብዓይኒ ምዃኑ ክርድኡ ምግባር
- ኣዕንቶ ክሽፍኑ ብምግባርን እንትሽፍኑ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ምርኣይ ምኽኣሎምን ዘይምኽኣሎምን ብምሕታት ምምይያጥ
- መልሶም መሰረት ብምግባር ዓይኒ ንምርኣይ ከምዝጠቕምን ኣዕንቶም እንተሽፊኖም ወይ እንተኸልኺሎምዎ ምርኣይ ከምዘይኽእሉ ምርዳእ
- ደጊሞም ብተግባር ብኣእዳዎም ብምክልኻል ወይ ብምሽፋን ከረጋግፁ ምግባር

ተፍትሽ፦ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ረብሓ ዓይኒ እንትገልፁ ግንዛበ ምሕዳሮም ብምድማፅ ምርግጋፅ።



ተግባር ክልተ ፦ ቅርፂ ዓይኒ ምፍላይን ሕብሪ ምልኻይን

ዒላማ፡- ቅርፂ ዓይነ ይፈልዩ፣ ብኣግባቡ ሕብሪ ይለኽዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ብዝተፈላለየ ቕርፂ ዝተሰርሑ /ሽሚጥ፣ቕርፂ ክቢ፣ ስሉስ ኩርናዕ፣ ርቡዕ ኩርናዕ/፣ ኣብ ወረቐት ዝተሰርሑ ምስሊ ኣዕንቲ፣ ሕብራዊ እርሳሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዝተፈላለዩ ስእልታት በብጠረጽዘኦም ብምዕዳል ብሓባር ኮይኖም ኣየናይ ትኽክለኛ ስእሊ ዓይነ ምዃኑ ክፈልዩ ምሕታት
- ዝፈለይዎ ስእሊ ከርእዩ ምግባርን ዝተጋገየ ጉጅለ እንተልዩ ሓገዝ ምግባር
- ቅርፂ ዓይነ ክቢ ዝመስል ኮይኑ ውሽጡ ፃዳ ማእኸል ፀሊም ከምዘኾነ ምግላፅ
- መምህር ዕብይ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊ ዓይነ ብምርኣይ "እዚ እንታይ እዩ?" እንትብሉ ብሓባር "እዚ ቅርፂ ዓይነ እዩ።" ብምባል ክዛረቡ ምግባር
- ነንሕድ ሕዶም ብትኽክል ዝተሰኣለ ቅርፂ ዓይነ ብምሃብ ማእኸላይ ክፍሊ እቲ ስእሊ ጥራሕ ፀሊም ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- ምስ ወደኡ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምጥቃዕ

ተፍትሽ፡- ኩሎም ቕርፂ ዓይነ ክፈልዩን ብኣግባቡ ሕብሪ ምልካዮም ብምርኣይ ምርግጋፅ።



ተግባር ሰለስተ ፡- ዓይነ ካብ ጎዳእቲ ነገራት ምሕላው

ዒላማ፦ ዓይኖም ካብ ዝጎደኡ ነገራት ይከላኸሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ስእሊ ዓይኒ፣ ኣብ ዓይኒ ጉደኣት ከብፅሑ ዝኽእሉ ነገራት/ሽንጣር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- " ካብ ማእኸልኩም ዓይኑ ሓሚሙ ዝፈልጥ ህፃን ኣሎ ዶ?" ብምባል ምሕታት
- መልሶም መሰረት ብምግባር ዓይኒ ከሕምሙ ወይ ክጎደኡ ዝኽእሉ ነገራት ከምዝስዕብ ምርዳእ፦
    - ኢድኩም ከይተሓፀብኩም ዓይንኹም ምንካእ ወይ ምሕሳይ ኣይግባእን
    - ሓያል ብርሃን ወይ ደጓሒ/ኣንፀባራቒ ነገር ክንርእዩ ከምዘይብሎም
    - ደሮና ኣብዘበነሉ ግዜ ኣዕንቶም ብእዳዎም ክከላኸሉ ይግባእ
    - ሓያል ብርሃን እንትህሉ ኣዕንቶም ምሽፋን
    - ሃመማ ኣብ ዓይኖም እንትዓርፍ እሽ ምባል
    - ቴሌቪዥን ንነዊሕ ግዜ ተፀጊዕካ ምርኣይ ኣይግባእን፣ ወዘተ... ክርድኡ ምግባር
- "ደሮና" ብዝብል ስያመ ቆፃል ዝብል ፀወታዊ ምንቅስቓስ ከምዝስዕብ ክፃወቱ ምግባር፦
    - ዶሮና ከደ ዶሮና ከደ ዝብል ምንቅስቓስ /ሓፍ ሓፍ ምባል/
    - ዶረና መፅአ እንትብሃል ጠጠው ብምባል ብኢዱ ዓይኑ ምሽፋን
    - ሃመማ ኣብ ገፅና ዓሪፉ እንትብሃል ብኢድካ እሽ ብምባል ምብራር
- በዚ መንገዲ ብፀወታ ገይርካ ዓይንና ካብ ጎዳእቲ ነገራት ምክልኻል ምልምማድ

ተፍትሽ፦ ዓይኖም ክጎድእዎም ዝኽእሉ ነገራት ምፍላጦምን ብመልክዕ ፀወታ ሕቶታት ብምሕታት ኣዕንቶም ካብ ዓይኒ ዝጎድኡ ነገራት ምሕላው ምኽኣሎም ምግምጋም።



ተግባር ኣርባዕተ፦ ምክንኻን ዓይኒ

ዒላማ ፡- ገያም ብምሕፃብ ኣዕንቶም ምክንኻን ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ታነካ ማይ መቐደሒ ፣መሕፀቢ፣ ማይ፣ ፅሩይ ሽጎማኖ፣ ሳሙና

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንጉሆ ካብ ምድቃሶም ምስተሰኡ መን ገያም ከምዝሓፅቦምን ንምንታይ ከምዝሕፀቡ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር
- መጀመርያ ክልተ ኣእዳውና ብሳሙና ብምሕፃብ ቀፂልና ብማይ ጥራሕ ገፅና ተሓፂብና ምርኣይ
- ህፃናት ብዝረኣይዎ መሰረት በብረጋ ክልተ ኣእዳዎም ብሳሙና ክሕፀቡ ብምግባር ቀፂሉ ድማ ብማይ ጥራሕ ገያም ክሕፀቡ ምግባር

ተፍትሽ፡- ገያም ብምሕፃብ ኣዕንቶም ምንክብኻብ ምኽኣሎም ምክትታል።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4. ምክንኻን እዝኒ | 4.1 ኣእዛኖም ምክንኻን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ምልኻይ ሕብረ ስእሊ እዝኒ

ዒላማ ፦ ስእሊ እዝኒ ሕብሪ ይለኽዩን ዝለኸይዎ ስእሊ እንታይነት ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ግዝፍ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊ እዝኒ (ፎቶ ግራፍ)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ህፃናት ብትኽክል ክርእይዎ ዝኽእሉ ስእሊ እዝኒ (ፎቶግራፍ) ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነ ምሕታት
- ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ስእሊ ኩሎም ህፃናት ብቐረባ ክርእይዎ ምግባር
- ኣብ ስእሊ ዝረኣኽምዎ ምስሊ ዝመስል ክፍሊ ኣካል ሰዉነትኩም ኣለኩም ዶ ወይስ ኣይብልኩምን? ኣበይ ይርከብ? ብምባል ምሕታት
- ብመሰረት መልሶም ክልቲኡ ኣእዛኖም ብኢዶም ክነኽኡ ብምግባር <<እዚኦም ኣእዛነይ እዮም>> ብምባል ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ምስ ኣብ ጎኖም ኮፍ ዝበሉ መሓዝቶም ባዕሎም ንባዕሎም ኣእዛኖም ክነኻኽኡ ምግባር
- ስእሊ እዝኒ ብምሃብ ደስ ዝበሎም ሕብሪ ክለኽዩ
- ምስ ወደኡ ሕብሪ ዝለኸይዎ ምስሊ እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ምጥቓላል

ተፍትሽ፦ ስእሊ እዝኒ ሕብሪ ምልካዮም ብምርኣይ ናይቲ ስእሊ እንታይነት እንትሕተቱ ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፦ ድምፂ ምፍላይን ኣምሲልካ ምውፃእን

ዒላማ ፦ ዝተፈላለዩ ድምፅታት ምፍላይን ከምእውን ንምምሳል ምፍታን።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ናይ ከልቢ፣ ድሙ፣ ወዘተ… ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ***"መን ከመን ይነብሕ?"*** እቲ ፀወታ ከምዝስዕብ ምፅዋት፦

  ንኣብነት ፦ መምህር ስእሊ ከልቢ ብምርኣይ **"**መን እዩ**?** ከምዚ ዝነብሕ**?"** ብምባል እንትሓቱ ህፃናት ከም ከልቢ ብምንባሕ መልሲ ክህቡ ብምግባር ወዘተ**…**
- ኣብ ከባቢኦም እንታይ እንታይ ድምፅታት ሰሚዖም ክምዝፈልጡ ብምሕታት ዝሰምዕዎም ድምፅታት ኣምሲሎም ንክፍሊ መሓዝቶም ከስምዑ ምትብባዕ
- እንተከቢድዎም ኣንፈት ምሃብ ይካኣል።ንኣብነት መኪና እንትኸይድ፣ ማዕፆ እንትኳሕኳሕ፣ ህፃን እንትበክይ ወዘተ ብምባል ምሕታት
- እዞም ኩሎም ድምፅታት ብምንታይ ከምዝሰምዕዎም ብምሕታት ረብሓ እዝኒ ክርደኡ ምግባር

ተፍትሽ፦ ፍልፍል ዝተፈላለዩ ድምፅታት ምፍላይን ኣምስልካ ድምፂ ምውፃእ ምፍታኖምን ጠመተ ሂብካ ብምድማፅ ምርግጋፅ።

ዒላማ ፦ ረብሓ እዝኒን ክግበረሉ ዝግባእ ምክንኻን ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ኣዕበየካ ዝተስኣለ ስእሊ እዝኒ፣ መዝሙር ብካሴት፣ መፅሓፍ ዛንታ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኩሎም ህፃናት ስኽ ክብሉ ብምግባር ንዝተወሰነ ሰከንድታት ኣብ ከባቢኦም እንታይ ድምፂ ይስማዕ ምህላዉ ጠመተ ሂቦም ከድምፁ ምግባር
- እንታይ እንታይ ድምፂ ከምዝሰምዑ ክዛረቡ ምግባር፣ ቀፂሎም ጠቓሚትት ኣፃብዕቲ እዝኖም ብምዕፃው ንንእሸተይ ሰከንድ ኩዳምፁ ምግባር

ንምንታይ ድምፂ ምስማዕ ከምዘይካኣሉ ብምሕታት ረብሓ እዝኒ ክርደኡ ምግባር

ተፍትሽ፦ ረብሓ እዝኒን ከመይ ምሕብሓብን ከምዝካኣ ዝተፊላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ግንዛበ ምሕዳሮም ምግምጋም

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 5. ኣፍንጫና ምጥቃምን ንኣፍንጫን ምክንኻንን | 5.1 ብምጭናው ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍላይ፣ |

ተግባር ሓደ፦ ረብሓ ኣፍንጫ ምዝራብ

ዒላማ፡- ብዛዕባ ረብሓ ኣፍንጫን ዝተፈላለዩ ጨናታትን ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ስእሊ ኣፍንጫ ወይ ፎቶግራፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ አፍንጫ (ፎቶግራፍ) ክርእዩ ብምግባር ምሕታት
- ነቲ ስእሊ ዝመስል ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ኣለኩም ዶ ኢልካ ምሕታት
- መልሶም መሰረት ገይርኻ አፍንጫኦም ብኢዶም ክነኽኡ ምግባር“አፍንጫይ እዚ እየ።” ክብሉ ምብርትታዕ
- ረብሓ ኣፍንጫኦም ክዛረቡን ብኣፍንጫኦም ደስ ዝብልን ደስ ዘይብልን ጨና ኣጫንዮም ዝፈልዩን ዘይፈልን ምኳኖም ምሕታት፣ ኣብ ዘጫንውሉ እዋን እንታይ ዓይነት ስምዒት ከምዝስምዖም ክመያየጡ ምግባር፣
- ኣየር ናብ ውሽጢ ሳንቦኦም ብምስሓብን ብምውፃእን ክትንፍሱ ብምግባር ኣፍንጫ ንምትንፋስን ጨና ንምፍላይን ከምዝጠቕሞም ክርድኡ ምግባር፣
- መልሶም መሰረት ገይርኻ ብዛዕባ ኣፍንጫ ረብሓን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ብዛዕባ ረብሓ ኣፍንጫን ዝተፈላለዩ ጨናታትን ምዝራብ ምፍታኖም ምርግጋፅ።



ተግባር ክልተ፡- ንኣፍንጫ ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት ምፍላይ

ዒላማ ፡- ንኣፍንጫ ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ብዓብይኡ ዝርአ ስእሊ ኣፍንጫ ወይ ፎቶግራፍ፣ እርሳስ፣ እስክርቢቶ፣ ጥረምረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ጉድኖም ኮፍ ናይ ዝበሉ መሓዙቶም ኣፍንጫ ክርእዩን ኣፍንጫ እቶም ህፃናት ክንደይ ነ኿ል ከምዘለዎ ርእዮም ክዛረቡ ምግባር፣
- ረብሓ ኣፍንጫ ብምሕታት ክበራበሩ ምግባር፣
- ኣፍንጫ ብጥንቃቐ እንድሕር ዘይተታሒዙ ክጉዳእ ከምዝኽእል ምግላፅ፣ ኣብ ኣፍንጫ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ነገራት ጠረምረ፣ ወረቐታት፣ እርሳስ፣ እስክሪብቶ ወዘተ... / ናብ ኣፍንጫ ምእታው ከምዘየድልን ኢድካ ንኣፍንጫ ምጕሯርን ንዝተፈላለየ ጉድኣት ከምዘብፅሕ ክርዱ ምግባር፣

ብኣጋጣሚ ናብ ኣፍንጫኦም ዝኾነ ነገር እንተኣትይዎም ቀልጢፎም ኣብ ቀረብኦም ናብ ዘሎ ሰብ /ንወለዲ፣ ንመምህር፣ ንሞግዚት...ወዘተ/ ምዝራብ እንበርባፅሎም ከውፅኡ ክፍትኑ ከምዘይብሎም ክርድኡ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ህፃናት ኣብ ማዕልታዊ ህይወቶም ኣፍንጫን ዝገድኡ ነገራት ተረዲኦም ኣፍንጫኦም ክጐድኡ ካብ ዝኽእሉ ነገራት ዓርሶም ክከላኸሉ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፡- ንኣፍንጫ ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት ብምሕታት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ሰለስተ፡- ምፍላይ ጨና

ዒላማ ፡- ንነገራት ብምጭናው ምፍላይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ዕጣን፣ ሰንደል፣ ጨና፣ ዝተፈላለዩ ጨና ዘለዎም ነገራት ንኣብነት፡- ለሚን፣ ሙዝ፣ ፃዕዳ ሽንጉርቲ ወዘተ…

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ቀረባ ክርከቡ ዝኽእሉ ፍራምረታት ህፃናት ክርእዩ ብምግባር እንታይነቶም ምሕታት፣

  ንኣብነት፡- ሙዝ፣ ኣራንሺ፣ ለሚን፣ ፃዕዳ ሽንጉርቲ ወዘተ…

- ኣብ ጨና መፍለዪ ታኒካ ዝተፈላለዩ ጨና ዘለዎም ነገራት ምቕማጥ
- ነቲ ጨና መፍለዪ ታኒካ ከይኸፈትካ ከጫንዉዎ ምግባር፣
- ናይ ምንታይ ጨና ከምዝጨነዎም ብምሕታት ምፍላይ ጨና ዝኽእልሉ ኩነታት ልምምድ ክገብሩ ምግባር፣
- ዘጫነውዎ ነገር ብትኽክል ምፍላጦምን ዘይምፍላጦምን ካብ ጨና መፍለዪ ታኒካ ብምውፃእ ክርእዩ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- እዚ ተግባር ጨና ዘለዎ ነገር ኣብ መፍለዪ ጨና ብምእታው ንዝተወሰነ ግዘ ክፀንሕ ድሕሪ ምግባር መሊስካ ምውፃእ ብድሕሪኡ እቲ ታኒካ ከጫንዉ ብምግባር እንታይ ሒዙ ነይሩ ኢለካ ምሕታት፤ መፍለዪ ጨና ታኒካ እንድሕር ተሳኢኑ ህፃናት ዓይኖም ክዕመቱ ብምግባር እቲ ጨና ዘለዎ ነገር ናብ ኣፍንጫኦም ብምፅጋዕ ናይ ምንታይ ጨና ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር ይክኣል እዩ። |

ተፍት

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 6. ናይ ምጥዓም ስምዒት ህዋስ ተጠቒሞም ምጥዓምን ንኣፍ ምክንኻንን። | 6.1 ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘለዎም ምፍላይን ምዝራብን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ስእሊ መልሓስ ሕብሪ ብምልኻይ ምፍላይ

ዒላማ ፦ መልሓስ ኣበይ ከምዝርከብ ይዛረቡ፤ ከምኡዉን ንስእሊ መልሓስ ግቡእ ሕብሪ ይለኽዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ብዓበይቱ ዝተስኣለ ስእሊ መልሓስ ወይ ፎቶግራፍ፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኣብ ዓብዪ ወረቐት ዝተስኣለ ስእሊ ኣፍን መልሓስን ክርእዩ ብምግባር እንታይ ከምዝኾነን ኣበይ ከምዝርከብን ምሕታት፣
- ዝሃብዎ መልሲ መሰረት ብምግባር ኣብቲ ስእሊ ዝርኣይዎ ክፍሊ ኣካል ሰውነት ኣሎኩምዶ ወይስ የብልኩም ኢልካ ምሕታት፣
- ካብኡ ንመልሓሶም ብሓባሪት ኣፃብዕቶም ንመልሓሶም ክሕብሩ ምብርትታዕ፣
- ስእለ ኣፍ ብምሃብ ንመልሓስ ጥራሕ ቀይሕ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር፣
- ስኢሎም ምስ ወድኡ ኣብ እግሪ እቲ ስእሊ ስሞም ክፅሕፉ ምግባር ኣብ ግድግዳ ምልጣፍ፣

ተፍትሽ፦ መልሓስ ኣበይ ከምዝርከብ ምዝራብ ምኽኣሎምን ስእሊ መልሓስ ግቡእ ሕብሪ ምልኻዮም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፦ ብምጥዓም ጣዕሚ ምፍላይን ምዝራብን

ዒላማ ፦ ብምጥዓም ጣዕሚ ምግብታት ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ብዓብይኡ ዝተስኣለ ስእሊ ኣፍ ወይ ፎቶግራፍ፣ ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዘለዎም ምግብታት፣ ስእሊ ዝተፈላለየ ምግብታት፣ ንዓይኒ መሸፈኒ ዝጠቅም ፅሩይ ጨርቂ፣ ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብ ፦

- "ጥዒምካ ፍለጥ" ዝብል ፀወታ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ክፃወቱ ምግባር፣
  - ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዘለዎምን ክትንክፍሉ ዝኽእሉ ነገራት ምድላው

    ንኣብነት፦ ሽኮር፣ ጨው፣ ሙዝ፣ ለሚን፣ ብስኩት፣ ባኒ፣ ወዘተ...
- ክልተ ህፃናት ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ክብሉ ብምግባር ዓይኖም ብጨርቂ ምሽፋን፣
- ንህፃናት ኣብ መልሓሶም ቁሩብ ሽኮር ብምግባር ከጠዓዕምዎ ምግባርን ጣዕሙ ክዛረቡን ምግባር፣
- ብምቕፃል ቁሩብ ጨው ኣብ መልሓሶም ብምግባር ካብቲ ቀዲሞም ዝጠዓምዎም ሓደ ዓይነት ምኧኑን ዘይምኧኑን ክዛረቡ ምግባር፣
- እቲ ዝጠዓምዎ ጣዕሚ እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣
- ነቲ ጣዕሚ ብምንታይ ከምዝፈለይዎም ክዛረቡን ረብሓ መልሓስ ክርዱኡ ምግባር፣
- ኣብ መልሓሶም ንኡሽተን ምግቢ ብምቕማጥ ክጥዕምዎ ብምግባር እንታይነቱ ክዛረቡ ምግባር፣
- ጥዑም እዩ፣ ጨው ጨው ይብል፣ መሪር እዩ፣ ይመፅፅ እንዳበሉ ክፈልዩ ምግባር፣
- ካብቲ ዝጠዓምዎ ምግቢ ኣየናይ ጥዑም፣ መሪር፣ መፂፅ ከምዝነበረ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣

ተፍትሽ፦ ብምጥዓም ጣዕሚ ምግብታት ምፍላይ ምኽኣሎም ምዝራብ ክጥዕሙ ብምግባርን ብምሕታትን ምርግጋፅን።

ተግባር ሰለስተ፦ ንመልሓስ ዝጐድኡ ነገራት ምፍላይ

ዒላማ ፦ ንመልሓስ ዝጐድኡ ነገራት ይፈልዩን መልሓሶም ከይጉዳእ ምክልኻል ይለማመዱ፡

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ስእሊ ትኩስ ነገር፣ በለሕቲ ነገራት

- መልሓሶም ሓሚሞም ዝፈልጡ ምኻኖም ምሕታትን መንቀሊ ሕማሞም ብምሕታት ምምይያጥ፣
- መልሓስና ብትኩስ ከቃፀሎ ከምዝኽእልን በላሕቲ ነገራት ንመልሓስና ክቖርፅ ከምዝኽእል ብዝስዕብ መንገዲ ክርድኡ ምግባር፣
    - ቁርሲ ወይ ጠዓሞት/መማሸዪ ሻሃይ ፣ ፀባ እንትንሰቲ ኣዝሕል ኣቢልና ክንሰቲ ከምዘለና ምግላፅ፣
    - መሓሶም ከም ማስቲካ እንዳሐየኹ ክፃቱ ከምዘይግባእ፣
    - መልሓሶም ብበለሕቲ ነገራት ክነኻኽኡ ወይ ክብሕጭሩ ከምዘይግባእ ምግላፅ፣
    - መልሓስካ ኣውፂእኻ ዘይምጉያይን ዘይምፅዋትን፤

| |
|---|
| መዘክር፦ ህፃናት ኣብ ማዕለታዊ ህይወቶም ንመልሓስና ዝጎድኡ ነገራት ተረዲኦም መልሓሶም ካብ ዝጐድኡ ነገራት ባለዕሎም ክሕልዎ ከምዝግብኦም ክርድኡ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፦ መልሓሶም ክጐዱኡ ዝኽእሉ ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ብምሕታት ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 6. ምጥቃም ስምዒት ኣካል ምጥዓምን ምንክብኻብ ኣፍን | 6.2 ኣፎም ብጥንቓቐን ብምሕብሓብን ምሓዝ ይለማመዱ። |

ተግባር ሓደ፦ ረብሓ ስኒ ምዝራብ

ዕላማ ፦ ምስ ስኒ ይላለዩን ረብሓ ስኒ ይዛረቡን።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ስእሊ ስኒ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኣብ ዓብዪ ወረቐት ዝተስኣለ ስእሊ ኣፍን ስንን፤ እቲ ስእሊ ህፃናት ክርእይዎ ብምግባር እንታይ ከምዝኾነን ኣበይ ከምዝርከብን ምሕታት፣
- ብዝሁብዎ መልሲ መሰረት ብምግባር ኣብቲ ስእሊ ዝርኣይዎ ክፍሊ ኣካል ሰውነት ኣሎኩምዶ ወይስ የብልኩም ኢልካ ምሕታት፣
- ንኣስናኖም እንዳርኣዩ "እዚ ስነይ እዩ" ክብሉ ምብርትታዕ፣
- ኩሎም ህፃናት ምስ ኣብ ጎድኖም ዘሎ ህፃን ኣስናኖም ክረኣኣዩ ብምግባር እንታይ ከምዝርኣዩ ክዛረቡ ምግባር፣
- ረብሓ ስኒ ብምሕታትን መልሶም ብምድማፅን ረብሓ ሰኒ ብዝግባእ

ተፍትሽ፦ ምስ ስኒ ምልላዮምን ረብሓ ስኒ ምዝራብምን ካብ ዝዘረብዎ ነገራት ብምድማፅ ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፦ ስኒ ክጉድኡ ዝኽእሉ ነገራት ምፍላይ

ዒላማ፡- ስኒ ክጕድኡ ዝኽእሉ ነገራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብስኩት፣ ሽኮር፣ ከረሜላ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንህፃናት ብስኩት፣ ከረሜላ፣ ሽኮር ክርእዩ ብምግባር እንታይነቶም ክገልፁ ምግባር፣
- ህፃናት ኩለ ግዜ እዞም ጥዑም ምግብታት ዝምገቡ እንተድኣ ኰይኖም ኣስናኖም ክበላሸ ከምዝኽእል ምግላፅ፣
- ህፃናት ኣስናኖም ከይበላሸ ኩሉ ግዜ ድሕሪ ምግቢ ኣፎም ክጕመፅሙፁ ከምዝግብኦም ክርድኡ ምግባር፣
- እንድሕር ድኣ ኣፎም ዘየጕመፅምፁ ኰይኖም ኣፎም ክጨን ከምዝኽእልን ኣስናኖም ክበላሸ ከምዝኽእልን ምዝራብ፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ኩሉ ግዜ ኣብ ኣፀደ ህፃናት ዝርከቡ ህፃናት ድሕሪ ምግቢ ኣፎም ክጕመፅሙፁ ምዝኽኻርን ዘድሊ ክትትልን ድጋፍን ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፡- ስኒ ክጕድኡ ዝኽእሉ ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ብምሕታት ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ብዛዕባ ክንክን ስኒ ምርዳእ

ዒላማ፡- ኣስናኖም ከመይ ከፅርይዎም ከምዝግባእ ይርድኡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- “ስኒ ምምዋፅ ከምዚ እዩ።” ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣
- በኣካላዊ ምንቅስቓስ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ኢድና ብምንቅስቓስ ምርአይ፣
- ህፃናቱም መዝሙር ሓቢሮም ክዝምሩን ኣእዳዎም ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ምንቅስቓስ ክለማመዱ ምግባር፣
- ብሩሽ ስንን መመወፂ ዕንፀይትን ንህፃናት ክርእይዎ ብምግባርን እንታይ ከምዝኾነን ንምንታይ ከምዝጠቅምን ዝፈልጥዎ ምኽኖምን ዘይምኽኖምን ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- መምህር ብሩሽ ስንን ሳሙና ስንን ከመይ ክጥቀምሎም ከምዝግባእ ብተግባር ክርእዩ ምግባር፣
- ሳሙና ስኒ ንሓደ ግዘ ክንዲ ዓተር ትኣክል ዓቐን ዘለዎ እኹል ከምዝኾነ ክግንዘቡ ምግባር፣
- ሳሙና ስኒ ክወሓጥ ከምዘይግባእ ምዝራብ፣
- ስኒ ንምምዋፅ ዘገልግል ዕንፀይቲ ምሕባር
- ብመዎፅ ከመይ ምምዋፅ ከምዝከኣልን ስንና ከምነፅርይን ብተግባር ምርኣይ፣
- ህፃናት ስለዝኾኑ ብሩሽ ስኒ ይኹን መሞፅ ተጠቒሞም ስኖም ከፅርዩ ስለዘይግባእ ወለዶም ክፅርይሎም ክገብሩ ይግባእ፣
- ህፃናት ንጉሆን ምሸትን ድሕሪ ምግቢ ምብላዕ ኣስናኖም በማይ ክጉመፅሙፁ ከምዝግባእ ምዝራብ፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ንወለዲ ወይ መዕበዪቲ ህፃናት ብቃል ወይ ብደብዳበ ብምልኣኽ ህፃናት ኣስናኖም ከመይ ክከናኸንዎም ብፍላይ ድሕሪ ምግቢ ምብላዕ ኣስናኖም ክምዉፁ ከምዘለዎምን ድጋፍን ክትትልን ክገብርሎም ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፡- ኣስናኖም ከመይ ከፅርይዎም ከምዝግባእ ዝተረድኡ ምኽኖም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|

| | |
|---|---|
| 7. ብምድህሳስ ንነገራትን ኩነታትን ምግላፅ | 7.1 ሙቐት ምፍላይን ስምዒቶም ብምድህሳስ ምግላፅ ይኽእሉ። |

**ተግባር ሓደ፦ ምፍላይ ሙዉቕን ዛሕልን**

ዒላማ፦ ሙዉቕን ዛሕልን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ታኒካ፣ ውዑይ ማይ፣ ዝሑል ማይ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ክልተ ማይ መትሓዚ ታኒካታት ምጥቃም እቲ ሓደ ዝሁም፣ እቲ ካሊእ ዝሑል ማይ ክትሕዝ ምግባር
- ኩሎም ህፃናት በቢተራ ኣእዳዎም ናብቲ ታኒካ ብምእታው ዝተሰምዖም ስምዒት ብምሕታት፤ <<እዚ ምዉቕ፣ እዚ ድማ ዝሑል>> እናበሉ ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- በየናይ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ክምዝፈለጥዎምን ከመይ ክምዝፈለጥዎን ብምሕታት ረብሓ ኢድ ክርድኡ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር ፦ ነዚ ተግባር ክንጥቀመሉ ዝግበአና ውዑይ ማይ ተመጣጣኒ ሙቐት ክህልዎም ምግባር፤ ህፃናት ኣብ ገዝኾም ዝኾነ ይኹን ውዑይ ማይ ብኢዶም ክትሕዙ ከምዘይግብኦም ክጥንቀቑ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፦ ሙዉቕን ዛሕልን ምፍላይ ምጅማሮም ነቲ ተግባር እንትፍፅሙ ብምርኣይን ብምሕታትን ምርግጋፅ።

**ተግባር ክልተ፦ ብምድህሳስ እንታይነት ነገራት ምፍላይ**

ዒላማ፡- ብምድህሳስ እንታይነት ነገራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ኣናእሽተን ናውቲ፣ መሸፈኒ ዓይኒ/ጨርቂ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ማዕልታዊ ህይወቶም ዝጥቀምሎም ናውትታት ኣብ ቅድሚ ህፃናት ምቕማጥ፣
- ሕድሕድ ህፃን ነቲ ናውቲ ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነንንምንታይ ተግባር ከምዝጠቅምን ብምሕታት ምምይያጥ፣
- “ተኣምረኛ ከረፂት” ዝብል ፀወታ ብሽምዚ መንገዲ ክፃወቱ ምግባር፣
    - ንዝፈልጥዎም ናውትታት ክርእዩ ብምግባር እንታይነቶም ክዛረቡ ምግባር፣
    - ነቶም ናውትታት ናብ ከረፂት ምእታው
    - ፍቃደኛታት ንዝኾኑ ህፃናት ዓይኖም እልሕልሕ ኣቢልካ ምሽፋን፣
    - ኣእዳዎም ናብ ከረፂት ኣእትዮም ሓደ ዝኾነ ናውቲ ከውፅኡ ምግባር፣
    - ነቲ ካብ ከረፂት ዘውፅእዎ ኣቕሓ ብምድህሳስ እንታይነቱ ክዛረቡ ምግባር፣

ካብኡ ዓይኖም ብምፍታሕ ትኽክል ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ባዕሎም ክግምግሙ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ብምድህሳስ እንታይነት ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ኣብ እዋን ፀወታ ምርግጋፅ፣

ተግባር ሰለስተ፡- ምፍላይ ሓርፋፍን ልሙፅ ነገራትን

ዒላማ፡- ብምድህሳስ ሓርፋፍን ልስሉስ ነገራትን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ወረቐት ብርጭቆ፣ ልስሉስ ጨርቂ ወይ ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ልስሉሳትን ሓርፋፍ ነገራትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ልስሉሳትን ሓርፋፍ ነገራትን ኣብ ጠረጴዛ ተምሃሮ ምቕማጥ፣
- ብኢዶም እናዳህሰሱ ክነኻኽእዎም ምግባር፣
- ኣየናይ ልስሉስ ኣየናይ ሓርፋፍ ከምዝኾነ ምሕታት፣
- ኣብ ዝድህስስሉ እዋን ዝተሰምዖም ነገራት ክዛረቡ ምግባር፣

> መዘክር፦ ብምድህሳስ ክፍለዩ ዝኽእሉ ነገራት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ክድህስሱ ምብርትታዕ የድሊ።

ተፍትሽ፡- ብምድህሳስ ሓርፋፍን ልስሉስ ነገራትን ምፍላዮም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 8. ጥዕናኻ ምሕላውን ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ ምልምማድ፣ | 8.1 ስርዓት ኣመጋግባ ይለማመዱ። |

ተግባር ሓደ፡- ምልላይ ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ

ዒላማ፡- ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ ይላለዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኩባያ ማይ፣ ጎድጓዳ ሽሓነ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ምግቢ ኣብ ዝምገብሉ እዋን ክፌልጥዎን ክለምድዎን ዝግባእ ስርዓት ኣመጋግባ ብሽምዚ ዝስዕብ መንገዲ ክርድኡ ምግባር፣
    - ምግቢ መጢንኻ ምጉራስ
    - ኣብ ኣፍካ ምግቢ ሒዝካ ዘይምዝራብ
    - እንትንሓይኽ ድምፂ ከስምዕ ዘይምግባር
    - ኣብ ኣፍካ ዘሎ ከይወሓጥካ ካሊእ ዘይምጉራስ
    - ምግቢ ኣብ ንምገበሉ እዋን ዝስተ ፅሩይ ማይ ምቕራድ
    - ኣብ ዝምገብሉ እዋን ካብ ኣፎም ተንጠባጢቡ ናብ መሬት ዝወደቐ ምግቢ ኣልዒሎም ክበልዕዎ ከምዘይግባእ ክርድኡ ምግባርን ብተግባር ክለማመዱ ምግባርን፣
- እዚ ተግባር ምግቢ ኣብ ዝምገብሉ እዋን ክለማመዱ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- እዞም ተግባራት ብሓደ ግዘ ጥራሕ ዝፍፀሙ ዘይኰኑስ ኣብ ማዕለታዊ ህይወቶም ክለማመድዎ ስለዝግባእ ክትትልን ደገፍን የድለዮም። |

ተፍትሽ፡- ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ ምልላዮም ብምሕታት ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ኣተሓሕዛን ኣኣጠቓቕማን ፋርኬታን ማንካን ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ፋርኬታ፣ ማንካ፣ ዕንቊታት ፍረ ቀላሚንጦስ፣ ጥረምረ ወዘተ…

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ኣዘውቲሮም ዝምገብዎም ምግብታት ስም ብምፅዋዕ ብምንታይ ከምዝምገብዎም ምሕታት፣
- ኣብ ዝተፈላለዩ ሽሓነታት ፋርኬታን ማንካን፣ ጥራጥረታት፣ ዶቃዎች ወዘተ…ምሃብ፣
- ማንካታት ተጠቒመካ ጥራምተ ካብ ሓደ ሽሓነ ናን ካሊእ ሽሓነ ክሰፍሩ ምግባር፣

> መዘክር ፡- እዚ ተግባር ቁርሶም ወይ ምሳሖም ኣብ ዝበልዕሉ እዋን ተግባራዊ ምግባር ይክኣል እዩ።

ተፍትሽ፡- ኣተሓሕዛን ኣኣጠቓቕማን ፋርኬታን ማንካን ብምርኣይ ምግምጋም።

ዒላማ፡- ኣእዳዎም ብዝግባእ ምሕፃብ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ናይ መዝሙር ካሴት፣ ማይ ብታኒካ፣ ፎጣ፣ ሳሙና ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- “ኢድካ ምሕፃብ ከምዚ እዩ” ዝብል መዝሙር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ደው ኢልካ ምዝማር
- እድና እንትንሕፀብ ማእኸል፣ ዝባንን ማእኸል ኣፅብዕትናን ብደንቢ ክንሕፀቦ ከምዘለና ብተግባር ምርኣይ፣
- ብዝርኣይዎ መሰረት መዝሙር እንትዝመር ኣካላዊ ምንቅስቓስ እናዋሃዱ ክዝምሩ ምግባር፣
- ኢድ ንምሕፃብ ዝጠቕሙ ናውቲብምቕራብ ኢዶም ከመይ ክሕፀቡ ከምዘለዎምን ከምዝንቅፁን ብተግባር ክርእዩ ምግባር፣
- ኩሎም ህፃናት እዚ ተግባር ክለማመዱ ምግባር፣

> መዘክር፡- ህፃናት እዚ ተግባር ቅድሚ ምግቢ ምብላዖምን ምውዳኦም ክትግብሮ፣ ድሕሪ ምግቢ ኣፎም ከጉመፅምፁ ከምዝግባእ ግበ ገለፃ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኣእዳዎውም ብዝግባእ ምሕፃብ ምጅማሮም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 9. ሰውነትካ ብጥንቃቐን ብክንክንን ምትሓዝ | 9.1. ሰውነቶም ብጥንቃቐን ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ክፍሊ ኣካል ሰውነት ክጉድኡ ዝኽእሉ ነገራት ምፍላይ



ተግባር ሁለት ፡- የተለያዩ ነገሮችን በሽታ መለየት

ዒላማ፡- መፅሓፍ ነበረያ ነበረ፣ ላማ፣ መርፍእ፣ ስብርባር ጠርሙዝ፣ ወዘተ...

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- የጤና አዳም፣ ዳማከሴ፣ ሙዝ፣ ብርቱካን፣ሎሚ፣ የተለያዩ የጓሮ አትክልቶችና ፍራፍሬዎች፣ ስዕል

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህር ዝተፈላለዩ ተጓንፎታት ብምዝራብ ካብ ሓደገኛን ጐዳእቲ ነገራት ዓርሶም ክሕልዉ ምዝራብ፣

  ንኣብነት፡- ዝስዕብ ተጓንፎ ንህፃናት ምዝራብ፡-

  “ሎሚ ንጉሆ ናብዚ እናመፃእኹ እናሃለኹ ሓደ ህፃን ኣብ መንገዲ ኰፍ ኢሉ እናበኸየ ርኣኽዎ። <ታይ ኰይንኻ ኢኻ ትበኪ?” ኢለ ሓተትክዎ። ንሱ እዉን **“**ዝወደቐ ላማ ረኺበ ሳዕሪ ክዓፅደሉ እንትብል እቲ ላማ ኣፃብዕተይ ቈሪፁኒ።**”**፣ ኢሉ ዝተቖረፀ ኣፃብዕቱ ኣርአየኒ። እቲ ህፃን ስለ ዘሕዘነኒ ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከብ ጣብያ ጥዕና ወሰድክዎ። እታ ሓኪም ኢዳ ደም ከይነኽኣ ኢዳ ጓንቲ ገይራ ሓከመቶ። **“**ካልኣይ መዓልቲ ዝወደቐ ላማ ከይተልዕል**”** ኢላ መኺረ ናባኹም መፃእኹ። ንስኹም እቲ ህፃን እንተትኾኑ እንታይ ምገበርኩም ዝብል ሕቶ ኣልዒልካ ክመያየጡ ምግባር፣

- መርፍእ፣ ላማ፣ ስብርባር ጠርሙዝ፣ ዝዘዓገ ሚስማር፣ ስልኪ ዝመሳሰሉ ናውትታት ወዲቐ እንትረኽቡ ህፃናት ከልዕሉ ከምዘይግባእ ምዝራብ፣

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ንክፍሊ ኣካል ሰውነት ክጐድኡ ዝሽእሉ ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ክልተ፡- ረብሓ ክዳውንትን ጫማን ምግንዛብ

ዒላማ፡- ረብሓ ክዳውንትን ጫማን ይግንዘቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዩኒፎርም ህፃናት፣ ጫማ ቈለዑ፣ ክዳንን ጫማን ባንቡላ፣ ካብ ዕንጨይቲ ፍሬም ዝተዳለወ ክዳን ወዘተ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብዛዕባ "በርህ ዓሻ" ከምዚ ዝስዕብ ምቕራብ፡-
  ቀደም በርህ ዝተብሃል ዓሻ/ሃሳስ ነበረ። በርህ ንጉሆ ካብ ምድቃሱ ተላዒሉ ኣደየ ኣእዳወይ ከይቆሮም ካልሲ ክገብር ዶ ኢሉ ገበረሉ። ቀፂሉ ድማ ርእሰይ ከይቆሮ ቁምጣ ክገብረሉ ኢሉ ኣብ ርእሱ ቁምጣ ሱረ ገበረሉ። ኢልካ ብምዝንታው በርህ ንምንታይ ሃሳስ/ዓሻ ከምዝተብሃለ፣ ቁምጣን ካልስን ኣብ ምንታይ ከምዝግበር ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ሰውነትና ከይቆሮ ክዳን ምኽዳን ከምዘድሊ ክርድኡ ምግባር፣
- እግርና ዕንቅፋት ከይወቕዖ ጫማ ምግባር ከምዘድሊ ክርድኡ ምግባር፣
- መእሰሪ ጫማ ኩሉ ግዘ ብትኽክል ክእሰሩ ከምዘለዎም ምዝራብ፣

ተፍትሽ፡- ረብሓ ክዳውንትን ጫማን ዝተገንዘቡ ምኗኖም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- ኣድላይነት ክፍለ ኣካል ሰውነትና ብዕሬት ምትሓዝ

ዒላማ፡- ብደረጃኦም ኣድላይነት ክፍሊ ኣካል ሰውነትና ብፅሬት ምትሓዝ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ሰባት ኢዶም፣ እግሮም፣ ፀጉሮም ወዘተ እናተሓፀቡ ዘርኢ ስእሊ፣ ዶቃዎች ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- እቲ ስእሊ ኩሎም ህፃናት ኣብ ዝርእይዎ ቦታ ምልጣፍ፣ ነቶም ህፃናት ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ኣብቲ ስእሊ ዝርኣይዎ ነገር ክዛረቡ ምግባር፣
- ህፃናት ልክዕ ከምቲ ኣብ ስእሊ ዝረኣይዎ ፅሬቶም ክሕልዉ ከምዝግባእ ምዝራብ፣
- ቅድምን ድሕርን ምምጋብ ምግቢን ካብ ሽቓቕ መልስን ኢዶም ብሳሙና ክሕፀቡ ከምዝግባእ
- ኩሉ ግዘ ንጉሆን ምሽትን ገፅኻ ምሕፃብ ከምዘድሊ፣
- ኩሉ ግዘ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተመለሱ እግሮም ምሕፃብ ከምዘለዎም፣
- በቢ ሳልስቱ ፀጉሪ፣ በቢ ሰሙኑ ድማ ሰውነቶም ምሕፃብ ከምዘድሊ፣
- ኣፅፋሮም በቢ ግዜኡ ክቖርፁ ከምዝግበኦም፣ ክርድኡ ምግባር፣

- ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ነገራት ተዘይፈፂሞም ንዝተፈላለዩ ሕማማት ክቃልዑ ከምዝኽእሉ ክርድኦም ብዝኽእል መንገዲ ምግላፅ፣

> መዘክር፡- በቢ ማዕልቱ ህፃናት ውልቀ ፅሬቶም ዝሕልዉን ዘይሕልዉን ምኽናም ምክትታል፣ ወለዲ ደቆም ፅሬቶም ክሕልዉ ከምዝግብኦም ምርዳእን ኣድላዪ ደገፍን ክትትልን ክገብርሎም ከምዝግብኣ ምሕባር የድሊ።

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ኣድላይነት ክፍለኣካል ሰውነትና ብፅሬት ምትሓዝ ብምድማፅ ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ምሕፃብ ገፅን ኢድን

ዒላማ፡- ኢዶምን ገፆምን ምሕፃብ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ታኒካ ማይ፣ ኣብ ቀፅሪ አፀደ ህፃናት ዝርከቡ ቧንቧታት፣ ዝተፈላለዩ ሳሙናታት (አጃክስ፣ ናይ ገፅ/ ሰወነት፣ ክዳን)፣ ፎጣ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህር ኩሎም ህፃናት ኣብ ዝርእይዎም ቦታ ጠጠው ብምባል እጅገ ጋዎኖም ብምፅፃፍ ኢዶም ብሳሙና ምሕፃብ ህፃናት ክርእዩ ምግባር፣
- ብምቕፃል ብማይ ጥራሕ ብምሕፃብን ብፅሩይ ጨርቂ ምንቃፅን፣
- ብተመሳሳሊ መንገዲ ህፃናት በቢ ተራ ልክዕ ከምቲ መምህር ዝገበርዎ እጅገ ጎልፎኦም ወይ ሸሚዞም ዓፂፎም ብሳሙናን ማይን ኢዶም ምሕፃብ ገፆም ድማ ብማይ ጥራሕ ክሕፀቡ ምግባር፣
- ህፃናት ብሳሙና ገፆም ክሕፀቡ ከምዘይብሎም ብኣፅንኦት ምዝራብ፣
- ኣፈላለይን ግልጋሎትን ሳሙናን ምርዳእ፣

ንኣብነት፡- ናይ ኣቑሑ፣ ክዳን፣ ናይ ነብሲ ሳሙናታት ከምዝረብሑ ብምርዳእ ብዝረኸብዎ ሳሙና ክሕፀቡ ከምዘይግባእ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኢዶምን ገፆምን ምሕፃብ ምልምማዶም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 10. ዓብይን ንኡሽተንን ጭዋዳታት ምጥቃም፣ | 10.1. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ንዝተፈላለዩ ተግባራት ምጥቃም ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ሚዛን ሰዉነት ሓሊኻ ምስጓም

ዒላማ፡- ሚዛን ሰዉነቶም ሓልዮም ይስጉሙ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ሰፊሕ ቦታ/ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ወይ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት/ ኢዶም ዘርጊሖም ናብ ጐኒ ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- ዓይንኻ ሸፊንኻ ከመይ ምስጓም ከምዝክኣል ብተግባር ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ሕድሕዶም በወረፋ ዓይኖም ሸፊኖም ሓሙሽተ ስጉሚታት ክስጉሙ ምግባር፣ ማድረግ
- ዓይኖም ብምግላፅ ዘይሮም ናብ ቦታኦም ክምለሱ ምግባር፣

> መዘክር፡- እቲ ንመርዖ ከባቢ ንህፃናት ጉድኣት ዘየብፅሕ ምዃኑ እርግፀኛ ምዃን የድሊ።

ተፍትሽ፡- ሚዛን ሰዉነቶም ሓልዮም እናሰጎሙ ምዃኖም ብምርኣይ ምግምጋም።

ዒላማ፦ ሚዛን ሰዉነት ሓሊኻ ኣብ መስመር ይስጉሙ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ኩሩሽ /ቾክ/፣ ሲባጎ /ገመድ/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ሑቼኦም ሒዞም ቀጥ ኢሎም ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- መጀመርን መወድእን ቦታ ብቾክ ምልክት ብምግባር ክርእዮዎ ምግባር፣
- ካብ መጀመሪ ክሳብ መወድኢ ዘሎ ቦታ ገመድ ምዝርጋሕ፣ (እቲ ገመድ ሓሊኹ ከየውድቆም ጥንቃቐ ምግባር የድሊ)
- ሑቼኦም ሒዞምን ሚዛናም ሓልዮምን ክስጉሙ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ሚዛናም ሓልዮምን ካብ መስመር ከይወፅኡ ምስጓሞምን ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ሚዛን ሰውነቶም ሓልዮም ካብ መስመር ከይወፅኡ ይጕይዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ክሩሽ/ ቾክ/፣ ሲባጎ/ገመድ/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ካብ ክፍሊ ወፃኢ ኣወዳትን ኣንስትን ብኽልተ ረድፊ ክስርዑ ምግባር፣
- ኣብ ቅድሚኦም ካብ 50-60 ሴ.ሜ ርሕቐት ክልተ ዝተፈላለዩ መስመራት ብምስማር ኣብቲ መስመር ኢዶም ክዝርግሑን ኢዶም ኣብ ሑቐኦም ክትሕዙን ብምግባር ካብ መስመር ከይወፅኡ ክጕይዩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ሚዛን ሰውነቶም ሓልዮም ካብ መስመር ከይወፅኡ ምጕይ ምኽኣሎም ብተግባር ካብቲ ውድድር ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- ሚዛን ሰውነቶም ሓልዮም ካብ መስመር ከይወፃእኻ ምጕያይ፣

ተግባር ኣርባዕተ፡- ሚዛን ሰውነትካ ሓሊኻ ምዝላል

ዒላማ፡- ሚዛን ሰውነቶምካ ሓሊዮም ብክልተ እግሮም ይዘሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ገመድ፣ ሲባጎ ፣ ክሩሽ/ቾክ/ ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ካብ ክፍሊ ወፃኢ ኣወዳትን ኣጓላትን ብኽልተ መስርዕ ክስርዑ ምግባር
- ኣብ ማእኸሎም ካብ 30-40 ሴ.ሜ እቶም ክልተ ገመዳት ብተመዓዳዊ መስመር ኣረሓሒቕካ ኣብ መሬት ምዝርጋሕ፣
- ብክልተ እግሮም ነቲ ገመድ ከይረገፁ ከመይ ክዘሉ ከምዝግብኦም ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- በቢ ተራ ክዘሉ ምግባር፣

መዘክር፡- ሑቖኻ ሒዝካ ምዝላል፣ ኢድካ ዘርጊሕካ ካብ ምዝላል ክብድ ስለዝብል መምህር ንህፃናት እንተለማምዱ ጥንቃቐ ምግባር የድሊ። ከምኡውን ህፃናት ዝጎይሉን ዝዘልሉን ቦታ ንህፃናት ምችው ምዃኑ ምርግጋፅ የድሊ።

ተፍትሽ፡- ሚዛን ሰውነቶምካ ሓሊዮም ብክልተ እግሮም ምዝላል ምኽእሎም ምክትታል።



ተግባር ሓሙሽተ፡- ኩዕሶ ብምድርባይ ዒላማ ምዕላም ምልምማድ

ዒላማ፡- ኩዕሶ ብምድርባይ ዒላማ ምዕላም ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣናእሽተን ኩዓሳሱ፣ ጎማታት /ቱቦታት/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ካብ ቀረባ ርሕቐት ኩዕሶ ብምድርባይ ኣብ ዝተተኸለ ጎማ ምሽላኽ፣
- ኩሎም ህፃናት በቢተራ በቲ ዝርኣይዎ መሰረት ክፃወቱ ምግባር፣
- ንምድርባይ ዝፅገም ህፃን ፈሊኻ ብምሕጋዝ ክድርቢ ምልምማድ፣

ተፍትሽ፡- ኩዕሶ ብምድርባይ ካብ ርሕቐት ዒላማ ምውቓዕ ምልምማዶም ክይዲ እቲ ፀወታ ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ስድስት ፦ ምሽሉኽላኽ

ዒላማ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ነገራት ምሽሉኽላኽ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣናእሽተን ጎማታት መኪና

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ፍርቂ ኣካሎም ዝተቀበረ ጎማታት መኪና ናብ ጎኒ ተር ኣቢልካ ምቕማጥ፣
- ኣብቲ ዝተተኽለ ወይ ዝተቐበሩ ጎማታት መኪና እንትሽሎኽሎኹ ርእሶም ከይውቃዕ ድንን ክብሉ ከምዝለዎም ኣቐዲምካ ምግላፅ፣
- በቢ ተራ ክሽሉኽሎኹ ብምግባር ከይጉድኡ ክትትል ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ነገራት ምሽሉኽላኽ  ምኽኣሎም ነቲ ከይዲ ፀወታ ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ኣብ መሳልል ብምድያብ ምንሽሕታት ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- መሳልል፣ መንሻሕተቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ዝርከብ መሳልልን መንሻሕተትን ህፃናት ብፆቶም ክስርዑ ምግባር፣
- ናብቲ መሳልል እንትድይቡ ነቲ ኣብ ጎኒ  ዘሎ ሓፂን ብክልተ ኢዶም ክትሕዝዎ ከምዝግባእ ምግላፅ፣
- ወረፋኦም ሓልዮም ናብቲ መሳልል ክድይቡን ክወርዱን ምግባር፣
- ናብቲ መሳልል ብምድያብ በቲ መንሻሕተቲ ተንሻሕቲቶም ክወርዱ ምድፍፋር፣
- ሓደ ህፃን ተንሻሕቲቱ እንትወረደ ካሊእ ህፃን ክንሻሕተት ከምዘይግብኦ ምዝራብ ከምኡ እንተገይሮም ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ክርድኡ ምግባር፣

> መዘክር፡- ህፃናት ናብ መሰላል ኣብ ዝድይብሉን ኣብ ዝወርድሉን እዋን ኣብ ጥቓኦም ምኻን ዘድሊ እንትኾን ኣይድይብን ኢሉ ዛኣበየ ህፃን ክነገድዶ ኣይግባእን።

ተፍትሽ፡- ናብ መሳልል ምድያብን ምውራድን ልምምድ ምግባሮም ምክትታል።

ተግባር ሸውዓተ ፡- ኣብ መሳልል ምድያብን ምንሽሕታትን



ተግባር ሸመንተ፡- ምንክብላል ጎማ

ዒላማ፦ ምንክብላል ኅማ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ኣናእሽተን ኅማታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ካብ ህፃናት ዝተወሰነ ርሕቐት ብቅድሚኦም ጠጠው ኢልካ ነቲ ኅማ እናከባለልኻ ናብቲ ህፃናት ዘለዉሉ ቦታ ብምምፃእ ህፃናት ክርእዩ ምግባር፣
- ኣወዳት ብኽልተ መስርዕ ኣንላት እዉን ብኽልተ መስርዕ  ክስርዑ ብምግባር ማዕዶ ማዕዶ ክርኣኣዩ ድሕሪ ምግባር ነቲ ሓደ መስርዕ ኅማ በምሃብ ናብቲ ፊቶም ዘሎ ህፃን እናከባለሉ ክኻዱን እቲ ሓደ ድማ ከምኡ እናገበረ እናተቐባበሉ ክፃወቱ ምግባር፣
- ኣብ እዋን ፀወታ ህፃናት ጉድኣት ከይበፅሖምን ተረሓሒቖም ክፃወቱ ምክትታል፣

ተፋትሽ፦ ምንክብላል ኅማ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ትሽዓንተ፦ ሚዛንኻ ሓሊኻ ብፍጥነት ምንቅስቓስ

ዒላማ፡- ሚዛኖም ሓልዮም ብቕልጣፈ ምንቅስቓስ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ንኡሽተን ጨርቂ ወይ መንዲል፣ ካብ ገመድ ወይ ሽሕቖ ዝተሰርሐ ጭጉራፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ክቢ ክሰርሑን ኮፈ ኢሎም መንዲለይ ዶሪኡኹም ዝብል ፀወታ ክፃወቱ ምግባር፣
- እቲ ቕልጡፍ ባቡር (ሰለሜ ሰለሜ) *መስመሮም ሓልዮም ክፃወቱ ምግባር፣*

ተፍትሽ፡- ሚዛኖም ሓልዮም ብፍጥነት ምንቅስቓስ ምልምማዶም ምክትታል።

ተግባር ዓሰርተ፡- ቀለልቲ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ምስራሕ

ዒላማ፦ ቀለልቲ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ይሰርሑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ዕንበባ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ህፃናት ኣብ ሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ መስርዕ ክስርዑ ምግባር፣
- ብኢዶም ዕንበባ ወረቐት ክትሕዙ ምግባር፣
- መምህር ኣብ ፊት ንፊት ህፃናት ደው ብምባል ክልተ ኢዶም ናብ ላዕሊ ናብ ጎድኒ ናብ ታሕቲ፣ ናብ ድሕሪት ሰዉነቶም በቢ ቁሩብ ከንቀሳቕሱ መእንታን ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ህፃናት መምህር ዝሰርሖም ሕድሕድ ምንቅስቓሳት እናተኸታተሉ ክሰርሑ ኣድላይ ዝበሃል ሓበሬታ ምሃብን ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ኩነታት ህፃናት ምክትታልን፣

| |
|---|
| መዘከር ፦ መምህር ነቲ ምንቅስቓስ እንትሰርሑ ናበይ ኣንፊት እናሰርሑ ከምዝኾነ እናሓበሩ ክስርሕዎም ይግባእ። |

ተፍትሽ፦ ቀለልቲ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ምስራሕ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ሓደ፦ ዝተፈላለዩ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ምስራሕ

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ይሰርሑ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዱብ ዱብ እናበሉ ሰውነቶም ከማውቑ ምግባር፣
- ኣእጋሮም ቁሩብ ክፍት ኣቢሎም ሽምጦም ብኢዶም ሒዞም ጠጠው ክብሉ ድሕሪ ምግባር ናብ ቅድሚት ድንን ኢሎም ብርኮም ነኺዮም ተመሊሶም ናብቲ ዝነበርሉ ኩነታት ቅንዕ ክብሉ ምግባር፣
- እዚ ተግባር ቁሩብ ክደጋግምዎ ምግባር፣
- ጠጠው ኣባሃህላኦም ኣብ ላዕሊ ከምዝተገለፀ ኰይኑ፡-
  - መምህር ሓደ ኢሉ እንትፅውዕ ኣእዳዎም ናብ ላዕሊ ከልዕሉ፣
  - ክልተ እንትብሃል ኢዶም ኣብ ላዕሊ እናሃለወ ከጠቕዑ ምግባር፣
- ህፃናት እግሮም ናብ ቅድሚት ዘርጊሖም ኣብ መሬት ኮፍ ክብሉ ምግባር፣
  - መምህር ሓደ ኢሎም እንትፅውዑ ኣእዳዎም ናብ ቅድሚት ምዝርጋሕ፣
  - ክልተ እንትብሉ ኣእዳዎም ንኣፃብዕቲ እግሮም ክትሕዙ ምግባር፣
  - ሰለስተ እንትብሉ ናብቲ ፈለማ ዝነበርሉ አቀማምጣ ክምለሱ ምግባር፣

> መዘክር፡- መምህር እዞም ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ህድእ ኢሎም ክሰርሑ ምግባርን ነዚ ተግባር ክሰርሑ ንዘይክኣሉ ህፃናት ኣገዲድካ ክሰርሑ ክግበር የብሉን።

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ቀለልቲ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ምስራሕ ምኽኣሎም ምክትታል።



ተግባር ዓሰርተ ክልተ፡- ክሪ ናብ ዕንቁ ምእታው

ዒላማ፦ ክሪ ናብ ሰፊሕ ነ኿ል ዘለዎም ዕንቊታት ምእታው ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ሰፊሕ ነ኿ል ዘለዎም ዕንቊታት፣ ቁርፅራፅ ቆፎ እስክርቢቶ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎምን ሰፊሕ ነ኿ል ዘለዎም ዕንቊታትን ክሪ ከመይ ከእትዉ ከምዘለዎም ምርኣይ፣
- ንሕድሕድ ህፃን ስሰለስተ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ዕንቊታትን ክሪ ወይ ቀጢን ገመድ/ሲባጎ/ ብምሃብ ናብተን ዕንቊታት ከእትዉ ምግባር፣
- እናተዘዋወርካ ህፃናት ከመይ ከምዝሰርሑ ምክትታልን ምእታው ንዝኣበዮም ምሕጋዝን፣
- ስራሕቶም ንህፃናት ከርእዩን ሕብሪ ዕንቋታት ክዛረቡ ምግባርን
- ዕንቊ ተዘይተረኺቡ ቆፎታት እስክርቢቶ ብምቁርራፅን መኸደኒ ቋዕቋዕታ/ሃይላን ብገፊሑ ኣንኩልካ ምጥቃም ይክኣል እዩ።

> መዘክር፦ እቶም ዕንቊታት ይኹን ቁርፅራፅ ቆፎ እስክርቢቶታት ናብ ኣፎም፣ ኣፍንጫኦምን እዝኖምን ከየእትዉ ግብእ ሓበሬታ ምሃብን ምክትታልን የድሊ።

ተፍትሽ፦ ክሪ ናብ ሰፊሕ ነ኿ል ዘለዎም ዕንቊታት ምእታው ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፦ ኣብ ወረቐት ምዕሕጋር/ታር

ዒላማ፡- ኣእዳዎም ናብ ቃሕ ዝበሎም ቦታታት እናኣንቀሳቐሱ ኣብ ወረቐት ይፅሕትሩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ፃዕዳ ወረቐትን እርሳስን ህፃናት ምዕዳል፣
- ብነፃነት ኣብ ወረቐት ዝደለይዎ ነገር ክፀሓትሩ/ክጭሕግሩ ምግባር፣
- ዝጨሓገርዎ/ዝፀሓገርዎ ነገር ትርጉም ምህላዉን ዘይምህላዉን ምሕታት

ተፍትሽ፡- ኣብ ወረቐት ምፅሕታርን ወይ ስእሊ ምስኣል ምጅማሮም ምክትታል።

ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ፡- ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን እርሳስ

ዒላማ፡- ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን እርሳስ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ዓቐን ወረቐታት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ፊት ንፊት ህፃናት ጠጠው ብምባል ሕብራዊ እርሳስ ብምጥቃም ቀለልትን መሰረታዊ መስመራትን ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ወረቐትን እርሳስን ብምሃብ መምህር ከምቲ መምህር ዝገበርዎ እርሳስ ክትሕዙ ብምግባር ዝተፈላለዩ ቀለልትን መሰረታዊ መስመራትን ኣብ ዝተውሃቦም ወረቐት ክፅሕፉ ምግባር፣63
- ፅሒፎም ምስወድኡ ኣብቲ እግሩ መምህር ስም ህፃን ብምፅሓፍ ንምርኣይ ኣብ ዝምቹ ቦታ ምልጣፍ፣

ተፍትሽ፡- ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን እርሳስ ምልምማድ ምጅማሮም ምርግጋፅ።



ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ፡- ስእሊ ምስኣልን ምልኻይ ሕብርን

ዒላማ፡- ስእሊ ስኢሎም ሕብሪ ይለኽዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ወረቐታት፣ እርሳሳት፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ወረቓቕቲ ዓፃፂፍካ ኣናእሸተን ደፍተር መሳሊ ነገር ንሕድሕድ ህፃን ኣዳሊኻ ምሃብ
- ኣብታ ዝተዳለወት ደፍተር ስም ሕድሕድ ህፃን ኣፍርይ ኣቢልካ ብምፅሓፍ ስሞም እናፀዋዕካ ምሃብ፤ ኣቐዲምካ ግና ደፍተርን መፅሓፍን ከመይ ከምዝግንፀል ሙብርሂ ምሃብ የድሊ፣
- ኣብታ ዝተውሃበቶም ደፍተር ዘደለይዎ ስእሊ ካብ 2-3 ክስእሉን ሕብሪ ክለኽዩን ምግባር፣
- ህፃናት እንታይነት ዝሰኣልዎ ስእሊ ክገልፁ ምብርትታዕ፣
- ስኢሎም ምስ ወድኡ ካሊእ መዓልቲ ኣብቲ ዝተረፈ ግዝ ገፅ ደስ ዘበሎም ስእሊ ዝስእልሉ ምኽኑ ብምዝራብ ማዕልታዊ ንጥፈት ምጥቕላል።

> መዘክር፡- እዚ ተግባር ኣብ ሓደ ክፍለ ግዝ ዝውዳእ ዘይኰነስ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ምስኣልን ምልኻይን የድሊ።

ተፍትሽ፡- ስእሊ ምስኣልን ካብ መስመር ከይወፅኡ ሕብሪ ምልካይን ልምምድ ምግባሮም ምግምጋም።



ተግባር ዓሰርተ ሽዱሽተ፡- ምስራሕ ቀለልቲ ቅርፃ ቅርፂ

ዒላማ፡- ቀለልቲ ቅርፃ ቅርፂ ይሰርሑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- መጣቕ/ጭቃ ወይ ዝቦኽዐ ወረቐት፣ ላስቲክ መሸፈኒ ጠረጴዛ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ብቅርፂ "ህ" ኮፍ ክብሉ ምግባር፣
- ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል እጅግ ጋዎን ናብ ላዕሊ ብምዕፃፍ ነቲ መጣቕ ወይ ዝቦኽዐ ወረቐት ተጠቒምካ ብቀሊሉ ክስርሑ ዝኽእሉ ነገራት ከም ኩዕሶ፣ፍንጃል፣ ዝበሉ ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ህፃናት እጅግ ሹራቦም ወይ ሸሚዞም ናብ ላዕሊ ክዓፅፉ ምግባር
- ብምቕፃል ጠረጴዛኦም ከይረስሕ ዝተውሃቦም ላስተክ ብምንፅፉ መምህር ዝሀቦም መጣቕ ወይ ዝቦኽዐ ወረቐት ኣብኡ ከቐምጡ ምግባር፣
- ከም ኩዕሶ፣ ፍንጃል፣ ማንካ ዝበሉ ነገራት ክሰርሑ ምግባር፣
- ሰሪሖም ምስ ወድኡ እንታይ ከምዝሰርሑን ከመይ ከምዝሰርሕዎን ክገልፁ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ዝሰርሕዎ ቅርፃ ቅርፂ

> መዘከር ፡- ቅደም ስዒብ ኣሰራርሓ ተኸቲልካ ርግፅ ኢልካ ብምርኣይ ሓደ ነገር ብሓደ ግዜ ክሰርሑ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ቀለልቲ ቅርፃ ቅርፂ ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ተገጣጣሚ ነገር (ፐዝል) ይገጣጥሙ፣ እንታይነት ዝገጣጠምዎ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ 3 ወይም 4 ቦታ ዝተቖራረፁ ተገጣጠምቲ ነገራት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዝፈልጥዎ እንስሳ ወይ ናውቲ ክርእዩ ብምግባር እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ምምይያጥ፣
- ኣብ 3 ወይም 4 ቦታ ዝተቖራረፁ ተገጣጠምቲ ነገራት ክርእዩ ብምግባር ከመይ ከምዝገጣጥሙ፣ እንታይ ዓይነት ምስሊ ከምዝህብ ክርእዩ ምግባር፣
- ፍቓደኛ ዝኾኑ ክልተ ህፃናት ናብ መድረኽ ብምውፃእ ማዕረ ኣብ 3 ወይ 4 ቦታ ዝተቖራረፁ ተገጣጠምቲ ነገራት ብምሃብ ክገጣጥሙ ምግባር፣
- ዝገጣጠምዎ ነገር እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ምምይያጥ፣
- ኩሎም ህፃናት በቢ ተራ እናተፃወቱ ክገጣጥሙ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ምግጥጣም ምኽኣሎምን እንታይነት ዝገጣጠምዎ ነገር ብምርኣይን ምድማፅን ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ሸሞንተ፡- ንነገራት ብሕብሮም ምምዳብ

ዒላማ፦ ንነገራት ብሕብሮም ይመድቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ቀይሕ፣ ሰማያዊን ቢጫን ዝተለኸዩ ኮርኪታት/ቀይሕ ሰማያዊ/ባይሮን ቢጫን ሕብሪ ዘለዎም ነገራት/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ንኩሎም ህፃናት ሰለስቲኦም መሰረታዊ ሕብርታት፦ ቀይሕ፣ ሰማያዊ/ባይሮን ቢጫን ዝተለኸዩ ኮርኪታት ወይ መኸደኒ ቋዕቋዕታ/ሃይላንድ ምሃብ፣
- ኮርኪታት ብሕብሮም ክምድቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ዝተፈላለዩ ነገራት ብሕብሮም ምምዳብ ምኽኣሎም ብምሕታት ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ትሽዓንተ፦ ዝራእቲ ብዓይነቶም ምምዳብ

ዒላማ፦ ዝራእቲ ብዓይነቶም ይምድቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ባለንጓ፣ ጎታተ/ ዓይኒ ዓተር፣ መሸላ ባሕሪ፣ ኣዳጉራ፣ ሽምብራ፣ ወዘተ...)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ዝተሓዋወሱ ዓይነታት ዝራእቲ ንሕድሕድ ህፃናት ኣብ ጠረጴዛኦም ምቕማጥ፣
- ዓይነታት ዝራእቲ በቢ ዓይነቶም ክምድቡ ምግባር፣
- መዲቦም ምስ ወድኡ ንመምህር ከርእዩ ምግባር፣
- ህፃናት ብትኽክል ምምዳቦምን ዘይምምዳቦምን ኣብ ጐድኖም ዘለዉ ክረጋግፅሎም ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ዝራእቲ ብዓይነቶም ምፍላይን ምምዳብን ምኽኣሎም ዝሰርሕዎ ነገር ብምርኣይ ምርግጋፅ።



ተግባር ዒስራ፦ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ምምዳብ


ዒላማ፡- ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብምፍላይ ይምድቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ካብ ረጕድ ካርቶን ዝተሰርሑ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ቅርፆች /ክቢ፣ ስሉስ ኩርናዕ፣ ትርብዒት/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ካብ ረጕድ ካርቶን ዝተሰርሑ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ክርእዩ ብምግባር ስሞም ክዛረቡ ምግባር፣
- እዞም ካብ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ኣብ ጠረጴዛኦም ከምዝወሃቡ ብምግላፅ ከይበኣሱ ምጥንቃቕን እቶም ቅርፅታት በቢ ወገኖም ምምዳብ፣ ማለት ትርብዒት ብሓደ፣ ስሉስ ኩርናዓት ብሓደ፣ ክቢ ብሓደ ምግባር፣
- መዲቦም እንትውድኡ መምህር ክርእይዎ ብምግባር ስም እቶም ቅርፅታት ጅኦሜትሪ ክዛረቡ ምብርትታዕ፣

  ንኣብነት፡-



ተፍትሽ፡- ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ብምፍላይ ምምዳብ ምኽኣሎምን ብተግባር እንትሰርሑ እናተኸታተልካ ምግምጋም።

ዒላማ፦ ወረቓቕቲ ቀዳዲዶም ይልጥፉ።

ዘድሊ ናውቲ ትምህርቲ፦ ዝተፈላለየ ዓቐንን ሕብርን ዘለዎም ወረቓቕቲ ፣ ኮላ፣ ስብቆ/ሙቕ፣ ዓብዪ ፃዕዳ ወረቀት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኩሎም ህፃናት ኣብ ዝርእዩኻ ቦታ ጠጠው ብምባል ዝተፈላለዩ ዓቐንን ሕብርን ዘለዎም ወረቓቕቲ ኣብ ሰለስተ ቦታ ብምቕዳድ ህፃናት ክርእዩ ምግባር፣
- ንሕድሕድ ህፃናት ሕብራዊ ወረቐት ብምሃብ ከምቲ መምህሮም ዝገበርዎ እቲ ወረቐት ኣብ 3 ቦታ ክቀዳድዱ ምግባር፣
- ኮላ ወይ ስብቆ ነቲ ፃዕዳ ወረቐት ምልቕላቕ
- እቶም ዝተቐራረፁ ሕብራዊ ወረቓቕቲ ናብቲ ፃዕዳ ወረቐት ክልጥፍዎ ምግባር፣
- ምስ ነቐፀ ኣብ ግድግዳ መምህሪ ክፍሎም ምልጣፍ፣

ተፍትሽ፦ ወረቓቕቲ ምቅድዳድን ምልጣፍን ምኽኣሎም ነቲ ተግባር እንትፍፅሙ ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ዒስራን ሓደን፦ ወረቓቕቲ ምቅድዳድን ምልጣፍን




ተግባር ዒስራን ክልተን፦ ካርዲ ውህብቶ ምስራሕ

ዒላማ፡- ካርዲ ውህብቶ ብምስራሕ ንዝፈትዉዎ ክምዝወሃብ ይርድኡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ክላሰር፣ ኮላ፣ ሕብራዊ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብዓብዩ ክላሰር ዝተዳለወ ካርዲ ውህበቶ ክርእዩ ብምግባር ንመሓዛኦም፣ ንወለዶም ብውህብቶ መልክዕ ዝወሃብ ምኳኑ መምህር ክምዝሰርሕዎም ብምዝራብ ድሌት ምስራሕ ህፃናት ክለዓዓል ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ሕብራዊ ወረቐታት ንህፃናት ብምሃብ ክቖዳድድዎ ምግባር፣
- ቖዳዲዶም ምስ ወድኡ ከም ውህብቶ ካርዲ ዓይሮም ዝተዳለዉ ኣናእሽተን ክላሰራት ብኮላ ኣጠቢቖካ ንህፃናት ምሃብ፣
- ዝቖዳደድዎ ወረቐት ኮላ ብምግባር ኣብቲ ክላሰር ክልጠፍ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ናብ ገዝኦም ወሲዶም ንወለዶም ብመልክዕ ውህብቶ ክበርክትሎም ምግባር፣ ንኣብነት፡-



| |
|---|
| መዘከር፡- እዚ ተግባር ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ተግባራዊ ምግባር ንኣብነት ኣብ መዓልቲ እኖታት፣ መዓልቲ ኣቦታት ንወለዶም፣ ንኣሕዋቶምን፣ ንኣሓቶምን ኣብ ማዕልቲ ልደቶም ከም ውህብቶ ክበርክትሎም ክምዝግባእ ክለማመዱ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፡- ካርዲ ውህብቶ ንምስራሕ ምልምማዶም ብተግባር እንትሰርሑ ብምርኣይ ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|

| | |
|---|---|
| 11. ብነፃነት ፈጠራ ምግላፅ | 11.1. ኣካሎም ተጠቒሞም ሓሳቦም ይገልፁ። |

ተግባር ሓደ፡- መዝሙር ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግላፅ

ዒላማ፡- ውልቀ ፅሬቶም ምሕላው ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ይዝምሩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ ሳሬት ህፃናት ክርእዩ ብምግባር እንታይ ከምዝኾነት ርእዮምዋ ዝፈልጠ ምኻኖምን ዘይምኻኖምን ምምይያጥ፣
- "ቀስ ብቀስ እታ ሳሬት" ዝብል መዝሙር ምስ አካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ክዝምሩ ምግባር፣
- እታ ሳሬት ከመይ ክምትንቀሳቐስ/ቅልጣፈኣ/፣ ንፋስ እንትመፅእ እቲ ንፋስ ከመይ ከምዘንቀሳቕሳን ዝናብ እንትዘንብ ከመይ ከምትወድቕ ምርኣይ፣
- ህፃናት ምንቅስቓስ መምህሮም ብምርኣይ ክዝምሩ ምግባር፣
- ምንቅስቓስ ዝተፈላለዩ ነገራት /እንስሳት፣ ናውትታት ወዘተ.../ ብምዝራብን ብምርኣይን ህፃናት ምስ መምህሮም ሓቢርካ ምንቅስቓስ ይለማመዱ።

ንኣብነት፡- ከም ተኸሊ ምንቅስቓስ

ከም ዑፍ ምብራር

ከም ኣንበጣ ይዘልል

ከም ዓሳ ይሕምስ

ተፍትሽ፡- መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ምዝማር ምኽኣሎም እንትዝምሩ ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር አምስት ፡- የግል ንፅህና አጠባበቅን መተግበር

ዒላማ፡- ናይ ምብራር ምንቅስቓስ ክፍለ ኣካሎም ተጠቒሞም ብመዝሙር ይገልፁ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእሊ ፅምብላሊፅን ዑፍን፣ ካሴት መዝሙር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ ፅምብላሊፅን ዒፍን ክርእዩ ብምግባር እንታይ ከምዝኾኑን ኣበይ ከምዝነብሩን ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- <<ዒፍ ክኸውን እየ>> ዝብል መዝሙር ምስ አካላዊ ምንቅስቓስ ብምውሃድ ምስ ህፃናት ሓቢርካ ምዝማር፣

ተፍትሽ፡- ናይ ምብራር ምንቅስቓስ ክፍለ ኣካሎም ተጠቒሞም ብመዝሙር ምግላፅ ምኽኣሎም እንትዝምሩ ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ውቅዒት ተኸቲሎም ይንቀሳቐሱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ንታንቡር ዘገልግል ቆርቆሮ ወይ ታኒካ፣ ንታንቡር መውቅዒ ዘገልግል ፅንጨይቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ኣብ ክልተ መስርዕ ክስርዑ ምግባር፣
- ታኒካ ወይ ቆርቆሮ ሸሓነ ከም ታንቡር ብምጥቃም ነቲ ውቅዒት ተኸቲሉ ኣብ መፃወቲ መይዳኦም ብሰልፊ ክጉዓዙ ምግባር፣
- እቲ ውቅዒት ጠጠው እንትብል ጠጠው ክብሉ እንትቕፅል ድማ ክንቀሳቐሱ እናገበርካ ምልምማድ፣

ተፍትሽ፡- ነቲ ውቅዒት ተኸቲሎም ምንቅስቓስ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ነቲ ውቅዒት ተኸቲልካ ምንቅስቓስ

ዒላማ፦ ብአካላዊ ምንቅስቓስ ዝወሃቡ ትእዛዛት ንምርዳእን ንምፍፃምን ይፍትኑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ወንበር፣ሰድያ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- “መን ቀዲሙ ይፈልጥ?” ዝብል ፀወታ ንምፅዋት ክልተ ህፃናት ናብ መድረኽ ክወፅኡ ብምግባር ኣብ ጎድኒ መምህር ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- መምህር ድምፂ ከየስምዑ ብአካላዊ ምንቅስቓስ ጥራሕ ዝተፈላለዩ ትእዛዛት ብምእዛዝ ህፃናት ብተግባር ክፍፅሙ ምግባር፣
- ንኣብነት ህፃናት ካብ መምህር ቁሩብ ርሕቕ ኢሎም ኮፍ ክብሉ ብምግባር መምህር ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ተልዓሉ፣ ንዑ፣ ኮፍ በሉ እናበለ እንትእዝዞም ነቲ ትእዛዝ ብዝግባእ ተረዲኦም ክፍፅሙ ምግባር፣
    - ኩሎም ህፃናት ኣብቲ ፀወታ ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ብዘይ ድምፂ ዝተፈላለዩ ትእዛዛት ተረዲኦም ብተግባራዊ ምንቅስቓስ ምትግባሮም ብምርኣይ ምርግጋፅ፣

ተግባር ኣርባዕተ፦ ብአካላዊ ምንቅስቓስ ዝወሃቡ ትእዛዛት ምፍፃም



ተግባር ሓሙሽተ፦ ሓሳብካ ብስእሊ ምግላፅ

ዒላማ፡- ሓሳብካ ብስእሊ ምግላፅ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- እርሳስ፣ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንህፃናት ወረቐትን እርሳስ ብምሃብ ደስ ዝበሎም ስእልታት ክስእሉ ምግባር፣
- ዝሰኣልዎ ስእሊ እንታይ ከምዝኾነን ንምንታይ ከምዝስኣልዎን ንመሓዙቶም ከርእዩን ክዛረቡን ምግባር፣
- ኣብቲ ዝሰኣልዎ ስእሊ እግሩ ስሞም ብምፅሓፍ ኣብ ክፍሊ ምልጣፍ፣

ተፍትሽ፡- ዝመረፅዎ ስእሊ ብምስኣል ሓሳቦም ምግላፅ ምጅማሮም ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ፡- መሲልካ ፀወታ ምፅዋት

ዒላማ፡- መሲልካ ፀወታ ብምፅዋት ሓሳቦም ምግላፅ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ናውቲ መሲልካ ፀወታ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንመሲልካ ምፅዋት ዘድልዩ ናውትታት ምድላው
- ህፃናት ዝደለይዎ ፀወታን ሓላፍነትን ወሲዶም ክፃወቱ ምንቕቓሕ፣
- ህፃናት እኹል ዝኾነ ግዘ ብምሃብ ክፃወቱ ምግባር፣
- ኣብ እዋን ፀወታ ንህፃናት ክይረበሽኻ ክትትል ምግባር

ተፍትሽ፡- መሲልካ ፀወታ እንትፃወቱ ሓሳቦም ብቃልን ተግባርን ምግላፅ ምልምማዶም ምክትታል።

**2.1.5** ቅጥዒ መከታተሊ ምልክታ

ስም ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ.........................

ስም ህፃን.............................................ዕድመ.................ፆታ.............

ስም መምህር........................................ዓመተ ምህረት.....................

ኩነታት እቲ ህፃን ዝምልከት ኣብ ሓዱኡ ብርኪ ጥራሕ ብምሕራይ ኩነታቱ ምምዝጋብ፣

1. ምምሕያሽ ዘድልዮ.......................................................................

2. ነቲ ዝተተለመ ብቕዓት ኣማሊኡ ......................................................

3. ካብ ዝተተለመ ብቕዓት ንላዕሊ ዝተረኸበ.............................................

መተሓሳሰቢ፡- ሰደቓ ክትትል ኣብ መፈላምታ ዓመት፣ መፋርቕ ዓመት፣ መወዳእታ ዓመት ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | መፈለምታ ዓመት | መፋርቕ ዓመት | መወዳእታ ዓመት |
| **1.** ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብዓርስኻ ምትእምማን፣ ንዓርስኻ ምኽባር ስምዒት ምህላው | | | |
| 1.1. ስሞም ዕድመኦምን ፆታኦም ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| 1.2. ሓዱሽ መሓዛ ምዕራኽ ይኽእሉ። | | | |
| **2.** ክፍሊ ኣካለት ሰዉነት ምፍላይን ተግባራቶም ምዝራብን | | | |
| 1.1 ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ምፅራሕ ይኽእሉ። | | | |
| 2.2 ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ዝፍፅምዎም ትግባራት ብትኽክል ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| **2.** ምክንኻን ዓይኒ | | | |
| 3.1 ዓይኖም ብጥንቃቐን ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ። | | | |
| **4.** ምክንኻን እዝኒ | | | |
| 4.1 እዝኖም ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ። | | | |
| **5.** ናይ ምጭናው ስምዒት ህዋሳም ተጠቒሞም ምክንኻን ኣፍንጫ | | | |
| 5.1. ብምጭናው ዝተፈላለዩ ጨናታት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| **6.** ናይ ምጥዓም ስምዒት ህዋሶም ንምልሓሶምን ኣፎምን ምንክኽብኻብ | | | |
| 6.1 ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘለዎም ምግብታት ጥዒሞም የድንቑ<br>6.2. ኣፎም ብጥንቃቐን ብክንክንን ምትሓዝ ይለማመዱ። | | | |
| **7.** ብምድህሳስ ንነገራትን ኩነታትን ምግላፅ | | | |
| 7.1. ሙቐትን ምፍላይን ብምድህሳስ ዝተሰምዖም ስምዒት ምግላፅ ይኽእሉ | | | |
| 8. ምሕላው ጥዕናን ምልምማድ ስርዓት ኣተሓላልዋን | | | |
| 8.1. ስርዓት ኣመጋግባ ይለማመዱ | | | |
| 9. ምክንኻንን ብጥንቃቐ ምትሓዝን ክፍሊ ኣካላት ሰውነት | | | |
| 9.1. ክፍሊ ኣካል ሰውነቶም ምሕላውን ብክንክንን ምሓዝ ይኽእሉ። | | | |
| 10. ምጥቃም ፍሩያትን ረቀቕትን /ዓበይትን ኣናእሽተንን/ ጭዋዳታት | | | |
| 10.1. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ንዝተፈላለዩ ተግባራት ምጥቃም ይኽእሉ። | | | |
| 11. ብነፃነት ፈጠራ ምግላፅ | | | |
| 11.1. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ተጠቒሞም ሓሳቦም ይገልፁ። | | | |

ዝተረጋገፀ ህይወት ዝምስረት ካብ ህፃንነትካ ጀሚሩ ህድእ ብዝበለ መልክዑ፣ ብፅቡቕ ማሕበራዊ ርክብ እንትትዓቢ እዩ።

ካብ ህፃንነት ጀምሩ ፅቡቕ ማሕበራዊ ህይወት ዘይብሉ፣ ዝተረጋገፀ ስምዒት ሒዙ ዘይዓበየ ህፃን፣ ንቁጥዐ፣ ፍርሓትን ንኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዝተቓልዐ ይኸውን።

## 2.2 *ቅቡልነት ዘለዎ ርክብ ም*

### 2.2.1 *መብርሂ*

እዚ ርእሲ ምስ ምምዕባል ክእለት ማሕበራዊን ስምዒታዊን ዝተተሓሐዘ እዩ። መበገሲ ምዕባለ ማሕበራዊነት ብማሕበረሰብ ተቐባልነት ዘለዎምን ምስ ወዲ ሰብ መተኣታተዊ ስርዓት ምርዳእን ምትግባርን እዩ። ካብ ህፃናት ዝተማለአ ስብእና ኣንፈታት እቲ ሓደ ምምዕባል ማሕበራዊ እንትኸውን ሓደ ህፃን ምስ ወለዱ፣ ምስ መምህሩ፣ ምስ ክትትል ካብ ዝገብሎምን ምስ ዕድመ መሓዞኦም/መሰተኦም ዝህልዎም ርክብ ብፅቡቕ መንገዲ ንክምዕብል ኩነታት እንድሕር ተመቻቺውሎም ህፃናት ናይ ባዕሎምን ካልኦትን ምችዉ ዝኾነ ማሕበራዊ ሂይወት ንክህልዎምን ምርግጋፅ ስምዒት ክረኽቡን ይሕግዞም።

ካብ ህፃንነቶም ጀሚሩ ናይ ማሕበራዊ ሂይወት መሰረት ዘይተነፀፈሉን ዝተረጋገፀ ስምዒት ሒዙ ዘይዓበየ ህፃን ንፅዕንፅን ዘበለ መንፈስ/ ድብርት፣ንሕርቃን፣ ብፍርሒ ምስጋእ ንክኸውንን ንኣሉታዊ ኣመለኻኸታ ዝተቓለዐ ይኸውን።

ስለዙይ ምምዕባል ማሕበራዊ ሂይወትን ምርግጋፅ ስምዒትን ገና ካብ ንጉሆኡ ጠመተ ክወሃቦ ይግባእ። መምህር ብዛዕባ ሕድ ሕድ ባህሪ ህፃን ምስ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ብሓባር ብምኧን ብዝርዝር ብምምይያጥ ብዛዕባ ክእለት ማሕበራዊን ስምዒታዊን ጥቕልል ዝበለ ግንዛበ ምትሓዝ ይግበኦም።

### **2.2.2** ሓፈሻዊ ዒላማታት

1. ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት ናይ ምፍላጥ፣ ምትእትታውን ምትሕብባርን ባህሪ ክህልዎም ምግባር።
2. መሓዝቶምን ዝውዕልሉ ከባቢን ጥንቃቐ ዝገብረሎም ሰባት ፈልዮም ክፈልጡ፣ ምስ ሰባት ዝህልዎም ርክብ ብማሕበረሰብ ተቐባልነት ዘለዎ ባህርያት ምልምማድን ምርኣይን ዝንባለ ሃልይዎም ቀንዲ ቀንዲ ስርዓታት ክለማመዱ ንምግባር።
3. ምስ ካልኦት ሰባን መሓዝቶን ሓቢርካ ምፅዋት፣ ምስራሕ፣ ዘለዎም ምምቓል፣ ጉጅለ ዝወሃቡ ተግባራት ብኣግባቡ ናይ ምስታፍ ዝንባለ ከማዕብሉ ንምግባር።

### **2.2.3** ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት

1. ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ምርኣይ ንክትፈልጦ ድልየት ምሕዳርን ምፍላይን
   1.1. ሓቢሮምዎም ዝፃወቱን ኣብ ዙርዮኦም ዝረኽብዎምን ሰባት፣ ወለዲታትን ዝሕብሕብዎም ሰባትን ብስሞም ምፅዋዕ ምኽኣል
   1.2. ተቐባሊነት ዘለዎ ባህሪ ብምርኣይ ሓቢሮም ምፅዋት ይኽእሉ
   1.3. ብዛዕባ መሓዝቶምን ሓቢሮምዎም ዝውዕሉን ሰባት ምግላፅ ይኽእሉ
2. ጥንቃቐን ምሕብሓብን ዝገብርሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ምፍላጥ
   2.1 . ብዛዕባ ዝጥንቀቕሎምን ዝሕብሕብዎምን ሰባት ምዝራብ ይኽእሉ
3. ካልኦት ምሕብሑብን ዘለዎም ነገር ምምቓል
   3.1. ኣብ ጉጅለ ስራሕ ምስታፍ ይኽእሉ

**2.2..4** ትፅቢተ ዝግበረሎም ውፅኢት፣ብቕዓት፣ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪንሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ንምልላይ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይን | 1.1. ሓቢሮምዎም ዝፃወቱን ኣብ ዙርያኦም ዝረኽብዎም ሰባትን ብስሞም ምፅዋዕን ብመልክዖም ምልላይን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ሓቢሮምዎም ዝፃወቱ ህፃናት ብመልክዖምን ስሞምን ምፍላይ ሰባት ይፈልጡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ካሴት መዝሙር ፣ መንዲል

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብሓባር ዝተፈላለዩ ፀወታታትን ምንቅስቓሳትን ክፃወቱ ምግባር፣

ንኣብነት፡- «መንደለይ ዶ ረኢኹም»፣ «ቆፃል ቆፃል»፣ «ስምኺ መን እዩ? ሱብለ ወንጌል»ወዘተ...

- ድሕሪ ፀወታ ሓቢሮምዎም ዝተፃወቱ መማህርቶም መን ከምዝኾኑ ክዛረቡን ብኣፃብዕቶም እናሓበሩ ከርእዩን ምግባር፣
- ስሞም ምፅዋዕ ተዘይክኢሎም ዝተጠቐሙ ህፃናት ስሞም ባዕሎም ክዛረቡ ብምግባር ሰላም ክብልዎም ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ሓቢሮምዎም ዝፃወቱ ህፃናት ብመልክዕን ብስም ምፍላዮም እንትዛረቡ ብምድማፅ ብምርኣይን ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ስምን ፆታን ወለዶም ይዛረቡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህር ናይ ባዕሎም ወለዲ ስምን ፆታን ምዝራብ/ምልላይ፣
- ህፃናት ድማ በቢተራ እናተልዓሉ ንመማህርቶም ስም ኣደኦምን ኣቦኦምን መን ከምዝብሃሉን ፆታኦምን ወሲኾም ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- ፆታኦም ምግላፅ ዝሽበዶም ህፃናት ክዝክሩ ድጋፍ ምግባር፣
- ህፃናት ስም ወለዶም ተዘይፈሊጦምዎ ዘይምጭናቕ ኣብ ቀፃሊ ሓቲቶም ክመፅኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ስምን ፆታን ወለዶም ምዝራብ ምኽኣሎም ትኹረት ሂብካ ብምድማፅ ምርግጋፅ፣

ተግባር ክልተ ፡- ምዝራብ ስምን ፆታን ወለዶም

ተግባር ሰለስተ፡- ድምፅን መልክዕን ደቂ ክፍሎም ምፍላይ

ዒላማ፦ ድምፅን መልክዕን ደቂ ክፍሎም ይፈልዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ሓደ ፈቃደኛ ዝኾነ ህፃን ናብ መድረኽ ክመፅእ ብምግባር ሓቢሮምዎ ካብ ዝፃወቱ ናይ ክፍሊ መሓዙቱ ሰለስተ ህፃናት ብስሞም ብምፅዋዕ ናብ መድረኽ ክመፅኡን ሓቢሮምዎ ጠጠው ክብሉን ምግባር፣
- ብስም ፈልዩ ምፅዋዕ ተዘይክኢሉ ኣብ ጎድኖም ከይዱ ጠጠው ብምባልን በኢዱ ብምንካእ እቶም ህፃናት ነቲ ፈቓደኛ ቈልዓ ብምርኣይ ናብ መድረኽ ክወፅኡ ምግባር፣
- ብምቕፃል እቶም ናብ መድረኽ ዝወፅኡ ህፃናት ስሞም ንመማህርቶም ዓው ኢሎም ክዛረቡ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ክገልፁ "ፀዋዒኻ ፍለጥ" ዝብል ፀወታ ምፅዋት
- ፈለማ ፈቓደኛ ኰይኑ ናብ መድረኽ ዝወፅአ ህፃን ገፁ ናብ ግድግዳ ከዙር ምግባር፣
- መምህር ካብቶም ሰለስተ መሓዙቱ ስሙ ከይፀውዑ ብኣፃብዕቶም እናሓበሩ ናብ ግድግዳ ገፁ ዘዞረ መን ይብሃል ኢሎም ብምሕታት ስሙ እቲ ህፃን ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- ገፁ ናብ ግድግዳ ገይሩ ዝፀንሐ ህፃን ገፁ ናብ መሓዙቱ ብምምላስ ካብቶም መሓዝቱ መን ስሙ ከምዝፀዎዖ ክዛረብ ምግባር ተዘይፈሊጥዎ ብኣፃብዕቱ ክጥቁም ምግባር፣
- እቲ ህፃን ንመሓዛኡ ብድምፁ ፈልዩ ምፍላጡን ዘይምፍላጡን ካልኦት ህፃናት ከረጋግፁ ብምግባር ኩሎም ህፃናት ብኸምዚ ምፅዋትን ክሳተፉ ምግባርን፣

ተፍትሽ፦ ናይ ክፍል መሓዙቶም ብድምፆምን ብመልክዖምን ምፍላይ ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ኣርባዕተ፦ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ሰብ ሞያታት ብስሞም ምፍላይ

ዒላማ፦ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ሰብ ሞያታት ብስሞም ይፈልዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ደው ብምባል "ኣነ መን እየ?" ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ስም መምህሮም ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣብ ክፍሊ ዘለዉ መምህርን ሓብሓቢትን ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ክብላ ብምግባር መን ከምዝብሃላ ምምሕታት፣
- ስም መምህሮም ይኹን ሓብሓቢቶም እንድሕር ዘይፈሊጦምዎ ስመን ብምዝራብ ህፃናት ክለልይወን ምግባር፣
- ብምቕፃል ኣብ በሪ ዝምሃርሉ ኣፀደ ህፃናት ኰይኑ ዝሕልዎም መን ከም ዝኾነ?፣ ክፍሎም መን ከምዝፀርገሎም? ብምሕታት ኣብ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ዝርከቡ ሰብ ሞያታት ክላለዩ ምግባር፣
- ህፃናት ንምርዳእ ብፀወታን ዝተፈላለዩ ተግባራትን መምህር ቅልል ዝበሉ መልእኽትታት ክለኣኹ ምግባር፣

> መዘክር፦ ህፃናት እናተፃወቱን ዝተፈላለዩ ተግባራትን ኣብ ዝፍፅምሉ እዋን ቀለልቲ መልእኽትታት ንመምህሮምን ሞግዚቶምን ክብፅሑ፣ ብስሞምን መልክዖምን ክለልይዎም መእንቲ ዝተፈላለዩ ተግባራት ብምሃብ ምልምማድ የድሊ።

ተፍትሽ፦ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ሰብ ሞያታት ብስሞምን መልክዖምን ዝፈለይዎም ምዃኖም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ንዝደለይዎ ሰብ ምስኣል

ዒላማ፡- ንዝደለይዎ ሰብ ይስእሉ፤ ብዛዕባ ዝሰኣልዎ ሰብ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ወረቐት፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንሕድሕድ ህፃን ወረቐትን ዝደልይዎ በዝሒ ከለር ብምሃብ ዝደለይዎ ሰብ ክስእሉ ምልዕዓል፣
- ህፃናት ዝደለይዎ ስእሊ ስኢሎም ምስ ወድኡ ከከም ቅደም ስዓቦም እናወፅኡ ዝሰኣልዎ ስእሊ ከርእዩ ምግባርን መን ከምዝብሃልን ክዛረቡ ምግባርን፣

ኣብ መወዳእታ መምህር ኣብ እግሪ እቲ ስእሊ ስም ህፃን ብምፅሓፍ ህፃናት ኣብ ዝርእይዎ ቦታ ምስቃል

ተፍትሽ፡- ደስ ዝበሎምን ምስኣል ናይ ዝደለይዎ ሰብ ምስኣሎም፣ ብዛዕባ ዝሰኣልዎ ስእሊ ምንነት ምዝራብ ምኽኣሎም ብምርኣይን ብምሕታትን ምርግጋፅ፣

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ንምልላይ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይን | 1.2. ቅቡልነት ዘለዎ ባህሪ ምርኣይን ሓቢርካ ምፅዋትን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፡- ስርዓት ዘለዎ ኣዘራርባ ምኽታል

ዒላማ፡- ስርዓት ዘለዎ ኣዘራርባ ተኸቲሎም ምዝራብ ይለማመዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ውስጥ ብመልክዕ ዑደት ክዘዋወሩ ምግባር፣
- ድሕሪ ዑደት ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ኢዶም እናውፅኡ መልሲ ምሃብ ክለማመዱ ምግባር

ንኣብነት፡- ካብ ክፍሊ ወፅኢና ዑደት ዘካየድናሉ ኣበይ እዩ? እንታይ እንታይ ነገራት ሪኢና?

- ሕቶ ኣብ ንሓተሉ እዋን ስርዓት ሓልዮም ክዛረቡ ምልምማድ፣
- ኣብ እዋን ዝርርብ ኢድካ ምሕሳይ፣ ኣፃብዕትኻ ናብ ኣፍ ምእታው ግቡእ ከምዘይኾነ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ሓሳቦም ኣብ ዝገልፅሉ እዋን ስርዓት ዘለዎ ኣዘራርባ ተኸቲሎም ምዝራብ ምልምማዶም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ምልላይ መሰረታዊ ሕግታት ፀወታ

ዒላማ፡- ኣብ ከይዲ ፀወታ ክትግበሩ ዝግብኦም መሰረታዊ ሕግታት ፀወታ ይላለዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ከይዲ ፀወታ ክትግበሩ ዝግብኦም መሰረታዊ ሕግታት ፀወታ ዝፈልጠ ምኺኖም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምምይያጥ፣
- መልሶም ምስ ኣዳመፅክን፣ ምስ መሓዙቶም ኣብ ዝፃወትሉ እዋን ምፅራፍ፣ ምውቓዕ፣ ምድፋእ፣ ከይፃወቱ ምኽልካል፣ መፃወቲኦም ምምንጣል ወዘተ ክፍፅሙ ከምዘይግባእ ብስርዓት ክርድኡ ምግባር፣
- ንሶም ምፅዋት ከምዝደልዩ ኩሉ መሓዙቶም እዉን ምፅዋት ከምዝደልዩ ብዝራብ ክርድኡ ምግባር፣

መዘክር፡- ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓሶም ሕግታት ፀወታ ተኸቲሎም ንምፅዋት ፈተነ ምክያዶም ብምርኣይ ክበረታትዑ ምግባር የድሊ።

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ኣብ ከይዲ ፀወታ ክሕልውዎም ዝግባእ መሰረታዊ ሕግታት ምርድኦምን ዘይምርድኦምን ኣብ ዝፃወትሉ እዋን ነቶም ሕግታት ምትግባሮም ብምርኣይ ምርግጋፅ።



ተግባር ሰለስተ፡- ቅቡልነት ዘለዎም ባህርያት ምፍላይ

ዒላማ፡- ቅቡልነት ዘለዎም ባህርያት ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- መፃሕፍቲ ዛንታ/ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ቅቡልነት ዘለዎም ባህርያት ንኣብነት፡- ይቅረታ ምሕታት፣ ዘይምሕሻው፣ ሓቃዊ ምኳን፣ የቐንየለይ ምባል፣ ወዘተ... ከምህሩ ዝኽእሉ ሓፀርቲ ዛንታታት ምዝንታው
- ድሕሪ ምዝንታው ዛንታ ኣብቲ ዛንታ ካብ ዝርከቡ ገፀባህርያት ንመን ከምዝፈተዉን ንምንታይ ከምዝፈተውዎን ምሕታት፣
- ኣብቲ ዛንታ ፅቡቕ ባህሪ ዝነበሮም ገፀባህሪያት ብምምይያጥ ቅቡልነት ዘለዎም ባህርያት ንክፈልዩ ዘድሊ ሓገዝ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር ፡- ቅቡልነት ዘለዎም ባህርያት ብሓደ ክፍለ ግዘ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ ግዘ ምልላይ። |

ተፍትሽ፡- ቅቡልነት ዘለዎም ባህርያት ምፍላዮም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ቅቡልነት ዘይብሎም ባህርያት ይፈልዩ፣ ከወግድዎም ፈተነ ይገብሩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ተቐባልነት ዘይብሎም ባህርያት ከመይ ዝበሉ ከምዝኾኑ ተጓንፎታት ብምዝራብ ክፈልይዎም ምግባር፣
- ቅቡልነት ዘይብሎም ዘረባታት ከመይ ዝበሉ ከምዝኾነ ብምሕታት ምምይያጥ
- ኣብ እዋን ዝርርብ ቅቡልነት ዘይብሎም ምንቅስቓሳት ሰውነት ዝበሃሉ

  ንኣብነት፡- ኢድካ ምሕሳይ፣ ኣፃብዕትኻ ምጥባው፣ ፅፍርኻ ብኣፍካ ምቑራፅ፣ እጅገን ኳሌታን ከዳንካ ምብላዕ፣ ከምዝኾኑ ምርዳእ፣
- ኣብ እዋን ፀወታ ተቐባልነት ዘይብሎም ባህርያት መነ መን ከምዝኾኑ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣

ንኣብነት፡- ንመሓዛኻ ምፅራፍ፣ ምውቃዕ፣ ምድፋእ፣ መፃወቲ ምምንጣል ወዘተ...

> መዘክር ፡- ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ቅቡልነት ዘይብሎም ባህሪያት ኣብ ማዕልታዊ ህይወቶም ምስ ካልኦት ዝገብርዎ ርክብ ከይፍፅሙ ምክትታልን ኣድላዪ ሓገዝ ምግባርን፤ መምህርም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ዘየድለዩ ባህርያት ብዘይ ምዝራብን ምርኣያ ምኳን የድሊ።

ተፍትሽ፡- ቅቡልነት ዘለዎም ባህሪያት ምፍላዮምን ምትግባሮምን ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ንምልላይ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይን | 1.3. ብዛዕባ መሓዙቶምን ሓቢሮምዎ ዝውዕሉ ሰባት ምግላፅ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፡- ኣባላት ስድራ ቤት ምፍላይን ምግላፅን

ዒላማ፦ ኣባላት ስድራ ቤት ይፈልዩን ኣብ ገዛ ዝፍፀሙ ተግባራት ብተግባር ይገልፁ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ስእሊ ስድራ ቤት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኣባላት ስድራ ቤት ዘርኢ ስእሊ ክርእዩ ብምግባር እንታይ ከምዝርኣዩ ብምሕታት ኣባላት ስድራ ቤት ዝበሃሉ መን መን ከምዝኾኑ ክገልፁ ምግባር፣
- ምስ መን ከምዝነብሩ ብምሕታት ብዛዕባ ስድርኦም ብዝርዝር ክዛረቡ ምግባር፣

ንኣብነት፦ ኣብ ገዛውትኹም ምሳኹም ሓቢሮም ዝነብሩ ኣባላት ስድራ መን መን እዮም?፣ እንታይ ዓይነት ስራሕ ይሰርሑ?፣ ኣብ ገዛ ውሽጢ እንታይ ዓይነት ስራሕ ይሰርሑ? እናበልካ ብምሕታት ብዛዕባ ኣባላት ስድራ ቤቶም ክዛረቡ ምብርትታዕ፣

- ንመልሶም ድሕሪ ምድማፅ ኣባላት ስድራ ቤት ኣብ ሓደ ገዛ ሓቢሮም ዝነብሩ ኰይኖም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሑን እናተሓጋገዙ ህይወቶም ዝመርሑ ምዃኖም ምግላፅ፣

ተፍትሽ፦ ኣባላት ስድራ ቤት ዝበሃሉ ምግላፅ ምኽኣሎምን ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም።


ተግባር ክልተ፦ ንሰባት ብፆቶኦምን ዕድሚኦምን ምፅዋዕ

ዒላማ፦ ሰባት ብፆታኦምን ብዕድሚኦምን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ስእሊ ዝተፈላለዩ ዓይነት ክዳን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ብዓብይኡ ዝርኣዩ ስእሊ ሰባት ክርእዩ ብምግባር ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ብፆታኦምን ብዕድሚኦምን ክፈልይዎም ምግባር፣
- ቀፂልክን ዝተፈላለየ ዓይነት ክዳን ዘለዎ ስእሊ ብምሃብ ነቶም ክዳውንቲ ክኽደንዎም ዝኽእሉ ሰባት ዘርኢ ስእሊ እናርአዩ ከዛምድዎም ምሕጋዝ፣





- ዝተፈላለዩ ስእልታት ክዳውንትን ጫማሙን ክርእዩ ብምግባር፣ እዚ ጫማ ንመን ይኾኖ? እዚ ካምቻ/ሸሚዝ ዓብዪ ድዩ ወይስ ንኡሽተን? ንመን ይኣኽሎ? ወዘተ... ዝብሉ ሕቶታት ምሕታት
- ንንኡሽተንን ዓባይን ባምቡላ ዝተፈላለየ ክዳን እናኸደንካ ክመሃሩ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ክዳውንትን ጫማሙን ምስ ሰባት ዕድመን ፆታን ብምዝማድ ሰባት ምፍላይን ምግላፅን ምኽኣሎም ምርግጋፅ



ተግባር ሰለስተ፦ ኣብ ስራሕ ሓቢሮምዎም ዝሳተፉ ሰባት ምፍላይ

ዒላማ፦ ኣብ ስራሕ ሓቢሮምዎም ዝሰርሑ ደቂ ክፍሎም ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ቅርጫት መአከቢ ጉሓፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኣብ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት መምህሪ ክፍሎምን ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣቑፅልትን ወረቓቕትን ብጉጅለ ኰይኖም ክኣርይዎም ምግባር፣
- ዝአረይዎ ኣቑፅልትን ወረቓቕትን ኣብ መአከቢ ጉሓፍ ከቕምጦ ምግባር፣
- ስራሕቶም ምስ ወድኡ ኣእዳዎም ብማይን ሳሙናን ክሕፀቡ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ሕድሕድ ህፃን ኣብ ጉጅለኦም ሓቢሮምዎም ዝሰርሑ ዝነበሩ ህፃናት ስሞም ክፅውዑ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ምስ ካልኦት ሓቢሮም ዝሰርሑ መሓዙቶም መነ መን ከምዝኾኑ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፦ ሓቢርካ ብምስራሕ ፅቡቕ ስነ ምግባር ምምዕባል

ዒላማ፦ ሓቢርካ ብምስራሕ ብሕብረተሰብ ቅቡልነት ዘለዎ ስነ-ምግባር የማዕብሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ወረቐት፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- መምህር ኣብ ዓብዪ ወረቐት ዝተስኣለት ፅገሬዳ ብሕብሪ ምልካይ
- ከይዲ ኣለኻኽያኡ ንህፃናቱ ምርኣይ
- ንሕድሕድ ህፃናት ኣብ ወረቐት ዝተስኣለት ፅገሬዳ ዕንበባ፣ ኣብ ጠረጴዛኦም ድማ ብሓበር ዝጥቀምሉ ከለር ምሃብ፣
- ከለር እናተለዋወጡ ኣብ ዝለኽይሉ እዋን መሓዙቶም ከለር ክህብዎም እንትሓቱ ‹‹በይዛኻ ቀይሕ ከለር ሀበኒ?፤ በይዛኺ ሊሊ ከለር ሃብኒ?›› እናበሉ ምሕታት ክለማመዱ ምግባር፣
- ዝለኸይዎ ስእሊ ዕንበባ ንመምህሮም፣ ንመሓዙቶም ወይ ንኮፍ መባህልቶም ምሃብ፣
- ነቲ ህያብ ዝተቐበለ ሰብ ኣመስጊኑ ክቕበል ከምዝግብኦ ክርድኡ ምግባር፣
- ብምሃብን ምቕባልን ከምእውን ኣኽብሮት ንመሓዛኻን ካባኻ ንዝዓበይን ከመይ ክምዝወሃቡ ምልምማድ፣

ተፍትሽ፦ ሓቢርካ ብምስራሕ ብማሕበረሰብ ቅቡልነት ዘለዎም ስነ ምግባራት ምምዕባል ምጅማሮም ምክትታል።

ዒላማ፦ ብዛዕባ ዝፈትዉዎም ሰባትን ነገራትን ክዝምሩ ብምግባር ቅቡልነት ዘለዎም ስነምግባር ይግንዘቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ካሴት መዝሙር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ቅድሚ ሐዚ ዝተላለይዎምን ዝፈትዉዎምን ነገራት ዝገልፁ መዝሙራት ምስ መምህር ሓቢሮም ክዝምሩ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ "ባንቡላይ" "ኣቦይን ኣደይን ይፎቱ እየ" "ንኡሽተን ቦርሳይ" ዝብሉን ካልኦትን ክዝምሩ ምግባር፣
- ዘሚሮም ምስ ወድኡ ትሕዝቶ እቲ መዝሙር ብመልክዕ ሕቶን መልስን ክዝክሩ ብምግባር ፍረ ሓሳብ እቲ መዝሙር ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ብዛዕባ ዝፈትዉዎም ሰባትን ነገራትን ብምዝማር ቅቡልነት ዘለዎም ስነምግባር ምግንዛቦም ብምሕታት ምርግጋፅ።

ተግባር ሽዱሽተ፦ ረብሓ ምኽርን ትእዛዝን ምድማፅን

**ዒላማ፡-** ምኽሪ ዓበይትን ትእዛዛትን ምድማፅ ረብሓ ከምዘለዎ ንምርዳእ ይፍትኑ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-** ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ዛንታታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

“ንኡሽተን ኣንጭዋ” ዛንታ ግቡእ ሜላ ኣተራርኻ ተኸቲልካ ንህፃናት ምዝንታው

<u>ንእሽተይ ኣንጭዋ</u>

ውሮ ንጉሆ ካብ ምድቃሱ ተላዒሉ ናብ ደገ እንትርእይ ፀሓይ ወፂኣ ደስ ዝብል ሙቐት እናህበት ምኻኑ ተገንዘበ። ውሮ ካብ ገዛኡ ወፂኡ ኣብ ደግኣፍ ገዛኡ ገደም ኢሎም ፀሓይ ምሟቕ ጀመረ። እቲ ሙቐት ስለዝተመቸዮ ዝርግሕግሕ ኢሎ ደቂሱ ኣሎ። ኣብቲ ዝደቀሰሉ ከባቢ ዝኾነ ኮሽ-ኮሽ ዝብል ድምፂ ሰምዐ። ቅንዕ ኢሉ እንትርኢ ንኡሽተን ነዃል ኣብ ጥቓ እቲ ግድግዳ ርኣየ። ግና ምንም ነገር ክርእይ ስለ ዘይክኣለ ተመሊሱ ጋደም በለ። መሊሱ ኮሽ-ኮሽ ዝብል ድምፂ ሰሚዑ ቅንዕ ኢሉ እንትርኢ ንኡሽተን ኣንጭዋ በቲ ነዃል ክሳዳ ቅልቅል ኣቢላ ንደገ ትርእይ ኣላ። ውሮ ክትሕዛ እንትልዓል መሊሳ ናብ ጉድጓዳ ኣተወት። ውሮ ብንዴት "ፅንሒ መሊስኪ ትመፅእያ ኢኺ" ኢሉ እናፈከረ ተመሊሱ ገደም በለ። ከይደቀሰ ናብቲ ጉድጓድ ኣተኲሩ እናረኣየ ምሕላው ጀመረ። እታ ንኡሽተን ኣንጭዋ ግና ንደገ ምውፃእ ስለዝደለየት ካብቲ ጉድጓድ ውፅእ በለት፣ ውሮ ክትሕዛ እንትዘልል እታ ኣንጭዋ ናብ ጉድጓዳ ክትኣቱ እንትብል ኣብ ኣፍ ደገ ዝነበረ እምኒ እግራ ስለዝወቐዓ ሓንከስ ሓንከስ እናበለት ናብ ጉድጓዳ ኣተወት። ኣዲኣ እናሐንከሰት ስለዝረአየታ "እዛ ጓለይ ታይ ኰይንኺ እዩ ትሕንክሲ ዘለኺ?፣ ናብ ደገ ወፂእኺ ነይርኪ ዲኺ? ውሮ ክበልዐኪ እዩ ከይትወፅኢ ኣይበልኩኽን? ትእዛዝ እኖኻ ዘይምስማዕ ዕቡቕ ኣይኰነን" እንትብላ እታ ንኡሽተን ኣንጭዋ እናሓዘነት " ይቕረታ ኣደይ ካልኣይ መዓልቲ ምኽርኺ ክሰምዕ እየ" ድንን ኢለ ይቕርታ እንትሓተት፣ ኣዲኣ ሕቑፍ ኣቢላ ዝተጐድአ እግራ እናደራረዘት ኣደቀሰታ። እግራ ቀስ እንዳበለ ምድሓን ጀመረ፤ ካብታ ዕለት ጀሚራ እታ ንእሽተን ኣንጭዋ ምኽሪ ኣዲኣ ብዝግባእ ምድማፅን ምትግባርን ጀመረት ይበሃል ።

| |
|---|
| መተሓሳሰቢ፦ መምህር ትፈልጥኦ ካሊእ ናይ ባዕልክን ዛንታ ተጠቒምክን ምምሃር ትኽእላ ኢኹን። |

ተፍትሽ፦ ትእዛዝን ምኽርን ወለዲ ምኽባር ብዙሕ ረብሓ ከምዘለዎ ምርድኦም ሕቶ ብምሕታት ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ክንክን ዝገብርሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝክናኸንዎም ምፍላጥ፣ | 2.1. ብዛዕባ ዝሕብሕብዎምን ክንክን ዝገብርሎም ሰባት ምዝራብ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ብዛዕባ ዝሕብሕብዎም ሰባት ምዝራብ

ዒላማ፡- ብዛዕባ ዝሕብሕብዎም ሰባት ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ወለዲ ንህፃናት እንትሕብሕቡ፣ መምህራ ንህፃናት እንተምህሩን እንተኣጫውቱን ዘርኢ ስእሊ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ወለድን መምህራንን ንህፃናት እንትሕብሕቡ ዘርኢ ስእሊ ከርእዩ ብምግባር ብዛዕባ ዝርኣይዎ ነገር ክዛረቡ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ወለዶምን መምህራኖምን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ክዛረቡ ምግባር፣
- መልሲ ህፃናት ድሕሪ ምድማፅ ክምገቡ፣ ክኸደኑ፣ ፅሩያት ክኾኑ ወለዶምን መምህራኖምን ከምዝሕብሕብ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡-ወለዶምን ምምህራኖምን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም እንትዛረቡ ብምድማፅ ምግምጋም፡

ተግባር ክልተ፡- ስድራ ዝገብርሎም ክንክን ምርዳእ

ዒላማ፡- ስድራኦም ዝገብርሎም ክንክን ይርድኡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ካሴት መዝሙር፣ ንመሲልካ ምፅዋት ዘድሊ ናውቲ፣ ወዘተ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- “ኣደይን ኣቦይን ይፎቱ እየ” ዝብልመዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ኣቦኦምን ኣዲኦምን ዝገብርሎም ክንክን ክዛረቡ ምግባር፣
- ስድርኦም ኣብ ገዛን ካብ ገዛ ወፃኢ ዝገብርሎም ክንክን ምግላፅ፣
- ብመሲልካ ምፅዋት ብፍላይ ኣብ ፀወታ ስድራ ቤት ግደ ወለዲ ወኪሎም ንባንቡላ ክምግቡ፣ ክሓፅቡ ከፃውቱ ብምግባር ምብርትታዕ፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ኩርንዓት ፀወታ ንኩሎም ህፃናት ዝይክኣኽሉ ስለዝኽእሉ ዘይተፃወቱ ህፃናት ዝፃወትሉ ኩነታት በቢ እዋኑ ብምምችቻው ካለኦት መሲልካ ብምፅዋት ተሳተፍቲ ዘይኾኑ ህፃናት ኣብ ትምህርታውን ህንፀትን ፀወታ ክፃወቱ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፡- ስድርኦም ኣብ ገዛን ካብ ገዛ ወፃኢ ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ምግንዛቦም ብምሕታት ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ናይ ዝሕብሕብዎምን ዝከነኻንዎምን ሰባት ስእሊ ሕብሪ ምልካይን ምዝራብን

ዒላማ፡- ናይ ዝሕብሕብዎምን ዝከነኻንዎምን ሰባት ስእሊ ሕብሪ ይለኽዩ። ከመይ ከምዝሕብሕብዎምን ከመዝከናኽንዎምን ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡ ስእሊ ኣቦ፣ ኣደ፣ መምህር፣ ሓኪም ብከለር ምልኻይ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ ኣቦ፣ ኣደ፣ መምህር፣ ሓኪም ብከለር ክለኽዩ ምግባር፣
- ሕብሪ ለኽዮም ምስ ወድኡ ናይ መን ስእሊ እንታይ ከምዘለኽዩ፣ ወለዲ፣ መምህር፣ ሓኪም ከመይ ከምዝሕብሕብዎምን ከምዝከናኽንዎምን ሕቶ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር፣
- መልሶም ድሕሪ ምድማፅ ኣቦ፣ ኣደ፣ መምህር፣ ሓኪም ከምዝፈትዉዎም፣ ከምዝሕብሕብዎምን ሓደጋ ከይበፅሖም ከምዝህከናኽንዎም፣ ከይሓሙ ከምዝጥንቀቕሎም ብምዝራብ ነቲ ትምህርቲ ምጥቅላል።

ተፍትሽ፡- ናይ ዝከናኽንዎምን ዝሕብሕብዎምን ሰባት ስእሊ ዝተፈለለየ ሕብሪ ምልኻይን ብዛዕባ ሕብሪ ዝለኸይዎም ሰባትን ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወለዶም ዝገበርሎም ነገራት ምዝራብ

ዒላማ፡- ኣብ ቀዳመ ሰንበት ወለዶም ዝገበርሎም ነገር ዘኪሮም ክዛረቡ ምግባር።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ቀዳመ ሰንበት ኣብ ገዝኦም እንትውዕሉ ወለዶም እንታይ ከምዝገብርሎም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ዘኪሮም ክዛረቡ ምግባር፣
- ወለዶም ኑብሶም ከምዝሓፅብዎም፣ ናብ ሽርሽርን እንዳ ኣዝማድን ከምዝወስድዎም ወዘተ ብምዝራብ ወለዶም ብዙሕ ነገር ከምዝገብርሎም ምዝራብ፣

ተፍትሽ፡- ወለዶም ኣብ ዕረፍቲ እዋኖም ቀዳምን ሰንበትን ዝገበርሎም ነጋት ዘኪሮም ንምዝራብ ምፍታኖም ብምድማፅ ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3. ንካልኦት ምሕብሓብን ዘለካ ምምቓልን | 3.1 . ኣብ ጉጅለ ስራሕ ምስታፍ ይለማመዱ። |

ዒላማ፡- ምስ

ተግባር ሓደ፡- ምስ ካልኦት ሓቢርካ ምስራሕ

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብሕብሪ ዘይተለኸዩ ስእሊ ፅምበባ፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳሳት/ከለራት ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንዝፈትዉዎም ሰባት ውህብቶ ከዳልዉ ብምዝራብ ዝተስኣለ ግና ብከለር ዘይተለኸየ ፅንበባ ምሃብ፣
- ብጉጅለ እናተዛራረቡ ሕብሪ ክለኽይዎ ምግባር፣ ንመን ከምዝሁብዎ ክዛረቡ ምግባር፣
- እቲ ዝሰኣልዎ ስእሊ ንዝደለይዎ ሰብ ክህቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ፡- ምስ ካልኦት ተረዳዲኦም ምስራሕ ምኽኣሎም ምክትታል።



ተግባር ክልተ፡- ምስ ካልኦት ሓቢርካ ምፅዋት

ዒላማ፡- ምስ ካልኦት ተሰማሚዖም ብነፃነት ምፅዋት ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ መምህሪ ክፍሊ ዝርከቡ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ካብ ክፍሊ ወፃኢ ህፃናት ዝደለይዎን ዝመረፅዎን ፀወታ ብሓባር ክፃወቱ ምግባር፣
- ነኒ ባዕሎም ተስማሚዖም ምፅዋቶም ብቐረባ ኮይንኻ ምክትታል፣
- ዘየድልዩ ባህሪያት እንትርእዩ ሽዑ ንሽዑ እርማት ምሃብ፣
- ድሕሪ ፀወታ ምስ መንን ከመይ ከምዝተፃወቱን ብምሕታት ብፅቡቕ ኩነታት ንዝተፃወቱ ብምድናቕ ምብርትታዕን ኣፍልጦ ምሃብን፣ ዘይኣድለይቲ ባህሪያት ኣብ ቀፃሊ ክመሓየሹ ከምዝግባእ ምኽሪ ምሃብ፣
- ምስ ካልኦት ተሰማሚዖም ክፃወቱ ክለማመዱ ኩነታት ምምችቻው፣

ተፍትሽ፡- ምስ ካልኦት ተሰማሚዖም ብነፃነት ምፅዋቶም ብምክትታል ምግምጋም።

ዒላማ፡- ትእዛዝ ተቐቢልሎም ይትግብሩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ መፃወቲ ናውትታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ዝርከቡ ናውትታት ከስተኻኽሉ ትእዛዝ ምሃብ
- ቀለልቲ ስራሕቲ ብዘይሓጋዚ ክሰርሑን ክለማመዱን ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ዝተፃወትሎም መፃወቲ ኣርዮም ናብ ካርቶን ከእትዉ ምእዛዝ እንትውድኡ ምምስጋን፣

ተፍትሽ፡- ትእዛዝ ተቐቢሎም ምትግባሮም ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- መገልገሊ ናውትን ክፍልን ብኣግባቡ ምትሓዝ

ዒላማ፡- መገልገሊ ናውትታት፣ መፃወቲኦምን ክፍሎምን ብኣግባቡ ምትሓዝ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- መፃወቲ፣ መአከቢ ጉሓፍ ቅርጫት፣ መትሐዚ ምሳሕ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዝተፈላለዩ መፃወቲ ብስርዓትን ደስ ብዝብል መልክዑን ኩርናዕ ክፍሊ ክርእዩ ምግባር፣
- ብግቡእ ዘይተኣናገደ ኩርናዕ ክፍሊ ክርእዩ ምግባር፣
- ነቲ ኩርናዕ ክፍሊ ኣብ ዝርእይሉ እዋን ዝተሰምዖም ስምዒት ክዛረቡ «ቃሕ ይብል ዶ?፤ ኣየናይ እዩ ቃሕ ዝብል?» እናበልካ ምሕታትን ክመያየጡ ምግባርን፣
- ቃሕ ዝበሎም ኩሉ ነገር ብስርዓት ተስተኻኺሉ ስለዝርኣይዎ ምዃኑ፤ ስርዓት ዝሓዘሉ ምኽንያት ድማ ህፃናት ተፃዊቶም ምስ ወድኡ ናብ ቦታኦም ክምልሱ ስለዝገበሩ ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣
- ብኣንፃሩ ዝተበታተኑ መፃወቲ ናውትታት ዘለዎ ኩርናዕ እንትርእዩ ዝተሰምዖም ስምዒት ምሕታትን ምምይያጥን
- ብትንትን ዝበለሉ ምኽንያት ክርድኡ ብምግባር ምጥቕላል፣

ተፍትሽ፡- መገልገሊ ናውትታትን መፃወትን ብኣግባቡ ምጥቃምን ኣብ ግቡእ ቦታ ምቕማጦምን ምክትታል።

**2.2.5** ቅጥዒ መከታተሊ ምልክታ

ስም ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ............................................................

ስም ህፃን..........................................ዕድመ................ፆታ............

ስም መምህር.........................................ዓመተ ምህረት.....................

ኩነታት እቲ ህፃን ዝምልከት ኣብ ሓዴኡ ብርኪ ጥራሕ ብምሕራይ ኩነታቱ ምምዝጋብ፣

1. ምምሕያሽ ዘድልዮ.................................................................

2. ነቲ ዝተተለመ ብቕዓት ኣማሊኡ .....................................................

3. ካብ ዝተተለመ ብቕዓት ንላዕሊ ዝተረኸበ.............................................

መተሓሳሰቢ፡- ሰደቓ ክትትል ኣብ መፈላምታ ዓመት፣ መፋርቕ ዓመት፣ መወዳእታ ዓመት ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ዝፍፀመሉ እዋን | | |
|---|---|---|---|
| | | | ...እታ |
| **1.** ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ሰባት ምርኣይን ንምልላይ ድሌት ⋯ | | | |
| 1.1 . ሓቢሮምዎም ናይ ዝፃወቱን ኣብ ዙርያኦም ዝረኸቦ⋯ ወለዶምን ሓብሓብቶምን ብስም ምፅዋዕ ይኽእ⋯ | | | |
| 1.2 . ቅቡልነት ዘለዎ ባህሪ ምርኣይን ሓቢሮም ምፅዋትን⋯ | | | |
| 1.2. ብዛዕባ መሓዛቶምን ዝፈልጥወም ሰባትን ምግላፅ ⋯ | | | |
| **2.** ክንክን ምሕብሓበን ዝገብሩሎም ሰባት ምፍላይን ከመ⋯ | | | |
| 2.1. ብዛዕባ ዝሕብሕብዎምን ክንክን ዝገብርሎምን ሰባ⋯ | | | |
| **3.** ንኻልኦት ምሕብሓብን ዘለና ነገር ምክፋልን/ምምቃል⋯ | | | |
| 3.1. ኣብ ጉጅለ ዕዮ ምስታፍ ይለማመዱ። | | | |

ቋንቋ ስርዓት ብዘለዎ መልክዕ ንምርድዳእ፣ ሓሳብ፣ ስምዒት፣ ድሌትን ወዘተ. ንካልኦት ንምግላፅ ዘኽእል መሳረሒ እዩ። ቋንቋ ብጣዕሚ ጠቓሚ ዝኾነ ናይ ቅድመ ቁልዕነት ርካቦ እንትኸውን ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ዝዛረብዎ ዝሕግዝን ንሳቶምእውን ሓሳባቶም፣ድሌቶምን ስምዒቶምን ንክገልፁ ካብ ምሕጋዝ ብተወሳኺ ብዛዕባ ዝነብርሉ ከባቢ መረዳእታ ክርኽቡ ከባቢኦም ብዝበለፀ ክፈልጡን ግምቶም ኣተሓሳስበኦም ይሕግዞም።

## ቋንቋ ብኣግባቡ ምጥቃም

### **2.3.1** መብረሂ

ህፃናት ክልተ ዓመት ምስኣኸሎም ቃላት ብምርኻብ ሓረግ ምምስራት፣ ቃላት ድማ ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ድሌቶምን ሓሳቦምን ምግላፅ ይጅምሩ። ከባቢ ሰለስተ ዓመት እንትኾኑ ድማ ምስ ዕደመ መሰተኦምን ምስ ዓበይቲ ሰባትን ብዝፍጠር /ብዝህልዎም/ ርክብ ከባቢኦም ንምፍላጥ ዝገብርዎ

ፃዕሪ/ሕቶታት ብምሕታት/ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ በዝሒ ዝፍልጥዎም ቃላት እንዳወሰኹ ካብ ምምፃኡ ብዝለለ ቃላት ብምግጥጣም/ ብምርኻብ ስዋስዋዊ ኣገባብ ንምስዓብ ብምፍታን ሓሳቦም ንምግላፅ ፃዕሪ ይገብሩ።

እዚይ ኣብ ላዕሊ ብሓፂሩ ዝተሓበረ ናይ ህፃናት ምዕባለ ቋንቋ ምስ ዕድሚኦም፣ ምስ ከባቢኦም ብዘለዎም ርክብን/ መስተጋብርን/ ካብ ዝግበረሎም ሓገዝን ዝተበገሰ ደረጃ ብደረጃ እንዳማዕበለ ይመፅእ። ስለዝኾነ ህፃናት ቃል ንምውፃእን ንምድማፅን ዕድል ክህልዎም ዝግባእ እንትኸውን ዝርርብን ንክለማመዱ ዘዳመፅዋ ብቃላት ናይ ምውፃእ፣ ስምዒቶም ናይ ምግላፅን መነቃቐሒ ናይ ምርካብ ዕድል ክህልዎም ይግባእ።

ናይ ቋንቋ ምዕባለ ምስ ናይ ኣተሓሳስባ ምዕባለ፣ምስ ማሕበረሰብ ዝህሉ ርክብን ካብ ከባቢ ብዝግበር ሓገዝን ዝተተሓሓዘ ምኳኑ ብምርዳእ ህፃናት ኣብ ትኽክለኛ ዕድሚኦም ክእለት ቋንቋ ከማዕብሉ ኣድላይ ሓገዝ ዘበለ ኩሉ ክግበረሎም ይግባእ። እዚ ዝግበር ሓገዝ ምስ ዓቕሞም/ዝርከብሉ ደረጃ/ ዝተመጣጠነን ከበፅሕዎ ዝግባእ ብርኪን ጠመተ ብምሃብ ክኸውን ይግባእ።

**2.3.2** ሓፈሻዊ ዕላማታት

1. ትኹረት ሂብካ ክእለት ምድማፅን ሓሳቦም ብዝርርብ ናይ ምግላፅ ልምድን ከማዕብሉ ምግባር፣
2. ፍልጠት ቃላት ክውስኽ ምግባር፣
3. ቀለልቲ ትእዛዛትን መምርሕታትን ኣዳሚፆም ግብረ መልሲ ክህቡ ምብርትታዕ፣
4. ብደረጃኦም ንንባብን ፅሑፍን ድልዋት ክኾኑ ምግባር፣

**2.3.3** ትፅቢት ዝግብረሎም ውፅኢታት

1. መረዳእታታት ብግቡእ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ግብረ መልሲ ምሃብን፣
   1.1. ንዝተፈላለዩ ድምፅታትን ትእዛዛትን ግብረ መልሲ/ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ።
   1.2. ንዝተፈላለዩ ድምፅታትን ብምድማፅ ምፍላይን ኣንፈት ምሕባርን ይኽእል።
   1.3. ሓፀርቲ ዛንታታን መዝሙራትን ኣዳሚፆም መሊሶም ምዝንታውን ምዝማርን ይኽእል።
2. ኣብ ዝትፈላለዩ ኩነታት ብዓርሰ ምትእምማን ብግቡእን ትርጉም ብዝህብ መንገድን ብምልክት ቋንቋ ምርድዳእ ይኽእል።
   2.1. ንቀለልቲ ትእዛዛትን መምርሕታትን ምፍፃም ይኽእሉ።
3. ብምንባብ ምሕጓስ ፍልጠት ምርካብን ምርዳእን፣
   3.1. ስእልታትን ቅርፅታትን ብምርኣይ ምፍላይ ይኽእሉ።
4. ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ብምውሃድ ንፅሑፍ ምድላው፣
   4.1. ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ምውሃድ ይለማመዱ።

**2.3.4** ትፅብት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ብቕዓት፣ ናውቲ ትምህርቲ፣ ሜላ ኣተገባብራ

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. መረዳእታታት ብአኣግባቡ ምድማፅንን ዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብን | 1.1 . ንዝተፈላለዩ ድምፅታትን ትእዛዛትን ምላሽ ይህቡ:: |

ተግባር ሓደ፦ ዘዳመፅካዮ ድምፂ ኣምሲልካ ምውፃእ

ዒላማ፡- ንዘዳመፅዎ ድምፂ ኣምሲሎም የውፅእዎ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ብፍርቒ ክቢ ወይ ብ ‘ሀ’ ቅርፂ ኮፍ ክብሉ ምግባር
- ኣብ ፊት ንፊት ህፃናት ጠጠው ብምባል ዝተፈላለዩ ድምፅታት ህፃናት ክሰምዑ ምግባር፣
- ዘዳመፅዎ ድምፂ ብሓባር ኣምሲሎም ከውፅእዎ ምብርትታዕ
- ኣወፃፅኣ ድምፆም ብምርኣይ ነቲ ድምፂ ብትኽክል ዘየውፅእ ህፃን መለሱ ክውፅእ ምብትታዕ፣
  ንኣብነት፡- ሃሃሃ፣ ቡም ቡም ቡም፣ ላ ላ ላ፣ ድርን ድርን ድርን ወዘተ…
- ኣፃወቲ ክኸውን ዝደሊ ህፃን እንተልዩ ልክዕ ከም መምህር ኰይኑ ከፃውት ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን፣

መተሓሳሰቢ፡- ህፃናት የመና ዓው ኢሎም ድምፂ ኣውፅኢኦም ጉረረኦምን እዝኖምን ከይጉዳእ ድምፆም ዓቒኖም ከውፅኡ ክምዝግባእ ልብ ምግባር የድሊ።

ተፍትሽ፡- ዘዳመፅዋ ድምፂ ኣምሲሎም ምውፅእ ምኽኣሎም ትኹረት ሂብካ ብምድማፅ ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ዓይነት ድምፂ ምፍላይን ኣምሲልካ ምውፃእን

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ድምፂ ይፈልዩ ከምኡውን እቶም ድምፅታት ኣምሲሎም የውፅኡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእእልን ድምፅን እንስሳ ዘቤት፣ ስእሊ ኣዕዋፍን ነፍሳትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ ዝተፈላለዩ እንስሳት፣ ነፍሳትን ኣዕዋፋትን ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑ ምሕታት
- ስም እቶም እንስሳት ክዛረቡ ምግባር፣ እንተኸቢድዎም ኣፋፍኖት/ፍንጪ ምሃብ
- መምህር ናይቶም እንስሳት ድምፂ ኣምሲሎም ብምውፃእ ህፃናት ድምፂ ኣየናይ እንስሳ ከምዝኾነ ክግምቱ ምግባር፣ /እንሰሳ፣ ነፍሳትና አእዋፍ/
- ህፃናት ድምፂ ዝተሓተትዎ እንስሳ ኣምሲሎም ከውፅኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ዘዳመፅዎ ድምፂ/ እንሰሳ ዘቤት፣ ኣዕዋፋትን ነፍሳትን/ ምፍላዮምን ኣምሲሎም ምውፅኦምን ብምድማፅ ምግምጋም።

ዒላማ፡- ዘዳመፅዎ መዝሙር መሊሶም ይዝምሩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ካሴት መዝሙር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ዝተፈላለዩ ሓፀርቲ መዝሙራት ምስ ግቡእ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ተኸቲሎም ክዝምሩ ምግባር፣
- ህፃናት ዘዳመፅዎ መዝሙር ነቲ ዜማ እናተኸተሉ ክዝምሩን ክንቀሳቐሱን ምግባር፣ ንኣብነት ፡- ብህድኣት ሳሬት፣ ዑፍ ክኸውን እየ ወዘተ...

ተፍትሽ፡- ዘዳመፅዎ መዝሙር ውቅዒቱ ተኸቲሎም መሊሶም ምዝማር ምኽኣሎም ምርግጋፅ

ተግባር ኣርባዕተ፡- መልእኽቲ ዛንታ ኣዳሚፆም ምርዳእ

ዒላማ፦ ድሕሪ ምድማፅ ዛንታ ካብቲ ዛንታ ንዝወፅኡ ሕቶታት ግቡእ ምላሽ ይህቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ምፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኣቀማምጣ ህፃናት ምትዕርራይ/ ብ ‹‹ ሀ ›› ቅርፅ ወንበር ወይ ኣብ መሬት ምንፃፍ ኮፍ ክብሉ ምግባር/
- ንዕድሚኦም ዝምጥን ዛንታ ምስ ግቡእ ድምፅን ኣካላዊ ምንቅስቓስን እቶም ገፀ ባህርያት ምዝንታው፣
- ድሕሪ ትረኻ ካብቲ ዛንታ ዝወፅኡ ሕቶታት ብቅደም ስዓብ ምሕታት፣
- ትሕዝቶን መልእኽትን እቲ ዛንታ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ድሕሪ ምድማፅ ዛንታ ካብቲ ዛንታ ንዝወፅኡ ሕቶታት ግበእ ምላሽ ምሃቦምን ትሕዝቶን መልእኽትን እቲ ዛንታ ዝተረድኡ ምኻኖም ምርግጋፅ።



ተግባር ሓሙሽተ፦ ትዕዛዝ ኣዳሚፅካ ምትግባር

ዒላማ፡- ቀለልቲ ትእዛዛት ተቐቢሎም ይትግብሩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ ናውትታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ሓፀርቲ ትእዛዛትን መምርሕታትን ንህፃናት በቃል ምዝራብ፣
- ነቲ ትእዛዝ ኣዳሚያም መልእኽቲ ከመሓላልፉ ምብርትታዕ፣

ንኣብነት፡- ቦርሰአይ ኣምፅኣለይ፣ እዚ ንመምህር ……. ሃቦ፣ መምህር ……. ንዒ ኢልኪ ፀውዕያ ወዘተ.

ተፍትሽ፡- ቀለልቲ ትእዛዛት ተቐቢሎም ምትግባር ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ንስራሕቲ ብዝርርብ ምግላፅ

ዒላማ፡- ስራሕቲ ዝገልፁ ስእልታት ክርእዩ ብምግባር ዝርኣይዎን ዝትረድእዎን ብዝርርብ ይገልፁ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ሰባት ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እንትፍፅሙ ዘርኢ ስእልታት

ሓበሬታ ሚላ ኣተገባብራ ፡-

- ሰባት ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እንትፍፅሙ ዘርኢ ስእልታት
- ኣብቲ ስእሊ ሰባት እንታይ እናሰርሑ ከምዘለዉ ብምሕታት ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- እንድሕር ከቢድዎም ንኡሽተን ፍንጪ ምሃብ፣

ንኣብነት፡- «እቲ ቈለዓ እንታይ እናተሓፀበ እዩ?››፣ እታ ሰበይቲ እንታይ ሒዛ?» ወዘተ…

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምርኣይ ብዝርርብ ምግላፅ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸውዓተ፡- ድምፅታት ምስ ስእሊ ምዝማድ

ዒላማ፡- ዘዳመፅዎ ድምፅታት ምስ ስእሊ የዛምዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእሊ እንሰሳ ዘቤት፣ ኣዕዋፍ፣ ነፍሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዝተፈላለዩ ስእሊ እንስሳ ዘቤት ንህፃናት ምዕዳል፣
- መምህር ድምፂ እንስሳ ዘቤት እንተስምዑ፣ ነቲ ስእሊ ተኸቲሎም ካብቲ ዝተሓዝዎ ስእሊ ንመማህርቶም ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብ ከይዲ ፈቓደኛታት ዝኾኑ ህፃናት ንመምህር ተኪኦም ድምፂ እንስሳ ከውፅኡ ብምግባር ክሳተፉ ዕድል ምሃብ፣

ተፍትሽ፡- ዘዳመፅዎ ድምፅታት ምስ ትኽክለኛ ምዝማዶምን ኣምሲሎም ድምፂ ምውፅኦም ትኹረት ሂብካ ብምድማፅን ምርኣይን ምርግጋፅ።

ተግባር ሸሞንተ፡- ፀወታ ምፍላይ ሕብሪ ምፅዋት

ዒላማ፡- ዝወሃቦም ትዕዛዛት ኣዳሚዖም ይፃወቱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ቀይሕ፣ ሰማያዊን ቢጫ ሕብሪ ዘለዎም ሪቫናት /ጨርቂ/

ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-

- ህፃናት ክቢ ሰሪሖም ኮፍ ክብሉ ምግባር፣
- ኣብ ኢዶም ቀይሕ፣ ሰማያዊን ቢጫ ሕብሪ ዘለዎም ሪቫናት /ጨርቂ/ ምእሳር፣
- ሕግን ስርዓትን እቲ ፀወታ ኣቐዲምካ ምዝራብ፣
- <<ቢጫ ጨርቂ ተላዒልኩም ኣጣቕዑ>>፣ <<ቀይሕ ጨርቂ ዝኣሰርኩም ዝለሉ>>፣ <<ሰማያዊ ጨርቂ ዝኣሰርኩም ሕቘኹም ሓዙ>> ወዘተ ዝብሉ ፀወታታት ክፃወቱ ምግባር፣

> መዘክር፡- ህፃናት ዘዳምፁ ትኹረት ሂቡ ዘዳምፆም ሰብ እንትረኽቡ ስለዝኾነ መምህር ህፃናት ኣብ ዝዛረብሉ ዝኾነ ሰዓት ትኹረት ሂብካ ምድማፅ፣ እንትዛረቡ ዓይኒን ዓይኖም ብምርኣይ ዘዳምፅለናዮም ምኻና ብዝተፈላለዩ ገፃውን ኣካለውን ምንቅስቓስ ምግላፅ፣ ኣብ ንሰርሐሉ እዋን ከመይ ክነዳምፅን ክንዛረብን ከምዘለና መርኣያ ምኻን ይግባእ። ኣብነት ሰብ እንትዛረብ ዘይምቁራፅ፣ ሓሳቡ ክሳብ ዝውድእ ብስርዓት ምድማፅ፣ ወዘተ.

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ትእዛዛት ተቀቢሎም ምትግባር ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ሓበሬታታት ብኣግባቡ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ፍፃመታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ | 1.2. ንዝተፈላለዩ ድምፅታት ብምድማፅ ምፍላይን ኣንፈት ምሕባር ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ንድምፂ ምፍላይን ምዝራብን

ዒላማ፦ ንዝዓመፅዎ ድምፂ ፈልዮም ይዛረቡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- "ብድምፂ ፈሊኻ ፍለጥ" ዝብል ፀወታ ብሽምዚ ዝስዕብ ክፃወቱ ምግባር፣
- ሓደ ፈቃደኛ ዝኾነ ህፃን ናብ መድረኽ ክመፅእን ገፁ ናብ ግድግዳ ገይሩ ጠጠው ክብል ምግባር፣
- ካብ መማህርቱ ሓደ ስሙ ክፅውዖ ምግባር፣
- ገፁ ናብ ግድግዳ ዝገበረ ህፃን መን ከምዝፀውዖ ክግምት ምግባር፣
- ብትኽክል ዝፀውዖ ሰብ ክፈሊ/ክፈልጥ ምሕጋዝ
- ኣብ ከይዲ ብምጥቃዕ፣ ሕንጥሽ ብምባል፣ ብምስዓል፣ ንጠረጴዛ ብምንኩሕኳሕ ኩዳምፁ ብምግባር ድምፁ ፈልዮም ክዛረቡ ምግባር፣
- ኩሎም ህፃናት ንክፃወቱ ምንቕቓሕ፣

ተፍትሽ፦ እናተፃወቱ ንድምፅታት ምፍላዮምን እንታይነት እቲ ድምፅን ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፦ ኣንፈት ድምፂ እናለለኻ ንነገራት ኣልሽካ ምርካብ

ዒላማ፡- ኣንፈት ድምፂ እናተኸተሉ ንነገራት ኣልሾም ይረኽቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ባንቡላ፣ ናይ ዓይን መሸፈኒ ጨርቂ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- "ንባምቡላ ደሊኹም ርኸቡ" ዝብል ፀወታ ብዝስዕብ መንገዲ ምፅዋት፣
- ህፃናት ከቢ ሰሪሖም ኮፍ ክብሉ ምግባር፣
- ፈቀደኛ ዝኾነ ሓደ ህፃን ነቲ ፀወታ ክጀምር ምግባር፣
- ናይቲ ህፃን ዓይኒ እልሕልሕ ኣቢልካ ብጨርቂ ብምእሳር ኣብ መሬት ንዝተቐመጠት ባንቡላ ክደሊ ምግባር፣
- እቲ ህፃን ናብቲ ባንቡላ ዘላትሉ ከባቢ እንትኸይድ እናጣቐዑ ንምካብ ዝኸደሎ ኣንፈት ትኽክል ምዃኑ ምሕባር፣
- ነታ ኣሻንጉሊት ምስ ረኸበ ከጣቕዕ ምግባርን ካሊእ ህፃን ክፃውት ምዕዳምን፣

> መዘክር፡- ኩሎም ህፃናት ኣብቲ ፀወታ ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር የድሊ።

ተፍትሽ፡- ኣብ እዋን ፀወታ ኣን ፈት ድምፂ ብምኽታል ነገራት ንምርካብ ፈተነ ምክያዶም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ኣንፈት ድምፂ ምፍላይ

ዒላማ፡- ኣንፈት ድምፂ ይፈልዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናትን ናብ ሜዳ ሒዝካ ብምውፃእ ዝተፈላለዩ ድምፅታት ከዳምፁ ምግባር።
- ዘዳመፅዎ ድምፂ ናይ መን ከምዝኾነን በየናይ ኣንፈት ከምዘዳምፅዎ ብምሕታት ኣንፈት እቲ ድምፂ ናበይ ከምዝኾነ ክገልፁ/ክፈልዩ ምግባር፣
- ህፃናት ኣብ ኣርባዕቲኦም ኣነፈታት ብጉጅለ መዲብካ ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- ካብ ዝኾነ ጉጅለ ሓደ ህፃን መሪፅካ ዓይኑ ብኢዱ ሸፊኑ ኣብ ማእኸል እቲ ኣርባዕተ ኣንፈት ጠጠው ክብል ምግባር፣
- ካብቶም ጉጅለታት ሓዲኡ ሰለስተ ጊዜ ከጣቕዕ ምግባር፣ እቲ ጣቕዒት ጠጠው ምስበለ እቲ ህፃን ናብቲ ኣጣቒዑ እዩ ዝበሎ ጉጅለ ብጉያ ከይዱ ምሕዋስ፣
- በዚ ዓይነት ኣገባበ ኩሎም ህፃናት ክሳተፉ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ህፃናት ኣንፈት እቲ ድምፂ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ኣንፈት ድምፅታት ፈልዮም/ፈሊጦም ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ድምፂ ሳፁን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ብ ቅርፂ ‹ሀ› ኮፍ ክብሉ ምግባር፣
- ሰለስተ ህፃናት ብምምራፅ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ጠጠው ክብሉ ምግባርን ሓደ ዓይነት ድምፂ ዘውፅኡ ድምፂ ሳፁን ምሃብን፣
- ሓደ ህፃን ፀዊዕኻ ድምፂ ሳፁን ዝተሓዙ ህፃናት ኣበይ ጠጠው ከምዝበሉ ክርእዮም ምግባር፣
- ቀፂልኻ እቲ እቲ ህፃን ገፁ ናብ ግድግዳ ገይሩ ጠጠው ክብል ምግባር፣
- ካብቶም ሰለስተ ህፃናት እቲ ሓደ ሳፁኑ ብምንቅስቓስ ድምፂ ከስምዕ ምግባር፣
- ገፁ ናብ ግድግዳ ገይሩ ዝነበረ ህፃን ገፁ መሊሱ ድምፂ ዝሰምዐሉ ኣንፈት ብኢዱ ክሕብርን ክዛረብን ምግባር፣
- ኩሎም ህፃናት ብሽምዚ መንገዲ ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኣንፈት ድምፅታት ምፍላይን ምዝራብን ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ሓበሬታታት ብኣግባቡ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ፍፃመታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ | 1.3. ሓፀርቲ መዝሙራትን ዛንታታትን ኣዳሚፆም መሊሶም ምዝንታውን ምዝማርን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ንዛንታታት/ንነበረያ ነበረ ኣዳሚፅካ ምርዳእ

ዒላማ፦ ካብቲ ነበረያ ነበረ/ዛንታ ንዝወፅኡ ሕቶታት ይምልሱ። ከምኡዉን ትሕዝቶ እቲ ዛንታ ይርድኡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ መፃሕፍቲ ዛንታ/ነበረያ ነበረ፣ ስእሊ ኣባጉበየን ማንትለን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ስእሊ ኣባጉበየነ ማንትለን ክርእዩ ብምግባር እንታይ ከምዝብሃሉን ኣበይ ከምዝነብሩን ብምሕታት ምምይያጥ፣
- ብዛዕባ እዞም እንስሳት ነበረያ ነበረ ከዳምፁ ዝደልዩ ምኺኖም ብምሕታት ድሌቶም ምልዕዓል፣
- ገፀባህሪታት ዛንታ ኣባጓበየን ማንቲለን መሲልካ ምዝንታው
- ነቲ ዛንታ ኣዘንቲዎም ምስ ወድኡ ካብቲ ዛንታ ንመን ከምዝፎተዉን ከመይ ከምዝረኸብዎን ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ቀፂልክን ብቅደም ስዒብ ትሕዝቶ እቲ ዛንታ ክርድኡ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምሕታት፣
- "ጉረኛ ማንቲለ" ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ነቲ ዛንታ ኣዳሚያም ምላሽ ምሃብ ምኽኣሎምን ትሕዝቶን መልእኽትን እቲ ዛንታ ምርዳኦም ምርግጋፅ።



ተግባር ክልተ፦ ዛንታ ኣዳሚፅካ መሊስኻ ምዝንታው

ዒላማ፡- ዘዳመፅዎ ዛንታ መሊሶም ምዝንታው ይኽእሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ዛንታ/ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንህፃናት ዝምጥን ዛንታ ሒዝካ ብምምፃእ ኣብ ክፍሊ ህድእ ኢልካን ዝተፈላለዩ ኣካላዊ ምንቅስቓስን እናገበርካ ነቲ ነበረያ ነበረ/ዛንታ ምዝንታው፣
- ንቲ ዛንታ ኣዘንቲውኹን ምስ ወዳእኹን፣ ኣብቲ ዛንታ ካብ ዝርከቡ ባህርያት ንመን ከምዝፈተውን ንምንታይ ከምዝፈተውዎም ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ቀፂልክን ብቅደም ስዒብ ትሕዝቶ እቲ ዛንታ ክርድኡ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምሕታት
- ብተደጋጋሚ ዘዳመፅዎ ዛንታ/ነበረያ ነበረ ከዘንትዉ ምብርትታዕ

ተፍትሽ፡- ነቲ ነበረያ ነበረ/ዛንታ ድሕሪ ምድማፅ ግቡእ ምላሽ ምሃቦምን፣ ብመምህር ሓገዝ መምህር መሊሶም ምዝንታዎምን ትኹረት ሂብካ ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- መዝሙር ምዝማር

ዒላማ፡- ነኒ ሕድሕዶም ክእለት ምድምማፅ የማዕብሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ካሴት መዝሙር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ብምጉጃል ክሳብ ሐዚ ዝተምሃርዎም መዝሙራት በቢ ተራ ክዝምሩ ምግባር፣
- ሓደ ጉጅለ እንትዝምር ዝተረፉ ጉጅለታት ስቕ ኢሎም ከዳምፁ ከምዘለዎም፣ የመና ዓው ኢሎም ክዝምሩ ከምዘይግብኦም ኣቐዲምካ ምዝራብ፣

ዘሚሮም ምስ ወድኡ ፅቡቕ ገይሮም ዝዘመሩን ዘይዘመሩን፣ እናዳመፁ ንዝነበሩ ህፃናት ብምሕታት ርኢቶ ክህቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- በቢ ተራ ክዝምሩ ብምግባር ክእለት ምድምማፅ ምምዕባሎምን ነኒ ሕድሕዶም ዝደማመፁ ምሽኗኖም ብምርኣይን ምግምጋም፣

ዒላማ፡- ኣብ ዕረፍቲ ማዕልቲ ዝፈፀምዎም ተግባራት ዘኪሮም ንምዝራብ ይፍትኑ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህርኣብ ቀዳመ ሰንበት እንታይ እናሰርሑ ከምዘሕለፍዎም እሕፅር ኣቢሎም ንህፃናት ይዛረብዎም።
- ቀፂልክን ህፃናት ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ጠጠው ኢሎም ቀዳመ ሰንበት እንታይ እናሰርሑ ከምዘሕለፍዎም ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- እቲ ናብ መድረኽ መፂኡ ዝተዛረበ ህፃን እንታይ ከምዝተዛረበ ብምሕታት ዘኪሮም ክምልሱ ምግባር፣ በዚ ኣቢልካ ክእለት ምድማፅ ከማዕብሉ ምብርትታ

ተፍትሽ፡- ዘኪሮም ናይ ምዝራብን ካልኦት እንትዛረቡ ንምድማፅ ምፍታኖምን ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእለታት ምርዳእን ምግላፅን

ዒላማ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእለታት ብምርኣይ ዝተረድኦም ይገልፁ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእለታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእለታት ንህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ብምስቃል ብቅደም ስዓብ ምቕማጥ።
- ብቅደም ስዓብ ዝተቐመጡ ስእልታት ሕድሕድ ህፃን ክርእይ ብምግባር ዝርኣይዎ ክዛረቡ ዕድል ምሃብን ብሕቶን መልሲ ክመያየጡ ምግባርን

ንኣብነት፡- «እታ ሰበይቲ እንታይ ዓዲጋ?፤ እንታይ ገይራ?» ወዘተ…

- እቶም ስእልታት ብቅደም ስዓብ ብምቕማጥ ነቲ ዛንታ ብምዝንታው ክመያየጡ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ነቶም ስእልታት ቅደም ስዓብ ክቕመጡ ብምግባር ህፃናት ዝተረድእዎ ነገር ክዛረቡ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ፡- ዘኪሮም ናይ ምዝራብን ካልኦት እንትዛረቡ ንምድማፅ ምፍታኖምን ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ዛንታታት ብመልክዕ ተዋስኦ ምቕራብ

ዒላማ፡- ኣብቲ ዛንታ ናይ ዝርከቡ ገፀባህርያት ወኪሎም ተዋስኦ ንምስራሕ ይፍትኑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ንተዋስኦ ዘድልዩ ክዳውንትን ናውተታትን፤ዛንታዊ መፃሕፍቲ፤ ስእሊ ገፀ ባህርያት እቲ ዛንታ፤ ማስኬራ /ማስክ/ ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ብተደጋጋሚ ዛንታ ናይ ዝሰምዕዎ ዛንታ ደጊሙ ከዘንትወን ገፀባህርያት ወኪሎም ክፃወቱ ከምዝደልዩ ብምሕታት ስምዒቶም ምልዕዓል፣
- ኣድለይቲ ዝበሃሉ ክዳውንትን ማስኬራን /ማስክ/ ንህፃናት ምሃብ
- ህፃናት ዝተውሃቦም ገፀ ባህሪ ወኪሎም ክፃወቱ ምልምማድ፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ኣብቲ ዛንታ ዝርከቡ ገፀባህርያቱት ብዙሓት እንድሕር ድኣ ኰይኖም ምንካይ ይክኣል እዩ። ንኣብነት ካብ ገዝኣ ዝጠፍአት ውሮ 2 ወይ 3 ገፀ ባህርያት ብምጥቃም ነቲ ተዋስኦ ክሰራሕ ይኽእል እዩ። |

ተፍትሸ፡- ነቶም ገፀባህርያት ወኪሎም ንምውሳእ ምፍታኖም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ብዓርሰ ምትእምማን፣ ብግቡእን ትርጉም ክህብ ብዝኽእል መንገዲ ብቋንቋ ወይ ምልክት ቋንቋ ምርድዓእ፣ | 2.1. ቀለልቲ ትእዛዛትን መምርሕታትን ምፍፃም ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- አካላዊ ምንቅስቓስ ዘለዎም መዝሙራት ምዝማር

ዒላማ፦ ሓፀርቲ መዝሙራት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ይዝምሩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ካሴት መዝሙር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ንኩሎም ህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ብምዃን "ቀስ ብቀስ እታ ሳሬት"፣ "ዑፍ ክኸውን እየ"፣ "ባንቡላይ" ዝኣመሰሉ ሓፀርቲ መዝመር ህፃናት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ክዝምሩ ምግባር፣
- ህፃናት ደድሕሪ መምህሮም ዝዝምርዎም ተለላ መዝሙራት እናተኸተሉ ንምዝማር ክለማመዱ ምግባር፣
- ህፃናት ድሕሪ ምዝማር መምህር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ክዝምሩ ምግባር፣

መዘክር፦ ህፃናት ኣብ ዝዝምርሉ እዋን ኣብቲ መዝመር ዝርከቡ ቃላት ምስ ኣካለዊ ምንቅስቓሶም ኣዋሂዶም ማዕረ ዝኸይድ ዘሎ ምዃኑን ዘይምዃኑን ትኹረት ብምሃብ ደጋጊሞም ክዝምሩ ምግባርየድሊ።

ተፍትሽ፦ ሓፀርቲ መዝሙራት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ምዝማር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፦ ምፍላይ መሰረታዊ ሕብርታት

ዒላማ፡- መሰረታዊ ሕብርታት ዝብሃሉ ብዓይነት ሕብሮምን ብስሞምን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስሌዳታት ሕብሪ ቀይሕ፣ ቢጫን ሰማያዊን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስሌዳ ቀለማት ክርእዩ ብምግባርን መፀውዒ ስሞም ክላለዩ ምግባር፣
- ስሌዳዎቹን በማሳየት ስማቸውን እንዲናገሩ ማድረግ
- ህፃናት ኣብ ውሽጢ ክፍሎም ቀይሕ፣ ቢጫን ሰማያዊን ሕብሪ ዘለዎ ወይዝተለኸየ ነገር ምህላዩ ክርእዩ ወይ ክዛረቡ ምግባር፣ እንተኸቢድዎም ቁሩብ መበገሲ ሓሳብ ምሃብ፣
  ንኣብነት፡- «ኣብ ግድግዳ ተሰቒላ ዘላ መኪና ዝተለኸየቶ ሕብሪ እንታይ እዩ?» ወዘተ…
  እናበልካ ብምሕታት ምንቅቓሕ፣

> መዘክር፡- ህፃናት ድሕሪ መሰረታዊ ሕብርታት ምልላዮም ዲቪዛ/ዩኒፎርም ኣብ ዘይክደንሉ መዓልቲ መን ቀይሕ፣ መን ቢጫ፣ መን ሰማያዊ ከምዝተኸደነ ብምሕታት እቲ ትምህርቲ ምጥንኻር የድሊ።

ተፍትሽ፡- መሰረታዊ ሕብርታት ምፍላይን ብስሞም ምፅዋዕ ምኽኣሎምን ምፍላጦምን ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ምዝማድ ስእልታት ምስ መሰረታዊ ሕብርታት

ዒላማ፡- ተመሳሳሊ ሕብሪ ዘለዎም ስእልታት የዛምዱዱ።

ዘድሊ ናውቲ ትምህርቲ፡- ቀይሕ፣ ቢጫን ሰማያዊን ሕብሪ ዘለዎም ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንሕድሕድ ህፃን መሰረታዊ ሕብሪ ዝተለኸዩ ስእልታት ምሃብ /ንኣብነት፡- ቢጫ መኪና፣ ቀያሕ መኪና፣ ሰመያዊ መኪና ወዘተ…
- መምህር ቀይሕ እንትብሉ ህፃናት ቀያሕ ሕብሪ ዝተለኸየት መኪና ከርእዩ፤ ቢጫ እንትብሉ፤ ቢጫ ሕብሪ ዝተለኸየት መኪና ከርእዩ ወዘተ… ምግባር
- መምህር ንህፃናት ወረፋ ክትሕዙ ብምግባር ፀናዕል/ማራካሽ ከሽ ከሽ እናበሉ ቀይሕ እንትብሉ ህፃናት ኣብ ኣክፍሎም ዝርከቡ ስእልታት ብቀይሕ ሕብሪ ዝተለየ ከርእዩ ብምግባር ነቲ ትምህርቲ ምጥንኻር፣

ተፍትሽ፡- ተመሳሳይ ቀለም የተቀቡ ስእሎችን ማዛመድ መቻላቸውን በማየት ማረጋገጥ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ንባዕልኻ ምግላፅ

ዒላማ፡- ብዛዕባ ባዕሎም ይዛረቡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ሓደ ህፃን ብፍቃደኝነት ናብ መድረኽ ክመፅእ ብምግባር ስሙ/ስማ፣ ናይ ኣዴኡ/ናይ ኣዴኣን ናይ ኣቦኡ/ ናይ ኣቡኣ ስም፣ ዕድመኡ/ዕድሚኣ፣ እንታይ ከምዝፎቱ/ከምትፎቱ ወዘተ… ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ብዛዕባ ባዕሎምክገልፁ ምግባር፣
- ካልኦት ህፃናት ብንቕሓት ከዳምፁን ወረፋኦም ሓልዮም ንሳቶም እውን ከም መሓዙቶም ብዛዕባ ባዕሎም ክገልፁ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ብዛዕባ ባዕሎም ምዝራብ ምኽኣሎም ብምድማፅ ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- መግለፂ ስምዒት ዝተፈላለዩ ሰባት ብምፍላይ ንምዝራብ ይፍትኑ።

ዘድሊ ናውቲ ትምህርቲ፡- ናይ ምሕጓስ፣ ምኹራይ፣ ምንዳድ ወዘተ… ስምዒት ዘርእዩ ስእልታ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዝተፈላለዩ ስምዒታት ዝገልፁ ስእልታት ክርእዩ ብምግባር ኣብቲ ስእሊ ዝርኣይዎም ስምዒታት ክገልፁ ምብርትታዕ፣
- ህፃናት እንታይ እንትኾኑ ከምዝሕጎሱ/ከምዝስሕቑ/ እንታይ እንትኾኑ /ከምዝኹርዩ/ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- መምህር "ሕጉስ ዝኾነ" ዝብል መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ተግባርን ኣዋሂድክን ብምዝማር ህፃናት ነቲ ዝርኣይዎ ተግባር ርእዮም ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍ… ዝራብ ምፍታኖምን ብምድማፅ ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፡-ምፍላይ መግለፂ ስምዒት



ተግባር ሽዱሽተ፡- ተግባራት ብቃል ምግላፅ

ዒላማ፡- ተግባራት ብቃላት ይገልፁ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- "እንታይ እናሰራሕኩ ከምዝኾነ ተዛረብ" ዝብል ፀወታ ብኸምዚ ዝስዕብ መንገዲ ምፅዋት፣
- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ሓደ ዝኾነ ተግባር/ ገፅኻ ምሕፃብ ዝመስል/ እንታይ እናገበረት ከምዝኾነ ንህፃናት በቢ ተራ ምሕታት፣
- ህፃናት ብሕብረት ዘይኮነስ ኢዶም እንዳውፅኡ ክምልሱ ምግባርን ህፃናት ነቲ ተግባር ደጋጊሞም ክፍትኑ ምግባር፣
- ህፃናት በቢተራ መራሒ እናኾኑ ነቲ ፀወታ ከፃውቱ ምግባር፣
- "ኢድ ምሕፃብ ከምዚ እዩ" ዝብል መዝሙር ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ተግባር ብምውሃድ ምዝማርን ህፃናት ብሓባር ክዝምሩ ምብርትታዕ፣

> መዘክር፡- እቶም ንህፃናት ዝቐርቡ ተግባራት ኣብ ማዕልታዊ ዝፍጽምዎምን ኣበ ቀረብኦም ዝርከቡ ሰባት ዝፍፅምዎም ዝገልፁ ክኾኑ ይግባእ።

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ተግባራት ብቃላት ምግላፅ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸውዓተ፡- "ኣያ ዝብኢ ኣለኻ ዶ**?**" ፀወታ ምፅዋት

ዒላማ፦ ከይዲ እቲ ፀወታ ተረዲኦም ንምፅዋት ይፍትኑ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ህፃናት ናብ ደገ ሕዝካ ብምውፃእ እንታይ ከምዝፃወቱን ብኸመይ ከምዝፃወቱን ብምዝራብ፣ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ክቢ ሰሪሖም ደው ክብሉ ኣያ ዝብሊ ኣብ ማእኸል ኮፍ ክብል ብምግባር ክዛወቱ ምግባር፣
- መምህር ምስ ህፃናት ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ነቲ መዝሙር ምስ ዜማኡ ኣጠዓዒሞም ምዝማር፣
- ንመጅማር መምህር ኣብ ማእኸል ክቢ ኣትዮም ኣያ ዝብሊ ኰይኖም ይፃቱ።

ተፍትሽ፦ ከይዲ እቲ ፀወታ ተኸቲሎም ምፅዋት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸሞንተ፦ ቃላት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ምንቅስቓስ

ዒላማ፡- ቃላት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም የንቀሳቐሱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ካብ ክፍሊ ክወፅኡ ብምግባር ፍርቂ ክቢ ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- መምህር "ኣነ ኦም እየ" ዝብል ምንቅስቓስ ፀወታ ብዝስዕብ መንገዲ ተፃዊትካ ምርኣይ፣

<u>ኣነ ኦም እየ</u>

ኣነ ኦም እየ

እዚኦም ጨናፍር እዮም /ኣእዳውና ምዝርጋሕ/

ንፋስ እንትነፍስ

ናብዝን ናብትን /ኣእዳዎም የንቀሳቕሱ/

ናብዝን ናብትን/ኢሎም ናብ ባይታ ይወድቑ፤ ኣእዳዎም ናብ ታሕቲ ይገብሩ/

- ህፃናት መምህሮም ተኸቲሎም ቃላትን ምስ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ክትግብሩ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ፡- ቃላት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋሂዶም ፈተነ ምክያዶም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ተመሳሰልቲ ስእልታት ፈልዮም የዛምዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ፅምዲ ናውትታትን ስእሊ እንስሳትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንነፍሲ ወከፍ ህፃን ሓደ ሓደ ስእሊ ምሃብ፣
- መምህር ስእሊ እቲ እንስሳ ወይ ናውቲ ብምርኣይ ‹‹ትወፅእ በለት ትወፅእ በለት፤ ወፅአት» ኢሎም ዝሓዝዎ ስእሊ ኩሉ ክርእዮ ሓፍ ኣቢሎም እንተርእዩ ነቲ ስእሊ ዝተሓዙ ህፃናት ናብ መድረኽ ወፂኦም ንህፃናት የርእዩ፣
- መምህር ዝተሓዝዎ ስእልን እቲ/ታ ህፃን ዝተሓዞ ስእሊ ብትኽክል ዝተዛመዱ ምኧኖምን ዘይምኧኖምን ህፃናት ፍርዲ ክህቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ናውትታት ብምፍላይ ምዝማድ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ፡- ናውትታት ብስሞም ምፍላይ

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ናውትታት ብስሞም ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ካርቶን፣ ማንካ፣ ኩባያ፣ ትንኡሽተን ኩዕሶ፣ ባንቡላ ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብሓደ ገፁ ንኡሽተን ነኺል ዘለዎ ማእኸላይ ካርቶን ኣብ ቅድሚ ህፃናት ኣብ ዝርከብ ጠረጴዛ እቲ ድፍን ናብ መምህር ነኺል ዘለዎ ድማ ናብ ህፃናት ገይርካ ምቕማጥ፣
- ብኣብ ሑቖ እቲ ካርቶን ህፃናት ማንካ፣ ኩባያ፣ ንኡሽተን ኩዕሶ፣ ባንቡላ ክርእዩ ምእንታን ምቕማጥ፣
- መምህር ናብኦም ገፅ ብዘሎ ነኺል ኢዱም ብምውፃእ "እከለ ጥርሑ እዩ ኩባያ ይደሊ፣ ኢደይ ኩባያ ኣትሕዞ/ዮ/>> ብምባል ሕድሕድ ቈልዓ እናተልዓለ ዝሓተትዎ ናውቲ እናልዐሉ ንመምህሮም ክትሕዙ ብምግባር ምፅዋት፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ኩሎም ናትታት ሓደ ብሓደ ኣብ ኢድ መምህር ክሳብ ዝቕመጡ እቲ ፀወታ ክቕፅል ምግባር። |

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ናትታት ብስሞም ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ሓደ፡- ረብሓን ስያመን ናውትታት ምዝራብ

ዒላማ፡- ረብሓን ስያመን ናውትታት ይዛረቡ።

ዘድሊ ናውቲ ትምህርቲ፡- ኩሉ ግዘ ኣብ ክፍሊ ዝርእይዎም ዝተፈላለዩ ናውትታት (እርሳስ፤ ደፍተር፤ ማንካ መሳርሕታት ፅሕፈት ወዘተ...)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-

- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ደው ብምባል ሓደ ዝኾነ ኣቕሓ እንታይ ከምዝብሃልን ንምንታይ ከምዝጠቅምን ምዝራብ፣

  ንኣብነት፡- ማንካ፣ ሻይ ንምስታይ፣ ቐንጪ ንምብላዕ ይሕግዝ።

- ሓሙሽተ ህፃናት ብምምራፅ ናብ ቅድሚት ከመፅኡን ጠጠው ክብሉን ሓደ ሓደ ናውቲ ምሃብ፣
- ህፃናት ዝተውሃቦም ናውቲ እንታይ ከምዝብሃልን ንምንታይ ከምዝረብሕን ሕቶ ብምሕታት ረብሓኡን እንታይነቱን/ስያመኡን ክዛረቡ ምግባር።
- ዝተዛረብዎ ትኽክል ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ካልኦት ህፃናት ከረጋግፁ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ስያመን ረብሓን ናውትታት ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ብምንባብ ምሕጓስ፣ ፍልጠት ምርካብን ምርዳእን | 2.1. ስእልታትን ቅርፅታትን ብምርኣይ ምፍላይ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት ምዝማድ


ዒላማ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት ይፈልዩ ከምኡዉን የዛምዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብፅምዲ ዝተዳለዉ ናውትታት፣ ዝተፈላለዩ ስእልታት ፍራምረን እንስሳትን ንህፃናት ምሃብ፣
- ተመሳሰልትን ሓደ ዓይነት ዝኾኑ እናለላዩ ከዘምዱ ምግባር፣

ንኣብነት፡-








- “ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ድለዩ” ዝብል ፀወታ ብኽምዚ ዝስዕብ መንገዲ ምፅዋት፣
    - ንሕድሕድ ህፃን እቲ ስእሊ ምሃብ፤ ህፃናት ዝተውሃቦም ስእሊ ብትኹረት ክርእዩ ምግባር፣
    - መምህር ንህፃናት ዝሃብክንኦ ስእሊ ኩሎም ህፃት ክርእዮ ሓፍ እናበልካ ምርኣይ፣
    - ተመሳሰሊ ስእሊ ዝሓዘ/ት ህፃን ናብ መቅድሚት ክመፅእ/ክትመፅእ ብምግባር ስእያመ እቲ ስእሉ ክዛረብ/ክትዛረብ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት ምፍላይን ምዝማድን ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ ፡- ፍሉይ ዝኾነ ምእላሽ

ዒላማ፡- ካብ ምንጎ ዝተፈላለዩ ነገራት ፍሉይ ዝኾነ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ስእልታት ፍራምረን እንስሳትን

| | | |
|---|---|---|
|  | <br> | |

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ብዓበዩ ዝርኣዩ ሰለስተ ስእልታት ምቕማጥ
- ህፃናት ነቲ ስእሊ ኣስተውዒሎም ክርእዩን እንታይ ከምዝኾኑ ክዛረቡ ምግባር፣
- ብምቕፃል ካብ ሰለስቲኦም ፍሉይ ዝኾነ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣
- እንተ ኸቢድወም ቁሩብ ሓበሬታ ምሃብ፣
- ንሕድሕድ ህፃናት ሰለስተ ሰለስተ ተመሳሰልቲ ግና ኣፈላለይ ዘለዎም ስእሊ ብምሃብ ኣየናይ ዝተፈለየ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ካብ ምንጎ ዝተፈላለዩ ነገራት ዘሎ ፍልልይ ምፍላይ ምሽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- ዝተቖራረሑ ዕንፀይቲ ምግጥጣም

ዒላማ፡- ዝተቖራረሑ ዕንፀይቲ ምግጥጣም ስእሊ ይረኽቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ፐዝላት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-

- መምህር ንህፃናይት ንምርኣይ ኣብዝጥዕም ቦታ ጠጠው ብምባል ኣብ ሰለስተ ዝተቖራረፁ ዕንፀይትታት ብምግጥጣም ዝተረኽበ ምስሊ ወይ ቅርፂ እንታይ ከምዝኾነ ሕቶ ብምሕታት ንህፀናት ምንቕቓሕ፣
- ንህፃናት ኣብ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ቦታታት ዝተቖራረፁ ዕንፀይትታት ወይ ካርቶናት ብምሃብ ክገጣጥሙ ምግባር፣
- ህፃናቱ ገጣጢሞም እንትውድኡ እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣
- 

ተፍትሽ፡- ዝተቖራረፁ ዕንፀይትታት ብምግጥጣም ዝረኸብዎ ምስሊ ምዝራቦም ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ነጠብጣባት ብምግጥጣም ምዝራብ

ዒላማ፡- ነጠብጣባት ንምግጥጣም ይፍትኑ፤ እንታይነት ዝገጣጠምዎ ስእሊ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ህፃናት ዝፈልጥዎም ፍርይ ኢሎም ዝርኣዩ ብነጠብጣብ ዝተስኣሉ ስእልታት፣ እርሳሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-

- መምህር ፍርይ ኢሉ ዝርኣ ብነጠብጣብ ዝተስኣለ ስእሊ ንምርኣይ ኣብዝጥዕም ቦታ ምስቃል፣
- ቀስ እናበሉ ነቶም ነጠብጣባት ብምግጥጣም እናድመቑ ህፃናት ክርእይዎ ምግባር፣
- ምስ ወደኡ ንሶም ዘወደእዎ ነጠብጣብ እንታይ ዓይነት ምስሊ ከምዝኾነ ምሕታት
- ህፃናት ነቲ ዝርኣይዎ መሰረት ቀስ እንዳበሉ ነቶም ነጠብጣባት ክገጣጥሙ ምግባር፣
- ነቶም ነጠብጣብ እናተኸተሉ ዝገጣጠምዎ ምስሊ ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ወይኦም ክርእዩን ክዛረቡን ምግባር፣ ንኣብነት፡- ዝስዕብ ስእሊ ተጠቐማ



ተፍትሽ፡- ነጠብጣባት ብምግጥጣም ስእልታትን ቅርፅታትን ምፍላይ ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ስእልታት ምስኣልን ስያሜ ምሃብን

ዒላማ፡- ስእልታት ብምስኣል እንታይንቱ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ሕብራዊ ሕርሳስ/ከለር፣ ብዓብይኡ ዝርኣዩ ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናቱ ጠጠው ኢልክን ኣብ ዓብዪ ወረትት እፍርይ ኣቢልክን ስእሊ ምስኣልን እንታይነቱ እንታይ ከምዝኾነ ምሕታት፣ መልሲ ህፃናት ድሕሪ ምድማፅ ቅኑዕ መልሲ ምዝራብን፣
- ንሕድሕድ ህፃን ወረቐትን እርሳስን ብምሃብ ቃሕ/ባህ ዝበሎም ነገር ክስእሉ ምግባር፣
- ስእልታት እንትስእሉ እናዞርካ ምርኣይን ኣድላይ ዘበለ ሓገዝ እናሃብካ ምብርትታዕ፣
- ስኢሎም ምስ ወድኡ ንመሓዙቶም ከርእዩ ብምግባር ስያመኡ ኣብ ክፅሕፍሉ ምግባር፣
- ስእሊ ኩሎም ተምሃሮ ኣብዝርአ ቦታ ብምልጣም ኩሎም ተምሃሮ ክርእይዎ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ዝደለይዎ ነገር ምስኣሎምን ስያመ ምሃቦምን ምርግጋፅ።

ተግባር ሽዑሽተ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ብምርኣይ ምዝንታው

ዒላማ፡- ተኸታታይልነት ዘለዎም ስእልታት ብምርኣይ ምዝንታው ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ዝተሓዘ መፅሓፍ ህፃናት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዛንታዊ መፅሓፍ ህፃናት ብምጥቃም ስእልታት እናርአኻ ምዝንታው፣
- ዝርኣይዎን ዝሰምዕዎን እናዘከሩ መለሶም ከዘንትዉ ዕድል ምሃብ፣
- በዚ ዓይነት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ፎቶታት/ ስእልታት/ እናርአዩ ከዘንትዉ ምብርትታዕ፣
- እናደጋገሙ በቢ ማዕልቱ እዚ ተግባር ክፍፅሙ ምልምማድ፣

ተፍትሽ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ርእዮም ምትራኽ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ምጥቃምን መፃሕፍቲ ብስርዓት ምትሓዝን ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኲርናዕ መፃሕፍቲ፣ ዝተፈላለዩ ዛንታዊ መፃሕፍቲ ህፃናት፣ ደፍተር፣ ጋዜጣ ወዘተ..

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- መምህር ብዓብይኡ ብሕብሪ ዝማዕረጉ ስእልታት ዘለዎም መፃሕፍቲ ህፃናት ተጠቒምክን መፃሕፍቲ ካብ የማን ናብ ፀጋም ክግለፁ ከምዝግባእ ንህፃናት ምርኣይ፣
- ህፃናት በቢ ተራ እናወፅኡ መፅሓፍ ካብ የማን ናብ ፀጋም ምግላፅ ክለማመዱ ምግባር፣
- መፃሕፍቲ ብኣግባቡ እንድሕር ዘይተታሒዙ ክግንፀሉ፣ ክቐሸሹን ክቐደዱን ከምዝኽእሉ ምርዳእ፣
- ህፃናት ብቐሊሉ ክርእይዎን ክርክብዎን ዝኽእሉ ኲርናዕ መፃሕፍቲ ምድላው፣
- ዕድማን ባህልን ህፃናትን ዘገናዘበ፣ ሕብራዊ ስእልታት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ዛንታዊ መፃሕፍቲ ኣብ ኵረናዕ መፃሕፍቲ ምቅማጥ

| |
|---|
| መዘክር፦ ህፃናት ባህ ኣብ ዝበሎም ግዜ መፃሕፍቲ እናልዐሉ ዘገላብጥሉ ኩነታት ምፍጣር የድሊ። |

ተፍትሽ፦ መፃሕፍቲ ብስርዓት ንምትሓዝን ንምጥቃምን ልምምድ ምክያዶም ብምክትታል ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቃት |
|---|---|
| 1. ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ብምውሃድ ንምፅሓፍ ምድላው፣ | 4.1 ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ምውህሃድ ይለማመዱ። |

**ተግባር ሓደ ፦ ወረቓቅቲ ምቕድዳድን ምልጣፍን**

ዒላማ፦ ወረቓቅቲ ብምቕድዳድን ብምልጣፍን ጭዋዳታት ኢዶምን ኣፃብዕቶምን የማዕብሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ዝተፈላለየ ዓቐንን ሕብርን ዘለዎም ወረቓቕቲ፣ ኮላ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ንወረቐት ብዝተፈላለየ ዓቐን ቐዲድካ ምርኣይ፣
- ህፃናቱም ወረቐታት ክቐዳድዱ ዕድል ምሃብ፣
- ዝቐዳደድዎም ወረቓቕቲ ኮለ ብምግባር ኣብ ዓብዪ ወረቐት ክልጠፍ ምግባር፣
- ምስ ውድኡ ኣብ ክፍሎም ክልጠፍ ብምግባር መመላክዒ ክኸውን ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ወረቓቕቲ ብምቕዳድን ብምልጣፍን ጭዋዳታት ኢዶምን ኣፃብዕቶምን ምምዕባል ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- እናፃሕተሩ ምንቅስቓስ ዓይኖምን ኢዶምን የማዕብሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንሕድሕድ ህፃን ወረቐትን እርሳስን ብምሃብ ኣእዳዎም እናንቀሳቐሱ ክፀሓትረሩ ምግባር
- ምስ ውድኡ ስራሕቶም ንመሓዙቶምን ንመምህሮምን ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብ እግሪ እቲ ዝሰርሕዎ ስራሕ ስሞም ፅሒፍክን ኣብ ዝርአ ቦታ ምልጣፍ፣

ተፍትሽ፡- ተግባር ክልተ፡- ምፅሕታር ምፅሕታርን ዝሰርሕዎም ምዝራብ ምኽኣሎምን ምርግጋፅ፣

ተግባር ሰለስተ፡- ንስእሊ ሕብረ ምልኻይ

ዒላማ፡- ንስእሊ ሕብረ ብምልኻይ ዝለኸይዎ ስእሊ ዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብዓብይኡ ዝተስአለ ስእሊ፣ ስእሊ ዘለዎም ኣናእሽተን ወረቓቕቲ ፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብዓብይኡ ዝተስኣለ ስእሊ ብከለር ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ወይ ካብ ፀጋም ናብ የማን ካብ መስመር ከይወፃእኹን ምልኻይን ክርእዩ ምግባርን፣
- ስእሊ ዘለወን ኣናእሽተን ወረቓቕቲ ንህፃናትብምሃብ ብዝርኣይዎ መሰረት ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር፣
- ኣብ መውዳእታ ዝለኸይዎም ስእልታት እንታይ ከምዝብሃሉ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ስእልታት ሕብሪ ብምልካይ እንታይነት ዝለኸይዎ ስእሊ ምዝራቦም ብምድማፅ ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፦ ሕትመት ምልምማድ

ዒላማ፦ ብማይ ሕብሪ ኢዶም ይሕትሙ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ዝተፈላለዩ ናይ ማይ ሕብሪ፣ ስፖንጅ፣ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ጫፍ ስፖንጁን ናብ ማይ ሕብሪ ምእዛዝ/ምጥማዕ
- መምህር ፀጋማይ መይዳ ኢድክን ብሕብሪ ብምልኻይ ኢድክን ኣብ ፃዕዳ ወረቐት ምሕታም፣
- ንኩሎም ህፃውንቲ ህፃናት ወረቐት ብምዕዳል ካብ ዘለዉ ሕብርታት ሓርዮም መይዳ ኢዶም ክለኽዩ ምግባር፣
- ኣብቲ ዝሓተምዎ ወረቐቱ እግሩ ስሞምን ዕለትን ብምፅሓፍ ምስ ነቐፀ ኣብ ክፍሊ ምልጣፍ፣

ተፍትሽ፦ ብማይ ሕብሪ ኢዶም ምሕታም ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ብዝበኽበ መጣቕ/ጭቃ ወይ ወረቐት ቅርፅታት ምስራሕ

ዒላማ፡- ብዝቦኽዐ መጣቕ/ጭቃ ወይ ወረቐት ቀለልቲ ቅርፅታት ይሰርሑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- መጣቕ/ጭቃ ወይ ዝቦኽዐ ወረቐት፣ ላስቲክ ጠረጴዛ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መጣቕ/ጭቃ ወይ ዝቦኸሸ ወረቐት ተጠቒምክን ቀለልቲ ቅርፅታት ሰሪሕክን ምርኣይ፣ ንኣብነት፡- ከም ኲዕሶ፣ ድስቲ፣ ጎድጓድ ሽሓነ ወዘተ. ዝመሳሰሉ
- ጠረጴዛኦም ከይረስሕ ላስቲክ ምሽፋን
- እጅገ ሹራቦም ወይ ሸሚዞም ናብ ላዕሊ ክዓፅፍዎ ምግባር፣
- ንኩሎም ህፃናትኣብ ጠረጴዛኦም መጣቕ/ጭቃ ወይ ዝቦኽዐ ወረቐት ብምሃብ በቲ ዝርኣይዎ ኣብነት ናይ ባዕሎም ክሰርሑ ምግባር፣
- ምስ ውድኡ እንታይከምዝሰርሑ ምሕታትን ክዛረቡ ምብርትታዕን
- ዝሰርሕዎም ቅርፅታት ክደርቑ/ክነቅፁ ኣብ ዝኽእሉ ቦታ ምቕማጥ፣
- ኣእዳዎም ብማይን ሳሙናን ክሕፀቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኣብ መጣቕ/ጭቃ ወይ ዝቦኸሸ ወረቐት ቀለልቲ ቅርፅታት ምስርሖምን እንታይነቶም ምዝራቦምን ብምድማፅ ምግምጋም።


ተግባር ሽዱሽተ፡- መሰረታዊ ሕንፃፃት ምሕንፃፅ ምልምማድ

ዒላማ፡- መሰረታዊ ሕንፃፃት ምሕንፃፅ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

- “መን እዩ ንፉዕ ስኣሊ?” ዝብል ፀወታ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ምፅዋት፣
- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል ብሓባሪት ኣፃብዕትኸን ጋድም ሕንፃፅ ኣብ ኣየር ምሕንፃፅ ካብኡ ህፃናት ደድሕረኸን ሕንፃፀት ክሰርሑ ምብርትታዕ፣
- የተለያዩ መሠረታዊ መስመሮችን በወረቀት ላይ ሰርቶ በመስጠት እንዲያደምቁት ማድርግ
- መሰረታዊ ሕንፃፃት ብነጡብጣብ ሰሪሕካ ብምሃብ ነቶም ነጡብጣባት እናገጣጠሙ ሕንፃፅ ክሰርሑ ምግባር፣

ንኣብነት፡-



ተፍትሽ፡- መሰረታዊ ሕንፃፃት ምሕንፃፅ ንምስራሕ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ሸውዓተ ፡- ብሑፃ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ

ዒላማ፦ ብሑፃ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ሳፁን ሑፃ፣ ሑፃ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ንህፃናት ሳንዱቕ ሑፃ ከመይ ክጥቀሙ ከምዝግብኦም ኣቐዲምካ ገለፃ ምግባር፣
- ሹራበም ወይ ሸሚዞም ናብ ላዕሊ ምዕፃፍ፣ ሑፃ ናብ ተምሃሮ ዘይምብታን፣ ሑፃ ካብ ሳንዱቕ ወፃኢ ዘይምድፋእ፣ ወዘተ.
- ህፃናት ሳፁን ሑፃን ኣፃብዕቶምን ተጠቒሞም ብምንቅስቓስ ዝተፈላዩ ቅርፅታት ክሰርሑ ምግባር፣
- ሰሪሖም እንትውድኡ ንመምህር ከርእዩንእንታይ ከምዝሰርሑን ምዝራብን፣
- ስራሕቲ ህፃናት ምርኣይን ንስራሕቶም ምድናቕን

ተፍትሽ፦ ብሑፃ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስርሖምን እንታይነት ዝሰርሕዎ ነገር ምዝራቦም ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም።

ተግባር ሸሞንተ፦ ናውትታት ብሕብሮም ብምምዳብ ምፅዋት

ዒላማ፡- ናውትታት ብሕብሮም ብምምዳብ ይፃወቱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ሕብርትታት ዝተለኸዩ ቁርፅራፅ ዕንፀይቲ ወይ ካርቶናት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-

- ዝተፈላለየ ሕብርታት ዘለዎም ቁርፅራፅ ዕንፀይቲ ኣብ ጠረጴዛኦም ህፃናት ምቕማጥ፣
- ቋርፅራፅ ዕንፀይትን ካርቶናትን ብሕብሮም ከለልይዎም ምግባር፣ ብዘለልይዎም ቋርፅራፅ ዕንፀይቲ ወይ ካርቶን ዝተፈላለዩ ቅርፅታት/ምስልታት ምስራሕ፣
- እንታይን እንታይን ከምዝሰርሑ ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ፡- ሕብርታት ምፍላይ ምኽኣሎም ብተመሳሳሊ ሕብሪ ዝተፈላለዩ ነገራት ምስራሕ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ትሽዓንተ፡- ናውትታት ብቁመትን ብቕርፅን ምምዳብ


ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ብቑመቶም ብቕርፀም ይምድቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ዘለዎም ቁርፅራፅ ዕንፀይቲ፣ ብቑመቶምን ዝተፈላለዩ ገመዳት/ሽመል፣ እርሳሳት ወዘተ.

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብቑመቶምን ዝተፈላለዩ ነገራት ብምሃብ ብቑመቶም ክምድብዎም ምግባር፣
- ብቕርፆም ዝተፈላለዩ ነገራት ብምሃብ ብቑመቶም ክምድብዎም ምግባር፣

ንኣብነት፡-



ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ብቑመቶምን ብቕርፆምን ምምዳብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ


ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ናይ ክብሪት እንፀይቲ፣ ቁርፅራፅ ሽንጡራት፣ እርሳሳት ወዘተ…

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህር ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒምክን ቀለልቲ ስራሕቲ ሰሪሕክን ምርኣይ፣
- መሳርሒ ናውቲ ትምህርቲ ንህፃናት ኣብ ሕድሕድ ጠረጴዛ ብምቕማጥዝተፈላለዩ ቅርፅታት ክሰርሑ ምብርትታዕ፣

  ንኣብነት፡-



- ምስ ውድኡ እንታይ ከምዝሰርሑ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣

ተፍትሽ፡- ቁርፅራፅ ዕንፀይቲ ብምግጥጣም ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ንምስራሕ ምፍታኖም ብምርኣይ ምርግጋፅ።


ተግባር ዓሰርተ ሓደ ፡-ክሪ/ፈትሊ ብነኧል ምእታው ምልምማድ

ዒላማ፡- ክሪ/ፈትሊ ናብ ሰፊሕ ነኻል የእትዉ፣ ናውትታት ብሕብሮምን ብቕርፆምን ይፍልዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-


- ክሪ/ፈትሊን መኸደኒ ሃይላንድን ተጠቒምካ ፈትሊ ናብቲ ነኻል ከመይ ክምዝክኣል ምርኣይ፣
- ፈትልን መኸደኒ ሃይላንድን ኣብ ጠረጴዛኦም ብምቕማጥ በቲ ነኻለ ክሪ ከእትዉ ምልምማድ፣

ንኣብነት፡-



- ብምቕፃል እቶም መኸደንታት ብሕብሮም ካርቶናት ድማ ብቕርፆም ብምፍላይ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ እናመረፁ ናብ ባኮ ከእትዉ ምግባር፣

ንኣብነት፡-



ተፍትሽ፡- ክር በማስገባት ሂደት የዓይንና የእጅ ቅንጅታቸዉን ማዳበራቸዉን ማረጋገጥ።

ዒላማ፡- ቅልል ዝበሉ ፍሬማት ጫማ ምእሳርን ምፍታሕን ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዘለበት፣ መጣበቒ ዘለዎም ፅሩይ ጨርቅታት ወይ መእሰሪ ጫማ ፍሬማት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-

- ጫማታት ወይ ፍሬም ብምጥቃም ጫማ ምእሳር ከመይ ከምዝክኣል ብህድኣት ክርእዩ ምግባር፣
- ኩሎም ህፃናት ፈለማ ብሓገዝ መምህር ብምቕፃል ዓርሶም ክኢሎም ክለማመዱ ዕድል ምሃብ

ተፍትሽ፡- ጫማኦም ምእሳርን ምፍታሕን ምልምማዶም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፡- ኣብ ክዳን መልጎም ምልጓምን ምፍታሕን ምልምማድ

ዒላማ፡- ኣብ ክዳን መልጎም ምልጓምን ምፍታሕን ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዓበዪ መልጎም ዘለዎም ሸሚዛት ወይ ፍሬም መልጎም

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-

- ፍሬም ተጠቒምካ መልጎም ክዳን ከመይ ከምዝልጎምን ከምዝፍታሕን ንህፃናት ምርኣይ፣
- ህፃናት በቢ ተራ እናውፅኡ ነቲ ፍሬም ተጠቒሞም ምልጓምን ምፍታሕን ክለማመዱ ምግባር፣
- ህፃናት ኣብ ክልተ ጉጅለ ተመቒሎም ማዕደ ንማዕዶ ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- ነቲ ሓደ ጉጅለ ቢጫ ነቲ ካልኣይ ጉጅለ ድማ ቀይሕ ሕብሪ ዘለዎ ጨርቂ/ሪቫን ኣብ ኢዶም ምእሳር፣
- ፈለማ ቢጫ ጨርቂ/ሪቫን ዝተኣሰረሎም ህፃናት ቀይሕ ሪቫን ንዝትኣሰረሎም ህፃናት መልጎም ሸሚዞም ህድእ ኢሎም ክፈትሑሎምንን ክኣስርሎምን ምግባር፣
- ብምቕፃል ቀይሕ ጨርቂ/ሪቫን ዝተኣሰረሎም ህፃናት ቢጫ ሪቫን ንዝትኣሰረሎም ህፃናት መልጎም ሸሚዞም ህድእ ኢሎም ክፈትሑሎምንን ክኣስርሎምን ምግባር፣
- ህፃናት ናይ ባንቡሎኦም ሸሚዝን ሹራብን መልጎም ፈቲሖም ከውፅኡን ብትኽክል ክኣስሩን/ክልጉሙ ዕድል ምሃብ፣

ተፍትሽ፡- መልጎም ክዳን ምልጓምን ምፍታሕን ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ፡- መሰረታዊ ሕንፃፃት ምስራሕ

ዒላማ፦ መሰረታዊ ሕንፃፃት ይሰርሑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኣብ ዓብዪ ፃዕዳ ወረቐት ዝተፈላለዩ መሰረታዊ ሕንፃፃት በቢ ተራ እናሰርሑ ንህፃናት ምርኣይ፣
- ንህጻናት ወረቐትን እርሳስን ብምሃብ በቲ ዝርኣይዎ ኣብነት መሰረትክሰርሑ ምብርተታዕ፣

> መዘክር፦ እዞም መሰረታዊ ሕንፃፃት ብሓደ ክ/ጊዜ ክሰርሕዎም ዘይኮነስ ኣብ ዝተፈላለዩ ክ/ጊዜ ክለማመድዎም ብምግባር ጭዋዳታት ኢዶም ክሳብ ዝጥንክሩ ብተደጋጋሚ ምልምማድ የድሊ።

ተፍትሽ፦ መሰረታዊ መስመራት ብምስራሕ ንፅሑፍ ዝተዳለዉ ምዃኖም ምርግጋፅ።

**2.3.5** ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ..........................................................

ስም ህፃን...........................................ዕድመ.................ፆታ............

ስም መምህር........................................ዓመተ ምህረት.....................

ኩነታት እቲ ህፃን ዝምልከት ኣብ ሓዴኡ ብርኪ ጥራሕ ብምሕራይ ኩነታቱ ምምዝጋብ፣

1. ምምሕያሽ ዘድልዮ.....................................................................

2. ነቲ ዝተተለመ ብቕዓት ዘኣማሊኡ ....................................................

3. ካብ ዝተተለመ ብቕዓት ንላዕሊ ዝተረኽበ...........................................

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቃ ክትትል ኣብ መፈላምታ ዓመት፣ መፋርቅ ዓመት፣ መወዳእታ ዓመት ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | ፈለማ ዓመት | መፋርቕ ዓመት | መወዳእታ ዓመት |
| **1.** መረዳእታታት ብኣግባቡ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ | | | |
| 1.1. ንዝተፈላለዩ ድምፅታት ትእዛዝ ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ። | | | |
| 1.2. ንዝተፈላለዩ ድምፅታት ብምድማፅ ምፍላይን ኣንፈታት ምሕባር ይኽእሉ። | | | |
| 1.3. ሓፀርቲ ዛንታታት መዝሙራት ብምድማፅን ደጊሞም ምዝማር ይኽእሉ፡ | | | |
| **2.** ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ብዓርሶም ተኣማሚኖም ትርጉም ዘለዎ ዝርርብን ምልክት ቋንቋን ተጠቒሞም ይርዳድኡ | | | |
| 2.1. ቀለልቲ ትእዛዛትን መምርሕታትን ምትግባር ይኽእሉ። | | | |
| **3.** ብምንባብ ምሕጓስ፤ ፍልጠት ምርካብን ምርዳእን | | | |
| 3.1. ስእልታትን ቅርፅታትን ብምርኣይ ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| **4.** ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ብምውሃድ ንፅሑፍ ምድላው፣ | | | |
| 4.1. ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ኣዋሂዶም ንምፅሓፍ ይለማመዱ። | | | |

## 2.4. ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓሶም ምጥቃም ክልስ ሓሳብ ሒሳብን ምግባጥን

### 2.4.1 መብራህረሂ

ኣምር ሒሳብ ማለት ናይ ቦታ፣ግዘ፣መጠን ኣቑሑት፣ብሕብርን ብቅርፅን ምፍላይ፣ኣቑሑት ምቁፃር፣ወዘተ እንትኸውን በብደረጃ ቀስ እንዳበለ እንዳማዕበለ ዝኸይድን ምስ ካልኦት በብመዓልቱ ዝግበር ምንቅስቓስን ዝርከብ ተመክሮን ዝተኣሳሰረ እዩ።ስለዝኾነ ትምህርቲ ሒሳብ ናይ ህፃናት ኣእምሮ ዘማዕብልን ብታሕጓስ ዝሳተፍሉን ንክኸውን እቲ ምንቅስቓስ ተግባራዊን ምስ ማዓልታዊ ንጥፈታትን ካልኦት ትምህርታዊ ፕሮግራማት ተኣሳሲሩን ተደጋጊፉን ዝወሃብ ክኸውን ይግባእ።

ሒሳብ ኣብ ኩሉ ናይ ህይወት ኩርናዕ ዝርከብ ስለዝኾነ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ኣናእሽተይ ህፃናት ርካቦ እውን ምስ ሒሳብ ዝተኣሳሰረ እዩ። ሒሳብ ብኣብዝሓ ኣብ ኣእምሮ ስራሕ ጠመተ ዝገበረ ስለዝኾነ ህፃናት ናይ ሒሳብ ኣምር ክርደኡ ብዝተፈላለዩ ኣቑሑት/ናዉቲ/ ብዝማዕበለ ከባቢ ነቲ ኣቑሑት እንዳነኻኸኡን እናተፃወቱን ብናይ ባዕሎም ዓቕሚ እንዳተንቃሳቐሱ ከባቢኦም ክፍትሹን ክመሃሩን ኩነታት ምምቻቓው የድሊ እዩ።
ስስእዚ እንተተፈፂሙ ህፃናት ባዕሎም ክኢሎም ምሕሳብ ዝኽእሉ፣ፀገም ፈታሓይነት ዝንባለ ዘለዎም፣ወዘተ ከይኖም ንክዓብዩ ትምህርቲ ሒሳብ ብምዝንጋዕ፣ ብታሕጓስን ብጨዋታን መንፈስ ዝመሃሩ ክኾኑ ይኽእሉ።

ኣብ ላዕሊ ከምዝተገለፀ ህፃናት ኣብ ብናወቲ ዝማዕበለ ከባቢ ክመሃሩ ይግባእ።እዚ ንክኸውን ዘገድድ ኩነታት ህፃናት ምሕሳብ ዝኽእሉ ምስ ዝጉብር ተግባራዊ ፍፃመታት/ንጥፈታት ስለዝኾነ እዩ። ህፃናት ኣብ 3-4 ዘሎ ዕድሜኦም ኣብ ኣፀደ ህፃናት ተሳትፎ ዝጅምርሉ እዋን ስለዝኾነ ንቀፃላይ ደረጃ መሰረት ዘንብርሉ ከምዝኸዉን ተገይሩ ጠመተ ተዋሂብዎ ክስረሐሉ ይግባእ።

### 2.4.2 ሓፈሻዊ ዕላማታት

1. ነገራት ብዓይነት፣ ብሓድነትን ኣፈላላይን ከምኡዉን ቅደም ስዓብን ብዝሓለወ መልክዑ ምቕማጥ ከምዝኽእሉ ንምግባር፣

2. ርክብ ሓደ ንሓደ ምርኣይ፣ ናውትታት ብቓል ምቑፃርን በዝሒ ምውሳኽን ምንካይን ክኽእሉ ንምግባር ቅርሽን ሳንቲምን ከለልዩ ንምግባር፣
3. ኣብ መንጎክልተ ናውትታት ዘሎ ኣፈላላይ ዓቐን ምዝራብ ክኽእሉ ንምግባር፣
4. ኣብ ግዘ ዝፍፀሙ ዝተፈላለዩ ተግባራት ንምፍላይ፣ ሰባትን ነገራትን መሰረት ገይሮም ቦታን ርሕቐትን ንምግላፅ፣

### 2.4.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት

1. ባህሪ ናውትታት ምፍታሽ፣ ምርዳእን ምፍላይን፣
   1.1. ነገራት ብዓይነትን ብቅደም ስዓብን ምቕማጥ ይኽእሉ።
2. ነገራት ብመሰረት ባህሪኦም ምውድዳር፣
   2.1. ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ቅደም ስዓብ ብዝሓለወ መልክዑ ምርኣይ ይሽእሉ
3. ቁፅርታት ምልላይ፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ
   3.1. ርክብ ሓደ ንሓደ ምርኣይ ይኽእሉ።
   3.2. ናውትታት ምቑፃር ይኽእሉ።
   3.3. በዝሒ ምውሳኽን ምንካይን ይኽእሉ።
4. ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ዝኾኑ መለክዕታትን መመዘንታትን ምጥቃም፣
   4.1. ኣብ መንጎ ክልተ ናውቲ ዘሎ ኣፈላለይ ዓቐን ምዝራብ ይኽእሉ።
5. ክልስ ሓሳብ ግዘ ምርዳእን መግለፅታቱ ምጥቃምን፣
   5.1. ኣብ ግዛ እፍፀሙ ተግባራት ምፍላይን ምስዓብ/ምኽታል ይጀምሩ።
6. ክልስ ሓሳብ ቦታ ምርዳእን መግለፅታቱ ምጠቃምን፣
   6.1. ንሰባትን ነገራትን መሰረት ገይሮም ቦታን ርሕቐትን ምግላፅ ይኽእሉ።
7. ንገንዘብን ምልላይ፣ ምፍላይ፣ ምግላፅን ምጥቃምን
   7.1. ሳንቲምን ቅርሽን/ብርን ይፈልዩ።

## 2.4.4 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ብቕዓታት፣ መሳርሕታት ናውቲ ትምህርቲ

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ባህሪ ናውትታት ምፍታሽ፣ ምርዳእን ምፍላይን፣ | 1.1. ነገራት ብዓይነትን ብቅደም ስዓብን ምቕማጥ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፦ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ብስም ምፍላይ

ዒላማ፦ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ብስም ምፍላይ ይኽእሉ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ቅርፅታት ስሉስ ኩርናዕ፣ ክቢ፣ ትርብዒት ካብ ሕብራዊ ወረቐት ቀዲድካ ምውፃእን ስያመኦም ብምዝራብ ምልላይ፣
- ንሕድሕደ ህፃን ተቀሪፁ ዝወፅአ ምስሊ ብምሃብ ኣብ ፃዕዳ ወረቀት ክልጥፉ ምግባር፣
- ለጢፎም ምስ ወድኡ እንታይ ዓይነት ቅርፂ ከምዝለጠፉ ክዛረቡ ምግባር፣
-

ተፍትሽ፦ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ስያመኦም ምፍላጦም ብምሕታት ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፦ ተመሳሰልቲ ቅርፅታት ምዝማድ

ዒላማ፡- ብቐርፆምን ብሕብሮምን ተመሳሳልነት ዝኾኑ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ የዘምዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-

- ዝተፈላለየ ሕብሪ ዝተለኸዩ ተመሳሳልነት ዘለዎም ቅርፅታት ሓዋዊስካ ምሃብ፣

  ንኣብነት፡- ትርብዒት፣ ክቢ፣ ስሉስ ኲርንዓት

  - መምህር ሓደ ዝኾነ ቅርፂ ኣልዒለን እንተርእያ ህፃናት ነቲ ቅርፂ ሓፍ ኣቢሎም ከርእዩን እንታይ ከምዝብሃል ክዛረቡ ምግባር፣
  - ትኽክል ምኻኖምን ዘይምኻኖምን ካልኦት ህፃናት ከረጋግፁ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ብቐርፆምን ብሕብሮምን ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ቅርፆም መሰረት ገይሮም ኣብ ቦታኦም የእትዉ/ይገጥሙ።

ናው

ተግባር ሰለስተ :- ቅርፅታት ኣብ ቦታኦም ምግጣም

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-

- ንኩሎም ህፃናት ንምርኣይ ኣብዝምቹ ቦታ ኲይንኻ ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ተፈልፊሎም ናብ ትኽክለኛ ቦትኦም ከመይ ከምዝኣትዉ ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብ ሓደ ጠረጴዛ ክልተ ኲይኖም በቢ የተራ ምግጣም/ምእታው ክለማመዱ ምብርትታዕ
- ብትኽክል ኣብ ቦትኡ ምግጣሞም ካልኦት ከረጋግፁ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ተፈልፊሎም ብዝወፅእሉ ቦታ ብትኽክል ምግጣሞም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ስያመ ቅርፅታት ምፍላይ

ዒላማ ፡- ቅርፅታት ብስያመኦም ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኵዕሶ፣ ቾክ/ኵረሽ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ‹‹ኣብቲ ቅርፂ ኩዕሶ ኣእትው›› ዝብል ፀወታ ምንቅስቓስ ብዝስብ መንገዲ ምፅዋት፣
- ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ፣ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ፣ ኣብ ምድር ብቾክ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ቅርፅታት ምስራሕ፣
- ነቲ ዝተሰርሐ ቅርፂ ኸቢቦም ጠጠው ክብሉ ድሕሪ ምግባር ኩዕሶ ሂብካ ምፅዋት፣
- ስም እቲ ቅርፂ እንትፅዋዕ ዝተውሃቦም መፃወቲ ናብቲ ቅርፂ ከእትዉ ምሕታት፣

ተፍትሽ፡- ንቅርፅታት ብስያመኦምን ቕርፆምን ምፍላዮም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ተመሳሳሊ ሕብርን ቅርፅን ዘለዎም ነገራት ይፈልዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ሰፊሕ ካርቶን ወይ ገንዳ ፕላስቲክ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ብፅምዲ ምእታው፣ ንኣብነት፡- ፅምዲ ርቡዕ ኩርናዕ፣ ላጲስ፣ ዓበይትን ኣናእሽተንን እርሳሳት፣ መሰረታዊ ሕብርታት ዝተለኸዩ ባኮታት ክርቢት ወዘተ.
- ዝስዕቡ ነገራት ንህፃናት ክስሕቡ ከምዝኽእሉ ፅሩያትን ሕብሪ ዝተለኸዩ ንክኾኑ ትኹረት ምሃብ የድሊ፣
- እያንዳንዱን ከመካከል እያወጡ ማሳየት
- ተመሳሳይ የሆነውን ሕፃናት በየተራ ፈልገው እንዲያወጡ ማድረግ
- በመቀጠል ምን እንደሆነ እንዲናገሩ ማድረግ

ተፍትሽ፡- ተመሳሰልቲ ሕብርታትን ቅርፅን ዘለዎም ነገራት ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት ምፍላይ

ተግባር ሽዱሽተ፡- ተመሳሳሊ ቅርፅን ሕብርን ዘለዎም ናውቲ ምምዳብ

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብሕብሪ፣ ብቕርፂ፣ ብባህሪ፣ ብዓቐን ዝተፋለዩ ናውትታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ጠረጴዛ ህፃናት ብሕብሪ፣ ብቕርፂ፣ ብዓቐን ዝተፋለዩ ናውትታት ምቅማጥ፣
- ብርኪ ብብርኪ ሕቶታት ብምሕታት ብዓይነቶም ክፈልዩ ምግባር፣

ንኣብነት፡- ኣብ ጠረጴዛኦም ካብ ዝተቐመጡ ነገራት ማእኸል ቀይሕ ሕብሪ ዝተለኸዩ ኮርኪታት ክፈልዩ ምሕታት፣ ቢጫ ሕብሪ ዝተለኸዩ ኮርኪታት ክፈልዩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ተመሳሳሊ ቅርፅን ሕብርን ዘለዎም ናውቲ ናብ ሓደ ምመዳብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸውዓተ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ምህናፅ

ዒላማ፡- ናውቲ ህንፀት/ብሎካት ተጠቂሞም ዝተፈላለዩ ነገራት ይሃንፁ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ብሎካት ወይ ቁርፅራፅ ዕንፀይቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዝተፈላለዩ ዓቀንን ቅርፅን ዘለዎም ናውቲ መንድቕ ወይ ቁርፅራፅ ዕንፀይቲ ተጠቂምካ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ንህፃናት ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ኣብ በቢ ጠረጴዛኦም ናውትታት መንድቅ ብምሃብ ዝተፈላለዩ ነገራት  እናነደቑ ክፃወቱ ምግባር፣
- ነዲቖም ምስ ወድኡ ብምንታይ ከምዝነደቕዎን ስያመ ዝነደቕዎን ክዛረቡ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ፡- ናውቲ መንድቕ/ብሎካት ተጠቂሞም ዝተፈላለዩ ነገራት ምንዳቕ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሸሞንተ፡- ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ብኢድ ቐዲድካ ምውፃእ

ዒላማ፦ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ መስመር እናተኸተሉ ብኢዶም ቅርዲዶም ቅርፂ የውፅኡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ኣብ ወረቐት ዝተስኣሉ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ/ ክቢ፣ ትርብዒትን ስሉስ ኩርናዕን/ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ብዓብይኡ ዝተስኣሉ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ንህፃናቱ ብምርኣይ መስመር ሓሊኻ ህድእ ኢልካ ብኢድ ቀርዲድካ ምውፃእን ህፃናት ክርእይዎ ምግባርን እቲ ቅርፂ እንታይ ከምዝብሃል ምሕታትን፣
- ህፃናት ቅርፂ ቀርዲዶም ምውፃእ ዝደልዩ ምኼኖም ብምሕታት ናይ ምስራሕ ድለሌቶም ምልዕዓል፣
- ንሕድሕድ ህፃን ድምቕ ኢሉ ዝተስኣለ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብምሃብ በቲ ዝርኣይዎ መሰረት ቀርዲዶም ከውፅኡ ምግባር፣
- ምስ ወድኡ እንታ እንታይ ዓይነት ቅርፅታት ቀርዲዶም ከምዘውፅኡ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ቅርፅታት ቀዲዶም ምውፃኦምን ንዘውፅእዎ ቅርፅን ምዝራቦም ብምድማፅ ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
| --- | --- |
| 2.ነገራት ብመሰረት ባህሪኦም ምውድዳር፣ | 1.2 2.1. ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ቅደም ስዓብ ብዝሓለወ መልክዑ ምርኣይ ይኽእሉ |

ተግባር ሓደ፡- ዓቐን ናውቲ ምፍላይ

ዒላማ

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብዓቐን ዕብይ ዝበለ ኣፈላለይ ዘለዎም ሓደ ዓይነት ቅርፂታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብዓቐን ዕብይ ዝበለ ኣፈላለይ ዘለዎም ክልተ ሓደ ዓይነት ናውቲ ብምቕራብ እንታይ ከምዝኾኑ ምሕታት፣
- ብምቕፃል ክልቲኦም ብዝተፈላለየ ኢድ ኣልዒልካ ኣየናይ ከምዝዓብይን ከምዝንእስን ክግምቱ ምግባር፣
- ሕድሕድ ህፃን ናብ መምህር ዘላቶ ክመፅእ ብምግባር እቲ ዓብይ ኣልዒልካ ሃበኒ፣ እታ ንኡሽተን ኣልዒልካ ሃበኒ፣ ንእከለ እታ ንኡሽተን ሃቦ፣ ንእከለ እታ ዓባይ ሃቦ እናበልካ ኣፈላላይ እቶም ናውቲ ክፈልጡ ምልምማድ፣

ተፍትሽ፡- ናውታት ብዓቐኖም ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ንናውቲ ብኽብደቶም ብምውድዳር ይፈልዩ።

**ተግባር ክልተ፡- ናውትታት ብኽብደቶም ምፍላይ**

ናውቲ [illegible] ስፖንጅ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንህፃናት ኣብ ጠረጴዛኦም ዓብዪ ስፖንጅን ንኡሽተን እምንን ብምቅማጥ እንታይ ከምዝኾኑ ምሕታት፣
- ብምቕፃል ብኢዶም እንተይነኸኡ ብዓይኖም ርእዮም ጥራሕ ኣየናይ ዓብዪ ኣየናይ ድማ ንኡሽተን ምሕታት፣ ካብ ክልቲኦም ኣይናይ ከምዝኸብድ ርእዮም ጥራሕ ክዛረቡ ምግባር፣
- ብምቕፃል በቢ ተራ ንክልቲኦም ብኽልተ ኢዶም ሒዞም ኣየናይ ከምዝኸብድንኣየናይ ከምዝቐልልን ክምዝኑ ምግባር፣
- መልሲ ህፃናት ድሕሪ ምድማፅ ሓደ ኣቕሓ ዓብዪ ስለዝኾነ ከቢድ፤ ስለዝቐለለ ቀሊል ክብሃል ከምዘይክኣል ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ናውትታት ኣብ ኢዶም ገይሮም ብምውድዳር ቀሊልን ከቢድን ንምፍላይ ምፍታኖም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ናውቲ ብበዝሖም ምውድዳር ይኽእሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ፍረ ባሕርዛፍ፣ ኮርኪታት፣ ፀፀራት፣ ወዘተ.

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንህፃናት ምርኣይ አኣብ ዝጥዕም ቦታ ብምኺን ብሓደ ገፅ ብዙሓት ፀፀራት ብኻሊእ ገፅ ድማ ውሑድ ፀፀር ብምቕማጥ ኣየናይ ብዙሕ ኣይናይ ውሑድ ከምዝኾነ ምሕታት፣
- ንሕድሕድ ህፃን ኣብ ጠረጴዛኦም ብዙሓት ኮርኪታት፣ ፀፀራትን ፍረ ባሕርዛፍን ብምሃብ ብሓደ ገፅ ብዙሕ ብኻሊእ ገፅ ድማ ውሑድ ከቐምጡ ብምግባር ምስ ወድኡ ንመምህሮም ኣየናይ ብዙሕ ኣየናይ ውሑድ ከምዝኾነ ንመምህሮም ክዛረቡ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ በዝሒ ዘለዎም ናውትታት ብምውድዳር ብዝሑን ውሑድን ምፍላይ ምኽኣሎም ብምርኣይን ብምርድማፅን ምርግጋፅ፣

ተግባር ሰለስተ ፡- ናውቲ ብበዝሖም ምውድዳር

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ቁመት /ንውሓት/ ዘለዎም ነገራት ብብምውዳዳር ነዊሕ ሓጺር እናበሉ ይገልፁ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ካብ ረጒድ ክላሰር ወይ ወረቐት ስዕሊ ነወሕትን ሓፀርትን ዝኾኑ ሰለስተ ነጠብጣባት ካብ 3 ሴ.ሜ ዘይንእስ ኣፈላላይ ቖሪፅካ ምድላው፣
- እቶም ነጠብጣባት ካብ ነዊሕ ናብ ሓጺር፣ ካብ ሓጺር ናብ ነዊሕ ብማዕረ ምድርዳር፣
- ባዕሎም ከማዕብሉ ብምግባር ነወሕትን ሓፀርትን ክፈልዩ ምግባር፣
- ንምድርዳር ዝገብርዎ ፃዕሪ ምድናቕ፣

ንኣብነት ፡-



ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ቁመት /ንውሓት/ ዘለዎም ነገራት ምውድዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ቁመት /ንውሓት/ ምውድዳር

ዒላማ፡- ካብ ሓሙሽተ ዘይበልፁ ኮርኪታት ወይ ፀፀራት፣ ወዘተ…

ተግባር ሓሙሽተ፡- ቅደም ስዓብ ሓሊኻ ናውቲ ምቁፃር

ናውቲ መምሃሪ መበተምሃሪ፡- የተለያዩ በአሎት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተቐፀርቲ ነገራት ተጠቂምካ ብቅደም ስዓብ ብምድርዳር ድምፅኻ ዓው ኣቢልካ እቲ ናውቲ ብኣፃብዕቲ እናንኻእኻ ካብ ሓደ ጀሚርካ ክሳብ ሓሙሽተ ብምቑፃር ንህፃናት ምርኣይ፣
- ንሕድሕድ ህፃን ካብ ሓሙሽተ ዘይበልፁ ናውትታት ብምሃብ ብመስርዕ ክድርድሩን ምስ መምህር ብሓባር ኣብ ዝቖፅርሉ እዋን ባፃብዕቶም እናነኸኡ ክቖፅሩ ምብርትታዕ፣
- ዝተደርደሩ ናውትታት ብቅደም ስዓብ ብምቑፃር ምርኣይን ህፃናት በቲ ዝረኣይዎ ኣብነት ክቖፅሩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ናውትታት ብቅደም ስዓብ ብምድርዳር ክሳብ ሓሙሽተ ምቑፃር ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።



ተግባር ሽዱሽተ፡- ካብ 1- 10 ብቃል ምቑፃር

ዒላማ፦ ኣፃብዕቶም ተጠቒሞም ካብ 1-10 ብቃል ይቖፅሩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- የማናይን ፀጋማይን ኣፃብዕቶም ብምልውውጥ ብሓባሪ ኣፃብዕቶም ጫፍ ኣፃብዕቶም ብምንካእ ካብ 1-10 ድምፅኽን ዓው ኣቢልክን ምቑፃር፣
- ህፃናት ብዝርኣይዎ መሰረት ልክዕ ከም መምህሮም ኣፃብዕቶም ክቖፅሩ ምልምማድ፣
- ካብ 3-4 ህፃናት ናብ መድረኽ ከመፅኡ ብምግባር ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ወፂኦም ክቖፅሩ ብምግባር ካልኦት እዉን ኣብ ጉጅልኦም ኰይኖም ብቢ ተራ ክቖፅሩ ምግባር፣

ተፋትሽ፦ ኣፃብዕቶም ተጠቒሞም ካብ 1 ክሳብ 10 ዘለዉ ቁፅርታት ብቃል ምቑፃሮም ምግምጋም።

**ተግባር ሸውዓተ፦ መዝሙር ምዝማር**

ዕላማ፦ መዝሙር ንምዝማር ተለላ ብተለላ ደድሕሪ መምህርም ስነዜሙ ንምዝማር ይለማመዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- <<ቁፅሪ ምቁፃር ደስ ይብል>> ዝብል መዝሙር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ኮይንኽን ህድእ ኢልክን ድምፅኽን ዓው ኣቢልክንን ምዝማር፣
- መምህር ተለላን ዜማን እቲ መዝሙር ሓሊኽን ምዝማርን ህፃናት ድማ ደድሕሬኽን ተለላ ብተላለ ነቲ መዝሙር ክለማመዱ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ምስ ህፃናት ብሓበር ብምዝማር ዜማኡን ግጥሙን ክትሕዝዎ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ዜማ እቲ መዝሙር ተለላ ብተለላ ደድሕሪ መምህሮም ንምዝማር ፈተነ ምክያዶም ብምድማፅ ምርገጋፅ።

ተፍትሽ፦ ዜማ እቲ መዝሙር ተለላ ብተለላ ደድሕሪ መምህሮም ንምዝማር ፈተነ ምክያዶም ብምድማፅ ምርገጋፅ።

ተግባር ሸሞንተ፡- አካላዊ ምንቅስቓስ ተጠቂምካ መዝሙር ምዝማር

ዒላማ፡- አካላዊ ምንቅስቓስ ተጠቂሞም ኣካላት ስምዒት እናሓበሩ ካብ 1-5 ብምቑፃር ይዝምሩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ‹‹ሓሙሽተ ኣካላት ስምዒት›› ዝብል መዝሙር ምስ ቁፅሪ እናዋሃዱ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ህፃናት ክዝምሩ ምግባር፣-

    ሓሙሽተ ሓሙሽተ

    ኣካላት ስምዒት፣/2/

    ዓይኒ፣ አፍንጫ፣ /2/

    መልሓስ፣ እዝንን------/ቆርበትን እዮም።/2/

    ሓደ፣ ክልተ፣

    ሰለስተ ፣ ኣርባዕተ፣------/ሓሙሽተ ቁፅርታት እዮም።/2

- ኣብ መወዳእታ እቲ መዝሙር ዘለዉ ተለላታት እናቆፀርና እትንዝምር ኣካላት ስምዒት እናነኻእኻ ምዝማር
- መምህር ዜማኡ ሓሊኽንን ኣካለዊ ምንቅስቓስ ገይርኽንን ምዝማር፤ ህፃናት ድማ ደድሕሬኽን ተለላ ብተለላ ኣካለዊ ምንቅስቓስ ሓዊሶም ንምዝማር ክለማመዱ ምግባር፣

ተፍትሸ፡- ዜማ እቲ መዝሙር ኣካላዊ ምንቅስቓስ ተጠቒምካ ኣካላት ስምዒት ብምንካእ ካብ 1-5 ዘለዉ ቁፅርታት ምቑፃሮም ብምድማፅን ብምርኣይን ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ቁፅርታት ምልላይ፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ | 3.1 ርክብ ሓደ ንሓደ ምርኣይ ይኽእሉ። |

**ተግባር ሓደ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት ምዝማድ**

ዒላማ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት የዛምዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኮርኪታት፣ ፍረ ባሕርዛፍ፣ ፀፀራት ወዘተ.

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ሕድሕድስ ጠረጴዛ ካብ ኩሉ ዓይነት ሓደ ሓደ ብምሃብ ክድርድሩ ምግባር፣
- ብምቕፃል ዝተሰርዑ ናውትታት መዛመዲ ሰሌዳ ኣብ ጠረጴዛኦም ብምቅማጥ ህፃናት ምስ ዝመሳሰልዎም ከዛምዱ ምብርትታዕ፣
- እንታይን እንታይን ነገራት ሓደ ዓይነት ኲይኖም ከምዛዛመዱ ብኣፃብዕቶም እናሐበሩ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት ምዝማድ ምኽኣሎም ምግምጋም።




**ተግባር ክልተ፡- ብሰሌዳ መዛመዲ ምፅዋት**

**ዒላማ፦ ተመሳሰልቲ ነገራት እናዛመዱ ይፃወቱ።**

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ተቖራሪፆም ዝወፅኡ ስእልታት፣ ሎቶ/ሰሌዳ መዛመዲ**

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ስእሊ እንስሳ ዘቤት፣ ስእሊ እንሰሳት ዘገዳንም፣ ፍራምረ፣ ኣትኽልቲ፣ ናውቲ ገዛ፣ ሰሌዳ መዛመዲ/ሎቶ/ ብምቕራብ/ ካብቶም ዝተጠቐሱ ዝተረኸቡ/ ከመይ ብተግባር ምርኣይ፣
- ብውልቀ ወይ ካብ 2-4 ኣባላት ዘለዎ ጉጅለ ሰሌዳ መዛመዲ/ሎቶ/ ብምሃብ ፃወታ ምዝማድ ክፃወቱ ምግባር፣
- ሓደ ንሓደ ምዝማድ ምኽኣሎም ምክትታልን ኣድላይ ኣብዝኾነሉ እዋን ሓገዝ ምግባር፣



**ተፍትሽ፦ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ከዘምዱ ብምግባር ምፅዋት ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም።**


**ተግባር ሰለስተ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት ሕብረ ብምልኻይ ምዝማድ**

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእሊ እንስሳት ዘቤት፣ ስእሊ እንስሳት ዘቤት፣ ስእሊ ዕንበባ፣ ስእሊ ፍራምረ፣ ወዘተ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ፅምዲ ፅምዲ ኰይኖም ዝተስኣሉ ዕንበባታት፣ ፍራምረን ካልኦትን መሰል ነገራት ቀርዲድካ ምውፃእ፣
- ንሕድሕድ ህፃን ሓደ ፅምዲ ብምሃብ ሓደ ዓይነት ሕብረ ክለኽዩ ምግባር፣
- ለኽዮም ምስወድኡ ነኒሕድሕዶም እናራኸቡ ከቐምጡን እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣

ንኣብነት፦



ተፍትሽ፡- ተመሳሰልቲ ነገራት ሕብረ ብምልኻይ ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ተመሳሰልቲ ነገራት ምፍላይን ምቑፃርን ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ፍረ ቀላሚንጦስ፣ ኮርኪታት፣ ፀፀራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ፍረ ቀላሚንጦስ፣ ኮርኪታት፣ ፀፀራት ተጠቒምካ ካብ ዝተሓብእሉ ከመይ ፈሊኻ ምውፃእ፣ ምስራዕንን ምቑፃርን ከምዝክኣል ምርኣይ፣
- ንሕድሕድ ህፃን ካብ 1፬ ዘይበልፁ ዝተሓዋወሱ ዝተፈላለዩ ነገራት ብምሃብ ፈልዮም በቢ ዓይነቶም ክሰርዑን ክቖፅሩን ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ተመሳሰልቲ ነገራት ፈልዮም ምቑፃር ምጅማሮም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፦ ተመሳሰልቲ ነገራት ምፍላይን ምቑፃርን

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3. ቁፅርታት ምልላይ፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ | 2.1. ናውትታት ምቑፃር ይኽእሉ። |

**ተግባር ሓደ፡- መዝሙር ምዝማር**

ዒላማ፡- ካብ 1 -10 ዘለዉ ቁፅርታት ብመዝሙር ብቅደም ስዓብ ይቆፅሩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ካሴት መዝሙር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- **"ንኡኽተን ንኡሽተን ዑፍ"** ዝብል መዝሙር ብምዝማር ካብ 1-10 ክቆፅሩ ምልምማድ
- ነቲ መዝሙር ንምፅጃብ ዝጠቕሙ ተቐራሪፆም ዝተዳለዉ ስእሊ ኣዕዋፍ ብኣናእሽቶን ስእልታትን ቁፅርታትን ምጥቃም፣
- ህፃናት ብቃል እንትቆፅሩ ስእሊ ዑፍ ብምርኣይን ብምምራሕን ምልዕዓል፣

ተፍትሽ፡- ካብ 1-10 ዘለዉ ቁፅርታት ብመዝሙር ብቅደም ስዓብ ምቁፃር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



**ተግባር ክልተ፡- ሓደ ንሓደ ምዝማድ**

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ሓደ ብሓደ የዛምዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ሓሙሽተ ከረሜላ፣ ሓሙሽተ ባንቡላ፣ ሓሙሽተ መኽደኒ ቋዕቋዕታ ወዘተ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ከ ሓሙሽተ ከረሜላን ሓሙሽተ ባንቡላን ምድላው፣
- ሕድሕድ ህፃን በቢ ተራ ናብ መምህር ብምቕራብ ንባንቡላ ከረሜላ ክሁብ ምልምማድ፣
- ሓደ ንሓደ ከራኽቡ ምልምማድ፣
- ተመሳሰልቲ ተግባራት መኽደኒ ቋዕቋዕታ ማይብሓደ ገፅ ብኻሊእ ገፅ ድማ መኽደኒኦም ንበይኑ ብምቕማጥ ሓደ ንሓደ ከራኽቡ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ፡- ሓደ ንሓደ ምዝማድ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- ናውትታት ምቁፃር

ዒላማ፡- ካብ 1 -5 ዘለዉ ናውትታት ቆፂሮም በዝሑ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ሕብሪ ዘለዎም መኽደኒ ኳዓ/ቋዕቋዕታ ማይ፣ ኮርኪታት፣ ፀፀራት ወዘተ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንሕድሕድ ህጻን ኣብ ጠረጴዛኦም ካብ ሓሙሽተ ዘይበልፁ ናውትታት ብምሃብ ኣብ ቅድሚኦም ከቀምጡ ምግባር፣
- ኣቀሚጦም ምስ ወድኡ መምህር ብዝህብዎም መምርሒ መሰረት ካብ ዝተውሃቦም ናውቲ ውሽጢ ቆፂሮም ከውፅኡ ምግባር፣
- ንኣብነት፡- መምህር ሰለስተ ኢሎም እንትፅዉዑ ህፃናት ሰለስተ ናውቲ ቆፂሮም ከውፅኡ፤ ክለተ እንትብሉ፣ ክልተ ናውቲ ቆፂሮም ከውፅኡን ኩሎም ብሓባር ብምግባር ብኣፃብዕቶም እናነኸኡ ቆፂሮም ክዛረቡ ምግባር፣
- እንድሕር ከቢድዎም ኣድላዪ ሓገዝ ብምግባር ምብርትታ

ተፍትሽ፡- ናውትታት ብምቑፃር መጠኖም ምፍላይን ምዝራብን ምኽኣሎም ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ካብ1 -10 ብተቖፀርቲ ምቑፃር

ዒላማ፡- ካብ 1 -10 ብተቆፀርቲ ተጠቒምካ ምቑፃር ይኽእሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኩርሽ/ቾክ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ካብ 1 ዐ ዘይበልፁ ህፃናት ናብ መድረኽ ክወፅኡ ብምግባር ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ደው ክብሉ ምግባር፣
- ናብ መድረኽ ዝወፅኡ ህፃናት ኣብ ክፍሊ ዝተሰርሐ ክቢ ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- ካብ መንጎ ህፃናቱ ነቲ ሓደ ብምፅዋዕ ኣብ ክቢ ካብ ዘለዉ ህፃናት 3 ወይ 4 ህፃናት ቆፂሩ ክውፅእን ኣብ ቅድሚ መምህር ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- ብትኽክል ቆፂሩ ምውፃኡን ወይ ዘይምውፃኡን ካልኦት ከረጋግፁ ብምግባር ምፅዋት፣

ተፍትሽ፡- ካብ 1-10 ዘለዉ ቁፅርታት ምቑፃር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. .ቁፅርታት ምልላይ፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ፣ | 3.3 በዝሒ ምውሳኽን ምንካይን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ምድማር ምልምማድ

ዒላማ፡- ብደረጃኦም ክልስ ሓሳብ ምድማር ንምርዳእ ይፍትኑ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብቲ ክፍሊ ካብ ዘለዉ ህፃናት ማእኸል 2 ተባዕትዮን 4 ኣነስትዮ ህፃናት ናብ መድረኽ ብምውፃእ በበይኖም ተጕጅሎም ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- ህፃናት ክንደይ ተባዕትዮን ኣነስትዮን ከምዝኾኑ ቆፂሮም ክዛረቡ ምግባር፣
- ቆፂሮም ምስ ወድኡ «መንኦም ይበዝሑ? ኣነስትዮ ወይስ ተባዕትዮ?» ብምባል ምሕታት
- ብምቕፃል ካልኦት ሰለስተ ኣወዳት ክወፅኡ ብምግባር ናብቶም ዝነበሩ ክውሰኹ ብምግባር ሐዚ ኸ መኒኦም ከምዝበዝሑ ንምንታይ ብዙሕ ከምዝኾኑ ብምሕታት ኣምር ምድማር ብደረጃኦም ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሸ፡- ብደረጃኦም ኣምር ምድማር ምርዳእ ምጅማሮም ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፡- ምጉዳል ምልምማድ

ዒላማ፡- ብደረጃኦም ኣምር ምጉዳል ንምርዳእ ይፍትኑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእሊ ሓሙሽተ ቆፃል ጥርሙዝ፣ ቋዕቋዕታ ማይ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህር ንኩሎም ህፃናት ምርኣይ ምችዉ ኣብ ዝኾነ ቦታ ካብ ረጕድ ቆፃል ክላሰር ዝተቐረፁ ሓሙሽተ ናይ ወረቀት ጠርሙዝ ናብ ቓዕቋዕታ ማይ ምልጣፍ፣
- ሓሙሽተ ኣዕዋፍ ኣብ ኦን ዓረፋ ሓንቲ እነትበርር ክንደይ ተረፋ ኣርባዕተ ፣ሰለስተ ኣዕዋፍ ኣብ ኦም ዓረፋ ሓንቲ ክትበርር ክንደይ ተረፋ እንዳበልካ ሓንቲ ሓንቲ ምጉዳል
- ህፃናት ምስ መምህር ብሓባር ክዝምሩ ብምግባር ናይ መጉዳል ብዘለዉዎ ብርኪ ክርደኡ ምግባር
- ኣባኩስ ብምጥቃም በብተራ ብቕደም ስዒብ ምዉሳኽን ምንካይን ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ፡- ብደረጀኦም ኣምር ምጉዳል ተጠቂሞም ምንካይ ምጅማሮም ብምርኣይነ ብምድማፅን ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ ፡- ምድማርን ምጉዳልን ምልምማድ

ዒላማ፡- ተቖፀርቲ ነገራት ተጠቂምካ ምድማርን ምጉዳልነ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- እባከስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንህፃናት ምርኣይ ዝምችው ቦታ ብምኧን ኣበካስ ተጠቒምካ ብሓደ ኣንፈት ዘለዉ ኣበካሰ ፀፀራት/ዕንቁታት ምስ መምህር ሓቢሮም ክቆፅሩ ምግባር፣
- ቆፂሮም ምስ ወድኡ ክንደይ ከምዝኾኑ ክዛረቡ ምግባርን ኣብ ልዕሉ ዝቖፀርዎም ኣበካስ ተወሳኺቲ ፀፀራት/ዕንቁታት ክውስኹ ብምግባር ጠቅላላ በዝሒ ክንደይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣
- ብምቕፃል ዝተወሰኑ ፀፀራት/ዕንቁታት ኣበካስ ብሓደ ኣንፈት ገይርኻ ምስ ህፃናት ብሓባር ምቑፃር፣
- ብምቅፃል ካብቶም ዝተቖፀሩ ሓደ ወይ ክልተ ብምጉዳል መሊሶም ብምቑፃር ክንደይ ከምዝቀረዩ ክዛረቡን ብምግባር ክልስ ሓሳብ ምጉዳል ክርድኡ ምግባርን ምልምማድን፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ህፃናት ዝርከብሉ ብርኪ ዕድመ ስለዘይፈቅድ ደምሩ ኣጉድሉ እናበልካ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ፅዕንቶ ምግባር ግቡእ ኣይኰነን። ብዝተኸኣለ መጠን ዝገብርዎ ስራሕቲ ምጉዳል ብናውቲ መልክዕ ኰይኑ ክትግባር ይግባእ። |

ተፍትሽ፡- ኣበካስ ተጠቒሞም ምድማርን ምጉዳልን ልምምድ ምክያዶም ብምርኣይን ብምድማፅን ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ኣምር ብሓደ ምጉዳልን ምውሳኽን ካብ ፀወታ ንምርዳእ ይፍትኑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ ክፍል ዝርከቡ ወናብር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ፀወታ ምምንጣል ወንበር ብኸምዚ ዝስዕብ መንገዲ ክፃወቱ ምግባር፡-
  - 5 ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ ወንበራት ብክቢ ቅርፂ ምስራዕ፣
  - 6 ህፃናት ብድልየት ክወፅኡ ምግባር፣
  - መምህር እንተጣቕዐ ህፃናት እናዞሩ ክጐይዩ ምግባር
  - እቲ ጣቕዒት ጠጠው እንትብል ህፃናት ናብቲ ወንበር ኮፍ ክብሉ ብምግባር ወንበር ዘይረኸበ ህፃን ካብ ፀወታ ወፀኢ ክኸውን ምግባር በዚ ኣቢሎም ብሓደ ምውሳኽን

| |
|---|
| መዘክር፡- ኣብዚ ፀወታ ህፃናት ጉድኣት ከይበፅሖም ልዑል ጥንቃቐ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፡- ክልስ ሓሳብ ብሓደ ምውሳኽን ምጕዳልን ምርዳእ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3. ብዝተፈላዩ መንገድታት ግቡእ መለከዕታትን መሳረሕታትን ምጥቃም | 3.1. ኣብ መንጎ ክልተ ነገራት ዝርአ ናይ መጠን ኣፈላላይ ምዝራብ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ኣፈላላይ ዓቐን ምፍላይ

ዒላማ፦ ኣፈላላይ ዓቐን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ኣብ ገዛን ክፍልን በቢ መዓልቱ ዝጥቀምሎም ናውትታት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ካብቶም ናውትታት ማእኸል ንኡሽተይን ዓብይን ፈልዮም ከውፅኡ ምግባር፣ እንዲያወጡ ማድረግ

  ንኣብነት፦ ዓብይን ንኡሽተንን መቑሳት፣ ደወል ወዘተ…
- ኣብ መዓልቲ ህይወቶም ዝገጥምዎምን ዝጥቀምዎምን ናውትታት ብምልዓል ዓብይን ንኡሽተንን ከወዳድሩ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ «ቁርሲ ብምንታይ በሊዕኻ/ኺ?››፤ እቲ ሽሃነ ዓብዪ ድዩ ንኡሽተን?» ወዘተ… ኢልካ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምልዓል፣

ተፍትሽ፦ ኣብ መንጎ ናውትታት ማእኸል ዘሎ ኣፈላላይ ዓቐን ምርድኦም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፦ ንኡሽተንን ዓብይን ምፍላይ

ዒላማ፡- ተመሳሰልቲ ዓቐን ዘለዎም ናውትታት ዓብይን ንኡሽተን እናበሉ ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ስእልታት

ዝተፈላለዩ ስእልታት

✂ □ □ □ □

✂ □ □ □ □

ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-

- ኣብ ጠረጴዛ ህፃናት ብዕምዲ ዘለዉ ግና ዘይፈላለዩ ብዙሓት ስእልታት ብምቕማጥ ህፃናት በቢ ተራ እናወፅኡ ተመሳሰልቲ ናውትታት ክመርፁን ከውፅኡን ምግባር፣
- ብምቕፃል ዘውፅእዎ እንታይ ከምዝኾነን ኣየናይ ዓብዩ፣ ኣየናይ ንኡሽተን ከምዝኾነ ንመሓዙቶም ብምርኣይ ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- ኩሎም ህፃናት ኣብ ተግባር ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ተመሳሰልቲ ናውትታት ብምምራፅ ንኡሽተንነ ዓብዪን እናበሉ ምፍላዮም



ተግባር ሰለስተ፡- ነዊሕን ሓጺርን ምፍላይ

ዒላማ፡- ነዊሕን ሓፂርን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣፈላላይ ቁመት ዘለዎም ጨንገር፣ እርሳስ፣ ወረቐታት ወዘተ…

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንሕድሕድ ህፃን ኣፈላላይ ዘለዎም ግና ፅምዲ ፅምዲ ዝኾኑ ጨንገራት፣ እርሳሳት፣ ወረቓቅቲ ወዘተ.... ምሃብ፣
- ህፃናት ዝተውሃቦም እንታይ ከምዝኾነ ኣየናይ ነዊሕ፣ ኣይናይ ድማ ሓፂር ከምዝኾኑ ንመሓዙቶም ከርእዩን ክዛረቡን ምብርትታዕ፣
- እንተኸቢድዎም ሓገዝ ምግባርን ምብርትታዕን፣

ተፍትሽ፡- ዓቀን ናውትታት ነዊሕን ሓፂርን እናበሉ ምግላፅ ምኽኣሎም ብምድማፅ ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ምስፋር ሑፃ

ዒላማ፡- ሑፃ ብምስፋር ብዙሕን ውሑድን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዓበይትን ኣናእሽተንን ኩባያታት /ታኒካታት/ ን ሳፁን ሑፃ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ካብ ክፍሊ ወፃኢ ዘሎ ሳፁን ሑፃ ተጠቒምክን ብዓብይን ንኡሽተንነ ኩባያታት ብምስፋር ኣብ ክልተ ቦታ ብምቕማጥ ኣየናይ ብዙሕ ኣይናይ ድማ ውሑድ ብምሕታት ንምንታይ ከምኡ ከምዝኾነ ክመያየጡ ምግባር፣
- ብምቕፃል ህጻናት በቶም ኩባያታት ብምስፋር ካብቲ ሓደ ናብቲ ካሊእ ብምግልባጥ እናተፃወቱ ብዙሕን ውሑድን ክፈልዩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኣፈላላይ ብዙሕን ዉሑድን ምርድኦም ብምርኣይን ብምድማፅ ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘለዎም ነገራት ይሃንፁ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ዝተፈላለዩ ዓቀንን ቅርፅን ዘለዎም ብሎኬት ህንፀት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ንኩሎም ህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ጠጠው ብምባል ሓደ ዓበዪን ሓደ ንኡሽተይን ገዛ ሃኒፅክን ንህፃናት ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነን ኣየናይ ዓበዪ ኣይናይከ ንኡሽተን ገዛ ከምዝኾን ብምሕታት ምልዕዓል፣
- ንህፃናት ብሎክ ህንፀት ብምሃብ ዓብይን ንኡሽተንነ ዝኾኑ ነገራት ክሃንፁ ዕድል ምሃብ፣
- ተለዓዒሎም ክፃወቱ ምእንታን «እንታይ ትሃንፅ/ፂ?፣ መንገዲ ድዩ? ገዛ ድዩ?፣ ዓብዪ ድዩ ንኡሽተን?›› ወዘተ… እናበልካ ምሕታትን ምሕጋዝን

ተፍትሽ፦ ዓብይን ንኡሽተይን ዓቐን ዘለዎም ነገራት እንትሃንፁ ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘለዎም ነገራት ምህናፅ

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| **4.** ኣምር ግዘ ምርዳእን መግለፅታቱ ምጥቃምን፣ | 5.1. ኣብ ገዛ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይን ምስዓብ /ምኽታል ይጀምሩ። |

ተግባር ሓደ፦ ምዝራብ ቡብዕለቱ ዝፍፀሙ ተግባራት


ዒላማ፡- ስእሊ ብምርኣይ ቡብዕለቱ ዝፍፀሙ ተግባራት ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ እዋን ዝፍፀሙ ተግባራት ዘርእይ ስእሊ፣ ስእሊ ስዓት፤ወዘተ…

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣግዝፍ ኣቢልካ ዝተስኣለ ስእሊ ህፃናት ዝተፈላለየ ተግባራት እንዳፈፀሙ ዘርእይ ምስሊ ብምርኣይ ቀሎዑት እንታይ እዳገበሩ ምዃኖም ክዛረቡ ምግባር ምብርባር





ንኣብነት፡- እንታይ እንዳገበረ እዩ እቲ ቆልዓ? እቶም ቆለዑት ከ? ብምባል ምሕታትን እዞም ተግባራት ብእዋኑ ፈፂሞም ምዃኖምን ኣበይ ከምዝፈፀምዎምን ከምዝፈፀሙን ብምሕታት መልሲ ንክህቡ ምብርትታዕ

- ሓደ ሓደ ህፃን ብምትሳእ መምህር ኣብቲ ዕለት ዝፍፀሙ ተግባራት እንትዛረቡ ህፃናት ነቲ መምህር ዝዛረብዎ ዘመላኽት ስእሊ ከርእዩ ወየ ከመላኽቱ ምግባር
- እቲ ህፃን ስራሕ ዝተብሃሎ ተግባር ምርኣይ ምኽኣሉን ዘይምኽኣሉን ካልኦት መሓዙቱ ህፃናት ከረጋግፁ ብምግባር ብቀልቢ ክከታተሉ ምግባር

| |
|---|
| መዘከርታ፡- ንህፃናት ዝቐርቡ ስእልታት ግልፂ ዝኾኑ ደሚቕ ሕብሪ ዘለዎምን ሳሓብትን ኮይኖም ክዳለዉ ይግባእ። |

ተፍትሽ፡- ስእሊ ብምርኣይ ብዕለቱ ዝፍፀሙ ተግባራት ምዝራብ ምኽኣሎምን ብምርኣይን ብምግማፅ ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ንጉሆን ምሸትን ዝፍፀሙ ተግባራት ፈልዮም ይዛረቡ።

**ተግባር ክልተ፡- ንጉሆን ምሸትን ዝፍፀሙ ተግባራት ምዝራብ**

[illegible] እንትመሸይ ፀልማት ኮይኑ ወርሒ ወፂኣ ዘርእይ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ በብተራ ብምርኣይ መዓዝ ንጉሆ መዓዝ ምሸት እቲ ስእሊ ከምዝገልፅ በምሕታት ምብራባር
- ንጉሆ እንብሎ መዓዝ ከምዝኾነ፣ ምሸት እንብሎ መዓዝ ከምዝኾነ ብምግለፅ እንታይ እንታይ ተግባራት ኣብ ገዞኦም ከምዝሰርሑ ብምሕታት ዝፈልጥዎ ክዛረቡ ምግባር
- መምህር ንጉሆ ዝፍፀሙ ተግባራት እንትዛረቡ እቶም ህፃናት ንጉሆ ኢሎም ክዛረቡ መምህር ምሸት ዝፍፀሙ ተግባራት እንትዛረቡ ህፃናት ምሸት ኢሎም ክዛረቡ ብምግባር ምጥንኻር

ተፍትሽ፡- ህፃናት ንጉሆን ምሸትን ዝፍፀምዎም ተግባራት ብምፍላይ ምዝራቦም ምግምጋም።



**ተግባር ሰለስተ፡- ኣብ መዓልቲ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ**

ዒላማ፦ ኣብ መዓልቲ ዝፍፅምዎም ተግባራት ይፈልዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ድምፂኻ ዋዕ ብምግባር መዝሙር ምዝማርን ህፃናት እቲ መዝሙር ንምዝማር ድሌት ክሕድሩ ምንቅቓሕ
- መምህር ሕድ ሕድ ናይቲ መዝሙር ተለላ ብዜማ ቀስ ብምባል ብምዝማር ህፃናት ደድሕሪ መምህር ስዒቦም ክዝምሩ ብምግባር ምልምማድ

  <u>ኩልሻብ ንጉሆ እንትንትስእ</u>

  ኩልሻብ ንጉሆ እንትንትስእ

  ንሕፀብ ገፅና

  ንበልዕ ቁርስና

  ንኸይድ ናብ ቤት ትምህርትና

  ኣብ ኡ ንማሃር ፣ንፃወት፣

  እንትመሸይ ድማ እግርና ተሓፂብና

  ንድቅስ ኣብ ዓራትና

  ኩልሻብ ከምዚ ንገብር ኢና

- ኣብ መወዳእታ በብዕለቱ ዝፍፅምዎም ተግባራት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ ብምሕታት ምጥንኻር

ተፍትሽ፦ እቲ ዜማ ስዒቦም መዝሙር ንምዝማር ምፍታኖም ምድማፅን በብዕለቱ ኣብ ህይወቶም ወሸጢ ዝፍፅምዎም ተግባራት ምፍላዮም ብምሕታት ምግምጋም።

ዒላማ፦ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝፈፀምዎምን ንቀፃሊ ዝፈፅምዎም ተግባራት ኣግባብ ዘለዎም ቃላት ብምጥቃም ንምዝራብ ይፍትኑ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል ረፋደ እንታይ ከምዝሰርሑ ንህፃናት ብምዝራብ ህፃናት ድማ ረፋድ ኣብ ገዝኦም ዝፈፀምዎመ ብምዝካር ክዛረቡ ምብርትታዕ
- መምህር ሓዚ እንታይ ይሰርሑ ከምዘለዉ ዳሕራይ እንታይ ከምዝሰርሑ ምዘራብን ህፃናት እውን ሓዚ እንታይ ይሰርሑ ከምዘለዉን ኣብ ገዝኦም ከይዶም እንታይ ከምዝሰርሑ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር
- ንህፃናት ዝኸበዶም ሓበሬታ ብምሃብ ሓገዝ ምግባር ዝሰርሕዎ፣እንዳሰርሕዎ ዘለዉን ዳሕራይ ዝሰርሕዎን ንክዛረቡ ምትብባዕ

ተፍትሽ፦ ኣብ ማዓልቱ ዝሰርሕዎ፣እንዳሰርሕዎ ዝርከቡን ንዳሕራይ እውን ዝሰርሕዎን ተግባራት ኣግባብ ዘለዎም ቃላት ብምጥቃም ንምዝራብ ምፍታኖም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ምልካይ ሕብሪ ስእሊ ስዓት

ዒላማ፦ ስእሊ ስዓት ሕብሪ ይለኽዩን ብዘለውዎ ብርኪ ረብሓ ስዓት ይፈልጡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ዝተስኣሉ ናይ ኢድ ስዓት፣ሕብርታት እርሳስ፣ ደሚቕ ሕብሪ ዝተለኸየ ስእሊ ስዓት ኢድ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- መምህር ንህፃናት ምችዊ ኣብ ዝኾነ ቦታ ደው ብምባል ደሚቕ ሕብሪ ዝተለኸየ ስእሊ ስዓት ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነ፣ኣብ ምንታይ ከምዝእሰር፣ንምንታይ ከምዝጠቅም ወዘተ ብምሕታት ብዛዕባ ስዓት ኢድ ዘለዎም ሕዱር ፍልጠት ብምሕታት ምብርባር
- ብምቕፃል ሕብሪ ከመይ ከምዝለኽዩ ኢድ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ወይ ካብ ፀጋም ናብ የማን ብምንቅስቓስ ቀስ ኢሎም ከመይ ከምዝለኽዩ ምርኣይ
- ንሕድ ሕድ ህፃን ዘይተለኸየ ስእሊ ስዓት ብምሃብ ብመሰረት ዝረኣይዎ ዝደለይዎ ሕብሪ ክለኽዩ ምትብባዕ
- ምስ ወደኡ እንታይን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዘለኸዩን ንመሓዝቶም ብምርኣይ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ፦ ስእሊ ስዓት ሕብሪ ምልካዮም ብምርኣይ ረብሓ ስዓት ፈሊጦም እንትዛረቡ ብምድማፅ ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ ፦ ምፅዋት ብምግናሕ መኪና

ዒላማ፡- ኣእዳዎም ከም መኪና ብምሕሳብ ብዝተፈላለየ ቅልጣፈ ይዝውሩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- የተረት መጽሀፍት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል ንህፃናት ምዝዋር መኪና ዝደልዩ ምኺኖም ብምሕታት ንምዝዋር ዘለዎም ድልየት ምትብባዕ
- ኣእዳዎም መምህር ዝሰርሖ ዘሎ ስራሕ ብምርኣይን ዝዛረብዎ ዘረባ ብምድማፅን ምስ መምህር ሓቢሮም ብርግዓት፣ብቅልጣፈ ምዝዋርን ጠጠው ምባል ምልምማድ
- ብምቕፃል መምህር መኪና ዝዝውር ሰብ መዓዝ ቀስ ኢሉን መዓዝ ቐልጢፉን ክዝውር ከምዘለዎ ምስ ኣጠቓቕማ መንገዲ ብምዝማድ ንህፃናት ምርዳእ
- ስዒቡ መምህር ኣብ መንገዲ መኪና ዋላ ሓደ ተጉዓዛይ ዘይምህላዉ ምስ ኣረጋገፅካ ብቅልጣፈ ምዝዋር፣ ኣብ መንገዲ ብርሑቕ ተጉዓዛይ ሰብ እንተሪእኻ ድማ ፍጥነትካ ብምንካይ ምዝዋር፣ተጉዓዛይ እቲ መንገዲ ዕርግያ ዘቋርፅ እንተኾይኑ ጠጠው ኢልካ ምሕላፍ ብዝብል ህፃናት ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ፡- ህፃናት ኣእዳዎም ብዝተኣዘዝዎ መሰረት ብቅልጥፍ፣ቀስ ብምባል ምንቅስቓስን ምንቅስቓስ ጠጠው ምባልን ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 6. ኣምር ቦታ ምርዳእን ምጥቃም መግለፅታቱን | 6.1. ስባትን ነገራትን መሰረት ብምግባር ቦታን ርሕቐትን ምግላፅ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ምፍላይ ላዕልን ታሕትን

ዒላማ፡- ገለፅቲ ቦታ ቃላት ብምጥቃም ላዕሊን ታሕትን ኣብ ከመይ ከምዝበሃል ይፍልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ናውቲ፣ ጥራዝ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃትና ፍርቂ ክቢ ሰሪሖም ከፍ ኩብሉ ምግባር
- ክልተ ጠረጴዛ ኣብ ቅድሚቶም ብምቕማጥ ኣብቲ ሓደ ብዝሕ ዝበሉ ናውቲታት ምቅማጥ ኣብቲ ካልኣይ ድማ ጥራዝ/ደፍተር ጥራይ ምቕማጥ
- መምህር ካብቶም ናውቲታት ሓደ ብምልዓል ናብቲ ካልእ ጠረጴዛ ብምቕማጥ እቲ ኣልዒሎም ዘቐመጥዎ ናውቲ እንታይ ከምዘኸነ ክዛረቡ ምግባር
- ብምቕፃል ህፃናት ቡብተራ እንዳፀዎዕዎም ዝነበሩ ናውቲታት ብዝወሃቦም ትእዛዝ መሰረት ከቐምጡ ምግባር

  ንኣብነት፡- "ኣቤል እቲ እርሳስ ኣብ ትሕቲ/እግሪ ጠረጴዛ ኣቐምጦ" ብምባል ምእዛዝ
- ትኽክል ወይ ብጌጋ ከምዘቐመጡ ኣበይ ከምዘቐመጥዎን ክዛረቡ ብምሕታት ጠመተ ሂቦም ክከታተሉ ምግባር

ተፍትሽ፡- ናይ ቦታ ገለፅቲ ቃላት ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ፈልዮም ምፍላጦም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ምፍላይ ቅድሚት ድሕሪትን

**ዒላማ፡-** ናይ ቦታ ገላፅቲ ቃላት ቅድሚትን ድሕሪትን ይፈልዩ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-** ዝተፈላለዩ መፃወቲታት፣ መንበር፣ ባንቡላ፣ ወዘተ....

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ህፃናት ብኣንፃር ዘለውዎ ቦታ ናይ ናውቲ መርከቢ ቦታ ክዛረቡን ኣብ ቅድሚኦም እንታይ ከምዘሎን ኣብ ድሕሪኦም እንታይ ከምዘሎ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር

  ንኣብነት፡- ኣብ ቅድሚት እንታይ ኣሎ? /ፀሊም ሰሌዳ /

  ኣብ ድሕሪት እንታይ ኣሎ? /እኒ ..........ኣለዉ/ ወዘተ...
- ናውቲ ንሕድሕድ ህፃናት ብምሃብ ኣብ ቅድሚኦም ኣብ ድሕሪኦም ከቐምጡ ምእዛዝ
- ብኣንፃር ባዕሎም ካብ ዝርከብሉ ቦታ እቶም ናውቲ ዝርከብሉ/ኣቀማምጣ/ ክስተውዕሉን ክገናዝቡን ምግባር

**ተፍትሽ፡-** ንቦታ ዝገልፁ ቃላት ቅድሚትን ድሕሪትን ዝብሉ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ሰለስተ፡- "ኣልሽካ ርኹብ" ፀወታ ምፅዋት

**ዒላማ፡- ኣብ ከይዲ እቲ ፀወታ ንቦታ ገለፅቲ ቃላት ይጥቀሙ።**

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ባምቡላ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ሕግን ከይድን ፀወታ ህፃናት ክርዶኦም ብዝኸእል መልክዕ ምግላፅ
- በብረጋ ህፃናት ብምሕራይ ገዖም ናብ መንድቕ ዘይሮም ጠጠው ክብሉ ብምግባር ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝተቐመጣ ባምቢላ ኣልሾም ክረኽቡ ምግባር
- ባምቡላ ምስረኸቡ ኣበይ ከምዝረኸብዋ ብዝተማለአ ሙሉእ ሓሳብ ክዛረቡ ብምብርትታዕ ምፅዋት

ተፍትሽ፡- ሕጊ ፀወታ ብኣግባቡ ኣኽቢሮም ምፅዋቶም ብምርኣይን ኣብ ከይደ እቲ ፀወታ ቦታ ገለፅቲ ቃላተ ብኣግባቡ ምጥቃም ምኽኣሎም ብምድማፅ ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ወረቓቕቲ ብምልካዕ ዝተፈላለየ ቦታ ምቕራፅ

ዒላማ፡- ወረቓቕቲ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ምዕፃፍ፣ምዝርጋሕ፣ምጥምዛዝ፣ምድብራይ ይኽእሉ ከምእውን ቦታን ኣንፈትን ገለፅቲ ቃላት ብተግባር ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ግልጋሎት ዝሃቡ/ዘገልገሉ ሕብራዊ ወረቓቕቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንሕድ ሕድ ህፃን ግልጋሎት ዝሃበ ሕብራዊ ወረቐት ብምሃብ ናብ ቅድሚትን ድሕሪትን ምዕፃፍ፣ምዝርጋሕን ምጥምዛዝን ከመይ ከምዝስራሕ ምርኣይ
- ብዝርኣይ መሰረት ክሰርሑ ብምግባር ናብ ቅድሚት፣ናብ ድሕሪት፣ናብ ታሕቲ ዝብሉ ቦታ ገለፅቲ ቃላት ብተግባር ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ፡- ወረቓቕቲ ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ብምዕፃፍ፣ብምዝርጋሕ ወዘተ ብቅዲሚት ፣ብድሕሪት፣ብታሕቲ ዝበሉ ቦታን ኣንፈትን ገለፅቲ ቃላት ብተግባረ ምርደኦም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 7. እንታይነት ገንዘብ ምፍላጥ ፣ምፍላይ ምግላፅን ምጥቃምን | 7.1. ሳንቲምን ብርን ይፈልዩ። |

ተግባር ሓደ ፡- ምልላይ/ምፍላጥ ሳንቲምን ብርን

ዒላማ፡- ምስ ሳንቲምን ብርን ይፋለጡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብር፣ ሳናቲም፣ ካብ ካርቶን ዝተቐረፁ ምስሊ ሳናቲም፣ ብወረቐት ኮፒ ዝተገበረ ብር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ናይ ብር ኖታትን ሳናቲምን ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑ ምሕታትን ኣየናይ ናይ ብር ኖት? ኣየናይ ሳንተም? ከምዝኾኑ ምሕታት
- ኣየናይ ሳንቲም ፣ኣየናይ ብር ከምዝኾኑ ብምርኣይ ምርዳእ
- ረቛቕ ብዝኾነ ባኮ ብምምሳል ዝተዳለዉ ናይ 5፣ናይ 1 0፣ናይ 25፣ናይ 5 0 ሳናቲም ኣብ ልዕሊ ጠረጴዛ ገይርካ ምሃብ
- ተመሳሰልቲ ኣብ ሓደ እንዳቕመጡ ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ፡- ሳንቲም ብርን ምፍላዮም ምርግጋፅ።



ተግባር ክልተ ፡- ምዝራብ መግለፂ ዋጋ ሳናቲምን ብርን

ዒላማ፦ ናይ ብርን ሳናቲምን መግለፂ ዋጋ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ብር፣ ሳናቲም፣ኣብ ባኮ ዝተዳለወ ምስሊ ሳናቲም፣ ኣብ ወረቐት ኮፒ ዝተገበረ ብር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ዝተፈላለዩ ፎቶ ኮፒ ዝኾኑ ናይ ብር ኖታት ብምርኣይ ኣብ ሕድ ሕዶም ዘሎ ስእሊ ብምርኣይ ክዛረቡ ምግባር
- ናይ ብር ኖታት ኣብ ልዕሊኦም ብዝተስኣለ ስእሊ ከምዝፈላለዩ ክርድኡ ምግባር
- ሳናቲም ክቢ፣ዘይቐደዱን ዘይስበሩን ከምዝኾኑ ናይ ብር ኖት ግና ብቐሊሉ ክቐደደ ከምዝኽእል ክርድኡ ምግባር
- ሰባት ገንዘቦም ከመይ ክሕዙ ከምዘለዎምን ገንዘቦም ኣበይ ከቕምጡ ከምዘለዎምን ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ክፈልጡ ምግባር

ተፍትሽ፦ መግለፅታት ብርን ሳናቲምን ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ተግባር ሰለስተ፡- ምዝራብ ረብሓ ገንዘብ

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብር፣ ሳናቲም ፣ ካብ ባኮ ዝተዳለዉ ምስሊ ሳናቲም፣ ብወረቐት ኮፒ ዝኾኑ ናይ ብር ኖታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- “ብርን ሳናቲምን ንምንታይ ይጠቕሙ? እንታየ ይስረሐሎም?” ብምባል ምምይያጥ
- ስድረኦም እንታይ እንታይ ከምዝዓደገሎም ምሕታትን ብምንታይ ከምዝዓደግሎም ክዛረቡ ምግባር
- ዝመለስዎ መልሲ ድሕሪ ምስማዕ ገንዘብ ተኸፊነሞ ዘለዉ ክዳን፣ ሳእኒ/ጫማ፣ ቦርሰኦም፣ ምግቦም ኩሉ ብገንዘብ ከምዝዕደግ ክርድኡ ምግባር
- ሰባት ገንዘብ ካበይ ከምዘምፅኡ ብምሕታት ምምይያጥን ገንዘብ ዝርከብ ስራሕ እንተሰሪሕካ ምኻኑ ክግንዘቡ ምግባር
- ንመሲልካ ምፅዋት ዝተዳለዉ ናይ ብር ኖታትን ሳናቲምነ ንህፃናት ብምሃብ ዓዳግን ሸያጥን ፀወታ/ ድኳን ደኳን /ዝብል  ሓደ ዓዳጊ ሓደ ሸያጢ ብምኻን ክለማመዱ ብምግባር ምብርትታዕ

ተፍትሽ፡- ረብሓ ገንዘብ ክዛረቡ ምኽኣሎም ምግምጋም።

## 2.4.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ -----------------------------------------------------------------------

ስም ህፃን --------------------------------------------- ዕድመ -------------- ፆታ --------

ስም መምህር ----------------------------------------------- ዓመተ ምሕረት -------------

ብዛዕባ እቲ ህፃን ስዒቦም ካብ ዘለዉ ብርክታት ናይ ሓደ ብርኪ ቑፅሪ ጥራሕ ብምውሳድ ኣብ ቅጥዒ ምልከታ መውሃቢ ሳፁን ውሽጢ ይመዝግቡ

ብርክታት/ደረጃታት ፦

1/ ምምሕያሽ ዘድልዮም --------------------------------------------------------------------

2/ ነቲ ዝተተለመ ብቕዓት ኣማሊኡ ---------------------------------------------------------------

3/ ካብ ዝተተለመ ብቕዓትን ንላዕሊ ረኺቡ -----------------------------------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ እዚ መከታተሊ ሰደቓ ኣብ መጀመርያ ዓመት፣ኣብ ፍርቂ ዓመትን ኣብ መወዳእታ ዓመትን ክምላእ ይግበኦ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመርያ ዓመት | ፍርቂ ዓመት | መወዳእታ ዓመት |
| 1. ናይ ቐረባ ከባቢ ምፍታሽን ምፍላጥ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1.1. ብዛዕባ መንበሪ ገዛኦምን ኣብ ገዛኦም ዝረከቡ ናውቲታት ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 1.2.ኣብ ገዛኦምን ቐረባ ከባቢኦምን ዘለዉ ሰባት፣ እንስሳት፣ ተኽልታት፣ ናውቲታት፣ ነፍሳትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| 1.3. ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዝርከቡ መፃወቲ ሰባት/ህፃናትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| **2.** ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ተደለይቲ ቦታታት ምፍላጥን ምድናቕን | | | |
| 2.1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| | | | |
| **3.** ከባቢ ከመይ ምክንኻን ከምዝኽእሉ ምፍላጥን ምክንኻንን | | | |
| 3.1 ገዛኦም ከባቢኦምን ከመይ ክምዝፀርይ ሜላታት/መንገድታት ምሕባር ይኽእሉ | | | |
| **4.** ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይን ጥንቓቐ ምውሳድን | | | |
| 4.1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ኩነታቶም ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| **5.** ኣምር ምንቅስቓስ ምርዳእን ፈተነ ምክያድን | | | |
| 5.1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ምንቅስቓሶም እንታይ ከምዝመሰል ምግላፅ ምኽኣል | | | |
| **6.** ብስእልን ብቅርፃ ቕርፅ ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር ምድናቕን ባዕልካ ምግላፅን | | | |
| 6.1. ብምውዳድ ምንቅስቓስ ዓይንን ኣእዳውን ዝተፈላለዩ ነገራት ምስራሕ ይለማመዱ | | | |

## 2.5 ምስ ከባቢ ብዝፍጠር መስተጋብር/ርክብ ከባቢኻ ምፅናዕን ብኣግባቡ ምልማድ

### 2.5.1 መብርሂ

ህፃናት ካብ 3-4 ዓመት ክሊ ዕድመ ዘሎ እዋን ካብ ስሚዒት ህዋሳቶም ብተወሳኺ ቋንቋ ምልክትን ልሳን ብምጥቃም ከባቢኦም ምፍላጥን ምርዳእን፣ሓደሽቲ ፅንሰ ሓሳባት ምፍላጥ፣ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ዝገጥምዎምን ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ነገራት ባህሪ ምርዳእን መበገሲኦምን ምእላሽ ዝጅምርሉ ዕድም እዩ ዕድሚ።

ከባቢኻ ናይ ምፅናዕ፣ ምፍታሽን ምርዳእን ክህሎት ኣብ ሓደ እዋን ዝፍፀመ ተግባር እንተይኮነስ ህፃናት ካብ ዝተወለደሉ እዋነ ጀሚሩ ህዋሳት ስምዒቶም ብምጥቃም ዘፍፅምዎ ተግባር እዩ።

ስለዝኾነ ህፃናት ዝነብርሉ ዓለም ናይ ምፍላጥ ሰፊሕ ድሌትን ምልዕዓልን ብምርዳእ ብርኪ ዕድሚኦም ብዝፈቕደሎም መሰረት ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ጭቡጥ ኩነታትን ነገራትን ብምርኣይን ብምርዳእን ከባቢኦም ክፈልጡ ብምግባር፣ከባቢኦም ኣስተውዒሎም ክርእይን ክፍትሹን ምቹዊ ኩነታት/ ከባቢ/ብምፍጣር ዕድል ምሃብ፣ክምእውን ንዝሓትዎ ሕቶታት ብዘይ ምስልቻው ብእዋኑ ግቡእ መልሲ ምሃብን ኣድላይ ዝኾነ ኩሉ ዓይነት ሓገዝ ብምግባር ከባቢኦም ክምልከቱ፣ክፍትሹን ክፈልጡን ምግባር ኣድለይ እዩ።

### 2.5.2 ሓፈሻዊ ዒላማታት

1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት፣ ናውቲ፣ እንስሳ፣ ኣትኽልቲ፣ ነፍሳት፣ ወዘተ... ዝተወሰነ ግንዛበ ክህልዎም ንምግባር
2. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ቦታታት መፀወዒ ስሞምን ዝህብዎ ግልጋሎትን ብዘለውዎ ብርኪ ክግንዘቡ ንምግባር
3. ገዛኦምን ከባቦኦምን ብፅሬት ናይ ምሓዝ ዝንባለ ከማዕብሉ፣ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሓደገኛ ነገራትን ኩነታትን ብምግንዛብ ብዘለዎም ዓቕሚ ንባዕሎም ካብ ሓደጋ ክከላኸሉ ንምግባር
4. ናይ ምምሃዝ ክእለቶም ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ነገራት ናይ ምስራሕ ዝንባለ ከማዕብሉን ብዘለዎም ብርኪ ዝተፈላለዩ ፈተነታት ብምክያድ ናይ ነገራት ባህሪ ክርድኡ ንምግባር

**2.5.3** ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢትን ብቕዓትን

1. ከባቢኦም ምፍታሽን ምፍላጥን
    1.1. ብዛዕባ መንበሪ ገዛኦምን ኣብ መንበሪ ገዛኦም ዝርከቡ ናውቲታት ምዝራብ ይኽእሉ
    1.2. ኣብ ገዛኦምን ከባቢኦምን ዝርከቡ ሰባት፣እንስሳ፣ኣትኽልቲ፣ናውቲታት፣ነፍሳትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ
    1.3. ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዝርከቡ መፃወቲ ሰባትን/ህፃናትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ
2. ኣብ ከባቢአ ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምፍላጥን ምድናቕን
    2.1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ
3. ከባቢኦ ከመይ ምክንኻን ከምዝኽእሉ ምፍላጥን ምክንኻንን
    3.1. ገዛኦምን ከባቢኦምን መንገዲ መሓሊዊ ፅሬት እንታይ ከምዝኾኑ ምሕባር ይኽእሉ
4. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ምውሳድን
    4.1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራትን ኩነታትን ምፍላይ ይኽእሉ
5. ኣምር ምንቅስቓስ ምርዳእን ፈተነታት ምክያድን
    5.1. ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ምንቅስቓስ ነገራት ምግላፅ ይኽእሉ
6. ብስነ ስእሊን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር፣ ምድናቕን ባዕልካ ምግላፅ
    6.1. ብምውዳድ ምንቅስቓስ ዓይኖምን ኢዶምን ዝተፈላለዩ ነገራት ምስራሕ ይለማመዱ

**2.5.4** ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ብቕዓታት፣ ናወቲ መምሃሪ መስተምሃሪን ሜላ ኣተገባብራን

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 1. ከባቢኦም ምፍታሽን ምፍላጥን | 1.1. ብዛዕባ መንበሪ ገዛኦምን ኣብ ገዛኦም ዝርከቡ ናውቲ ምዝራብ ይኽእሉ። |

ተግባረ ሓደ ፡ - ምፍላይ ዓይነታት መንበሪ ገዛ

ዒላማ፡- ስም ዝተፈላለዩ ዓይነታት መንበሪ ገዛ ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእሊ ዝተፈላለዩ ገዛውቲ፣ ሕብራዊ እርሳሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ ዝተፈላለዩ መንበሪ ገዛ ንህፃናት ምቹዊ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምጥቃዕ
  ንኣብነት፡- ሰቐላ ገዛ፣ ቪላ ገዛ፣ ፎቅ ገዛ፣ ኮንዲሚኒየም
- ንሕድ ሕድ ስእልታት ብምምልካት እንታይ ከምዝኾኑን መን ከምዝነብረሎምን ብምሕታት ምምይያጥ
- ኣብ ኣይኖት ገዛ ኣብ ልዕሊኦም ሰብ ከምዝነብረሉን ኣብ ኣይኖኦት ገዛ ድማ ኣብ ልዕሊኦም ሰብ ከምዘይነብረሎም ምሕታት
- ናይ ህፃናት መልሲ ድሕሪ ምድማፅ ገዛውቲ ብቅርፆም ከም ዝፈላለዩ ብምግላፅ ሰቐላን ቪላ ገዛን ኣብ ልዕሊኦም ሰብ ዘይነብረሎም ከምዝኾነ፣ፎቕ ገዛን ደብሪ/ኮንደምኒየምን ድማ ኣብ ልዕሊኦም ሰብ ከም ዝነብረሎም ማለት እውን መንበሪ ገዛውቲ ወይ ክፍሊ ኣካላት ከምዘለዎም ብዝርደኦም መንገዲ ምግላፅ

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነት መፀወዒ ስምን ቕርፅን ዘለዎም መንበሪ ገዛውቲ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ ።

ዒላማ፡- ምድማቕን ካብ መስመር ከይወፃእካ ምልካይ ስእሊ መንበሪ ገዛ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ ወረቐት ብነጠብጣብ ዝተስኣሉ ገዛውቲ፣መሰረታዊ ሕብረ ዘለዎም ባዓል ሕብሪ እርሳሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብነጠብጣብ ዝተስኣሉ ስእልታት ብምርኣይ ከመይ ነጠብጣብ ስዒቦም ምድማቕን ሕብሪ ምልካይን ከምዝኽእሉ ምርኣይ
- ንህፃናት ሓደ ሓደ ብነጣብጣብ ዝተሰኣለ ስእሊ ብምሃብ ብመሰረት ዝረኣይዎ ክድምቕዎን ዘደለይዎ ሕብሪ ክለኽዩዎን ምግባር
- ምስወደኡ እንታይ ከምዘድመቑን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝለኸዩ ንመሓዘቶም ክርእዩ ምብርትታዕ
- ኣብ መወዳእታ ኣብ ሕድ ሕድ ናይ ህፃን ወረቐት መወዳእታ መስመር ስሞም ብምፅሓፍ ንምርኣይ ምችዊ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምልጣፍን ኩሎም ህፃናት ክርእይዎ ምግባር

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፂ ዘለዎም ምስሊ ገዛውቲ ኣድሞቖም ካብ መስመር እንተይወፅኡ ሕብሪ ምልካዮም ናይቲ ገዛ ዓይነት ፈልዮም ምዝራቦም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ምድማቕን ሕብሪ ምልካይን መንበሪ ገዛውቲ



ተግባር ሰለስተ ፡- ምዝማር መዝሙር ገዛ ገዛ ብምንታይ ፀቢቑ ዝብል

ዒላማ፦ ቀንዲ ቀንዲ ናይ ገዛ ክፋላት/ገፅታ ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ብባኮ ዝተሰርሓ ገዛ፣ መዝሙር ብካሴት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ብባኮ ዝተሰርሓ ምስሊ ገዛ ምርኣይ
- ናይ ገዛ መንድቕ፣ ምድሪ ቤትን ናሕሲን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝተለኸየ ብምምልካት ምርኣይ
- "ገዛይ ገዛይ ብምንታይ ፀቢቑ?" ዝብል መዝሙር ድምፂ ዋዕ ብምባል ምዝማር
- መምህር እቲ መዝሙር ተለላ ብተለላ ብምዝማር ህፃናት ደድሕሪ መምህር ክዝሙሩ ምግባር
- ምስ ተለማመዱ ብሓባር ምስ መምህር ክዝምሩ ምግባር
- ኣብ ዝዝምርሉ እዋን ናይቲ ገዛ ናሕሲ፣መንድቕ፣ምድሪ ቤት ወዘተ ምርኣይ

ተፍትሽ፦ መዝሙር እንትዝምሩ ቀንዲ ቀንዲ ናይ ገዛ ክፋላት/ ገፅታ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፦ ክፍልታት መንበሪ ገዛን ኣብ ወሽጦም ዝርከቡ ናውቲን ምፍላይ

ዒላማ፡- ክፍሊ ኣካላት መንበሪ ገዛን ኣብ ወሽጦም ዝርከቡ ናውቲን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ክፍሊ ኣካላት ገዛ ዘርእይ ስእሊ፣ ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝርከቡ ናውቲታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ክፍሊ ኣካላት ገዛ ዘርእዩ ስእልታት ምርኣይ
- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ገዛ ዝርከቡ ናውቲታት ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ
- ብምቅፃል ኣብ ሓደ ገዛ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ፣ኣብ ውሽጦም ዝርከቡ ናውቲታትን ረብሓኦምን ብምሕታት ምምይያጥ ንኣብነት፡- ቤት መደቀሲ፣ መዕረፊ ጋሻ /ሳሎን/፣ ክሽነ/መሳረሒት ገዛ
- ናወቲታት ኣበይናይ መንበሪ ክፍሊ ከምዝርከብ ኣማራፂ ብምሃብ ምሕታት ናውቲታት ዝርከብሉ ክፍሊ ፈልዮም ክዛረቡ ምግባር

  ንኣብነት ፡- ኣልጋ ዝርከበሉ ኣብ ውሽጢ መደቀሲ ክፍሊ ወይስ ኣብ ምግቢ መብሰሊ ክፍሊ? ወዘተ...

ተፍትሽ፡- ክፍሊ ኣካላት መንበሪ ገዛን ኣብ ውሽጦም ዘለዉ ናውቲ ፈልዮም ምፍላጦ ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ምዝራብ ረብሓ ናዉቲ ውሽጢ ገዛ

ዒላማ፡- ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝርከቡ ናዉቲ ገዛ ብስሞም ብምፅዋዕ ረብሐኦም ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእሊ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝህቡ ናውቲ ገዛ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝርከቡ ናዉቲ ብስእሊ ምርኣይ
- ስሞም ክዛረቡን ንምንታይ ግልጋሎት ከምዝውዕሉ ምሕታትቅ
- ንሕደሕድ ህፃን ስእሊ ናይ ገዛ ናውቲ ብምሃብ እንታይ ከምዘኾኑን ንምንታይ ግልጋሎት ከምዝረብሑና ክዛረቡ ምብርትታዕ
- እቲ ህፃን ዝህቦ መልሲ ትኽክል ምዃኑን ዘይምዃኑን ንካልኦት መሓዝቱ ብምሕታት ጠመተ ክህቡ ምግባር

ተፍትሽ፡- ኣብ መንበሪ ገዛ ዝርከቡ ናውቲ ብስሞም ምፅዋዕን ረብሐኦም ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ምህናፅ መንበሪ ገዛ

ዒላማ፡- ናውቲ ህንፀት ተጠቒሞም መንበሪ ገዛ ኣምሲሎም ይሃንፁ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ንህንፀት ዘገልግሉ መፃወቲ መሳረሒታት፣ ሰደቓ/ሰሌዳ ሕብሪ፣ ባምቡላ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ብህፃናት ተፎታይት ዝኾነት ባምቡላ ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ ህፃናት ኩሎም ሓድሽ ገዛ ክስርሑላ ከምዝደለየት ብምምሳል ንህንፀት ዘገልግሉ መሳረሕታት ተጠቒሞም ናይ ምስራሕ ድሌቶም ምልዕዓል
- እኹል ዝኾኑ ንህንፀት መሳረሒ ዘገልግሉ መፃወቲ ምሃብ
- ንባምቡላ ገዛ ክሰርሑላ ምግባር
- መምህር ህፃናት ኣብ ዝስርሕሉ እዋን ባምቡላ ሒዝካ ብምዛር እቲ ዝሰርሕዎ ዘለዉ ስራሕ ባምቡላ ከምዝፈተዎቶ ብምዝራብ ምብርትታዕ

ተፍትሽ፡- ናይ ህንፀት ናውቲ ብምጥቓም መንበሪ ገዛ ምህናፅ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
| --- | --- |
| 1.ክባበኻ ምፍታሽን ምፍላጥን | 1.1 ኣብ ገዛኦምን ከባቢኦምን ዝርከቡ ሰባት፣ እንስሳ፣ ኣትኽልቲ፣ ናውቲታት፣ ነፍሳትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ። |

ተተግባር ሓደ ፡- ሓቢሮሞም ዝነብሩ ሰባት ምፍላይ

**ዒላማ፡-** ኣብ ገዛኦም ሓቢሮሞም ዝነብሩ ስም ሰባት ይፍልዩ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-** ክልተ ናይ ሶፍት መትሓዚ ባኮታት፣ ባዓል ሕብሪ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ክልተ ናይ ሶፍት መትሓዚ ባኮታት ብባዓል ሕብሪ ወረቐት ብምሽፋን ከም ማይክራፎን/መጉለሂ ድምፂ ምጥቃም
- ብበመጀመርታ መምህር ኣብ ገዛኦም ምስ መን ከምዝነብሩን ስም ሓቢሮምዎም ዝነብሩ ሰባት ብምንጋር ምፍላጥ
- ድሌት ዘለዎ ህፃን ክትስእ ብምግባር ሓዲኡ ማይክራፎን/መጉለሂ ድምፂ ምሃብ
- ቀፂልካ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምሕታት

ንኣብነት ፡- «ኣብ ገዛኹም መነ መን ትነብሩ? እንትና እንታይ ኻ እዩ? እንታይ ኻ እያት?» ወዘተ...

- እቲ ህፃን ምሰ ወደአ ብምምስጋን ናብ ቦታኡ ክምለስ ምግባር
- ህፃን /ዝተዛረቦ ኣጠቓልል ኣቢልካ ብምዝራብ ንኻልእ ተረኛ ህፃን ዕድል ምሃብ

**መዘኻኸሪ፡-** ኩሎም ህፃናት ወፂኦም ክዛረቡ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን ኣግላይ እዩ።

**ተፍትሽ፡-** ስም ኣብ ገዛኦም ሓቢሮሞም ዝነብሩ ሰባት ምፅራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ስእልታት ብምርኣይ ሰባት ብዕድሚኦም ብፆቶምን ፈልዮም ይምድቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ናይ ኣንስተይ፣ ናይ ተባዕታይ፣ ናይ ህፃን፣ ናይ ዓበይቲ ሰባት ዝሓዙ ፍላሽ ካርዲታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል ናይ ወድን ጓልን ስእሊ ብምርኣይ ኣየናይ ወዲ፣ኣየናይ ጓል፣ኣየናይ ዓብይ ሰብ፣ኣየናይ ህፃን ከምዝኾኑ ብምሕታት ምብርትታዕ
- መምህር ካብ መንጎኦም/ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ ደቂ ኣንስትዮ ዝኾና ኣእዳወን ከውፅኣ፣ብምቕፃል ደቂ ተባዕትዮ፣ካብእውን ህፃውንቲ ዝኾኑ ኣእዳዎም ከውፅኡን ዓብይ ሰብ እንትብሃል ድማ መምህርን ኣብ ክፍሊ ዝርከባ ሞግዚትን ኣእዳው ከወፅኡ ምግባር
- ንሕድ ሕድ ህፃን ካርድታት ብምሃብ መምህር ህፃን ኢለን እንትፅውዓ ምስሊ ህፃን ዝሓዘ ካርዲ ብምውፃእ ናብ መምህር ተፀጊዑ ጠጠው ምባልን ንኩሎም ናይ ምንታይ ምስሊ ከምዝሓዘ ብምሕታት ብሓባር ክምልሱ ምግባር
- በዚ መሰረት ኩሎም ህፃናት ዝሓዝዎም ካርድታት ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ እሊ ዝውክሎ ስም መምህር እንትፅውዑ ብምውፃእ ናብ መምህር ከይዶም ተፀጊዖም ጠጠው ብምባል ኣብቲ ካርዲ ዘሎ ምስሊ ብምርኣይ ሰባት ብፆቶኦምን ብዕድሜኦምን ፈልዮም ምዝራብ ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ፦ ብመሰረት ዕድመን ፆታን ሰባት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ሰለስተ ፦ ምፍላይ እንስሳት ዘቤት

ዒላማ፡- ኣብ ገዘኦም ከባቢ ዝነብሩ እንስሳት ዘቤት ብመነባበሮኦም፣ ብዝሁብዎ ጥቕሞምን በኣመጋግበኦምን ይፍልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ናይ ከልቢ፣ ናይ ድሙን ደርሆን ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ምርኣይ ዝተፈላለዩ ምስልታት እንስሳት ዘቤት
- እንታይ ከምዝኾኑ ፣ኣበይ ከምዝነብሩ፣እንታይ ከምዝምገቡን ንምንታይ ከምዝጠቕሙን ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ክርድኡ ምግባር
- ዝፈልጥዎም እንስሳት ድምፂ ኣምስሎም ምባልን ናይ ኣየናይ እንስሳ ድምፂ ከምዝኾነ ምሕታት
- ኣብ ወረቐት ዝተስኣሉ ምስልታት እንስሳት ዘቤት ብምሃብ መን ከምዝብሃልን ከመይ ዓይነት ደምፂ ከምዘለዎ ምሕታት፣ህፃናት ድማ ንዝተሓተትዎ ሕቶ ክምልሱ ምብርትታዕ

ተፍትሽ፡- የቃላት ትርጉምን መረዳታቸዉን መገምገም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ምልካይ ሕብሪ ስእሊ እንስሳት ዘቤት

ዒላማ፦ ስእሊ እንስሳት ዘቤት ሕብሪ ብምልካይ፣ ዝለኸይዎ እንስሳት ስምን ሕብርን ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ናይ ድሙ፣ከልቢን ደርሆን ስእልታት፣ሕብራዊ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ንሕድ ሕደ ህፃን ሓደ ሓደ ስእሊ እንስሳት ዘቤት ብምሃብ ዝደልይዎ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- ለኽዮም ምስወደኡ ዝለኸይዎ ስእሊ እንታይ ከምዝኾነን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝለኸዩን ክዛረቡ ምትብባዕ
- እንተከቢድዎም ኣድላይ ሓገዝ ምግባር

ተፍትሽ፦ ስእሊ እንስሳት ዘቤት ሕብሪ ምልካዮምን ዝለኸይዎ ስእሊ እንታይ ምዃንን ዝለኸይዎ ሕብሪን ምግላፆም ብምርኣይን ብምድማፅን ምርግጋፅ ።

ዒላማ፡- ስሞምን ቖርፆምን ዝምገብዎም ተኽልታት ገደና ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ተኽልታት ገደናን/ ሽንጉርቲ፣ ጉዕ፣ ኮመደረ፣ሓምሊ፣ድንሽ፣ ካሮት/ስእሎምን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

ህፃናት ኣብ ዝነብርሎም ከባቢ ክርከቡ ዝኽእሉ ኩልሻብ ንምግብነት ዝጥቀምሎም ዝተፈላለዩ ተኽልታት ገደና ከም ሓምሊ፣ድንሽ፣ካሮት፣ጉዕ፣ቀይሕ ሽንጉርቲ ወዘተ… ዝመሳሰሉ ሒዘካ ብምምፃእ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምርኣይ

- እቶም ተኽልታት ገደና እንታይ ከምዝኾኑ ቅድሚ ሓዚ ተመጊቦምዎም ዝፈለጡ እንተኮይኖም ብምሕታት ምምይያጥ
- ንሕድ ሕድ ህፃን ስእሊ ተኽልታት ገደና ምሃብ
- ንክፍሊ መሓዝቱ ብምርኣይ መፀወዒ ስሙ ክዛረብ ምብርትታዕ

> መዘከርታ ፡- ተኽልታት ገደና ብሓደ ክፍለ ግዘ እንተይኮነስ ብዝተፈላለየ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ የድልይል።

ተፍትሽ፡- ዝምገብዎም ተኽልታት ገደና ብስሞምን ብቖርፆምን ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ ፡- ምፍላይ ተኽልታት ገደና



ተግባረ ሽዱሽተ፡- ምፍላይ ፍራምረ

**ዒላማ፦** ፍራምረ ብቕረፃም፣ብጣዕሞምን ብሕብሮም ይፈልዩ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦** ፍራምረ/ብርቱኳን፣ ሙዝ፣ ሎሚን/፣ ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ህፃናት ክረኽብዎምን ክምግብዎም ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ፍራምረታት እንተተኻኢሉ ኣብ ክፍሊ ብምምፃእ እንተዘይተኻኢሉ ድማ ስእሊ ብምርኣይ እንታይ ከምዘኾኑ፣እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዘለዎም፣ኣብ ውሽጦም ፍረ ምትሓዞምን ዘይምትሓዘሙን፣ተፋሒቆም ዝብለዑን ዘይብለዑን፣እንትንምገቦም ዝጥዕሙን ዘይጥዕሙን ብምሕታት ምምይያጥ
- ንሕድ ሕድ ህፃን ስእሊ ፍራምረ ብምሃበ ስም ፍራምረ እንትፅዋዕ ናይቲ ዝፅዋዕ ዘሎ ፍራምረ ስእሊ ዝሓዘ ህፃን ኢዱ ሓፍ ብምባል እቲ ስእሊ ብምርኣይ ስም ፍራምረ ክፍልዩ ምግባር
- ብምቕፃል ሕንቅ ሕንቅሊተይ ብምፅዋት ምጥንኻር

  ንኣብነት፦

  ኣነ ካብ ዘርእታት ፍራምረ ሓደ እየ

  ሕብረይ ብጫን፣ ቆፃልእውን እዩ

  እንትምገቡኒ መፂፅ እየ ፣ኣይጥዕምን

  ኣነ መን እየ ብምባል ብምሕታት ምጥንኻር

**ተፍትሽ፦** ዝብለዑ ፍራምረ ብቅርፃም፣ብጣዕሞምን ብሕብሮምን ፈልዩም ምፍላጦም ምርግጋፅ ማረጋገጥ።



ተግባር ሸውዓተ ፦ ተኽልታት ገደናን ፍራምረን ብምጭናው ምፍላይ

ዒላማ፡- ተኽልታት ገደና እንተይረኣዩ ብምጭናው ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ተኽልታት ገደና፣ ስእሊ ተኽልታት ገደናን ፍራምረን፣ ጨርቂ መሸፈኒ ዓይኒ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- "ኣጭንይኻ ፍለጥ" ዝብለ ጨወታ ብዝስዕብ መንገዲ ምፅዋት
- ጉዕ ፣ ፃዕዳ ሽንጉርቲ፣ ብርቱኳን፣ ለሚንን ሙዝን ንህፃናት ምርኣይን እንታይ ከምዝኾኑ ምሕታት
- ሓደ ህፃን ካብ መንጎኦም ብምትሳእ ኣብ ቅድሚኦም ጠጠው ክብል/ክትብል ምግባር
- ብምቑፃል ዓይኑ/ ዓይና ብጨርቂ ኣላሕልሕ ኣቢልካ ምእሳርር
- ሓደ ፍራምረ ወይ ተኽሊ ገዳና ብምትሳእ ናብ ኣፍንጫ ብጨርቂ ዝተሸፈነ ህፃን ብምቕራብ ከጭንዎ ብምግባር እንታይ ከምዝኾነ ንክዛረብ ብምሕታት ምብርትታዕ
- ብመልክዕ እዚ ኩሎም ህፃናት ኣብቲ ፀወታ ክሳተፉ ምግባር

> መዘከር፡- ጉዕ ብኢዶም ነኺኦም ዓይኖም ከይነኽኡ እሞ ከየቓፅሎም ጥንቃቐ ምግባር ኣድላይ እዩ።

ተፍትሽ፡- ተኽልታት ገደና ብምጭናው ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ሸሞንተ ፡- ምፍላይ ነፍሳት

ዒላማ፡- ነፍሳቶችን በስማቸውና በመልካቸው ይለያሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- የደረቁ ነፍሳቶች/ዝንብ፣ ጉንዳን፣ ሸረሪት፣ ቢራቢሮ/፣ ስእሎች

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ፈለማ ዝደረቑ ነፍሳት ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑን ቅድሚ ሓዚ ርእዮሞም ዝፈልጡ እንተኾነ ኣበይ ከምዝረኣይዎም ብምሕታት ክመያየጡ ግባር
- ንህፃናት ሓደ ሓደ ስእሊ ብምሃብ መምህር ስም ነፍሳት እንትፅውዑ ናቲ ነፍሳት ስእሊ ዝሓዘ ህፃን እቲ ስእሊ ሓፍ ብምባል ከርእዩ ብምግባር ናይ ነፍሳት ስምን መልክዕን ክፈልዩ ምግባር

ተፍትሽ፡- ነፍሳት ብስሞምን ብመልክኦምን ፈልዮም ምፍላጦም ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም።

መዘከር፡- ህፃናት ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ዘለው ነፍሳት ክርእዩ ብምግባር ዝራኣይዎም ነፍሳት ስሞም ክዛረቡ ምብርትታዕት። ...ቱዳድ

ን ልዮ ...ድ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብዓብይ ደሚቑ ዝተስኣለ ስእሊ ፅምብላሊዕ

ሓቦ...

ተግባር ትሽዓተ፡- ምልምማድ መዝሙር ምዝማር

... ሕብሪ ከም ዘለዋ? ከመይ ከምትንቀሳቐስ ብምሕታት ምልዕዓል፣

- ህፃናት ብዛዕባ ፅብቐቲ ፅምብላሊዕ ዝተዘመረላ መዝሙር ቅድሚ ሓዚ ሰሚዖምዎ ዝፈልጡ እንተኾነ ብምሕታት እቲ መዝሙር ክዝሙሩ ድሌቶም ብምሕታት ምልዕዓል፣
- እቲ መዝሙር ርግፅ ብምባል፣ ድምፆም ዓው ብምባልን ምንቅስቓስ ኣካል ብምሕዋስም ክዝምሩ ምግባር፣ ድሕሪ መምህር ሕድ ሕድ ናይቲ መዝሙር ተለላ ግጥሚ ዜማኡ ብምሕላው ክዝምሩ ምልምማድ፣
- ምስ መምህር ብሓባር ብምዝማር መዝሙሩ ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ፡- ህፃናት ናይቲ መዝሙር ዜማ ሓልዮምን ምንቅስቓስ ኣካል እንዳገበሩ ክዝምሩ ምፍታኖም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ቀስ ብቀስ ሳርየት ዝብል መዝሙር ምስ ምንቅስቓስ ኣካላዊ ብምውዳድ ምዝማር ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ብፅልም ዝበለ ሕብሪ ዘለዎ እርሳስ ዝተስኣለ ዓብይ ስእሊ ሳርየት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ሰእሊ ሳርየት ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነት ምሕታትን ኣበይ ርእዮምዎ ከምዝፈልጡ ብምሕታት ምልዕዓል
- ብዛዕባ ሳርየት ዝተዘመረ መዝሙር ቅድሚ ሓዚ ዝፈልጡ ምንባሮምን ዘይምንባሮምን ብምሕታት እቲ መዝሙር ከዳምፁ ዘለዎም ድሌት ምቅስቓስ
- እሕፅር ብምባል ዛንታ ሳርየትከምዝስዕብ ምዝንታይ

  ሓደ እዋን ሳርየት ዝትባሃል ነይራ፣ ኣብ መንድቕ ቀስ ኢላ ናብ ላዕሊ ክትድይብ ደልያ እንትድይብ ሓያል ንፋስ መፂኡ ኣወዛዊዝዋ። ቐፂሉ ድማ ሓያል ዝናብ ናብ ታሕቲ ደርብይዋ ብምባል ምንጋር
- እቲ መዝሙር ቀስ ብምባልን ድምፂ ዓው ብምባል ምስ ምንቅስቓስ ኣካል ብምውዳድ ምዝማር
- ደድሕሪ መምህር ሕድ ሕድ ናይቲ መዝሙር ተለላ ግጥሚ ዜማኡ ብምሕላው ክዝምሩ ምልምማድ
- ምስ መምህር ብሓባር ብምዝማር መዝሙሩ ክለማመዱ ምግባር

> መዘከር፡- ምስ መምሕረ ብሓባር እንትዝምሩ ኣግቡብ ዘለዎ ምንቅስቓስ ኣካል ክገብሩ ምትብባዕ።

ተፍትሽ፡- መዝሙሩ ምስ ምንቅስቓስ ኣካል ኣዋዲዶም ምዝማር ምፍታኖም ብምርኣይን ብምድማፅን ምርግጋፅ ።

> ተግባር ዓሰርተ ፡- መዝሙር ንምዝማር ምልምማድ

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 1. ካባቢኦም ምፍታሽን ምፍላጥን | 1.3.ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዝርከቡ ሰባትን፣ |

| | |
|---|---|
| | መፃወቲታትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፦ ምፍላይ ኣፀደ ህፃናትን መምሃሪ ክፍሎምን

ዒላማ፦ ዝመሃርሉ አፀደ ህፃናትን መምሃሪ ክፍሎምን ብስምን ብምርኣይ ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ስእሊ መፍለዩ ምልክት ኣብ መምሃሪ ክፍሎም በሪ ዝተጠቀዐ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ህፃናት ዝመሃርሉ ስም ኣፀደ ህፃናት ዝፍልጡ እንተኾይኖም ብምሕታት ምብርትታዕ
- መልሶም ድሕሪ ምድማፅ ስም ዝመሃርሉ ኣፀደ ህፃናት ምዝራብ ቀጺሎም ብሓባር መሊሶም ክዛረቡ ምግባር
- ዝተጋገየ ስም ብምዝራብ እዙይ ድዩ ስም ዝትመሃርሉ ኣፀደ ህፃናት ብምባል ምሕታትን እቲ ስም ብትኽክል ምዝካሮምን ዘይምዝካሮም ምርግጋፅ
- ኩሎም ህፃናት ኣብ ሓደ ክፍሊ ከምዝመሃሩን ከምዘይማሃሩን ብምሕታት ኩሎም ህፃናተ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ከምዝመሃሩን ኣብ እዋን ፀወታ ግን ብሓባር ከም ዝፃወቱ ምዝራብ
- ኣብ በሪ መምሃሪ ክፍሎም እንታይምልክተ ከም ዘሎ ብምሕታት ዝሃብዎ መልሲ ድሕሪ ምድማፅ ኣብ በሮም ዝተለጠፈ ወይ ዝተስኣለ ስእሊ ዝምሳሰል ስእሊ ብምርኣይ ክፈልይዎ ምግባር
- እዚ ንምርግጋፅ በሪ ብምኽፋት ኣብ በሪ ዘሎ ስእሊ ክርእዩ ምግባር

ተፍትሽ፦ ዝመሃርሉ ኣፀደ ህፃናትን መምሃሪ ክፍሎምን ብስምን ብምርኣይን ፈልዮም ምፍላጦም ብምሕታት ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ ፦ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ብስምን ብምልክፅን ምፍላይ

ዒላማ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ብስምን ብምልክዕን ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ሰሌዳ ሐረጋት/ሻሽ ቦርድ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህር ምስ ሞጉዚት/ሓብሓቢት ህፃናት ኣብ ቅድሚት ጠጠው ብምባል
- "ኣነ መን እየ **?**" "ስመይ መን እዩ**?**" ብምባል ምሕታትን እንተዘይፈሊጦም ምዝራብ
- ምስ መምህሮም ጠጠው ዝበለት ሞጉዚት ስም ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር እንትዘይፈሊጦምዋ ምዝራብ
- ሓደ/ ሓንቲ ህፃን ብምግባዝ ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ክብል/ ክትብል ምግባር
- መምህር ብስም ዝፅውዐኦ ህፃን ኣበይ ከምዝርከብ ብኣፃብዕቲ ብምጥቃም ከመላኽቱ ምግባር
- በዚ መንገዲ ኩሎም ህፃናት ክሳተፉ ምግባር

ተፍትሽ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ናይ ሰባት ስምን መልክዕን ምፈላጥ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ኣብ ክፍሎም ዘለዉ ህፃናት ስምን መልክዕን ይፈልዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ሓደ ድልየት ዘለዎ/ዋ ህፃን ብምምራፅ ኣብ ቅድሚት ህፃናት ጠጠው ክብል/ትብል ምግባር
- ካብቲ ጠረጴዛ ሓደ ንዋት/ናውቲ ብምልዓል " እዚ ንእገለ ሃቦ/ቢ" ብምባል ምእዛዝ
- እቲ ንዋት ንዝተብሃሎ/ ንዝተብሃለቶ ህፃን እንተሂቡ/ባ ንምንታይ ከምዝሃበ/በት ብምሕታት ንክዛረብ ምብርትታዕ
- ዝተውሃበ/በት ህፃን ድማ ካልእ ንዋት ንካልእ ህፃን ክትህብ/ ክህብ ምግባር
- ብከይዲ ክልተ ናውቲ ንክልተ ህፃናት ክህቡ ምእዛዝ
- ምስዚእውን ሓቢሮምዎም ዝፃወቱ ህፃናት ብመልክዕን ብስምን ክፈልዩ ምግባር

ተፍትሽ፡- ኣብ ክፍሎም ዘለዉ ህፃናት ብስምን መልክዕን ምፍላዮም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ኣብ ክፍሎም ዘለዉ ህፃናት ስምን መልክዕን ምፍላይ

ተግባር ኣርባዕተ፡- ማሓዙቶም መልክዖም ብምርኣይ ምፍላይ

ዒላማ፡- ሓቢሮምዎም ዝመሃሩ ህፃናት መልክዖም ብምርኣይ ይፈልዩ።

- “መን ተቐይሩ” ዝብል ፀወታ ብዝስዕበ መንገዲ ምፅዋት
- ሰለሰተ ህፃናት ኣብ ቅድሚት ህፃናት ወፂኦም ጠጠው ክብሉ ምግባር
- ካብ መንጎኦም ሓደ/ ሓንቲ መፃዋታይ መፃወቲት ብምግባር ናይ ክልቲኦም ስም ክዛረብ ምሕታት
- መፃወታይ ገፁ ናብ መንድቕ ክዘውር ምግባር
- ካብ ክልቲኦም ተፃወቲ እቲ ሓደ ናብ ቦታኡ ከይዱ ኮፍ ክብልን ብናሃቱ ቦታ ካልእ ህፃን ክኣትይ ምግባር
- መፃወታይ ገፁ ናብ ህፃናት ብምዛር መን ብመን ከምዘተቐየረ ክዛረብ ምግባር
- በዚ ዓይነት መንገዲ ኩሎም ህፃናት ኣብ ፀወታ ምስታፍ

ተፍትሽ፡- ሓቢሮምዎም ዝመሃሩ ህፃናት ብመልክዖም ምፍላይ ምክኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፡- መፃወቲኦም ምጥቃምን ብኣግባቡ ምቕማጥን ምልምማድ

ዒላማ፦ መፃወቲኦም ምጥቃምን ብኣግባቡ ምቕማጥን ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ መፃወቲ ክፍሊ ውሽጢ

ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፦

- ህፃናት ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ብዘለዉ መፃወቲታት ክፃወቱ ምግባር
- ምስወደኡ እቶም ዝተፃወትሎም መፃወቲታት ናብ ቦተኦም ክምልሱ ምግባር
- ኣበ ከይዲ እቲ ፀዋታ እንታይ እናተፃወቱ ከምዝኾነን ብምንታይ ከምዝፃወቱ ብምሕታት ምልዕዓል፣እንተዘይፈለጠምዎ ምዝራብ ወየ ሓበሬታ ብምሃብ ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ፦ ብምንታይ ከምዝተፃወቱ ምፍላጦምን ብኣግባቡ ምቕማጥ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ ፦ ብናይ ደገ መፃወቲታት ምፅዋት

ዒላማ፡- ዝተፃወትሉ መፃወቲታትን ምስ መን ሓቢሮም ከምዝተፃወቱ ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለዩ ኣናእሽተይ ናውቲ፣ ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ዝርከቡ መፃወቲታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ብዝርከቡ መፃወቲታት ክፃወቱ ምግባር
- ድሕሪ ፀወታ ናብ ክፍሊ እንትኣትው መን እንታይ ከምዝተፃወተንብምንታይ ከምዝተፃወተን ምሕታት
- ናይቲ ፀወታ መፀወዒ ስም፣ ናይ መፃወቲ ስም ብምፅዋዕ ህፃናት ዝተፃወትዎ ፀወታ ክፈልዩ ምግባር

ተፍትሽ፡- ብምንታይን ከመይን ከምዝተፃወቱ ፈልዩም ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 2. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምፍላጥን ምድናቕን | 4.1 ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ቦታታት ምፍላይ

[illegible]

ግልጋሎት ይፍልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእሊ ዝተፈላለዩ ቦታታት መውሃቢ ግልጋሎት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ መንበሪ ህፃናት ከባቢ ዝርከቡ ቦታታት መውሃቢ ግልጋሎ /ድኳን/ሹቕ፣ቤት ትምህርቲ፣ቤት ሕክምና፣ ቤተክርስትያን፣ መስጊድ፣ ፖሊስ ጣቢያ/ ስእሊ ንህፃናት ምርኣይ
- ኣብ ስእሊ ዝረኣይዎም ትካላት ወይ ቦታታት መውሃቢ ግልጋሎት መፀወዒ ስሞም ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ናብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ትካላት ከይዶም ዝፈልጡ እንተኾይኖም ምስ መንን ንምንታይ ከምዝኸዱ ብምሕታት ምምይያጥ
- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት እዞም ቦታታት መውሃቢ ግልጋሎት መፀወዒ ስሞምን ብርኪ ግልጋሎቶምን ክግንዘቡ ምግባር

| |
|---|
| መዘከር ፡- እዞም ቦታታት መውሃቢ ግልጋሎት ኣብ ሓደ ክፍለ ግዘ ንህፃናት ምፍላጥ ከቢድ ስለዝኾነ ብዝተፈላለየ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። |

ተፍትሽ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ቦታታት መውሃቢ ግልጋሎት ብስሞምን ብዝሁብዎ ግልጋሎትን ፈልዮም ምፍላጦም ምርግጋፅ።

**ዒላማ፦** ኣብ ዝመረፅዋ ቦታን ዝመረፅዎ ብፅሒት ተዋሳኣይነት ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን መሲሎም ምፅዋት ይለማመዱ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦** ንመሲልካ ምፅዋት መፃወቲ ዝሕግዙ ናውቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ኣብ እዋን ፀወታ መስሊካ ምፅዋት ንስራሕ ዘገልድሉ ኣድለይቲ ናውቲን ቦታን ምውዳብ
- ምስ ህፃናት ብሓባር ብምፅዋት ቦታታት መውሃቢ ግልጋሎት ዝሁብዎ ረብሓ ክርደኡ ምግባር ንኣብነት፦ ሹቕ ሹቕ፣ ዓዳግን ሸያጥን፣ ቤት ትምህርን ተምሃራይን፣ ሓኪም ሓኪም/ ሓካምን ተሓካምን/ ወዘተ...

**ተፍትሽ፦** ኣብ ግልጋሎት መውሃቢ ቦታ ዝስራሕ ስራሕቲ ዝመረፅዎ ብፅሒት ተዋሳኣይ መሲሎም ግደኦም ንምፅዋት ምፍታኖም ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ክልተ ፦ ምፅዋት መሲልካ ምፅዋት

**ተግባር ሰለስተ ፡- ኣብ መወሃቢ ግልጋሎት ዝርከቡ ናውቲ**

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ኣብ ሹቕ፣ ቤት ትምህርትን ሕክምናን ዝርከቡ ናውቲ /ሽምዓ፣ ክብሪት፣ ኣቕሓ ምሳሕ፣ቦርሳ ምሳሕ፣ጥርሑ ኣቕሓ መድሓኒት ወዘተ..../፣ ናይ ሹቑ፣ ቤት ሕክምና፣ ቤት ትምህርቲ ወዘተ...ምስሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ኣብ ቅድሚኦም ኣብ ዝርከብ ጠረጴዛ ዝተፈላለዩ ኣብ ሹቕ፣ ቤት ትምህርትን ቤት ሕክምናን ዝርከቡ ኣቑሑት ምቕማጥ፤ /ሽምዓ፣ ክብሪት፣ ኣቕሓ ምሳሕ፣ቦርሳ ምሳሕ፣ ጥርሑ ኣቕሓ መድሓኒት ወዘተ...
- ሓደ ህፃን ናብ ቅድሚት ብምውፃእ ኣብ ሹቕ ካብ ዝርከቡ ኣቕሓ ብምልዓል ሃበኒ/ሃብኒ ብምባል እቲ ህፃን ካብ ጠረጴዛ ዘለዉ ኣቕሓ መሪፁ/ፃ ክህብ ምግባር
- ህፃናት ዝሰርሕዎ ትኽክል ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ብካልኦት ህፃናት ከረጋግፁ ብምግባር ናይቲ ኣቕሓ ስምን ዝርከበሉ ቦታን ብምዝራብ ምብርትታዕ
- ስእሊ ሹቕ፣ቤት ሕክምናን ቤት ትምህርትን ንህፃናት ብምርኣይ ኣብ ውሽጦም እንታይ እንታይ ኣቕሓ ክርከብ ከምዝኽእል ምሕታት
- ዝተወሰኑ ኣቑሑት ብምርኣይ እንታይ ኣበይ ክርከቡ ከምዝኽእሉ ክርደኡ ምግባር
- በዚይ ዓይነት መንገዲ ኩሎም ህፃናት ኣብ ፀወታ ምስታፍ

ተፍትሽ፡- ኣብ ግልጋሎት መውሃቢ ዝርከቡ ናውቲ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



**ተግባር ኣርባዕተ፡- ሕብሪ ግልጋሎት መውሃቢ ትካል**

**ዒላማ፡-** ህፃናት ኣብ ትካል ግልጋሎት መውሃቢ ዝፍፀሙ ተግባራት ይፍልዩ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-** ስእሊ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት፣ ዝተፈላለዩ ሕብራዊ እርሳሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ ናይ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ወሃብቲ ቦታታት ምሃብ
- ደሚቕ ዘይኮነ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር ምኽንያቱ ደሚቕ እንተለኺናዮ ኣብ ውሽጡ ዘለዉ ኣቑሑት ሰለዘይርኣዩ
- ምስ ወደኡ እንታይ ከምዝለኸዩ ብምሕታት መፀዊ ስም ቦታታት ወሃብቲ ግልጋሎት ክፈልጡ ምግባር
- ምዝማር መዝሙር ብዛዕባ ቦታታት ወሃብቲ ግልጋሉት

**ተፍትሽ፡-** ኣብ ካባቢኦም ዝርከቡ ወሃብቲ ግልጋሉት ሕብሪ ምልካዮምን ብዛዕባ ዝለኸይዎ ነገር ምዝራባም ብምርኣይን ብምሕታት ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ዜማኡ ሓልዮም ምዝማር ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ስእሊ ትካላት ወሃብቲ ግልጋሎት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ስእሊ ትካላት ውሃብቲ ልጋሎት ብምርኣይ እንትይ ከምዝኸኑ ምሕታት ን ብዛዕባ ንሳቶም ዝተዘመረ መዝሙር ምስማዕ ከምዝደልዩ ብምሕታት ንምድማፅ ዘለዎም ድሌት ምብርባርሰ
- ድምፂ ዓው ብምባል ርግፅ ብምባል ምዝማርን ንህፃናት ድማ ክዝምሩ ከምዝደልዩ ምሕታት
- ተለላ ብተለላ እቲ መዝሙር ብምዝማር ህፃናት ደድሕሪ መምህር ክዝምሩ ምልምማድ
- ብምቅፃል ምስ መምህር ብሓባር ክዝምሩ ምግባር
- ትሕዝቶ እቲ መዝሙር ክርድኡ ብሕቶን መልስን ምጥንኻር

ተፍትሽ፡- መዝሙሩ ዜማን ስዒቦም ንምዝማር ምፍታኖም ብምድማፅ ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ ፡- ምልምማድ ምዝማር መዝሙር

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 2. ከባቢኦም ከመይ ምክንኻንን ምሕላውን ከምዝኽእሉ ምፍላጥን ምክንኻንን | 2.1. ገዛኦምን ከባቢኦምን ሜላታት ፅሬት ምሕባር ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፡- ምፍላይ ናዉቲ መሓለዊ ፅሬት ከባቢ

ዒላማ፦ ስሞምን ዝሁብዎ ግልጋሎትን ናዉቲ መሓለዊ ፅሬት ከባቢ ይፈልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ዘምቢል/ቅርጫት መአከቢ ጉሓፍ ፣ መኾስተር፣ መወልወሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ናዉቲ መሓለዊ ፅሬት ከባቢ ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑን ንምንታይ ከምዘገልግሉ ብምሕታት ምምይያጥ
- እዞም ናዉቲ ኣብ ገዘኦም ምህላዎምነ መን ከምዝጥቀምሎም ብምሕታት ምብርባር
- ገዘኦም፣ ቀፅሪ ገዘኦምን መምሃሪ ክፍሎምን መን ከምዘፅርዮን ንምንታይ ከምዝፀርይ ሽቶታት ብምቕራብ ምምይያጥ
- ኣብ ከባቦኦም ጉሓፍ መኣከቢ ታንከረ/ገንዳ ርእዮም ዝፈልጡ እንተኮይኖም ንምንታይ ከምዝጠቅም ብምሕታት ኣብ ከባቦኦም ጉሓፍ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምድርባይ ከምዘይግባእ ጉሓፍ ኣብ መጉሓፊ ቦታ ክጉሓፍ ከምዝግባእ ክግንዘቡ ምግባር
- ከባቢና ፅሩይ እንተዘይኮይኑ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ክንትሓዝ ምንኽእል ግልፂ ብዝኾነ ቋንቋ ብምግላፅ ፅሬት ምሕላው ከምዘድሊ ብዘለዉሉ ብርኪ መሰረት ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ፦ ስሞምን ዝሁብዎ ግልጋሎትን ናዉቲ መሓለዊ ፅሬት ከባቢ ምዝራቦም ብምድማፅ ምግምጋም።

ተግባር ክልተ ፦ ናውቲ መሓለዊ ፅሬት ሕብሪ ምልካይን ምዝማድን

ዒላማ፡- ናውቲ መሓለዊ ፅሬት ሕብሪ ብምልካይ የዛምዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- በርሚል ጉሓፊ፣ መዋህለሊ ጉሓፍ ዘምቢል/ ቅርጫት፣ ናይ መወልወሊን መኸስተሪ ስእሊታት፣ደሚቕ ሕብራዊ እርሳሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል ናይ ጉሓፍ ታንከር/ ገንዳ፣ ጉሓፍ መደርበይ ዘምቢል/ ቅርጫት፣ ናይ መወልወልን መኮስተሪ ስእልታት ቡብተራ ደሚቕ ሕብሪ ብምልካይ እንታይ ከምዝኾኑ ንህፃናት ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር
- ንህፃናተ ሓደ ሓደ ስእሊ ብምዕዳል ዝደለይዎ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- ለኺዮም ምስ ወደኡ ናብ መምህር ብምምፃእ እንታይ ሕብሪ ከምዝለኸዩ ብምሕታት መምህር ምስ ዝለኸይዎ ስእሊ ከዛምዱ ምግባር

ተፍትሽ፡- ናውቲ መሓለዊ ፅሬት ሕብሪ ብምልካይ መምህር ምስ ዝለኸይዎ ስእሊ ምዝማድ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ ፡- ምልምማድ ምሕላው ከባቢያዊ ፅሬት

ዒላማ፡- ብዓቕሞም ናይ ከባቢኦም ፅሬት ይሕልዩ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- መአከቢ ጉሓፍ ዘምቢል/ቅርጫት፤ ረቚቕ ፌስታል ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ካብ ክፍሊ ወፃኢ ብምውፃእ ኣእዳዎም ብረቚቕ ፌስታል ብምሽፋን ኣቑፅልቲ ተኽሊ፣ ደቀቕቲ ወረቓቕቲ፣ ናይ ብስኩትን ከሬሜላን መሸፈኒ ዝመሳሰሉ ከልዕሉን ናብ ዝምቢል ከእትዉ ብምግባር ቀፅሮም/ካንሸለኦም ከፅርዩ ምልምማድ
- እዚይ ተግባር ኣብ ዝፍፅምሉ እዋን <<ደቀቕቲ ወረቓቕቲ>> ዝብለ መዝሙር እንዳዘመሩ እንዳተዘናገዑ ከባቢኦም ከፅርዩ ምግባር
- መዘከርታ፡-ምሕላው ከባብያዊ ፅሬት ልምዲ ንክሕድሩ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ክትትል ብምግባር ፅቡቕ መርኣያ ኮይንኻ ምርኣይ።

ተፍትሽ፡- ፅሬት ከባቢኦም ምሕላው ምጅማሮም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ምልላይ ሜላ ባዕልካ ካብ ሕማም ምሕላው

ዒላማ፡- ባዕሎም ካብ ሕማም ዝሕልዉሉም መንገዲታት ፈልዮም ይዛረቡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ኣቑሑት ምሳሕ፣ ጨርቂ መሸፈኒ፣ ማይን ሳሙናን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ሓሚሞም ዝፈልጡ እንተኾይኖምን እንታዮም ሓሚሞም ከምዝፈልጡ ሕቶታተ ብምቕራብ ምምይያጥ
- ድሕሪ ምድማፅ ዝሃብዎ መልሲ ህፃናት ኩልሻብ ኣእዳዎም ቅድሚ ምግብን ድሕሪ ምግብን ምሕፃብ ከምእውን ካብ መፃራረዩ ቦታ መልሲ ምሕፃብ ከምዝግበኦም፣ኣብ ኣፀደ ህፃናት ይኹን ኣብ ገዛኦም ምግቦም ብምኽዳን ካብ ዶሮናን ሃመማን ብምክልኻል ባዕሎም ካብ ሕማም ምሕላው ከምዘለዎም ክግንዘቡ ምግባር
- ምስ ኣተሓሳልዋ ፅሬት ምትእስሳር ዘለዎም ርካቦን ዛንታን ምዝራብ

> መዘከር፡-እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ቡብማዓልቱ ብምፍፃም ንህይወትና ህልውና ኣድለይቲ ስለዝኾኑ ምትግባር ግድን እንትኸውን ወለዲ ንደቆም ኣብ ገዛ ውሽጢ ምሕላው ፅሬት ልምዲ ንክሓድሮም መረዳእታ ምሃብ ኣድላይ እዩ።

ተፍትሽ፡- ባዕሎም ካብ ሕማም ዝሕልዉሉ መንገዲታት ፈልይካ ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 3. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ምውሳድን | 3.1. ኣብ ከባቦኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራትን ኩነታትን ምፍላይ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይ

ዒላማ፡- በአካባቢያቸው የሚገኙ አደገኛ ነገሮችን በመለየት ራሳቸውን ይጠብቃሉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተሰባበሩ ጠርሙዛት፣ ኣዕፅምቲ፣ ሽቦ፣ ሚስማር፣ ክብሪት፣ ላማ፣ መርፍእ ወዘተ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ኣቑሑት ሓደ ብሓደ ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑ? ኣበይ ርእዮሞም ከምዝፈልጡ ወዘተ ሕቶታት ብምሕታት ምምይያጥ
- ብዛዕባ ሓደገኛነቶም ክርድኡ ብዝኽእልዎ መንገዱ ምዝራብ
- ብሰንኪ ጉድለት ጥንቃቐ ሓደጋ ከይበፅሖም ባዕሎም ካብ እዞም ሓደገኛ ነገራት ከመይ ምርሓቕን ምክልኻልን ከምዝኽእሉ ምምይያጥ
- ሓደገኛ ነገራት ምንካእ ኮነ በቶም ነገራት ምፅዋት ከምዘይግባእ ምዝራብ

ተፍትሽ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላዮምን ባዕሎም ከመይ ምሕላው ከምዘለዎም ምርዳኦም ብምሕታት ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ምልምማድ ፀወታ ባዕልካ ካብ ሓደጋ ትራፊክ ምሕላው

ከወረቀት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ህፃናት ካብ ሓደጋ ትራፊክ ባዕሎም ምሕላው ይለማመዱ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ቆፃል፣ ቢጫ፣ ቀይሕ ክብታት ፣ ፃዕዳ ወረቐት፣ ቆቢዕ ፖሊስ ትራፊክ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ካብ ክፍሊ ወፃኢ “ምልክት መንገዲ ትራፊክ” ፀወታ ከምዝስዕብ ምፅዋት
- ሰለስተ ብመልክዕ ክቢ ካብ ባኮ ዝተቓርደዱ ቀይሕ፣ ቢጫ፣ ቆፃል ሕብሪ ምልካይ
- ብረጊድ ፃዕዳ ወረቐት ናይ መንገዲ መቋረፂ መሰመርን ናይ ትራፊክ ፖሊስ ቆቢዕ ምስራሕ
- ዝተወሰኑ ህፃናት ናይ ዘወርቲ፣ ዝተወሰኑ ህፃናት ድማ ናይ መንገደኛ ገፀ ባህሪ ወኪሎም ክዋሰኡ ምግባር
- መምህር ደማ ናይ ትራፊክ ፖሊስ ገፀ ባህሪ መሲሉ ምወሳእ/ምፅዋት
- ኣብ ማእኸል መንገዲ መምህር/ባዕሎም ምልክታት ሒዞም ጠጠው ምባል
- ምልክታት ብምልውዋጥ መንገደኛ እንታይ ምልክት እንትርእይ ምንቅስቓስ ከምዝኽእል ምምሃር
- ህፃናት ተሸከርከርቲ እንትኾኑ እንታይ ምልክት ምስራሖ ጠጠው ከምዝብሉ ምርኣይ
- ፀወታ ቅድሚ ምጥቕላሉ ስዒቦም ዘለዉ ነገራት ህፃናት ቀልቢ ክሁብሎም ምግባር
- ናይ ትራፊክ ፖሊስ ቀይ መብራህቲ እንተርእይ መኪናታት ጠጠው ይብላ መንገደኛ/እግረኛ ይሰግሩ፣ ናይ ትራፊክ ፖሊስ ቆፃል እንትበርህ ሰባት ጠጠው ይብሉ መኪና ይኸዳ፣ ናይ ትራፊክ ፖሊስ ቢጫ እንትበርህ ሰባት ጠጠው ይብሉ መኪና ንምኻድ ይዳለዉ

| |
|---|
| መዘከርታ ፡-ነዚይ ተግባር ብተደጋጋሚ ብምፅዋት እቲ ትምህርቲ ምጥንኻር ኣድላይ እዩ። |

ተፍትሽ፡- መንገዲ እንትሳገሩ ክገብርዎ ዝግባእ ጥንቃቐታት ምግንዛቦም ምርግጋፅ።



ተግባር ሰለስተ ፡- "ንፉዕ ተምሃራይ" ዝብል መዝሙር ምዝማር

ከወረቀት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- "ንፉዕ ተምሃራይ" ዝብለ መዝሙር ምዝማር ይለማመዱ፣ መልእኽቲ እቲ መዝሙር ንምርዳእ ይፍትኑ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መንገደኛ መንገዲ እንትሰግር ብመንገደኛ መስገሪ መስመር ሓልዩ ክሰግር ከምዝግባእ ምዝራብ
- ነዚእውን መምህር "ንፍዕ ተምሃራይ" ዝብል መዝሙር ምዝማር
- መልእኽቲ እቲ መዝሙር ብሕቶን መልስን ከምእውን ብተግባር ክርድእዎ ምግባር

ተፍትሽ፡- "ንፉዕ ተምሃራይ" ዝብል መዝሙር ምዝማር ምኽኣሎምን መልእኽቲ እቲ መዝሙር ምግንዛቦምን ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ምሕላው ባዕልኻ ካብ ሓደገኛታት ነፍሳት ምሕላው ከወረቀት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ባዕሎም ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከቡ ሓደገኛ ነፍሳት ይሕሉዉ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ክናደፉ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ሓደገኛ ዝኾኑ ነፍሳት ወዘተ… ዝሓዘ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- መምህር ሓደጋ ኩብዕሖ/ክናደፉ፣ክናኽሱ/ ዝኽእሉ ነፍሳት ስእሊ ከም ንህቢ ፣ ሳሬት ፣ፃፀ ወዘተ… ምርኣይ
- እቶም ህፃናት በብተራ ንንሕድሕዶም ናይ ነፍሳት መንነት ምዝራብ
- ሓደ ሓደ ነፍሳት ክጎድእዎም ከምዝኽእሉ ሓደ ሓደ ድማ ጠቐሚታ ከምዘለዎም ምዝራብ ንኣብነት፡- ንህቢ ረብሓ ካብ ዝህቡ እንትትኸውን ግን ድማ ማዓራ ንምጥቃም ጥንቃቐ ክንገብር ከምዝግበአና ብዝርደኦም ምዝራብ

ተፍትሽ፡- ባዕሎም ካብ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነፍሳት ከመይ ክከላኸሉ ከምዝኽእሉ ግንዛበ ምትሓዞም ምግምጋም።



ተግባር ሓሙሽተ ፡- "ጃምቦን ዓባይ ኩባያኡን" ዛንታ ምድማፅ

ዒላማ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ይፈልዩ፣ ብዓቕሞም ባዕሎም ካብ ሓደገኛ ነገራት ከመይ ክሕልዉ ከምዘለዎም ይርድኡ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ጃምቦን ኩባያኡን ዝብል መፅሐፍ ዛንታ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ኮፍ ኣባሃህላ ህፃናት ብፍርቂ ክቢ ምምዕርራይ
- ግቡእ ናይ ዛንታ ምዝንታይ መንገዲ/ሜላ ብምጥቃም እቲ ዛንታ ካብ መፅሓፍ ምንባብ
- ደድሕሪ ምንባብ ካብቲ መፅሓፍ ዝወፅኡ ሕቶታት ብምሕታት መልእኽቲ እቲ መፅሓፍ ክርድኡ ብምግባር ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከቡ ነገራት ሓደ ሓዊ ምዃኑ ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላዮም ባዕሎም ካብ ሓደጋ ከመይ ምሕላው ከምዘለዎም ምግንዛቦም ብምሕታት ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 5. ኣምር ናይ ምንቅስቓስ ምርዳእን ፈተነ ምክያድ | 5.1. ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ናይ ነገራት ምንቅስቓስ ምግላፅ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፡- ምፍላይ ዝንከባለሉን ዘይንከባለሉ ነገራት ከወረቀት ላይ መገልበጥ

**ዒላማ፡-** ኣቑሑት ብምንክብላል ባህሪኦም ይዛረቡ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-** ንእሽተይ ኲዕሶ፣ ንእሽተይ ናይ ዕንፀይቲ ሳፁን፣ንእሽተይ ኣቕሓ ፕላስቲክ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ኣቑሑ ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑ ብምሕታት ምብርባር
- ብምቕፃል ኣየናይ ኣቕሓ ዝንከባለልን ኣየናይ ኣቐሓ ድማ ዘይንከባለልን መኸኑ ብምሕታት መልሲ ክህቡ ምግባር
- ኣቐዲምካ ምንክብላል ማለት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ክርድኦም ብዝኸእል ቋንቋ ምርዳእ የድሊ
- ብምቕፃል ንህፃናት ኣብ በብጠረጴዛኦም ኣቑሑት ብምሃብ ከንከባልሉን ውፅኢቱ ከፅንሉን ክዛረቡነ ምብርትታዕ

**ተፍትሽ፡-** ኣቑሑት ብምንክብላል ባህርያቶም ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ክልተ ፡- ቅልጡፉን ርጉፅን ምንቅስቓስ ምግባር

ዒላማ፡- ቅልጡፉን ርጉፅን ምንቅስቓሳት ብተግባር የርእዩ፣ ዝራኣትዎ ምንቅስቓስ ብምቅዳሕ የርእዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ካብ ክፍሊ ወፃኢ ሒዘካ ብምውፃእ ብፍርቂ ክቢ ሰሪሖም ጠጠው ክብሉ ምግባር
- ህፃናት ናይ መምህር ኢድን እግርን ምንቅስቓስ ብምርኣይ መምህር ዝስርሖም ምንቅስቓስ ሓቢሮም ብማፅረ ክሰርሑ ምግባር
- ንኣብነት መምህር ቀስ ኢሎም ኣብ ዘለውዎ እንተዘሉ ህፃናት እውን ብምባል ምዝላል፣ እንትቕልጥፍ ምቕጣፍ፣ መምህር ቀስ ብምባል ብርግዓት ኣእዳዉ እንተንቀሳቕሱ ህፃናት እውን ብርግዓት ከንቀሳቕሱ ምግባር
- ብምቕፃል መምህር ቀስ ኢልኩም መኪናኹም ዘዉሩ እንትብሉ ብርግት ምዝዋርን ብቕልጣፈ ዘውሩ እንትብሉ ድማ ብቕልጣፈ ክዝዉሩ ብምግባር ቕልጥፉን ርግዑን ምንቅስቓስክርደኡ ምግባር
- ዓብይ ጎማ ተዛዊሩ/ተሽከርኪሩ ዝብል ፀወታ ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ፡- ቅልጡፉን ርጉፅን ምንቅስቓስ ብተግባር ዘርኣዩ ምዃኖምን ዝረኣትዎ ምንቅስቓስ ብትኽክል ምቅዳሖም ብምርኣይ ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ ፡- ምዝማድ ኣሰር እግሪ

ከወረቀት ላይ መገልበጥ

**ዒላማ፡-** ተመሳሳሊ ዝኾኑ ኣሰር እግሪ የዛምዱ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-** ካብ ረጊደ ክላሰር ወይ ካርቶ ዝተቐረፀ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ርጋፅ እግሪ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ካብ ረጊደ ክላሰር ወይ ካርቶ ዝተቐረፀ ኣሰር እግሪ ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነ ሕቶታት ብምሕታት ምምይያጥ
- ቡብጠረጴዛኦም ናይ ዝተፈላለዩ ምሰሊ ርጋፅ እግሪ ሰባት ብምዕዳል ዝመሳሰሉ ከዛምዱ ምግባር
- ኣዛሚዶም ምስወደኡ ንመምህር ከርእዩ ምግባር

**ተፍትሽ፡-** ተመሳሳሊ ምስሊ ኣሰር እግሪ ብምርኣይ ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
| --- | --- |
| 6. ስነ ስእልን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራተ ምፍጣር፣ ምድናቕን ባዕልካ ምግላፅን | 6.1 ብምውዳድ ምንቅስቓስ ዓይንን እዝንን ዝተፈላለዩ ነገራት ምስራሕ ይለማመዱ። |

ተግባር ሓደ ፡- ስእሊ ምስኣልን ሕብሪ ምልካይን ይህቡ።

ከወረቀት ላይ መገልበጥ

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ወረቓቕቲ፣ እርሳሳትን ሕብራዊ እርሳሳትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንሕድ ሕድ ህፃን ስእሊ መስኣሊ ወረቐት ብምሃብ ዝደለዮ ክስእልን ምስውድአ ሕብራዊ እርሳስ ተጠቒሙ ሕብሪ ክለክይ ምግባር
- ለኸዮም ምስወደኡ ንመምህር ብምርኣይ ዝሰኣልዎ ስእሊ እንታይነት ክዛረቡ ምብርባር፤
- ህፃናት እንትዛረቡ ኣብ ትሕቲ ዝሰኣልዎ ስያመ ምፅሓፍ
- ህፃናት ክረኣዮም ኣብ ዝኽእል ቦታ እቲ ወረቐቶም ምልጣፍ

ተፍትሽ፡- ዝደለይዎ ነገራት ምስኣሎምን ሕብሪ ምልካዮምን ከምእውን ንዝሰኣልዎ ስእሊ ስያመ ምሃቦምን ብምርኣይ ምርግጋፅ።


**ተግባር ክልተ ፦ መሰረታዊ ሕንፃፃትን ቅርፅታትን ምስራሕ**

ዒላማ፦ መሰረታዊ ሕንፃፃትን ቅርፅታትን ይሰርሑ።
ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦ ወረቐትን እርሳሳትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦

- ንምርኣይ ህፃናትምቕዊ ኣብ ዝኾነ ቦታ ጠጠው ብምባል ዝተፈላለዩ መሰረታዊ ሕንፃፃትን ቅርፅታትን እንዳሰራሕካ ምርኣይ



- ብምቕፃል ንህፃናት ወረቐትን ሕብራዊ እርሳሳትን ብምዕዳልዝረኣይዎ ክስርሑ ምግባር፣
- እንትሰርሑ እንዳዞርካ ብምርኣይ ምትብባዕ

> መዘከርታ ፦ እዚይ ተግባር ኣብ ዝተፈላለ ግዘ ክለማመድዎ የድሊ።

ተፍትሽ፦ ብምውዳድ ምንቅስቓስ ዓይንን እዝንን መሰረታዊ ሕንፃፃትን ቅርፅታትን መምስረሖም ብምርኣይ ምግምጋም።

ዒላማ፡- ወረቐት ጠቕሊልካ ቐለበት ብምስራሕ ንክፍሊ መመላከዒ ሰሪሖም የዳልዉ ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ቡብኣናእሽተይ ዝተቆራረፁ ሕብራዊ ወረቓቕቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ንህፃናት ዝረአይ ቦታ ጠጠው ብምባል ቡብኣናእሽተይ ወረቐት ዝተቆራረፁ ወረቐት ሓንቲ ወረቐት በምውሳድ ሓባሪ ኣፃብዕቲ ብምጥቕላል ጫፍ እቲ ወረቐት መጣበቒ ብምልካይ ቀለበት ምስራሕ
- ብምቕፃል ብቐለበት ቅርፂ ብዝተሰርሓ ወረቐት ካልእ ዝተቖረፀ ኣብ ውሽፁ ብምእታው ጫፉ ብመጣበቒ ክልተ ዝተተሓሐዙ ቐለበታት ምድላው
- በዚይ ዓይነት ሓሙሽተ ቀለበታት ብምስራሕ ህፃናት ንሳቶምእውን ክሰርሑ ዝደልዩ ምዃኖም ድሌቶም ብምሕታት ናይ ምስራሕ ድሌቶም ምልዕዓል
- እቲ ወረቐት ከመይ ክምዝጥቕልልዎን መጣበቒ ሓባሪ ኣፃብዕቶም ብንጥቃም ከመይ ክለኽዩ ከምዘለዎም ምግላፅ
- ንሕድ ሕደ ህፃን ሓሙሽተ ወረቐት ብምሃብ መምህር ዝስርሕዎ ብምርኣይ ክሰርሑ ምግባር
- እንትሰርሑ ሓገዝ ዘድልዮም ሓገዝ ምግባርን ምብርትታዕን
- እንትውድኡ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብምስቓል ክፍሎም ከማላክዑ ምግባር

ተፍትሽ፡- ወረቐት ብምጥቕላልን ብምጥባቕን ክፍሊ መመላከዕቲ ቐለበታት ምስራሕ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ ፡- ምስራሕ መመላከዒ ክፍሊ

ከወረቀት ላይ መገልበጥ



ተግባር ኣርባዕተ ፡- ምስራሕ ቅርፃ ቅርፂ ብዝተለወሰ ጭቃ ወይ ወረቐት

ከወረቀት ላይ መገልበጥ



ዒላማ፡- ካብ ዝተለወሰ ጭቃ ወይ ወረቐት ዝተፈላለዩ ነገራት ይሰርሑ።

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡- ዝተለወሰ ጭቃ ወይ ዝተለወሰ ወረቐት፣ ጠረጴዛ መሸፈኒ ላስቲክ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ህፃናት ንምርኣይ ምቹዊ ኣብ ዝኾነ ቦታ ብምኧን ዝተለወሰ ጭቃ ወይ ወረቐት ብምለህፃናት እይታ አመቺ ቦታ ላይ በመሆን የተቦካ ጭቃ ወይም ወረቀትን ብምኽባብን ብምጥቃዕን ምኅኅ፣ፃሕሊ ምስ መክደኑ፣ ፍንጃል ምስ መቐመጢኡ፣ብዩ ወዘተ ብምስራሕ ዘለዎም ስራሕ ድሌት ምልዕዓል
- ናይ ኅልፎን ሸሚዝን እጅገ ከመይ ክምዝዕፀፉ ብምርኣይ ናይ ባዕሎም ክዓፅፉ ምግባር
- ጠረጴዛኦም ብላስቲክ ክሸፍኑ ብምግባር ዝተለወሰ ጭቃ ወይ ወረቐት ብምሃብ ዝደለይዎ ክሰርሑ ምግባር
- እንትሰርሑ እንዳተዘዋወሩ ብምርኣይ ዝኸበዶም ሓበሬታ ብምሃብ ምብርትታዕ
- ሰሪሖም ምስወደኡ እንታይ ከምዝሰርሑ ብምሕታት ዝሰርሕዎ ስሞም ኣብ ወረቐት ብምፅሓፊ ለጢፍካ ክደርቕ ምግባር

ተፍትሽ፡- ካብ ዝተለወሰ ጭቃ ወይ ወረቐት ዝተፈላለዩ ነገራት ምስረሖም ብምርኣይን ዝሰረሕዎ ስራሕ ምዝራቦም ብምድማፅ ምርግጋፅ።



ተግባር ሓሙሽተ፡-ካብ ቆፅሊ መፃወቲ ምስራሕ

ከወረቀት ላይ መገልበጥ

**ዒላማ፦** ናይ ኣዕንትትን ኣእዳውን ምንቅስቓስ ብምውዳድ ካብ ቆፅሊ መፃወቲ ይሰርሑ።

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦** ዝነቐፁ ቆፅልታት ቀላምጦስ፣ ግልጋሎት ዝሃቡ ካርድታት ሞባይል

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ህፃናት ካብ ክፍሊ ናብ ደገ ሒዝካ ብምውፃእ ብፍርቂ ክቢ ሰሪሖም ጠጠው ክብሉ ብምግባር ካብ ዝደረቐ ቆፅሊ ቃላምጦስ ዘዋሪት/ሽክርክሪት ብምስራሕ ብሓይሊ ንፋስ ከመይ ከምትዘውር/ከምትሽክርከር ምርኣይን ህፃናት እውን ምስራሕ ዝደልዩ ምዃኖም ብምርኣይ ምብርባር
- ንሕድ ሕድ ህፃን ቆፅሊ ቀላምጦስ ብምሃብ መምህር ብምስዓብ ክሰርሑ ምግባርን ምስወደኡ እናጎየዩ ብምዝዋር/ብምሽክርካር ክፃወቱ ምግባር
- ተፃዊቶም ምስወደኡ እንታይ ከምዝስርሑን ዝሰርሕዎ መፃወቲ ጠጠው ምስበሉ ንምንታይ ዘይዛውር/ከምዘይሽክርከር ብምጥያቕ ብቆፅሊ ዝሰርሐ ዘዋሪት/አሽከርክሪት ዝዛወር/ ዝሽክርከር ንፋስ እንትርክብ ጥራሕ ከምዝኾነ ብዘለዉዎ ብርኪ ክርደኡ ምግባር

> **መዘከር፦** ቆፀሊ ቃላምጦሰ ኣብ ቀፅሮም እንተዘይ ተረኺቡ ካብ ካልእ ከባቢ ብምእላሽ ወይ ኣብ ግልጋሎት ዝዋዓለ ካርዲ ሞባይል ብምምፃእ ብምዕፃፍ ዘዋሪት/እሽከርክሪት ብምስራሕ ክፃወቱ ምግባር።

**ተፍትሽ፦** ምንቅስቓስ ኣዕንትትን ኣእዳውን ብምውዳድ ካብ ቆፅሊ መፃወቲ ብምስራሕ ምፅዋቶም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

## **2.5.5** መርኣይ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

1 ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ -----------------------------------------------------

ስም ህፃን ------------------------------------------ ዕድመ -------------- ፆታ --------

ስም መምህር-------------------------------------------- ዓመተ ምሕረት -------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት፡-

1/ ምምሕያሽ ዘድልዮ ---------------------------------------------------------------

2/ ዝተዓለመ ብቕዓት ዝተረኸበሉ ---------------------------------------------------

3/ ካብ ዝተዓለመ ንላዕሊ ዝተኸበሉ -------------------------------------------------

መተሓሳሰቢ፡- ሰደቓ ክትትል ኣብ ዓመት መጀመርያ፣ኣብ ፍርቂ ዓመትን ኣብ መወዳእታ ዓመትን ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመሪያ ዓመት | ፍርቂ ዓመት | መወዳእታ ዓመት |

| | | | |
|---|---|---|---|
| **1. ከባቢኻ ምፍታሽን ምፍላጥን** | | | |
| 1.1. ብዛዕባ መንበሪ ገዛኦምን ኣብ ገዛኦም ዝርከቡ ኣቑሑትን ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 1.2. ኣብ ገዛኦምን ከባቢኦምን ዘለዉ ሰባት፣እንስሳት፣ተኽልታት፣ኣቑሑት፣ነፍሳትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| 1.3. ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዝርከቡ ሰባት፣መፃወቲታትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| **2. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምፍለጥን ምድናቕን** | | | |
| 2.1. ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| | | | |
| 3. ከባቢኦም ከመይ ምክንኻን ከምዝኽእሉ ምፍላጥን ምክንኻንን | | | |
| 3.1. ገዛኦምን ከባቢኦምን ሜላታት/መንገዲታትምፅራይ ምሕባር ይኽእሉ | | | |
| **4. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ምውሳድን** | | | |
| 4.1. ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሓደገኛ ነገራትን ኩነታትን ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| **5. ኣምር ምንቅስቓስ ምርዳእን ፈተነ ምግባርን** | | | |
| 5.1. ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ናይ ነገራት ምንቅስቓስ ምግላፅ ይኽእሉ | | | |
| **6. ብስነ ስዕልን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር፣ምድናቕን ባዕልኻ ምግላፅን** | | | |
| 6.1. ብምውዳድ ናይ ዓይንን ኣእዳውን ምንቅስቓስ ዝተፈላለዩ ነገራት ምስራሕ ይለማመዱ | | | |

## ልጋብ

| መዝሙር | ፀዋታ | ዛንታ/ነበረያ ነበረ |
|---|---|---|
| 1. ኣነ ህፃን እየ<br>2. ኣነ ንእሽተይ ህፃን እየ<br>3. ብዛዕባ ጣዕሚ<br>4. ኣናእሽተይ ክፍሊ ኣካላት  ሰዉነት<br>5. ንእሽተይ ኣፈይ<br>6. ምምማፅ ስኒ ከምዚ እዩ<br>7. ፅርየተይ ክሕልይ እየ<br>8. ዒፍ ክኸውን እየ<br>9. ብንጉሆ ተሲአ<br>10. ምሕፃብ ገፅካ<br>11. ሓሳዊ ጓሳ<br>12. ጉራኛ ማንቲለ<br>13. ነበረያ ነበረ<br>14. መን እየ<br>15. ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ<br>16. ገዛይ ገዛይ<br>17. ኣብ ልዕሊ ሓደ ሓደ ወሲኽ<br>18. ተለላ ቁፅሪ<br>19. ዓሰርተ ቆፃል ጠራሚዝ<br>20. ብንጉሆ ተሲአ<br>21. ማዓልቲታት ሰሙን መነ መን እዮም<br>22. ባንደራና<br>23. ህፃናት ህፃናት በጃኹም<br>24. ሓደገኛ ነገራት<br>25. ንፋዕ ተምሃራይ<br>26. መዓልቲ ወለዲ | 1. ቕብብል በትሪ<br>2. መን ቐዲሙ ይበትኽ<br>3. ምምንዛዕ ጭራ<br>4. ንእሽተይ ጎማ<br>5. ዒፍ ክኸውን እየ<br>6. ኣቦይ ዝብኢ<br>7. ቆፃል ቆፃል<br>8. ኣለሻ ወንበር<br>9. ምፍላጥ ፀዋዒኻ<br>10. ጥዒምካ ፍለጥ<br>11. ታኣምረኛ ከረፂት<br>12. መንዲለይ ዶ ሪኢኹም<br>13. ቐዲሙ ዝኸደን መን እዩ<br>14. መራሒካ ምፍላጥ<br>15. ምፍፃም ትእዛዝ<br>16. ክትወፅእ ኢላ ክትውዕእ ኢላ<br>17. ምእላሽ ምሓዛ<br>18. ዝጎደለ ምምላእ<br>19. ጣቕዒት ምስ ቁፅሪ ምዝማድ<br>20. ምዕቃን ፀወታ<br>21. እንታይ መዓዝ ይግበር<br>22. እንታይ መዓዝ ከም ዘሎ ምፍላጥ<br>23. መብራህቲ መንገዲ ትራፊክ | 1. ንእሹተይ  ዮናስ<br>2. ዒዋልን ድሙን<br>3. ኪሮስ ሓላዊ በረ<br>4. መን ይበልፅ<br>5. ድሙን ከልብን<br>6. ነፋሪ ዕምበባ<br>7. ጃምቦን ኩባያን |

## መዝሙር

**1.** <u>ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና</u>

### አባሪ

ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና

ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና

ክንዛወር ኢና

ምዝዋር ንኽእል ኢና

ክንስዕስዕ ኢና

**2.** <u>ዓይኒ ኣለኒ ንምርኣይ</u>

ዓይኒ ኣለኒ ይርእይ

ዓይኒ ኣለኒ ይርእይ

ከባቢአይ የስተውዕል

ኣብ መንገዲ ኣይባኣስን

ኣስተውዒለ ይኸይድ ናብ ገዛይ

**3.** <u>ጨና ዝገልፅ ተለላ</u>

ጨይንኒ ጨና ሎሚን

ጨይንኒ ጨና ሎሚን

ጨና ኣብ መጉሓፊ ጉሓፋት

ንህፃናት ይስዕብ ሕማማት

ንርሓቕ ንርሓቕ ካብ ጉሓፋት

ከይሕዘና ሕማም ስዓል

**4.** <u>ዒዋልን ድሙን</u>

4. ዒዋልን ድሙን

ትህምርቲ ትምርቲ

ናይ ዓለም መብራህቲ

ሓደ ክልተ

ክፊልጥ ሓቲተ

ሰለስተ ኣርባዐተ

ንፃወት ንዛተ

ሓሙሽተ ሽዱሽተ

ኣነንጭዋ ርእየ ዘይሞተ

ሸዉዓተ ሸሞንተ

ፀፋር ምኻኑ ተመልኪተ

ትሽዓተ ዓሰርተ

ባዕለይ ተዓዊተ /2 ግዘ/

**5.** <u>ሃሎ ሃሎ</u>

ሃሎ ሃሎ ዳሕን ዶ ውዒልካ መሓዛይ?

ተማሂረ መፂአ ናብ ገዛይ

ንስኻ ከ ከመይ ኣለኻ ?

**6.** <u>ኣናዕሽተይ ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ</u>

ሓደ ክልተ ሰለስተ ኣናእሽተይ ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ

ኣርባዕተ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ኣናእሽተይ ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ

ሸውዓተ ሸሞንተ ትሽዓንተ  ኣናእሽተይ ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ

ዓሰርተ ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ

**7.** <u>ወሃብቲ ግልጋሎት ቦታታት</u>

ኣደይ ስርናይ ክተጥሕን

ከይዳ ንእንዳ መጥሓን

ኣጥሒና እንትትመፅእ ንገዛ

ኣቦይ ካብ ስራሕ መፅአ

ሓደ ማልቲ

ከብይ ሓመምኩ

ሕክምና ከድኩ

ሓኪሚ እንታይ ኮይንኻ በለኒ

ኢድካ ከይትሓፀብኻ

ከይትበልዕ ምግብኻ

ሕራይ በልክዎ ኣነ እውን

ካልኣይ ግዘ ከይተሓፀብኩ ኣይበልዕን በልኩ

**2.** <u>ብሕብረት ምፅራይ</u>

ኣናእሽተይ ህፃናት ብሕብረት

ክፍልና ነፅርይ ብሓድነት

ምሰ ወዳእና ኣፅርይና

ብሳሙና ንተሓፀብ ኢድና

**9.** <u>ብምንታይ እንታይ ንገብር ?</u>

መምህር ንርእይ እንትብሉ /ብዜማ/

ህፃናት ብዓይንና ይብሉ /ብዜማ/

መምህር ንጎይይ /ብመልክዕ ጉያ ብዜማ/

ህፃናት ብእግርና

መምህር ንሰምዕ

ህፃናት ብእዝና

መምህር ንጥዕም

ህፃናት ብመልሓስና

መምህር ነጭኒ

ህፃናት ብኣፍንጫና ወዘተ.....

**10.** <u>ቀስ ብቐስ እታ ሳሬት</u>

ቀስ ብቐስ እታ ሳሬት

ናብ ላዕሊ ናብ ላዕሊ

ንፋስ ነፊሱ ናብዚ ናብዚ ኣበላ

ዝናብ ወቒዑ ንታሕቲ ንታሕቲ ኣውደቓ

**11.** <u>ከም ዖም እውዝወዝ</u>

ከም ዖም እውዝወዝ

ከም ዒፍ እነፍር

ክም ፈንጣ እነጥር ወዘተ.....

**12.** <u>ዒፍ ክኸውን እየ</u>

ዒፊ ክኸውን

ብኣየር ይነፍር

ብልዕሊ ኣእዋም

ናብ ላዕሊ ናብ ላዕሊ

ዕምብላሊዕ ክኸወን እየ

ብኣየር ይነፍር

ብልዕሊ ዕምበባባታት

ናብ ላዕሊ ናብ ላዕሊ

**13.** ጉረኛ ማንቲለ

ጉረኛ ማንቲለ ሓፈረ

ፃዕራም ኣባ ጎበዮ ኸበረ

ማንቲለ እንትነዝሕ ጉርኡጥንቸል ጉረኛው ሲነዛ ጉራ

ኣባ ጎበዮ ቐደሞ ብተስፋ ገይዩ

ኣጣቐዑ ዳያኑ እንስሳት

ብኣባ ጎበዮ ኾርዑ ወሰዱ ትምህርቲ

**14.** እንሰሳት ዘቤት ምዝማር ይኽእሉ

እንስሳት ዘቤት ምዝማር ይኽእሉ /2/

ድሙ ትዝምር እያ ትድንስ እያ

እንስሳት ዘቤት ምዝማር ይኽእሉ /2/

ከልቢ እንታይ በለ እንታይ እንታይ በለ?

እንስሳት ዘቤት ምዝማር ይኽእሉ /2//

ደርሆ ኸ እንታይ በለ እንታይ እንታይ በለ?

እወ እወ እንታይ እንታይ እንዳበሉ?

ሚያው ሚያው ሚያው እናበለት

እወ እወ እንታይ እንታይ እንዳበሉ?

ውሕ ውሕ በለ ዓፅሚ እንዳፈሓቐ

እወ እወ እንታይ እንታይ እንዳበሉ?

ኲኲዒት ኲኲዒትሉ በለ ብሓፁር

ዘለለ

**15.** ሕጉስ ዝኾነ

ሕጉስ ዝኾነ ዘጣቐዐ

ሕጉስ ዝኾነ ዝዘለለ

ሕጉስ ዝኾነ ዝተሓገሰ

ዱብ ዱብ ብምባል ይገልፅ

**16.** ኢድ ምሕፃብ ከምዚ እዩ

ኢድ ምሕፃብ ከምዚ እዩ ከምዚ እዩ

ገፅ ምሕፃብ ከምዙይ እዩ ከምዚ እዩ

ፀጉሪ ምስንታር ከምዙይ እዩ ከምዙይ እዩ ወዘተ.....

**17.** ሓሙሽተ ሙዝ አለኒ

ሓሙሽተ ሙዝ ኣለዋኒ ንመን ክህቦ?

ንሃና ሂበ ኣርባዕተ ተረፉ

ንሄኖ ሂበ ሰለስተ ተረፉኒ

ንእስቴር ሂበ ክልተ ተሪፉኒ

ንእሹ ሂበ ሓንቲ ተሪፋትኒ

ንባዕለይ ሓንቲ ወሲደ ክንደይ ይተሪፉኒ?

**18.** <u>ንእሽተይ ንእሽተይ ኣዕዋፍ</u>

ሓደ ክልተ ሰለስተ ንእሽተይ ንእሽተይ ኣዕዋፍ

ኣርባዕተ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ንእሽተይ ንእሽተይ ኣዕዋፍ

ሸውዓተ ሸሞንተ ትሽዓንተ ንእሽተይ ንእሽተይ ኣዕዋፍ

ዓሰርተ ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ

**19.** <u>ሓሙሽተ ኣካላት ስምዒት</u>

ሓሙሽተ ሓሙሽተ ኣካላት ስምዒት

ሓሙሽተ ሓሙሽተ ኣካላት ስምዒት

ዓይኒ እፍንጫ (**×2)**

መልሓስ እዝኒ (**×2)**

ቆርበትና እዩም። (**×2)**

ብዓይኒ ይርእይ (**×2)**

ብእዝኒ ይሰምዕ (**×2)**

ብኣፍንጫ የጭኒ (**×2)**

ብመልሓሰ ይጥዕም (×2)

ብቆረበት ይድህስስ (×2)

ፍለጡለይ ፍለጡለይ

ስምዒት ኣካላተይ!

**20.** <u>ኩልሻብ</u>

ኩልሻብ ንጉሆ ተሲአ

ገፀይ ተሓፂበ

ቁርሰይ በሊዐ

ኩሉሻብ ክምዚ እየ ዝገብር ኣነ

**21.** <u>ምኻድ ናብ ድኳን **(**ምልላይ ቦታታት ወሃብቲ ግልጋሎት )</u>

| | |
|---|---|
| ኣነ ምስ ኣደይ ናብ ድኳን ክኸይድ እየ | ክኸይድ እየ |
| ኣነ ምስ ኣቦይ ናብ ድኳን ክኸይድ እየ | ክኸይድ እየ |
| ከይደ ብስኩት ክገዝእ እየ | ክገዝእ እየ |
| ከይደ ደፍተር ክገዝእ እየ | ክገዝእ እየ |
| ተመሊሰ ናብ ገዛይ ክመፅእ እየ | ክመፅእየ እየ |
| ኣነ ናብ ሕክምና ምስ ኣደይ ክኸይድ እየ | ክኸይድ እየ |
| ከይደ ሕማመይ ክሕከም እየ | ክሕከም እየ |
| ተመሊሰ ድሒነ ናብ ገዛ ክመፅእ እየ | ክመፅእ እየ |

## 22. <u>ኣናአሸተይ ወረቐት</u>

ኣናእሸተይ ወረቐት
ኣናእሸተይ ወረቐት
ወዲቆም ኣብ ምድርበት
ክፍልና ኣበላሽዮም ኣርሲሖም
ክንኣርዮም ይግባእ ኩሎም

## 23. <u>ንፉዕ ተምሃራይ</u>

ንፉዕ ተምሃራይ ብጣዕሚ ንቁሕ እዩ
መንገዲ እንተጉዓዝ እንዳሰተውዓለ እዩ
መኪና እንትመፅእ ብርሑቕ ይርእይ
መንገዲ እንትጉዓዝ ፀጋሙ ሒዙ እዩ

## 24. <u>ዒፍ</u>

ዒፍ ኣበይ እዩ ገዛኺ?
ትኣትዊ ዘይርኺ
ብሰማይ እንትበሪ
ቀንጢስኪ ሳዕሪ
ገዛኺ ክትሰርሒ
ምኻኑ ፊሊጠ
ለካስ መዕረፍን መደቀስን

**25.** <u>ኣነ ህፃን እየ</u>

ኣነ ህፃን እየ

ኩሉ ሰብ ይፈትወኒ

ኣነ ዝፈትው ፀወታ

ብሻሕተታ መሳልል ሸክርክርታ

ምድያብ ምውራድ ዝህበካ ደስታ

**26.** <u>ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት</u>

ብኣእዳወይ የጣቕዕ /ጨብ ፣ ጨብ/

ብእግረይ እዘልል /ዝል፣ ዝል/

ብኣዕንተይ እርእይ / ብርሑቕ ዓይንኻ ፅልል ኣቢልካ እትርእይ ምምሳል/

ብክሳደይ ኢድ ይነስእ /ኢድ ምንሳእ/

ብኣፍንጫይ የጭኑ /ከም ምጭናው ኣየር ምስሓብ/

**27.** <u>ኣነ እንታይ ኣለኒ</u>

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ

ኣናእሸተይ ክፍሊ ኣካላት  ኣካላት ኣለውኒ

መሰጎሚ ኣናእሸተይ እግረ ኣለውኒ

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ

መፃወቲ ኣናእሸተይ ኣእዳው ኣለውኒ

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ

ዝርእየሎም ኣናእሸተይ ኣዕንቲ ኣለውኒ

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ

ዝሰምዐሎም ኣናእሸተይ እዝኒ ኣለውኒ

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ_

**28.** <u>ንእሸተይ ኣፈይ</u>

ንእሸተይ ኣፈይ ኣበይ ኣለኺ?

ኣብዚ እየ ኣብዙይ እየ ከመይ ኣለኹም

ፃዕዳ ኣስናነይ  ኣበይ ኣለኹም?

ኣብዚ እየ ኣብዙይ እየ ከመይ ኣለኹም

ቀይሕ መልሓሰይ ኣበይ ኣለኺ?

ኣብዚ እየ ኣብዙይ እየ ከመይ ኣለኹም

ኣናእሽተይ ከናፍረይ ኣበይ ኣለኹም?

ኣብዚ እየ ኣብዙይ እየ ከመይ ኣለኹም

**29.** መዝሙር ምጥዓም

ስኳር ጥዑም እዩ

ቒሓምኒ ቒሓምኒ ይብለካ

ማዓር ጥዑም እዩ

ልሓሱኒ ልሓሱኒ ይብለካ

ሎሚን መፂፅ እዩ

ትፍታፍካ የምፅእ

**30.** መንዲለይ ዶ ርኢኹም

መንዲሎይ ዶ ርኢኹም? /እንትብል/

ኣይረኣናን /ህፃናት ይብሉ/

እዚአ እንታይ እያ? /ህፃን/

ኩዕሶ ድሙና እያ /ህፃናት/

ምርኣይ የለን፣ /ህፃን/

ሃሰስ ምባል የለን /ህፃናት ይብሉ/

**31.** ንጉሆ ተሲአ

ንጉሆ ተሲአ

ገፀይ ተሓፂበ

ቁርሰይ በሊዐ

ክኸይድ ቤት ትምህርቲ

ቦርሳይ ተሐንጊጠ

**32.** ውሓሳዪ ጓሳ

ሓሳይ ጓሳ

ኩልሻብ  ልማደኛ
ብኺርያ መፂኣትኒ
ኣባጊዐይ በሊዓትለይ
እንዳበለ ኩልሻብ
እንትቐልደ እንተሸግር
በዚ ስራሕቱ
ድማ ብሕሶቱ
ኩሉሰብ ኣምሪሩ
ሓደ ማዓልቲ ብኺርያ
ብሃንደበት መፂኡ
ኣባጊዑ በሊዕሉ *2
ሓሳዊ ጓሳ
ኩልሻብ ልማደኛ
ኡይ እንዳበለ መፅአ
ዝሕግዞ ሰኣነ ብሕማቕ ተግባሩ*2

## 33. <u>ነበረያ ነበረ</u>

ነበረያ ነበረ

እንታይ ነበረ

ካብ መዓልቲታት ሓደ

ሓንቲ ውዓግ

ለቆታ ማዓረ ሰረቓ

ኣእዳዋ ኣእትያ እንዳለሓሰት

ዋላ ሓነቲ ከየትረፈት

ከብዳ ተነፊሓ ምኻድ ምስ ኣበያ

ሃነደበት መፅአ ብዓል ማዓረ

ኣእዳዋ ኣሰራ ንድሕሪት

ገረፉ ገረፉ ብዝሓዞ በትሪ

ውዓግ ተፈለጣ ስሕተታ

ናይቲ ስብኣይ ምዓር ብምስራቓ

ኣይለምደንን ካብ ድሕሪ ሐዚ ብምባል በኸየት

ብምስራቓ ተጣዒሰት

 እዚአ ነበረያ ነበረ ዝረሰዐ

ኣጅቦን ጠስምን ኣይወሓጦ

**34.** ገዛይ ገዛይ

ገዛይ ገዛይ ብምንታይ ፀቢቑ ? /ባምቡላ/

ብዝተፈላለዩ ሕብርታት /ህፃናት/

ብምንታይ ብምንታይ ሕብርታት ? /ባምቡላ/

መንድቁ ብብጫ ፣ ምድርበቱ ብቀይሕ፣ናሕሱ ብቆፃል እዩ/ህፃናት/

ደስ ኢሉኒ /2/ የቐንየለይ።

**35.** ግጥሚ ንሕብሪ

ሰማይ ሰማያዊ - ሳዕሪ ቆፃል እዩ

ሓዊ ቀይሕ እንትኸውን -- ገልገለ መስቀል ቢጫ እዩ

ብጣዕሚ ነስተውዕል ህፃናት ከይንርስዕ

**36.** ህፃናት ህፃናት ስሙዕኒ በይዛኹም

ህፃናት ህፃናት ህፃናት በይዛኹም

ስምዑኒ በይዛኹም ኣብ ዝኾነ ቦታ ጓሓፍ ኣይተደብርዩ

ሕማም የምፅኡ፣እንተተታሒዝና ብሕማም

ንተርፍ ካብ ማዓዲ ትምህረቲ

ኣይህልዉን እቲ ጥዑም ፃዉቲ

**37.** ሓደገኛ ነገራት/ግጥሚም/

ክብሪትን ላማን መፃወቲ ኣይኮኑን

ካብ ጎንና ይርሓቑ ኣይጠቅሙናን

ተፈተውቲ ንዓና ዝጠቕሙ

ኩዕሶታት ባምቡላታት እዮም

ሃቡና ንዓና

ንሕና ንፈትዎም ኢና

**38.** መዓልቲ ወለዲ

ንዓና ትፈትው ሰባት በይዛኻትኹም

መሰልና ኣኽብርልና ባዕልኩም ኣኽቢርኩም

እንትንጋገ  ካብ ምኽሩን ካብ ምውቓዕን

ካብ ምፅራፍ ይበልፅ ምምሃር

ይግበእና እኮ እዩ ዋላ ህፃን ንኹን

በይዛኹም ኣይትኸልክሉና እንትንጫወት

ንዝለል ንፃወት ንድስት

ግዜና እዩ ምዝላል ምፅዋት

ተፈቒድሉና ነይርኩም መስልና ምኺኑ እንተትፈልጡ

**2.1.5** መርኣይ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ---------------------------- ጉጅለ--------------

ስም ህፃን--------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር-----------------------------ግምገማ ዝተኸየደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን----------------------------------
2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ አይበፅሐን/ትን-------------------------
3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቓ ክትትል በብወርሒ መወዳእታ ክምላእ ይግበእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | **2** | 3 |
| **1.** ንባዕልኻ ምግንዛብ፣ብባልኻ ምትእምማንን ናይ ባልኻ ስምዒት ምኽባርን ምህላው | | | |
| 1.1 ስሞም፣ዕድሜኦምን ፆቶኦምን ምዝራብ ይኽእሉ<br>• ስሞም፣ዕድሜኦምን ፆቶኦምን ምዝራብ መኽኣል | | | |
| 1.2 ሓዲሽ መሓዛን ምርካብን ምሕዝነት ምምስራትን ይኽእሉ<br>• ሓዲሽ መሓዛ ምፍላጥን ምምስራትን ምጅማር | | | |
| **2.** ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ምፍላይን ረብሓኦም ምዝራብን | | | |
| 2.1 ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ምፅዋዕ ይኽእሉ<br>• ክፍሊ ኣካላት ሰውነት እንትሕተቱ ምርኣይን ስሞም ምፅዋዕን ምኽኣል | | | |
| 2.2 ብዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ዝፍፀሙ ተግባራት ምዝራብ ይኽእሉ<br>• ብዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰውነቶም ዝፍፀዎም ተግባራት ምፍላጥ ምኽኣል | | | |
| **3.** ምክንኻን ኣዕንቲ | | | |
| 3.1 ኣዕንቶም ምክንኻን ይሽእሉ<br>• ረብሓ ዓይኒ ምርዳእን ምዝራብን ምኽኣል | | | |
| **4.** ምክንኻን እዝኒ | | | |
| 4.1 እዝኖም ምክንኻን ይኽእሉ<br>• ምልካይ ሕብረ ስእሊ እዝንን ብዛዕባ ዝለኸይዎ ስእሊ እዝኒ እንታይነት ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| **5.** ኣካላት ስምዒት ምጭናው ምጥቃምን ምክንኻን ኣፍንጫን | | | |
| 5.1 ብምጭናው ናይ ዝተፈላለዩ ነገራት ጨና ምፍላይ ይኽእሉ<br>• ረብሓ ኣፍንጫ ምዝራብ ምኽኣልን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ጨናታት ንምግላፅ ምፍታን | | | |
| **6.** ኣካል ስምዒት ምጥዓም ምጥቃምን ምክንኻን ኣፍን | | | |
| 6.1 ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘለዎም ምግብታት ምፍላይን ምዝራብ ምኽኣልን<br>• መልሓሳ ኣበይ ከምዝርከብ ምዝራብ ምኽኣልን ስእሊ መልሓስ ኣግባብነት | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ዘለዎ ሕብረ ምልኻይ ምኽኣል | | | |
| 6.2 ኣፎም ብጥንቃቑን ብምክንኻን ምትሓዝ ይኽእሉ<br>• ረብሓ ስኒ ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| **7.** ብምድህሳስ ነገራትን ኩነታትን ምግላፅ | | | |
| 7.1 ብምድህሳስ ውዕይን ዝሑልን ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| **8.** ስርዓት ኣተሓላልዋ ጥዕናን ምክንኻን ከባቢን ምልምማድ | | | |
| 8.1 ስርዓት ኣመጋግባ ይለማመዱ<br>• ስርዓት ዘለዎ ኣመጋግባ ምፍላጥ ምኽኣል | | | |
| **9.** ኣካላትካ ብጥንቃቐ ምሓዝን ምንኩብኻብ | | | |
| 9.1 ኣካላቶም ምሕላውን ብምክንኻን ምትሓዝ ይኽእሉ<br>• ኣብ ኣካላቶም ጉድኣት ኩብፅሑ ዝኽእሉ ነገራት ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| **10.** ዓበይትን ኣናእሽተይን ጭዋዳታት ምጥቃም | | | |
| 10.1 ክፍሊ ኣካላት ሰብነቶም ንዝተፈላለየ ተግባራት ምጥቃም ይኽእሉ<br>• ሚዛን ሰብነቶም ብምሕላው ምስዳር ምኽኣል | | | |
| **11.** ብነፃነት ምህዞታት ምግላፅ | | | |
| 11.1 ኣካላቶም ብምጥቃም ሃሳባቶም ይገልፁ<br>• መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ምዝማር ምኽኣል | | | |

### **2.2.5** መርኣይ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ------------------------------ ጉጅለ--------------

ስም ህፃን---------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር------------------------------ግምገማ ዝተኻያደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን----------------------------------
2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ አይበፅሐን/ትን--------------------------
3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቓ ክትትል ቡብወርሑ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| 1. ኣብ ከባቢ ዘለዉ ሰባት ብምዕዛብ ናይ ምፍላጥ ድሌት ምሕዳር ምፍላይ | | | |
| 1.1 ሓቢሮምዎም ዝፃወቱን ኣብ ጥቐኦም ዝረኽብዎም ሰባት ብስም ምፅዋዕ ይኽእሉ/ምሓዛ ፣<br>ወለድን ሓብሓብትን/ ሓቢሮምዎም ዝፃወቱ ህፃናት ብመልክዕን ብስምን ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| 1.2 ተቀባልነት ዘለዎ ባህሪ ምርኣይን ሓቢሮም ምፅዋት ይኽእሉ<br>ሓሳቦም ኣብ ዝገልፅሉ እዋን ግቡእ ናይ ኣዘራርባ ስርዓት ብምስዓብ ምዝራብ ምልማድ ምኽኣል | | | |
| 1.2 ብዛዕባ ማሓዘኦምን ሓቢሮምዎም ዝውዕሉ ሰባት ምግላፅ ይኽእሉ<br>ኣባላት ስድራ ቤት ምፍላይን ምግላፅን ምኽኣል | | | |
| 2. ጥንቃቑን ምሕብሓብን ዝገብሩሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ምፍላጥ | | | |
| 2.1 ብዛዕባ ዝጥንቀቑሎምን ዝሕብሕበዎምን ሰባት ምዝራብ ይኽእሉ፣ ወለዶምን መምህራኖምን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 3. ንካልኦት ምክንኻንን ዘለካ ነገር ምምቃልን | | | |
| 3.1 ኣብ ጉጅለ ስራሕ ምስታፍ ይለማመዱ<br>ምስ ካልኦት ብሓባር ተረዳዲእካ ምስራሕ ምኽኣል | | | |

**2.3.5** *መርኣይ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ*

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ------------------------------ ጉጅለ--------------

ስም ህፃን----------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር-------------------------------ግምገማ ዝተኻያደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን------------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ አይበፅሐን/ትን--------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን-----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦- ሰደቓ ክትትል በብወርሑ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | **2** | 3 |
| **1.** መረዳእታት ብግቡእ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ መልሲ ምሃብ | | | |
| 1.1 ንዝተፈላለዩ ድምፅታትን ትእዛዛትን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ<br>• ዝስምዐዎ ድምፂ ኣምስልካ ምድማፅ ይምኽኣል | | | |
| 1.2 ዝተፈላለዩ ድምፅታት ብምድማፅ ምፍላይን ኣንፈቶም ምሕባር ትኽእሉ<br>• ኣንፈት ድምፂ ብምስዓብ ነገራት ኣልሽካ ምርካብ ምኽኣል | | | |
| 1.3 ሓፀርቲ ዛንታታትን መዝሙራትን ብምደማፅ መሊሶም ምዝራብን ምዝማርን ይኽእሉ<br>• ዛንታ ኣዳሚፆም ካብቲ ዛንታ ዝወፅኡ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ምሃብ ምኽኣል | | | |
| **2.** ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ብዓርሰኻ ምትእምማን ብግቡእን ትርጉም ክህብ ዝኽእል ዝርርብ ን ቋንቋ ምልክትን ምርድዳእ | | | |
| 2.1 ቀለልቲ ትእዛዛትን መምርሕታትን ምስዓብ ይኽእሉ<br>• "ዒፍ ክኸውን እየ" ን "ባምቡላ" ዝብል መዝሙር ምስ ምንቅስቓስ ኣካል ብምውዳድ ምዝማር ምኽኣል | | | |
| **3.** ብምንባብ ሓሳስን ፍልጠትን ምርካብን ምርድእን | | | |
| 3.1 ስእልታትን ቅርፅታትን ብምርኣይ ምፍላይ ይኽእሉ<br>• ተመሳሳሊ ነገራት ምፍላይን ምዝማድን ምኽኣል | | | |
| **4.**ምውዳድ ምንቅስቓስ ዓይኒን ኢድን ብምምዕባል ንፅሑፍ ምድላው | | | |
| 4.1 ብምውዳድ ዓይንን ኣእዳውን ምንቅስቓስ ይለማመዱ<br>• ስእልታት ሕብሪ ምልካይን ዝለኸይዎ ስእሊ እንታይነት ምዝራብ ምኽኣል | | | |

## 2.4.5 መ ርኣይ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ----------------------------- ጉጅለ--------------

ስም ህፃን---------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር------------------------------ግምገማ ዝተኸያደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን-----------------------------------
2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ አይበፅሐን/ትን--------------------------
3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን------------------------------------

መተሓሳሰቢ፡- ሰደቓ ክትትል በብወርሒ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ፡፡

| ሽቶ | ምልከታ |
|---|---|

| | 1 | **2** | 3 |
|---|---|---|---|
| **1.** ብምፍታሽ ባህሪ ኣቕሑ ምርዳእን ምፍላይን | | | |
| 1.1 . ነገራት ብዓይነትን ብቕደመ ስዓብን ምቕማጥ ይኽእል<br>• ክቢ፣ስሉስ ጎንን ትርብዒትን ዝበሉ ቅርፅታት መፀወዒ ስም ምፍላጥ | | | |
| **2.** ነገራት ብባህርኦም መሰረት ምውድዳር | | | |
| 2.1. ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ቅደም ስዓብ ብምሕላው መልክዕ ምትሓዝ ይኽእሉ<br>• ኣቕሑት ብምጠኖም ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| **3.** ቁጥሮችን ማስተዋወቅ፣ መግለፂ፣ ዝምድናቸውን መረዳት እና ቀላል ስሌቶችን መስራት | | | |
| 3.1. ርክብ ሓደ ንሓደ ምርኣይ ይኽእል<br>• ተመሳሰልቲ ነገራት ሕብሪ ብምልካይ ምዝማድ ምኽኣል | | | |
| 3.2. ኣቑሑ ምቑፃር ይኽእሉ<br>• ካብ 1-10 ዘለዉ ቁፅርታት ብቅደም ስዓብ ምቁፃር ምኽኣል | | | |
| 3.3. በዝሒ ምውሳኽን ምንካይን ይኽእሉ<br>• ብደረጃኦመ ናይ ምድማር/ ምውሳኽ/ ኣምርምርዳእ ምኽኣል | | | |
| **4.** ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ዝኾኑ መለከዒ መስፈርትታተን መሳርሕታትን ምጥቃም | | | |
| 4.1. ኣብ መንጎ ክልተ ኣቑሑ ዝርኣ ናይ መጠን ኣፈላላይ ምዝራብ ይኽእሉ<br>• ናይ ኣቑሑ መጠን ነዊሕን ሓፂርነ ብምባል ምግላፅ ምኽኣል | | | |
| **5.** ኣምር ግዘ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃምን | | | |
| 5.1. ቡብኣዋኑ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይን ምስዓብን ይጅመሩ<br>• ስእሊ ብንምርኣይ ቡብዕለቱ ዝፍፀሙ ተግባራት ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| **6.** ኣምር ቦታ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃምን | | | |
| 6.1. ስባትን ነገራት መሰረት ብምግባር ቦታን ርሕቐትን ምግላፅ ይኽእሉ<br>• ናይ ቦታ ገለፅቲ ቃላት ላዕሊ ታሕቲ ዝብሉ ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| **7.** ምፍላጥ ገንዘብ፣ ምፍላይ፣ምግላፅን ምጥቃምን | | | |
| 7.1. ሳንቲም ብርን ይፈልዩ<br>• ሳንቲምን ብርን ምፍላይ ምኽኣል | | | |

## 2.5.5 መ ርኣይ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ----------------------------- ጉጅለ--------------

ስም ህፃን---------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር------------------------------ግምገማ ዝተኸያደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን-----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ በፂሑ/በፂሓ--------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/በፂሓ-----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቓ ክትትል በብወርሑ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ።

| ሸቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| 1. ከባቢ ምፍታሽን ምፍላጥን | | | |
| 1.1 ብዛዕባ መንበሪ ገዛኦምን ኣብ ገዛኦም ዝርከቡ ኣቑሑት ምዝራብ ይኽእሉ<br>• ዝተፈላለዩ ናይ ገዛ ዓይነታት/ቅርፅታት/ ብስሞምን ብቅርፁን ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| 1.2 ኣብ ገዛኦምን ከባቢኦምን ዘለዉ ሰባት፣እንስሳትን፣ኣትኽልትታት፣ኣቑሑት፣ ነፍሳትን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ<br>• ኣብ ገዛኦም ሓቢሮምዎም ዝነብሩ ሰባት ስም ምፅዋዕ ምኽኣል | | | |
| 1.3 ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዝርከቡ ሰባት መፃወቲኦምን ካልኦት ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ<br>• ዝመሃርሉ ኣፀደ ህፃናትን መምሃሪ ክፍሎምን ብስምን ብምርኣይን ምፍላይ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ምኽኣል | | | |
| **2.** ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ተደለይቲ ቦታት ምፍላጥን ምድናቕን | | | |
| 2.1 ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ<br>• ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ቦታታት ወሃብቲ ግልጋሎት ስማቶምን ዝህብዎ ግልጋሎት ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| | | | |
| 1.3 ዝዞኦምን ከባቢኦምን ሜላታት/መንገዲታት ምፅራይ ምሕባር ይኽእሉ<br>• ኣቑሑት መሐለዊ ፅሬት ከባቢ ስሞምን ዝህብዎ ግልጋሎትን ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| **4.** ኣብ ከበቢ ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ምውሳድን | | | |
| 4.1 ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራትን ኩነታትን ምፍላይ ይኽእሉ<br>• ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ምፍላዮምን ንባዕሎም ከመይ ምሕላው ከምዘለዎም ምርዳእ ምኽኣል | | | |
| **5.** ኣምር ምንቅስቃስ ምርዳእን ፈተነ ምክያድ | | | |
| 5.1 ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ናይ ነገራት ምንቅስቓስ ምግላፅ ይኽእሉ<br>• ኣቁሑት ብምንኩብላል ባህሪኦም ምግላፅ ምኽኣል | | | |
| **6.** ኣብ ስነ ስእሊን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር ምድናቕን ባዕልኻ ምግላፅ | | | |
| 6.1 ብምውዳድ ዓይንን ኣእዳውን ምንቅስቓስ ዝተፈላለዩ ነገራት ምስራሕ ይለማመዱ<br>• ዝደለይዎ ነገር ምስኣልን ምልካይን ከምእውን ንዝሳኣልዎ ስእሊ ስያመ ምሃብ ምኽኣል | | | |